# መዝገበ ሃይማኖት፥

## ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን

# ኣስተዋጽኦ



ብኃልዮት ሰበኻ ባረንቱ
2008

ትርጉም፥ ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን

# “The Catechism of the Catholic Church COMPENDIUM”

Translate into Tigrigna
by Abba Amanuel Mesgun OFMCap.

© Catholic Church
Eparchy of Barentu’
Eritrea

ኪኅተም ይከኣል እዩ
ኣባ ኪዳነ ገብረመድኅን
ላእከ ሰበኻ ማኅበር ካፑቺኒ ኤርትራ

ይተኅተም
ኣቡነ ቶማስ ዑስማን
ጳጳስ ዘመንበረ ባረንቱ፡

ካቶሊካዊ መንበረ ጵጵስና ባረንቱ ኤርትራ 2008

*ንኡስ ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን*
*ንምርጋኡን ንምኅታሙን ዝተጻሕፈ*

# *መልእኽቲ ር.ሊ. ጳጳሳት በነዲክቶስ መበል 16*

***ክቡራት ኣኅዋት ካርዲናላት፡ ፓትሪያርካታት" ሊቃነ ጳጳሳት፡ ጳጳሳትን፡ ዉሉደ ካህናትን ዲያቆናትን፡ ኵሎም ኣባላት ሕዝበ እግዚኣብሔር፤***

***ካልኣይ ጉባኣኤ ቫቲካን ኣብ ዚዕጸወሉን መበል 20 ዓመት ኣብ ዝበዓለሉን ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሲኖዶስ ኣቡናት ብዛዕባ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ስራሕ ኪጅመር ተሓቲቱ ነይሩ። "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ስራሕ ካብዚ ጀመር ድሮ 20 ዓመት ኮይኑ።***

***እዚ ዝተጠቕሰ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ብ1992 ከኣ በቶም ቅድመይ ዚነበሩ ክቡርን ፍቱዉን ር. ሊ. ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ ዳግማይዊ ተቐሪቡ ስለዝተዘርገሐን፡ ንቤተ ክርስቲያን ስለዝተዋህበን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ዘለዓለማዊ ምስጋናይ ኣቕርብ።***

***እዚ መጽሓፍ እዚ ዓብይ ክብርን ጥቕምን ከምዘለዎ በቲ እወንታውን ሰፊሕን ተቐባልነት ከነረጋግጽ ኻኽእል። ናይ ነፍስወከፍ ሰበኻ ወይ ሃገረስብከት "ሃገራዊ ትምህርተ ክርስቶስ" ንመቀራረብን፡ ኣብ ምምሃር ካቶሊካዊ እምነት ርጉጽን ሓቀኛን መወከሲ ምእንቲ ኪኾኖም፡ እዚ መጽሓፍዚ ብቐዳምነት ንጳጳሳት እዩ ተጻሒፉ። ክሳብ ሕጂ ብኣስታት 50 ቋንቋታት ዓለም ተተርጒሙ ስለዘሎ ከኣ ብዚኃት ኣባላት ሕዝበ እግዚኣብሔር ኪፈልጥዎን ኪንእድዎን ኪኢሎም። ብኣታቶምውን ሰፊሕ ተቐባልነት ረኺቡ ኣሎ።***

***ሎሚ ነዚ "ንኡስ" ወይ "ጥርኑፍ" ዝኾነ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" እዚ ከርግእን ከቕርብን ከሎኹ ዓብይ ታሕጓስ ይስመዓኒ።***

***እዚ "መሕጸሪ" "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ዝኾነ መጽሓፍ ኪወጽእን ኪዝርጋሕን ጸቒጦም ዝተላበዉ ብጥቅምቲ 2002 ኣብ ዓ ለምለኻዊ ጉባኤ ብዛዕባ "ትምህርተ ክርስቶስ" ዝተጋብኡ ኣባላት እዮም። ንሶም ነቲ ኣብ መላእ ካቶሊካዊት ዓለም ናይ ዘለዉ መእመናን ድላይን ሃረርታን እዮም ገሊጾም። እቶም በዓል ሠናይ ዝኽሪ ዝኾኑ፡ ቅድመይ ዝነበሩ ር.ሊ. ጳጳሳት ነቲ ድላይ ተጋባእቲ ተቐበልዎ። ብወርሒ የካቲት 2003 ድማ ነዚ መጽሓፍዚ እተዳሉ ሓደ ናይ ካርዲናላት ንኡስ ኮሚቴ መዘዙ። እዛ ሞያውያን ተሓባበርትን ዝሕቑፈት ኮሚቴዚኣ ብኣይ ትምራሕ ነበረት። ስራሕና ምስ ወዳእና ከኣ ምኽሮም ንኪልግሱልና ናብ ኵሎም እቶም ክቡራት ካርዲናላትን መራሕቲ ጉባኤ ጳጳሳትን ሰደድናያ። ንሶምውን ኣጽኒዖም ዳርጋ ኵሎም ብሓጐስ ተቐቢሎም ኣርግእዎ።***

***እዚ "ንኡስ ወይ ጥርኑፍ ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ኢልና እንጽውዖ መጽሓፍዚ፡ ናይቲ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ተባሂሉ ዚጽዋዕ መጽሓፍ ሓቀኛን እሙንን መሕጸሪ እዩ። እዚ መጽሓፍዚ ናይ ካቶሊካዊ እምነት መሠረታውን ቀንድን ዝኾነ ትምህርተ ሃይማኖት ዝሓዘ እዩ። ናይቶም ቅድመይ ዝነበሩ ር.ሊ. ጳጳሳት ሃረርታ ከምዝነበረ፡ ንኣመንቲ ኮነ ንዘይኣመንቲ ሰባት ናይ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን***

ምሉእ እምነት ብቀሊሉን ብቁልጡፍ ቆላሕታ ኪዕዘቡሉ ዝኽእሉ ኣብ ጆባኦም ዚማልእዎ “ንኡስ መጽሓፍ” እዩ።

እዚ መጽሓፍዚ ብትሕዝቶ፡ ቕርጽን ኣገላልጻን ን“ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን” እምብዛ ዚመስልን ዘንጸባርቕን እዩ። በዚ መጽሓፍዚ “ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን” ብሓጺሩ ስለዚግለጽ ከኣ ንምርድኡን ንምጽናዑን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

ስለዚ እዚ “ንኡስ” “ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን” ንመላእ ቤተ ክርስቲያንን ንነፍስወከፍ ክርስቲያንን ብእምነት ኣቕርቦ ኣሎኹ። ኣብዚ ዘሎናዮ ሣልሳይ ሽሕ ዓመተ ምሕረት፡ ኵሉ ማኅበረ ክርስቲያንን፡ ዕ ድመን ዓሌትን ብዘየገድስ ነፍስወከፍ ክርስቲያንን ኣብ ዝተሓደሰ ስብከተ ወንጌልን ኣብ ምምሃር ሃይማኖትን ሓድሽ ናህሪ ኬርኢ ኣለዎ። ነዚ ሓጋዚ ዚኸውን እዚ መጽሓፍዚ እዩ።

እዚ መጽሓፍዚ ሓጺር እኳ እንተኾነ፡ ምሉእን ንትምህርተ ክርስቶስ ኣጸቢቑ ዚገልጽን እዩ። እዚ መጽሓፍዚ፡ ኣብዚ ብዝኅ መልእኽትታትን ዘይጠቕሙ መዘናግዕታትን ዚመልአ ዓለምና፡ ንናይ ክርስቶስ ቤተ ክርስቲያን ካብ ኣምላኽ ሕድሪ ዝተዋህባ መንገዲ ሓቅን ሕይወትን ኪፈልጥ ንዚደሊ ወልቀሰብ ዝተዋህበ እዩ።

ኣምላኽ ነቲ “መንገድን ሓቅን ሕይወትን” (ዮሓ. 14,6) ዝኾነ ሓደ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ንወድስብ ከም ህያብ ኣወፈዮ። ነፍስወከፍና ናይዚ ህያብ ዘይውዳእ ጽባቐን፡ ፍሉይነትን ኣድላይነትን ተረዲእና፡ ብኣማልድነት እታ ኣደ ክርስቶስን ኣደ ቤተ ክርስቲያንን ዝኾኑ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ከኣ ነዚ ዓብይ ናይ መወከሲ መጋበሪ ዝኾነ “ሓጺር” ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ብዝበለጸ መንገዲ ከም ንፈልጦን ንቕበሎን ይግበረና።

ኣብ ዋዜማ ዓውደ ዓመት ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስ ጳውሎስ፡ ብዕለት 28 ሰነ 2005 ዓ.ም.ፈ.፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ጵጵስናና ተጻሕፈ።

ብነዲክቶስ መበል 16

# መእተዊ

1- ብዕለት 11 ጥቅምቲ 2002 ር.ሊ. ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ ዳግማዊ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን " ንኵሎም መእመናን ዓለም ኣቕረቡ። በቲ ሕያውን ምንጪ እምነት ዝተሓደሰ ምምሃር ትምህርተ ክርስቶ ኪህሉ እዚ "መወከሲ ሰነድ" ከምዝኾነ ሓበሩ። ብ1985 ናይ መላእ ዓለም ኣቡናት ኣብ ዝተጋብእሉ ጊዜ፡ ንሞራላዊ ፍርዲ ኮነ ንእምነትና ዚጠቅም፡ ንኵሉ ትምህርተ ሃይማኖት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዚጥርንፍ ሓደ "ትምህርተ ክርስቶስ" ንኪጸሓፍ ተላበዉ። እዚ ሃረርታ እዚ ኣብ መበል 20 ዓመት ምኽፋት ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን (1962-65) ተጻሒፉ ናብ መእመናን ክርስቶስ ቐረበ። ሓሙሽተ ዓመት ድሕሪ እዚ ፍጻሜዚ፡ ማለት ብ15 ነሓሰ 1997 ር.ሊ. ጳጳሳት ቋንቋ ላቲን ዝተጻሕፈ ቀንዲ መጽሓፍ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ኬቕርቡ ከለዉ፡ መሠረታዊ ዕላማ እዚ ሰነድዚ ከምዚ ዚስዕብ እናበሉ ገለጹ፡ "ናይ መላእ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ሃይማኖት ምሉእን ፍጹምን መግለጺ እዩ። ቤተ ክርስቲያን እትምስክሮን፡ እትሠርዖን፡ እትነብሮን፡ ኣብ ዕለታዊ ሕይወታ ድማ እትጽልዮን እንታይ ከምዝኾነ ንኹሉ ሰብ ዜፍልጥ መጽሓፍ እዩ"።

2- "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ዚያዳ ኪኽብርን፡ ነቲ ብ2002 ኣብ ዓለምለካዊ ኣኼባ መማህራን ትምህርተ ክርስቶስ ዚተገልጸ ድላይ ብዙኃት ንምምላእን፡ ር.ሊ. ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ ዳግማዊ ብ2003 ሓንቲ ኮሚቴ ኣቆሙ። ዕማም ናይዛ ብካርዲናል ዮሴፍ ራሲንገር (ናይ ቤት ጽሕፈት ዓንቀጸ ሃይማኖት ሓላፊ) እትምራሕ ኮሚቴ እዚኣ ንምሉእ ትሕዝቶ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ምሕጻርን ምጥርናፍን እዩ ነይሩ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ሓደ ፕሮጀክት "ምሕጻርን ምጥርናፍን" ተዳልዩ፡ ምኽሮም ንኪህቡ ናብ ኵሎም ካዲናላትን ሓለፍቲ ጉባኤታት ጳጳሳትን ተላኢኹ ነበረ። እዚ ፕሮጀክት ዳርጋ ካብ ኵሎም ካርዲናላትን ጳጳሳትን እወንታዊ መልስን ተቀባልነትን ረኸበ። እታ ዝተጥቕሰት ኮሚቴ ነቲ ዚመጸ ሓሳባትን መአረምታን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናይ መወዳእታ ኅትመት ቀረበት።

3- ትሕዝቶ ናይዚ ሓጺር "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ብሠለስተ ቀንዲ መለለይ መልክዕ ይፍለጥ፥ 1) ምሉእ ትሕዝቶ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ኣልዎ። 2) ብሕቶን መልስን ይቐርብ። 3) ምስቲ ኣርእስቲ ዚሰማማዕ ስእልታት ዝሓዘ እዩ።

ቅድሚ ኹሉ፡ እዚ መጽሓፍዚ ብባዕሉ ኪቐውም ኣይክእልን፡ ነቲ ዓብይ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" ኪትክእ እውን ኣይኽእልን፥ ከመይ ነቲ ቁጽርታት እናኣመልከተ ናብ ትሕዝቶ እቲ ዓብይ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን" እዩ ዚመልሰና። ስለዚ ብኹሉሙሉ ማለት ብቕርጽን ኣገላልጻን ኣከታትላ ኣርእስትን ምስቲ ዓብይ "ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊ ቤተ ክርስቲያን " እዩ ዚመሳሰል። ድሓር ከኣ፡ ትምህርተ ክርስቶስ በቲ ጥበብ ዚመልኦ ኣገላልጻኡን መንፈሳዊ ዝኾነ ብቕዓቱን ኵሉ

ጊዜ ናይ ዘመንና መሠረታዊ ሰነድ መምሃርን መስትምሃርን ቤተ ክርስቲያን ዘመንና ስለዝኾነ፣ እዚ ንኡስ መጽሓፍዚ ተገዳስነትን ሃረርታን ትምህርተ ክርስቶስ ንምልዕዓል ዚዓለመ እዩ። ዓብይ “ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ” ኣብ ኣርባዕተ ከዚምቐል፣ ከምኡውን መሠረታዊ ሕጊ ሕይወት ኣብ ክርስቶስ ኣርባዕተ ደረጃታት ከምዘጠቓልል፣ እዚ ንኡስን ሓጺርን “ትምህርተ ክርስቶስ” እውን ኣብ ኣርባዕተ ዝተኸፍለ ኮይኑ ይርከብ።
ቀዳማይ ክፋል፣ “ምስክርነት እምነት” ዝብል ኣርእስቲ ኣለዎ። ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ናይ እትኣምኖ ሃይማኖት ብሓጺሩ የቕርብ፥ “ሥርዓተ እምነት” ተባሂሉውን ይጽዋዕ። ኣብ “ጸሎት ሃይማኖት” ተጠሪፉ ዚርከብ እምነትና ካብ “ድርሰት ሓዋርያት” ዝተወስደ ኮይኑ፣ ኣብ ጉባኤ ኒቕያን ቁስጥንጥንያ ዝተወሰነ እዩ። እዚ እምነት እዚ ብተደጋጋሚ ኣብ ጉባኤ ሕዝበ ክርስቲያን ብቀጻሊ ይድገም፣ ከምዚ ቢሉ ከኣ እቲ መሠረታዊ ዝኾነ ሓቕታት ኣምነት ካቶሊኽ ኣብ ኣእምሮ መእመናን ይቕረጽ።
ካልኣይ ክፋል፣ “ቅዳሴ ምሥጢረ ክርስትና” ዘርእስቱ ኮይኑ፣ እቲ ቀንዲ “ሥርዓተ ኣበዓዕላ” የቕርብ። ብሥራተ ወንጌል ብቁዕ መልሲ ዚረኽበሉ ኣብ ኣፈጻጽማ ምሥጢራት እዩ። ክርስቶስ ተግባር ድኅነትና ዚተፈጸመ ኣብ ወይ ብምሥጢረ ፋሲካ እዩ። ኣብ ምቕባል ምሥጢራት መእመናንውን ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ሕይወቶም ተግባረ ድኅነት ምሥጢረ ፋሲካ ይምከሩን ይምስክሩን።
ሣልሳይ ክፋል፣ “ኣብ ክርስቶስ ምንባር” ዘርእስቱ ኮይኑ፣ ብዛዕባ “ሥርዓተ ሕይወትና” የዘኻኽረና። ዚተጠመቑ ዘበሉ ኣብ ዕለታዊ ሕይወቶምን ጠባዮምን ሞራላዊ ምርጫኦምን፣ ነታ ዚምስክርዋን ዘብዕልዋን እምነቶም እሙናት ኪኾኑ ኣለዎም። መእመናን ኣብቲ ፍቕሪ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ተሠሪቶም፣ ንደቂ ኣምላኽ ዚበቕዕ ተግባራት ንኪፍጽሙ፣ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጽዉዓት እዮም።
ራብዓይ ክፋል “ክርስትያናዊ ጸሎት” ዝብል ኣርእስቲ ኣለዎ። ኣብዚ “ሥርዓ ተ ጸሎት” ወይ ናይ ሕይወት ጸሎትና ከመይ ኪኸውን ከምዘለዎ ብሕጽር ዚበለ ኣገባብ ይግለጽ። ናይ ጸሎት ፍጹም ኣብነት ዚኾነና ባዕሉ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ክርስቲያን ዘበለ ኣብነት ክርስቶስ ብምኽታል ንሱውን ምስ ሰማያዊ ኣቦ ብጸሎት ኪዛተን ኪዛረብን ጽዉዕ እዩ። ዝበለጸ ጸሎት፣ እታ ባዕ ሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዚመሃረና ጸሎት “ኣቡነ ዘበሰማያት” እያ።

4- ካልኣይ ፍሉይ መልክዕ እዚ ንኡስ ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊክዊት ቤተ ክርስቲያን ናይ ሕቶን መልስን ኣቀራርባ ዝሓዘ እዩ። እዚ ብሕቶን መልስን ዚቐርብ ትምህርተ ክርስቶስ ናይ ቀደም ኣገባብ ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስቶስ እዩ። እዚ ዓይነት ኣገላልጻ ትምህርተ ሃይማኖት ኣብ መንጐ መምህርን ተመሃራይን ዘሎ ዝርርብ ይገልጽ። በቲ ዘየቋርጽ ናይ ሕቶን መልስን ኣገባብ ድማ ኣንባቢ ኵሉ ጊዜ ሓድሽ ዝኾነ ተከታታሊ ሓቅታት ሃይማኖቱ ንኪፈልጥን ኪርዳእን ይሕግዞ። ናይ ሕቶን መልስን ኣገባብ፣ ነቲ ዓብይ ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ቀንድን ኣገዳስን ትሕዝቶ እናገለጸ፣ ኣዝዩ ከምዚሓጽር ይገብሮ። እዚ ዓይነት ኣቀራርባ ትምህርተ ክርስቶስ ብቀሊሉ ከምዝርዳእን ከምዚዝከርውን ይገብር።

5- ሓልሳይ ፍሉይ መልክዕ እዚ ንኡስ ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ብስእልታት ዝተሸለመን ዚሃብተመን ምዃኑ እዩ። እዚ ከከም ኣርእስቲ ተሰሪዑ ዘሎ ስእልታት ምንጩ እቲ ሃብታም ዝኾነ ስእላዊ ውርሻ ክርስትና እዩ። እቲ ናይ ብዙሓ ዘመናት ዕድመ ዘለዎ ጉባኤታት ቤተ ክርስቲያን ከምዘረጋግጸልና፡ ብስእሊውን ክንሰብኽ ወንጌል ከነበሥር ንኽእል። በብዘመኑ ዚተፈጥሩ ሞያውያን ሰኣልቲ፡ ነቲ ቀቀንዲ ፍጻሜታት ምሥጢረ ድኅነትና ብድሙቕ ቀለማት እናሸለሙ፡ ግሩምን ፍጹምን ብዝኾነ ጽባቐ እናሰኣሉ፡ ንመእመናን ከምዚምሰጡን ከምዚድነቑን ገበሩ። ሎሚውን እንተኾነ ስእልን ኣሰኣእላን እናማዕበለ ይከይድ ስለዘሎ፡ ስእሊ ካብ ጽሑፍ ወይ ቃል ዚያዳ መልእኽቲ ኬመሓላልፍ ይኽእል። ኣብ መስርሕ ምትሕልላፍን ምግላጽን ወንጌላዊ መልእኽቲ፡ መንፈሳዊ ስእሊ ኣድማዒ ከምዝኾነ እዚ ኵነታት እዚ የረጋግጸልና።

6- ኣብ መበል 40 ዓመት ምዝዛም ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን፡ ከማኡውን ኣብዚ ዓመተ ቅዱስ ቍርባን፡ እዚ "ሓጺር ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን " ናይ ዝተፈላለዩ መእመናን ጽምኢ ፍልጠት ሓቂ ዜርዊ ተወሳኺ ሰነድ ኪኸውን ንምነ። ነቶም ኣመንቲ ዘይኮኑ ግን ከኣ ንሓቅን ርትዕን ዚጸምእዋን ዚጠምዩዋን ሰባትውን እዚ ጽሑፍዚ ሓጋዚ እዩ። እዚ መጽሓፍሲ ኣብ ዓውደ ዓመት እቶም ኣዕኑድ ቤተ ክርስቲያን ፡ ኣብነታውያን ሰበኽቲ ጥንታዊ ዓለም ዝኾኑ ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስ ጳውሎስ ናብ ሕዝቢ ኪዝርጋሕ እዩ። እዞም ክልተ ሓዋርያት ነቲ በኣዕይንቶም ዝረኣይዎ ሰበኹ፥ ነቲ ናይ ክርስቶስ ሓቂ ድማ ብሰማዕትነት መስከርዎ። ኣብ ሓዋርያዊ ስራሕ ንዝነበሮም ናህሪ ንከተል። ቤተ ክርስቲያን ነቲ ቀዳማይ ሕጉስ ዝኾነ ብሥራት ወንጌል (ሃይማኖት) ካብዚኣቶም እያ ተቐቢላ። ስለዚ ቤተ ክርስቲያን ኵሉ ጊዜ ኣብ ትምህርቲ ሓዋርያት ጸኒዓ ንክትነብር ንጸሊ።

ሰንበት ዘሆሳዕና
20 መጋቢት 2005

ዮሴፍ ካርዲናል ራሲንገር
ሓላፊ ፍሉይ ኮሚቴ

# ቀዳማይ ክፋል

# ጸሎተ ሃይማኖት

# ቀዳማይ ወገን

## እኣምን፤ ንኣምን



**ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዘለዎ መደብ ከመይ ዝበለ እዩ?**

**ኣምላኽ ዝጐድሎ ዘይብሉ ንበይኑ ፍጹምን ኣዝዩ ምሉእን እንከሎ፡ ንወዲሰብ ኣብቲ ገዛእ ታሕጓሱ ኬሳትፎ ስለዝደለየ፡ ፍጹም ሠናይ ብዝኾነ መደብ፡ ብናይ ባዕሉ ድላይን ተበግሶን ንሰብ ፈጠረ። ጊዜኡ ምስ ኣኸለ እግዚኣብሔር ኣቦ ንወዱ ልኢኹ፡ ንወዮ ኣብ ኃጢኣት ዝወደቐ ሰብ ተበጀዎን ኣድኃኖን። ናብ ቤተ ክርስትያኑ ጸዊዑ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ከም ዉሉዱ ተቐበሎ፡ ናይ ዘለዓለማዊ ብፅዕና (ታሕጓስ) ከኣ ወራሲ ገበሮ (1-25)**

# ቀዳማይ ምዕራፍ

## ሰብ ንኣምላኽ ኪርዳእን ምስ ኣምላኽ ኪዋሳእን ይኽእል እዩ

*"ኦጐይታና! ንሸካ ዓብይ ኢኻ፡ ምስጋናውን ይግበኣካ ...*
*ንኣኻ ስለዝፈጠርካና፡ ንሕና ኣባካ ክሳብ ነዕርፍ፡*
*ልብና ዕረፍቲ የብሉን"*
*(ቅዱስ ኣጐስጢኖስ)*

**1- ስለምታይ እዩ ሃረርታ ኣምላኽ ኣብ ልቢ ወዲሰብ ዘሎ?**
**ኣምላኽ ንሰብ ብኣምሳሉ ኪፈጥሮ ከሎ፡ ኣብ ኀሊናኡ ናይ ምርኣይ ድላይን ሃረርታን ኣሕደረሉ። ብዙኅ ጊዜ ነዚ ሃረርታን ድላይን ክንዝንግዖ ንኽእል። እንተኾነ ሰብ ንምልኣት ሓቅን ሓጐስን ወትሩ ስለዘናዲ፡ ነዚ ነገራትዚ ኣብ ኣምላኽ ኪረኽቦን ምእንቲ ኪነብሮን፡ ባዕሉ ኣምላኽ ንሰብ ናብኡ ምስሓቡ ኣየቋርጽን። ስለዚ ሰብ ብባህርይን ብጸዋዕታን፡ ምስ ኣምላኽ ኪራኸብ ዚኽእል መንፈሳዊ ፍጥረት እዩ። እዚ ዓሚቕን ሕይወት ዘለዎ ርክብ ምስ ኣምላኽ፡ ንወዲሰብ መገበሲ ናይ መሠረታዊ ክብሩ እዩ። (27-30፡ 44-45)**

**2- ሰብ ንኣምላኽ ከመይ ቢሉ ብኣእምሮኡ ኪፈልጦ ይኽእል?**
**ሰብ ንተፈጥሮ ዓለምን ፍጥረት ሰብን ብምዕዛብ ህላዌ ኣምላኽ ኬረጋግጽ ይኽእል እዩ። በዚ መንገዲ ናብቲ ምንጪን ናይ መወዳእታ ዕላማን ዓ ለም፡ ፍጹም ሠናይን ሓቅን ዘለዓለማዊ ግርማን ዘለዎ ኣምላኽ ብኣእምሮ ሰብ ኪብጻሕ ይከኣል እዩ። (31-36፡ 46-47)**

**3- ኣእምሮ ሰብ በይኑ ንምሥጢረ ኣምላኽ ኪርዳእዶ ይኽእል እዩ?**
**ሰብ ብኀሊናኡን ኣእምሮኡን ጥራይ ንኣምላኽ ኪፈልጦ ቢሉ ኣብ ዝጽዕ ረሉ ጊዜ ብዙኅ መሰናኽል ይረክብ። ኣእምሮ ወዲሰብ በይኑ ናብቲ ዓ ሚቕ ዝኾነ መለኮታዊ ምሥጢር ኪኣቱ ኣይኽእልን። ስለዚ ኣምላኽ ብገልጸቱ ነእምሮ ሰብ ኬብርህ ደለየ። እግዚኣብሔር ብግልጸት ነቲ ኣእምሮ ሰብ ኪበጽሖ ግን ከኣ ብምልኣት ኪርዳኦ ዘይክእል መንፈሳውን ሞራላውን ሓቂ ብሩህ ከምዝኾውን ገበሮ። ሳላ ግልጸት ኣምላኽ እምበኣርከስ ኵሉ ሰብ ነታ ሓቂ ብርእሳን ንመንፈሳውን ንሞራላውን ሓቅታት ብዘይጸገምን ብርግጽነትን ጌጋ ብዘይብሉ ኣገባብን ኪፈልጠን ይኽእል። (37-38)**

**4- ብዛዕባ ኣምላኽ ከመይ ኢልና ኢና ክንዛረብ ንኽእል?**

ሰብን ኲሉ ዓይነት ፍጥረትን ናይቲ ዘለዓለማዊ ፍጽምና ኣምላኽ ዉሱን ነጸብራቕን ስለዝኾነ፣ ካብዚ ዝረአ ነገራት ተበጊስና ንኲሉን ምስኲሉን ብዛዕባ ኣምላኽ ክንዛረብ ንኽእል። ብሰብኣዊ ልሳንና ነቲ ፍጹም ዘለዓለማዊ ምሥጢር ኣምላኽ ብዚግባእ ክንገልጾ ስለዘይንክእል ግን ንቋንቋና ካብቲ ዘይፍጹምን ሓሳባውን ዝኾነ ጌጋታት ከነጽሪ ይግበኣና። (39-43፡ 48-49)

# ካልኣይ ምዕራፍ

## ኣምላኽ ኣብ ምሕጋዝ ሰብኣዊ ፍጡር እንኪብገስ

### *መለኮታዊ ግልጸት*

**5- ኣምላኽ ንወዲሰብ ዚገልጸሉ እንታይ እዩ?**
ኣምላኽ ብለዋኀነቱን ብጥበቡን ገዛኣ ርእሱ ንሰብ ይገልጽ። ካብ ጥንቲ ብክርስቶስ ንረብሓ ወዲሰብ ኪፍጸም ዚነበሮ ናይ ርኅራኄ መደብ ብፍጻሜታትን ብቃልን ገለጸ። ሳላ እዚ ናይ ርኅራኄ መለኮታዊ መደብዚ ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኲሎም ኣሕዛብ ዓለም ኣብ ሕይወት ቅድስቲ ሥላሴ ይሳተፉ፣ በዚ ኣገባብ እዚ ድማ ኣብቲ ሓደ ወዲ ኣምላኽ ኲሎም ብጸጋ ደቂ ኣምላኽ ይኾኑ። (50-53፡ 68-69)

**6- ቀዳሞት ደረጃታት ግልጸት ኣየኖት እዮም?**
ኣምላኽ ብመጀመርያ ንወለድና ኣዳምን ሔዋንን ምስኡ ሓደ ጥቡቕ ዝኾነ ሓድነት ኪምሥርቱ ይዕድሞም። ንሳቶም ምስኃጥኡ ገልጸቱ ኣየቋርጽን፣ እንታይድኣ ንኲሎም ወረስቶም ድኅነት የተስፉ። ድሕሪ ማይ ኣይኂውን ምስ ኖኅ ኣብ መንጐኡን መንጐ ኲሉ ፍጥረት ዓለምን ሓደ ኪዳን የቕውም። (54-53፡ 70-71)

**7- ቀጺሎም ዚስዕቡ ደረጃታት ግልጸት ኣየኖት እዮም?**
ኣምላኽ ንኣብርሃም "ኣቦ ብዙኃት ኣሕዛብ" (ዘፍጥ. 17,5) ኪገብሮ ስለዝደለየ፣ ካብ ሃገሩ ኪወጽእ ይዕድሞ። ብኣኡ "ኲሎም ኣሕዛብ ዓለም" (ዘፍጥ. 12,3) ከምዚባርኽ የረጋግጸሉ። ንኣበው ዝተዋህበ ተስፋታት ዓ ቀብቱ ደቂ ኣብርሃም እዮም። ኣምላኽ ንሕዝበ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጻውያን ናጻ ብምውጻእ ናቱ ሕሩይ ሕዝቢ ይገብሮ። ምስኦም ኣብ ጐቦ ሲና ሓደ ኪዳን ድሕሪ ምቋሙ፣ ብሙሴ ገቢሩ ሕግታቱ ኣፍለጦም። ነብያት መጺኦም ንሕዝበ እስራኤል ሠርነቀል ዝኾነ ድኅነት ይሰብኩ፥ ብሓድሽን ዘለዓለማውን ኪዳን ዚፍጸም፣ ኲሉ ሕዝቢ ዓለም ዘጠቓልል ጽድቂ የበሥሩ። ካብ ሕዝበ እስራኤል፤ ካብ ዓሌት ንጉሥ ዳዊት መሲሕ ዝኾነ ኢየሱስ ከምዚውለድ ይነግሩ። (59-64፡ 72)

**8- ግልጸት መኣስ ወይ ኣበየናይ ምዕራፍ እዩ ፍጻሜ ዚረክብ?**
እቲ ኣታዓራቕን ፍጻሜ ግልጸትን ዝኾነ ዝተሠገወ ቃል ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ መጸ ግልጸት ተዛዘመ። ክርስቶስ እቲ ሥጋ ዚለበሰ ሓደ ወዱ ንኣምላኽ ብምዃኑ፣ ናይ ኣቦ ፍጹምን ዘልዓለማዊ ቃል እዩ። ብምጽኣት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ብርደት (ዉህበት) መንፈስ ቅዱስ ግልጸት ፍጻሜን ምልኣትን ረኸበ። ቤተ ክርስቲያን ድማ ኣብ ዘመናት በብቁሩብ ናብቲ ምልኣት ሓቂ ትስጉም ኣላ። (65-66፡ 73)

"ኣምላኽ ነቲ እንኮን ዘለዓለማዊ ቃሉ ዝኾነ ወዱ ካብ ሃበና፡
ብሓደ ጊዜን ንሓዋሩን ኵሉ ገለጸልና።
በቲ ቃሉ ዝኾነ ክርስቶስ እንተዘይኮይኑ ካልእ ዚበሃል የብሉን"
(ቅዱስ ዮሓንስ ዘመስቀል)

**9- ግላዊ ግልጸት እንታይ ክብደት ኣለዎ?**

እዚ ምስቲ ኣወረስናዮ እምነትና ዘራኽብ የብሉን። ግን እንከ ምስ መልእኽቲ ክርስቶስ ዚሰማማዕ እንተኾይኑ፡ እምነትና ብዚግባእ ንክንነብሮ ኪሕግዘና ይኽእል። መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ንኹሉ ግላዊ ግልጸት ይመምዮ እዩ። ነቲ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበና ዉሱኑን ፍሉጥን ግልጸት ኪእርም ንዝደሊ ግላዊ ግልጸት እውን ኪቕበል ኣይኽእልን።

## *ምትሕልላፍ መለኮታዊ ግልጸት*

**10-ስለምታይን ብየናይ ኣገባብን እዩ መለኮታዊ ግልጸት ዚመሓላለፍ?**

ኣምላኽ "ኵሉ ሰብ ኪድኅንን ናብ ፍልጠት ሓቂ ኺመጽእን እዩ ዚፈቱ" (1ጢሞ. 2,4)። እዚ ሓቂዚ ክርስቶስ ስለዝኾነ፡ ባዕሉውን "ኪዱ ንኹሎም ኣሕዛብ መሃሩ" (ማቴ. 28,19) ቢሉ ስለዝኣዘዘ፡ ክርቶስ ንኹሉ ሕዝቢ ዓ ለም ኪስበኽ ኣድላዪ እዩ። እዚ ተግባርዚ ብሓዋርያዊ ትውፊት ይፍጸም። (74)

**11-"ሓዋርያዊ ትውፊት" እንታይ እዩ?**

ሓዋርያዊ ትውፊት ዚበሃል እቲ ካብ መበቆል ክርስትና ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ብስብከትን፡ ምስክርነትን፡ ትካላትን፡ ጸሎታትን ጽሑፋትን ቤተ ክርስቲያን ዝተመሓላለፈ መልእኽቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ሓዋርያት እቲ ካብ ክርስቶስ ዝተቐበልዎ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተረድኦም ሃይማኖታዊ ሓቅታት ንወረስቶም ዚኾኑ ኣቡናት ኣመሓላለፉሎም። ንሰምውን ብጊደኦም ንተኸተልቶም ስለዘመሓላለፍዎ፡ ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ እናተመሓላለፈ ክሳብናባና በጽሐ። (75-79፡ 83፡96፡98)

**13-"ሓዋርያዊ ትውፊት" ብኸመይ ይመሓላለፍ?**

ሓዋርያዊ ትውፊት ብክልተ መንገዲ ይፍጸም፥ ብቃልን ብጽሑፍን። ንቃል ኣምላኽ ብቃል ምትሕልላፍ፡ ባህሊ ቤተ ክርስቲያን ወይ ትውፊት ተባሂሉውን ይጽዋዕ። ንቃል ኣምላኽ ብጽሑፍ ምትሕልላፍ፡ ቅዱስ መጽሓፍ ይበሃል። (76)

**14-ኣብ መንጐ ትውፊትን መጽሓፍ ቅዱስን እንታይ ርክብ ኣሎ?**

ተውፊት ቤተ ክርስቲያንን መጽሓፍ ቅዱስን ንሓድሕዱ ዚራኸብን ዚመሳሰልን እዩ። ክልቲኡ ንምሥጢረ ክርስቶስ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ህልዉን ፍርያማን ይገብሮ። ክልቲኡ ድማ ካብ ሓደ መለኮታዊ ምንጪ ይመጽእ። ክልቲኡ ሓደ መንፈሳዊ ውርሻ እምነት የቕዉም። ቤተ ክርስቲያን ድማ ካብዚ መንፈሳዊ ውርሻ ብዛዕባ ዝተገልጸ ዓንቀጸ ሃይማኖት ሓቂ ከምዝኾነ ተረጋግጽ።(80-82፡ 97)

**15- መዝገበ እምነት (መንፈሳዊ ውርሻ) ንመን እዩ ሕድሪ ተዋሂብዎ?**

መንፈሳዊ ውርሻ ንሓዋርያትን ንቤተ ክርስቲያንን እዩ ሕድሪ ዝተዋህቦም። ኵሉ ሕዝበ እግዚኣብሔር መልዕልተ ባህርያዊ ዝኾነ ስምዒት እምነት

ስለዘለዎ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ተደጊፉ፣ ብመሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ተመሪሑ፣ ንመለኮታዊ ግልጸት ይቕበል። ናብ ምልኣት ሓቂ እናሰጐመ ድማ ኪነብሮ ይፍትን። (84። 91፣ 94፣ 99)

**16- ንመዝገበ እምነት (መንፈሳዊ ውርሻ) ቤተ ክርስቲያን ብዚግባእ ኪትርጉም ዚኽእል መን እዩ?**

ሓቀይና ተርጉም መዝገበ እምነት ቤተ ክርስቲያን ኪህብ ዝኽእል እቲ ዘሎ መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ጥራይ እዩ። መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ማለት ድማ እቶም ተኽታሊ ቅዱስ ጴጥሮስ ዝኾኑ ጳጳስ ሮማን፣ እቶም ምስኦም ሓድነት ዘለዎም ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ኣቡናትን እዮም። ኣብ ኣገልግሎት ቃል ኣምላኽ ተጸሚዱ ዚርከብ መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ፣ ርጉጽ ዝኾነ ጸጋ ናይ ሓቂ ስለዝውንን፣ ንዓናቕጽ ሃይማኖት ይትርጉም። ዓንቀጸ ሃይማኖት ድማ ኣብ መለኮታዊ ግልጸት (መጽሓፍ ቅዱስ) ንዘሎ ሓቕታት እምነት ዚፈትሕ መግለጺታት እዩ። ስልጣን ምትርጓም እዚ ኣካልዚ፣ ምስ መለኮታዊ ግልጸት ንዝተተሓሓዘ ሓቅታትውን የጠቓልል። (85-90፣ 100)

**17- ኣብ መንጐ መጽሓፍ ቅዱስን ባህልን መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያንን እንታይ ርክብ ኣሎ?**

ሠለስቲኡ ኣዝዩ ዝተወሃሃደ ብምዃኑ፣ ሓዳ ንበይኑ ኪቀውም ኣይኽእልን እዩ። ሠለስቲኡ ብሓንሳዕ ግን ከኣ ከከም ኣገባቦም፣ ብተግባር መንፈስ ቅዱስ ብኣድማዕነት ንቅድስና ሰብ ይጠቕሙ። (95)

## መጽሓፍ ቅዱስ

**18- ከመይ ቢሉ ኣዩ መጽሓፍ ቅዱስ ሓቂ ዜስተምህር?**

ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ደራሲ ባዕሉ ኣምላኽ እዩ። እዚ ብኣስተንፍሶ መንፈስ ቅዱስ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ቅዱስ ንሓቂ የመሓላልፍ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዘይ ጌጋ ነቲ ንቅድስናና ዚጠቕም ሓቅታት ይነግረና፣ የስተምህረናን የስተንፍሰልናን። መንፈስ ቅዱስ ነቶም ሰባኣውያን ደረስቲ መጽሓፍ ቅዱስ ስለዘስተንፈሰሎም፣ ንሶም ነቲ ንሱ ኪምህረና ዝደለዮ ሓቅታት ጥራይ እዮም ጺሒፎም። እምነት ክርስትና "ናይ መጽሓፍ እምነት" ኣይኮነን። እንታይድኣ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዚምሠረት እምነት እዩ። ቃል ኣምላኽ ድማ "ኣብ ጽሑፍ ዚሰፈረ ዘይዛረብ ቃል ኣይኮነን፣ እንታይድኣ እቲ ዚተሠገወ ህልዊ ዝኾነ ቃል እዩ" (ቅዱስ በርናርዶስ በዓል ኪራቫለ)። (105-108፣ 135-136)

**19- ንመጽሓፍ ቅዱስ ከመይ ገርና ነንብቦ?**

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንቢብና ትርጉሙ ንኽርደኣና ሓገዝ መንፈስ ቅዱስን መሪሕነት መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያንን የድልየና። መጽሓፍ ቅዱስ ከነንብብ ከሎና ሰለስተ ነገራት ኣብ ግምት ከነእቲ ይግበኣና። 1- ንናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሓድነትን ትሕዝቶን ጥንቃቐ ምግባር። 2- ንባብን ትርጉምን መጽሓፍ ቅዱስ ምስቲ ሕያው ዝኾነ ትውፊት ወይ ባህሊ ቤተ ክርስቲያን ኪሰማማዕ ከምዘለዎ ምርዳእ። 3- ምምስሳል እምነት ምኽባር፣ ማለት ሓቅታት እምነት ንሓድሕዱ ከምዚራኸብን ዚመሳሰልን ምፍላጥ። (109-119፣ 137)

**20- "ቀኖና" ዝበሃል ነባሪ ዝርዝር መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ እዩ?**

ሓዋርያዊ ትውፊት ዘጻረዮ፣ ንቤተ ክርስቲያን ውን ዝተመሓላለፈ ምሉእ ዝርዝር መጻሕፍቲ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን እዩ። ብሉይ ኪዳን 46 መጻሕፍቲ የጠቓልል፤ ከማኡውን ሓድሽ ኪዳን ብ27 መጻሕፍቲ ዚቆመ እዩ። (120፣ 138)

21- ብሉይ ኪዳን ንክርስቲያን እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ?
ክርስቲያን ዘበሉ ንብሉይ ኪዳን ከም ሓቀኛ ቃል ኣምላኽ ይቕበልዎ እዮም። ኵሉ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን መለኮታዊ ኣስተንፍሶ ስለዘለዎም ነባሪ ክብሪ ኣለዎም። ኣምላኽ ኬድኅን ከሎ ብፍቕሪ ከምዚህምረና መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ይምስክሩ። ንቀዳማይ መጽኣት መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ንምቕርራብ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲውን እዮም። (121-123)

22- ሓድሽ ኪዳን ንክርስቲያን እንታይ ጥቅሚ ኣለዎ?
ናይ ሓድሽ ኪዳን ቀንዲ ኣርእስቲ ባዕሉ ክርስቶስ እዩ። ሓድሽ ኪዳን ናይቲ መለኮታዊ ግልጸት ዘለዓለማዊ ሓቂ ይገልጸልና። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዚርከቡ ወንጌል ማቴዎስን ማርቆስን ሉቃስን ዮሓንስን፣ ቀንድን ምስክርነት ብዛዕባ ትምህርትን ሕይወትን ክርስቶስ ስለዝኾኑ ኣንጉዕ ኵሉ መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ እዮም። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ድማ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ቦታ ይሕዙ። (124-127፣ 139)

23- ኣብ መንጐ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ርክብ ኣሎዶ?
መጽሓፍ ቅዱስ ሓደ እዩ፤ ከመይ ቃል ኣምላኽ ሓደ፣ መደብ ድኅነት ኣምላኽ ሓደ፣ እቲ ንክልቲኡ ዚጸለወ መለኮታዊ ኣስተንፍሶውን ሓደ እዩ። ብሉይ ኪዳን ንሓድሽ ኪዳን ስለዚቐራርበና፤ ሓድሽ ኪዳንውን ፍጻሜ ብሉይ ኪዳን ስለዝኾነ፣ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ የብርህ። (128-130፣ 140)

24- መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስቲያን እንታይ ግደ ኣለዎ?
መጽሓፍ ቅዱስ ንሕይወት ቤተ ክርስቲያን ኃይልን ደገፍን እዩ። ንደቂ ቤተ ክርስቲያን ኣብ እምነቶም ዘጽንዖም፣ ምግብን ምንጭን መንፈሳዊ ሕይወቶም እዩ። ምንጭን ዕላማን ትምህርተ መለኮትን ጕስነታዊ ተግባርን እዩ። ዳዊት መዘምር ከምዚ ይብል "ቃልካ ነእጋረይ መብራህቲ። ንመንገደይ ብርሃን እዩ" (መዝ. 119,105)። "ንመጽሓፍ ቅዱስ ዘይምፍላጥ ንክርስቶስ ዘይምፍላጥ እዩ" ስለዝበለ ቅዱስ ሄሮኒሞስ፣ ቤተ ክርስቲያን ንመእመናና ኵሉ ጊዜ መጽሓፍ ቅዱስ ኬንብቡ ትላቦ። (131-134፣ 141)

# ሣልሳይ ምዕራፍ

## ሰብ ንዕድመ ኣምላኽ እንኪምልሽ

*"ኣነ እኣምን"*

25- ሰብ ንግልጸት ኣምላኽ ብኸመይ ይምልሾ?
ሰብ ብጸጋ ኣምላኽ ተደጊፉ፣ ንዕድመ ኣምላኽ ብተኣዝዞን እምነትን ይምልሽ። እምነት ማለት ብኵልንትናኻ ኣብ እግዚኣብሔር ተኣማሚንካ፣ ንሱ ብዓንደርእሱ ሓቂ ዝኾነ ባዕሉ ስለዘረጋግጸልና፣ ነቲ ንሱ ዚገለጾ ሓቂ ምቕባል ማለት እዩ። (142-143)

**26- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እቶም ቀንዲ ኣርኣያ ተኣዝዞን እምነትን ዝኾኑና እኒመን እዮም?**

ናይ ተኣዝዞን እምነትን ኣብነት ዝኾኑና ብዙኃት እዮም። ብፍላይ ግን ክልተ ክንጠቕስ እንተኾንና፡ ኣብርሃምን እኖና እግዝእትነ ማርያምን እዮም። ኣብርሃም ምስተፈተነ "ኣብ ኣምላኽ እምነት ኣሕደረ" (ሮሜ 4,3)። ሕይወቱ ምሉእ ንጸዋዕታ ኣምላኽ ስለዝተኣዘዘ "ናይቶም ኵሎም ኣመንቲ ኣቦ ኾነ" (ሮሜ 4, 11, 18)። ቅድስቲ ድንግል ማርያም ኣብ መላእ ምድራዊ ሕይወታ፡ ብዝበለጸ ፍጽምና ንኣምላኽ ተኣዘዘት፡ ብእምነትውን "ከምቲ ዚበልካኒ ይኹነለይ በለት" (ሉቃ. 1.38) በለት። (144-149)

**27- ኣብ ኣምላኽ ምእማን ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ንሱ ባዕሉ ሓቂ ስለዝኾነ፡ ናብ ኣምላኽ ምጽጋዕ፡ ብኣኡ ተኣማሚንካ፡ ንሱ ንዝገለጾ ኵሉ ሓቅታት ሕራይ ምባል ማለት እዩ። ኣብ ሓደ ኣምላኽ ሠለስተ ኣካላት፡ ኣብ፡ ወልድ፡ መንፈስ ቅዱስ ከምዘለዉ ምእማን ማለት እዩ። (150-152፡ 176-178)

**28- ናይ እምነት ፍሉይ መለለዪ እንታይ እዩ?**

እምነት፡ ኣምላኽ ነቲ ብትሕትና ዝለመኖ ሰብ ዚህቦ መለኮታዊ ህያብ እዩ። ንምድኃን ኣዝዩ ዘድሊ መልዕለተ ባህርያዊ ኃይሊ እዩ። ኣምላኽ ንድላይ ሰብ ኣንቀሳቒሱ፡ ኣእምሮኡ ምስዘብርህ፡ ሰብ ብናጽነት ነቲ ዚተገልጸ መለኮታዊ ሓቂ ሕራይ ይብል። ስለዚ እምነት ብጎሊና ዚፍጸም ሰብኣዊ ተግባር እዩ። እምነት ርግጽነት እዩ፡ ከመይ ኣብ ቃል ኣምላኽ ስለዚምሥረት። እምነት "እታ ብፍቕሪ እትሰርሕ እምነት" (ገላ. 5,6) ስለዝኾነት ትዓዪ እያ። ሳላ ጸሎትን ምስማዕ ቃል ኣምላኽን ድማ ንሳ (እምነት) ወትሩ ትዓቢ ትምዕብልን እያ። ንሳ ሰማያዊ ታሕጓስ ኣቐዲምና ከምነስተማቕር ትገብረና። (153-165፡ 179-180፡ 183-184)

**29- ከመይ ቢሉ እዩ ኣብ መንጐ ሥነ ፍልጠትን (ሳይንስን) እምነትን ምርግጫው ዘየሎ?**

እምነት፡ ልዕሊ ኣእምሮን ቀደሚ ኣእምሮን ኪስራዕ እኳ እንተለዎ፡ ኣብ መንጐ ፍልጠትን (ሳይንስን) እምነትን ምግርጫው የልቦን፤ ከመይ ንኽልቲኡ ምንጩ ሓደ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ። ሓደ ኣምላኽ እዩ ንወዲሰብ ብርሃን ኣእምሮ ኮነ እምነት ዚዕድል። (159)

"ንኪርደኣካ (ክትፈልጥ) እመን፡
ንኺትኣምን ድማ ተረዳእ"
(ቅዱስ ኣጐስጢኖስ)

**30- ከመይ ቢሉ እዩ እምነት ግላውን ማኅበራውን (ኣቕላሲያውን) እዩ ዚበሃል?**

እምነት፡ ነፍስወከፍ ሰብ ነቲ ዚግለጽ ኣምላኽ ብናጽነት ዚህቦ ግላዊ መልሲ ስለዝኾነ ግላዊ ተግባር እዩ። እንተኾነ ክርስቲያን ዘበልና ብሓባር ክንምስክር ከሎና "ንኣምን" ስለእንብል ማኅበራዊ ተግባርውን እዩ። ቤተ ክርስቲያን ከም ማኅበር ስለእትኣምን፡ ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ ቅድሚ ኵሉ ተፈጢራ፡ ኣመንቲ ትወልድ፡ ንነፍስወከፍ ክርስቲያን ድማ እምነት ትምግብ። ስለዚ ቤተ ክርስቲያን ኣደን መምህርን እያ። (166-169፡ 181)

“ንቤተ ክርስቲያን ከም ኣደ ዘይተቐበለ፣
ንኣምላኽ ከም ኣቦ ኪቕበል ኣይኽእልን እዩ”
(ቅዱስ ቅጵርያኖስ)

**31- ኣርእስቲ ኣምነትና ስለምንታይ ኣገደስቲ ይኾኑ?**

ክርስቲያን ዘበለ ምስ ከምኡ ዝኣመሰሉ ክርስቲያን ብሓደ ቋንቋ እምነቱ ሓቢሩ ስለዚገልጽ፣ ዚመሃር፣ ዜብዕልን ስለዚሳተፍን፣ ኣርእስቲ እምነት ብዘይ መጠን ኣገደስቲ ይኾኑ። (170-171)

**32- ከመይ ቢልና ኢና እምነት ቤተ ክርስቲያ “ሓንቲ እያ” ንብል?**


ቤተ ክርስቲያን፣ ብቋንቋን ባህልን ሥርዓትን በበይኖም ብዝኾኑ ግለሰባት ዝቕመት ማኅበር እያ። እንተኾነ ግን ኵላቶም ብሓደ ድምጺ ነታ ሓንቲ እምነት ይምስክሩ። ንሳ (ቤተ ክርስቲያን) ካብቲ ሓደ ኣምላኽን ጐይታን ዝኾነ ክርስቶስ፣ በቲ ሓደ ዝኾነ ሓዋርያዊ ትውፊት፣ እምነት ተመሓላለፈልና። ማኅበረ ክርስቲያን፣ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ሓደ ኣምላኽ ትኣምን፥ ንሓንቲ ዝኾነት መንገዲ ድኅነት ድማ ትሕብር። ስለዚ ንሕና ኵልና ብሓደ ልብን ብሓደ መንፈስን ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎ፣ ብቃል ኮነ ብጽሑፍ ዝተመሓላለፈልናን፣ ብቤተ ክርስቲያንውን መለኮታዊ ግልጸት ከምዝኾነ ንዝተነግረናን ንኣምን።(172-175፣ 182)



# ካልኣይ ወገን

# ምስክርነት እምነት ክርስትና

## ተኣምኖታት
## (ጸሎት ሃይማኖት)



## ጸሎት ሃይማኖት
## ሓዋርያት ዝደረስዎ

እኣምን ብእግዚኣብሔር ኣብ ኵሉ ዚኽእል፡ ሰማይን ምድርን ዚፈጠረ።

ብኢየሱስ ክርስቶስውን ሓደ ወዱ ጐይታና፡ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስ ተፀንሰ፡ እንካብ ድንግል ማርያም ተወልደ። ሓመመ ብትሕቲ ሥልጣኑ ንጲላጦስ ጴንጠናዊ፡ ተሰቕለ፡ ሞተ፡ ተቐብረ። ናብ ሲኦል ወረደ፡ ብሣልሳይ መዓልቲ እንካብ ሙታን ተንሥኤ። ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኣብ የማን ኵሉ ዚኽእል እግዚኣብሔር ኣብ ተቐመጠ። ድኃርውን ንዘለዉን ንዝሞቱን ኪፈርድ ይመጽእ።

እኣምን ብመንፈስ ቅዱስ፡

ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ካቶሊካዊት፡ ናይ ቅዱሳን ሱታፌ፡ ናይ ኃጢኣት ሥሬት፡ ናይ ሙታን ትንሣኤ፡ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ።

ኣሜን

## ጸሎት ሃይማኖት
## ጉባኤ ኒቅያን ቁስጥንጥንያን

ሰማይን ምድርን ዝርኣን ዘይርኣን ዝፈጠረ፡ ኵሉ ብዝሓዘ ብሓደ እግዚኣብሔር ኣብ ንኣምን።

ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልዉ ብዝኾነ፡ ብሓደ ወዱ ንኣብ፡ ብጐይታና ብኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን። ንሱ ብርሃን እንካብ ብርሃን፡ ኡነተኛ ኣምላኽ እንካብ ኡነተኛ ኣምላኽ ዝተወልደ እምበር፡ ዘይተፈጥረ። ብመለኮቱ ምስ ኣብ ትኽክል ዝኾነ፡ ብዘይ ብኣኡ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ሓደ ነገር እኳ ዝኾነ የልቦን። ምእንታና ምእንቲ ድኅነት እንካብ ሰማይ ዝወረደ፡ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ፡ እንካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ሥጋ ለቢሱ ሰብ ኮነ። ብዘመን ጲላጦስ ጴንጠናዊ ምእንታና ተሰቕለ፡ ሞተ፡ ተቐብረ። ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከምዝተጻሕፈውን፡ ብሣልሳይ መዓልቲ እንካብ ሞት ተንሥአ፡ ብኽብሪ ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኣብ የማን ኣብኡ ተቐመጠ፡ እንደገና ሕያዋንን ሙታንን ኪፈርድ ብኽብሪ ኪመጽእ እዩ፡ መንግሥቱውን መወዳእታ የብሉን።

ካብ ኣብን ወልድን ዚሰረጸ፡ ብመድኃኒ ጐይታ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ንኣምን። ብኣፍ ነብይታ ንዝተናገረ፡ ንኣኡውን ምስ ኣብን ወልድን ንሰግደሉን ነመስግኖን።

ኣብ ኵሉ ቦታ እትርከብ ናይ ሓዋርያት ጉባኤ ብዝኾነት፡ ብሓንቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ንኣምን። ንሥሬት ኃጢኣት ብዝተሰርዐት ብሓንቲ ጥምቐት ንኣምን። ብትንሣኤ ሙታንን፡ ብዚመጽእ ናይ ዘለዓለማዊ ሕይወት ተስፋ ንገብር፡

ኣሜን

# ቀዳማይ ምዕራፍ

*"ብእግዚኣብሔር ኣምላኽ እኣምን"*

### ምስክርነት እምነትና
### (ተኣምኖታት፣ ጸሎተ ሃይማኖት)

**33- "ምስክርነት እምነት" እንኪበሃል እንታይ እዩ?**

ዉሱን ቃላት ዝሓዘ፣ እምነትና እንገልጸሉ ጸሎት፣ ወይ መግለጺ ሃይማኖት እዩ። እዚ "ምስክርነት ሃይማኖት" ወይ "ተኣምኖታት" ተባሂሉ ዚፍለጥ ምሉእ ሓሳባት ዘጠቓልል ኮይኑ፣ ቤተ ክርስቲያን ካብ ጥንቲ ጀሚራ፣ በዚ ሕጽር ዚበለን፣ ሥርዓተ ሃይማኖት ብዚገልጽን፣ ሕዝቢ ብዚርድኦ ቋንቋን እምነታ ኣመሓላለፈት። ከም መግለጺ ሃይማኖታውን ተጠቐመትሉ። (185-188፣ 192፣ 197)

**34- እቶም ጥንእውያን "ምስክርነት እምነትና" (ተኣምኖታት) ኣየኖት እዮም?**

ሥርዓት ጥምቀት "ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን" (ማቴ. 28፣ 19) ስለዚፍጸም፣ እዚ ናይ ጥምቀት ምልክታት፣ ጥንታዊ "ምልክታት እምነትና" እዩ። ኣብ ቃላት ሥርዓተ ጥምቀት ተገሊጹ ዘሎ ሃይማኖታዊ ሓቅታት ነቶም ሠለስተ ኣካላት ቅድስቲ ሥላሴ እዩ ዜመልክት። (189-191)

**35- ዚያዳ ኣገደስቲ ዚኾኑ "ምስክርነት እምነት" ኣየኖት እዮም?**

እቲ ጥንታዊ ምልክት ጥምቀት ናይ ቤተ ክርስቲያን ሮማ ዝኾነ፣ "ጸሎት ሃይማኖት" ተባሂሉ ዚጽዋዕ "ምልክታት ሓዋርያት"፣ ከምኡውን እቲ ኰለን ኣብያተ ክርስትያናት ምዕራብን ምስራቕን ዚቕበላኦ፣ ኣብ ክልተ ጉባኤታት፣ ማለት ጉባኤ ኒቕያን(325) ጉባኤ ቁስጥንጥኒያን (381) ዝተገልጸ "ጸሎተ ሃይማኖት" እቶም ጥንታውያን "ምልክታት እምነት" ወይ "ምስክርነት እምነት" እዮም። (193-195)

*"ሰማይን ምድርን ዚፈጠረ፣ ንእግዚኣብሔር ኣብ ከኣሊ ኵሉ እኣምን"*

**36- ስለምንታይ እዩ "ጸሎት ሃይማኖትና" "ንእግዚኣብሔር ኣብ እኣምን" ቢሉ ዚጅምር?**

"ንእግዚኣብሔር ኣብ እኣምን" ዝብል ሓሳብ ኣዚዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፤ ብዛዕባ ዓለምን ሰብን፣ ብዛዕባ ሕይወት ነፍስወከፍ ኣማኒ ዘሎ ሓቅታት ስለዚገልጽ፣ "ጸሎት ሃይማኖትና" በዚ ሓሳብዚ ይጅምር። (198-199)

**37- ስለምታይ ኢና ኣብ ሓደ ኣምላኽ እንኣምን?**

ኣምላኽ ንሕዝበ እስራኤል ኪግለጽ እዉከሎ፣ "ስማዕ እስራኤል፣ ጐይታኻ ሓደ እዩ" (ዘዳግ. 6,4)፣ ከምኡውን "ካልእ ኣምላኽ የልቦን" (ኢሳ. 45,22) ስለዝበለ፤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ "ኣምላኽ እቲ ሓደ ጐይታ እዩ" (ማር. 12,29) ስለዝበለ፣ ንሓደ ኣምላኽ ንኣምን። ክርስቶስን መንፈስ ቅዱስን ኣምላኽን ጐይታን ምዃኖም ምእማን፣ ኣብቲ ሓደ ዝኾነ ኣምላኽ ምምቕቓል ኣይፈጥርን እዩ። (200-202፣ 228)

**38- በየናይ ስም እዩ ኣምላኽ ዝተገልጸ?**

ኣምላኽ ንሙሴ "ኣነ ኣምላኽ ኣብርሃም ኣምላኽ ይስሓቅን ኣምላኽ ያዕቆብን እየ" (ዘጽ. 3,6) ብምባል ከም ኣምላኽ ሕያዋን ተገልጸሉ። ኣምላኽ ንሙሴ እቲ ምሥጢራዊ ዝኾነ ስሙ ኪገልጸሉ ከሎ፡ "ኣነ እቲ ዘሎ (ያሕወ) እየ" ይብል። እዚ ኪንገር ዘይከኣል ስም ኣምላኽ ካብ ጥንታዊ ጊዜ ብሉይ ኪዳን "ጐይታ" ብዝብል ስም ተተኪኡ ነበረ። ከምዚ ቢሉ እምበኣርከስ ኣብ ሓድስ ኪዳን፡ እቲ ጐይታ ተባሂሉ ዚጽዋዕ ክርስቶስ ኣምላኽ ምዃኑ ንርዳእ። 203-205፡ 230-231)

39- "እቲ ዘሎ" እንብሎ ኣምላኽ ጥራይ ድዩ?

ኲሉ ፍጥረት ካብ ኣምላኽ ህላዌኡ ስለዚረኽብ፡ ፍጡር "ኣሎኒ" ዝብሎውን ካብኡ እዩ። ኣምላኽ ግን ምልኣት ህላዌን ዘሎ ፍጽምናን እዩ። ንሱ መጀመርታን መወዳእታን ዘይብሉ "እቲ ዘሎ እዩ"። ኢየሱስ እውን እቲ "ኣነ ኢየ" ዝብል መለኮታዊ ስም ከምዘለዎ ገለጸልና። "ንወዲ ሰብ ልዕል ምስ ኣበልክምዎ፡ ኣነ ንሱ ከምዝኾንኩ... ኽትፈልጡ ኢኹም" (ዮሓ. 8,28)። (212-213)

40-ስለምታይ እዩ ግልጸት ስም ኣምላኽ ክሳብ ክንድዚ ኣገዳሲ ዚኸውን?

ኣብቲ ዘይንገር መለኮታዊ ምሥጢሩ ዘሎ ሃብቲ ኬፍልጠና ስለዝደለየ፡ ኣምላኽ ስሙ ይገልጽ። ሰማይን ምድርን ዚፈጠረ ንሱ እዩ። ንሕዝቡ ኬድኅን ክብል ኲሉ ጊዜ ኣብ ጥቓኡ ስለዘሎ ንሱ እሙን እዩ። ንሱ ናይ ቅዱሳን ቅዱስ እዩ። ኣብ ምምሓር ወትሩ ስንድው ስለዝኾነ "በዓል ብዙኅ ምሕረት እዩ" (ኤፌ.2,4)። ንሱ መንፈሳዊ ኣካል፡ ልዕሊ ኲሉ፡ ከኣሊ ኲሉ፡ ዘለዓለማዊ፡ ብርእሱ ዚቀውም ፍጹም እዩ። ንሱ ሓቅን ፍቕርን እዩ። (206-213)

"ኣምላክ ዘለዓለማዊ ፍጽምና ዘለዎ፡
ኣዝዩ ቅዱስ ሥሉስ እዩ"
(ቅዱስ ቶሪቢዮ ዘሞግሮቨጆ)

41- ብኸመይ ኢና ኣምላኽ ብርእሳ እታ ሓቂ እዩ እንብል?

ኣምላኽ ሓቂ ስለዝኾነ ኪጋገን ኬጋግን ኣይኽእልን እዩ። ንሱ "ብርሃን እዩ፤ ኣባኡ ከኣ ጸልማት ዚብልዎ ከቶ የልቦን" (1ዮሓ. 1,5)። "ነታ ሓቂ ኪምስክር" (ዮሓ. 18,39) እቲ ዘለዓለማዊ ወዲ ኣምላኽ፡ ሥጋ ዚለበሰ ጥበብ ኣምላኽ ኮይኑ ናብ ዓለም ተላእከ። (214-217፡ 231)

42- ኣምላኽ ከመይ ቢሉ እዩ ፍቕሩ ዚገለጸ?

ኣምላኽ ንሕዝበ እስራኤል ኪግለጽ ከሎ፡ ፍቕሩ ካብ ፍቕሪ ኣቦን ኣደን ንዉሉዶም ከምዚብርትዕ፡ ካብ ፍቕሪ መርዓዊ ንመርዓቱ ከምዝኀይል ገይሩ እዩ ዝተገልጸ። ንሱ ባዕሉ ብናጻን ብኲልንትናኡን ዚዉፈ "ፍቕሪ እዩ" (1ዮሓ. 4,8)። ንሱ "ንወዱ በጃ ክሳብ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ንወዱ ናብ ዓለም ዝለኣኾ፡ ዓለም ብኣኡ ምእንቲ ኽትድኅን ድኣ እምበር ንዓለም ኪፈርዳ ኢሉ ኣይኮነን" (ዮሓ. 3, 16-17)። ኣምላኽ ንወዱን ንመንፈስ ቅዱስን ናብ ዓለም ብምልኣኹ፡ ንሱ ዘለዓለማዊ ልውውጥ ፍቕሪ ከምዝኾነ ይገልጽ። (218-221)

43- ኣብ ሓደ ኣምላኽ ምእማን እንታይ ይሓትት?

ኣብ ሓደ ኣምላኽ ምእማን እዚ ዚስዕብ ተግባራት ንክንፍጽም ይሓተና። ዕቤትን ክብርን ኣምላኽ ምፍላጥ፥ ኲሉ ጊዜ ንኣምላኽ እናመስገንካ ምንባር፥

ኣብ ጊዜ ፈተናታትውን ኣንተኾነ ኣብ ኣምላኽ ምትስፋውን፡ ኵሉ ሰብ ብኣምሳል ኣምላኽ ስለዝተፈጥረ፡ ሓድነትን ሓቀይና ክብርን ወዲሰብ ምሕላው፥ ናይ ዓለም ነገራት ብቕኑዕ መንገዲ ምጥቃም። (222-227፡ 229)

**44- ኣብ ሕይወት ክርስትና እቲ ቀንድን ኣገዳስን ምሥጢረ እምነት ኣየናይ እዩ?**

ክርስቲያን ዘበለ፡ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ስለዝጥመቕ፡ ኣብ እምነትን ሕይወትን ክርስትና እቲ ቀንድን ኣገዳስን ምሥጢር፡ ምሥጢረ ሥላሴ እዩ። (232-237)

**45- ምሥጢረ ሥላሴ ብሰብኣዊ ኣእምሮ ጥራይ ክንርደኦ ኘኽእል?**

ኣምላኽ ኣብ ተፈጥሮን ኣብ ብሉይ ኪዳንን ገለ ኣሰር ሥሉሳዊ ሕይወቱ (እንትናኡን) ገዲፉልና እኳ እንተኾነ፥ ነቲ ሓቀኛ ትርጉም መለኮታዊ ህላዌን ምሥጢርን ናይ ሥላሴ ብኣእምሮና ጥራይ ክንበጽሖን ክንርደኦን ኣይንኽእል። ወልደ እግዚኣብሔር ቅድሚ ሥጋ ምልባሱን፡ ቅድሚ ርደት መንፈስ ቅዱስን፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን እውን እምነት ሕዝበ እስራኤል ነዚ ኪምርመር ዘይከኣል ምሥጢር ኪበጽሖ ኣይከኣለን። እዚ ምንጪ ኵሉ ዓ ይነት ምሥጢራት ዝኾነ መለኮታዊ ህላዌን ምሥጢርን ሥላሴ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ብፍጽምና ዝተገልጸ ። (237)

**46- ብዛዕባ ምሥጢር ናይ ኣቦ፡ ክርስቶስ እንታይ ገሊጹልና?**

ኣምላኽ ናይ ዓለምን ወዲሰብን ፈጣሪ ስለዝኾነ፡ ከምኡውን ኣብ ክርሡ ነቲ ቃሉ ዝኾነ ክርስቶስ ንዘለዓለም ስለዚ ወልዶ፡ ንሱ ኣቦ እዩ። እቲ ወዱ ዝኾነ ክርስቶስ ድማ፡ “ናይ ኣምላኽ ክብሪ ዜንጸባርቕ፡ ብባህርዩ ፍጹም ኣርኣያ እግዚኣብሔር እዩ” (ዕብ.1,3)። (240-242)

**47- እቲ በጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተገልጸ መንፈስ ቅዱስ መን እዩ?**

መንፈስ ቅዱስ ሣልሳይ ኣካል ቅድስቲ ሥላሴ እዩ። ንሱ ምስ ኣብን ወልድን ማዕረ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ንሱ ካብቲ መጀመርታን መወዳእታን ዘይብሉ፡ ፈላሚ ኵሉን ፈላሚ ሕይወት ቅድስቲ ሥላሴን ዝኾነ “ካብ ኣቦ ይሰርጽ” (እም ኀበ ኣብ) (ዮሓ. 15,26)። ኣግዚኣብሔር ኣቦ ከም ዘለዓ ለማዊ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ንወዱ ይህቦ እዩሞ፡ መንፈስ ቅዱስ ካብ ወልዲውን (ወወልድ) ዚሰርጽ እዩ። ካብ ኣቦን ካብቲ ዝተሠገወ ወልድን ናብ ዓለም ዝተላእከ መንፈስ ቅዱስ ንቤተ ክርስቲያን “ናብ ኵሉ ሓቂ ዘበለ ኪመርሓ እዩ” (ዮሓ. 16,13)። (245-248)

**48- ቤተ ክርስቲያን ኣብ ቅድስቲ ሥላሴ ዘለዋ እምነት ከመይ ኣቢላ ትገልጾ?**

ቤተ ክርስቲያን ንምሥጢረ ሥላሴ፡ ኣብ ሓደ ኣምላኽ ሠለስተ ኣካላት፡ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ከምዘሎ ብምእማን ትገልጾ። ነፍስወከፍ መለኮታዊ ኣካል ኣብቲ ሓደ ዝኾነን ዘይፈላለን መለኮታዊ ባህርይ ብምልኣት ስለዚሳተፍ፡ ሠለስተ ዝተፈላለዩ መለኮታውያን ኣካላት ሓደ ኣምላኽ እዮም። ኣብ ሓድሕዳዊ ርክባቶም እቶም ሠለስተ ኣካላት ዝተፈላለዩ እዮም፡ ከመይ ኣቦ ንወልድ ይወልድ፡ ወልድ ካብ ኣቦ ይውለድ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ካብ ክልቲኦም ይሰርጽ (ኣቦ ወላዲ፡ ወልድ ተወላዲ፡ መንፈስ ቅዱስ ሰራጺ እዮም)። (257-260፡ 267)

**49- ተግባራት ሠለስተ መለኮታውያን ኣካላት ከመይ እዩ?**

ኣብቲ ሓደን እንኮን ባህርዮም ኣካላት ቅድስቲ ሥላሴ ኣይፈላለዩን እዮም። ኣብ ተግባራቶምውን ኣካላት ቅድስቲ ሥላሴ ኣይፈላለዩን እዮም፡ ከመይ

ቅድስቲ ሥላሴ ሓደን ተመሳሳልን ተግባር ኣለዎም። ኣብዚ ሓደ ዝኾነ መለኮታዊ ተግባር ግን ነፍስወከፍ መለኮታዊ ኣካል ከከም ኣገባብ ተግባራቶም እዮም ዚሳተፉ። (257-260፡ 267)

"ኦ ዘምልኸካ ቅዱስ ሥሉስ ኣምላኸይ፡ ንነፍሰይ ኣረጋግእ።
ንነፍሰይ ናትካ ሰማይ፡ ናትካ ፍትውቲ ማሕደር፡
ናትካ መዕረፊ ቦታ ግበራ።
ኦ ቅድስቲ ሥላሴ ንሓዋሩ ከምዘይገድፈካ፡
ብኹልንትና ምሳኻ ከምዝነብር፡
ኣብ እምነተይ ጸኒዐ ከምዝነቅሕ ግበረኒ።
ብምሉእ ልበይ እናምለኽኹኻ፡
ብኹልንታይ ናብቲ ናይ ምፍጣር ተግባርካ እናተወፈኹ፡
ኩሉ ጊዜ ኣብኡ ከምዝነብር ግበረኒ"
(ብጽዕቲ ኢልሳቤጥ ዘቅድስቲ ሥላሴ)

50- "ኣምላኽ ከኣሊ ኩሉ እዩ" ማለት እንታይ ማለት እዩ።

"ዚሰኣኖ ነገር ዘይብሉ" (ሉቃ. 1,37) ኣምላኽ ከም "ኃያልን ብርቱዕን" (መዝ. 24,8) ኮይኑ እዩ ዚግለጽ። ኣምላኽ፡ ንዓለም ካብ ኢምንት ብምፍጣሩ፡ ምእንቲ ፍቕር ቢሉ ንሰብ ብምምዳቡ፡ ብፍላይ ድማ ብትስብእትን ትንሣኤን ፍቁር ወዱ፡ ኃጢኣትና ደምሲሱ፡ ንዓና ዉሉዱ ብምግባሩ፡ እቲ ንኹሉ ዘጠቓልል፡ ምሥጢራዊ ከኣል-ኩልንትነቱ ይገልጽ። ስለዚ ቤተ ክርስቲያን ክትጸሊ ከላ "ከኣሊ ኩሉን ዘለዓለማውን ኣምላኽ" ትብል። (268-27)

51- "ብመጀመርያ ኣምላኽ ሰማይ ምድርን ፈጠረ" (ዘፍጥ. 1,1) እንኪበሃል እንታይ እዩ ኣገዳስነቱ?

ናይ ኩሉ መለኮታዊ መደባት ድኅነት መሠረትን መንቀልን ፍጥረት ዓለም እዩ። ዓለም ምፍጣር፡ ኣምላኽ ከኣሊኩሉን ጥበበይናን ፈቃርን ምኳኑ ይገልጽ። ፍጥረት ዓለም፡ እቲ ሓደ ኣምላኽ ምስ ሕዝቡ ናይዚገበሮ ኪዳን ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። ብምጽኣት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ዚዛዘም ታሪኽ ድኅነትና መበገሲ እዩ። ብዛዕባ መበቆልን መወዳእታ ዕላማ ወዲሰብ እንታይ እዩ ንዝብል ሕቶታት ቀዳማይ መልሲ እዩ። (279-289፡ 315)

52- ንዓለም መን ፈጠራ?

ናይ ዓለም ናይ ምፍጣር ተግባር ብፍላይ ናይ እግዚኣብሔር ኣብ እዩ እኳ እንተተባህለ፡ ቅድስቲ ሥላሴ፡ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን በይኖም፡ ንሶም ጥራይ መበገስን ምንጭን ዓለም እዮም። (290-292፡ 319)

53- ዓለም ንምንታይ ተፈጥረት?

ዓለም ንክብሪ እግዚኣብሔር ተፈጥረት። ኣምላኽ ባዕሉ ኩሉ ሠናይ፡ ሓቂ፡ ዘሎ ጽባቐ ከም ምኳኑ ኻኒገልጽ፡ ንዓለም ፈጠረ። ናይ መወዳእታ ዕላማ ፍጥረት ዓለም ንክብሪ እግዚኣብሔርን ንታሕጓስናን እዩ፤ ብክርስቶስ "ኣምላኽ ኩሉን ኣብ ኩሉን ምእንቲ ኪኸውን" (1ቆሮ. 15,28) ዓለም ተፈጥረት። (293-294፡ 317-120)

"ክብሪ ናይ ኣምላኽ እቲ ሕያው ሰብ እዩ።
ዕላማ ሕይወት ወዲሰብ ድማ ንኣምላኽ ምርኣይ እዩ"
(ቅዱስ ኢረነዮስ)

**54- ከመይ ገይሩ ኣምላኽ ንዓለም ፈጠረ?**

ኣምላኽ ንዓለም ብናጽነት ጥበብን ፍቕርን ፈጠረ። ዓለም ዝተፈጥረ ገለ ኣድላይነት ንምምላእ፡ ብወዝቢ፡ ወይ ዕዉር ብዝኾነ ዕድል ኣይኮነን። ኣምላኽ ካብ ኢምንት (ማር. 7,28) ሥርዓት ዘለዎን ሠናይ ዝኾነን ዓለም ፈጠረ። ኣምላኽ መንፈስ ስለዝኾነ ንዓለም ኣዝዩ ይበልጾ። ኣምላኽ ሎሚውን ኣብ ህላዌ ፍጥረቱ ምፍጣሩ ይቕጽል። በቲ ፍቑር ወዱን ብመንፈስ ቅዱስን ገይሩ ከኣ ንዓለምን ሰብን ንመወዳእታ ዕላማኦም ክሳብ ዚበቕዑ ድማ "ከይጠፍኡ" የጽንዖም (ይሕልዎም)። (295-301፡ 317-320)

**55- "መለኮታዊ ጎልዮት" እንታይ እዩ?**

ኣምላኽ ንዓለም ምስፈጠረ፡ ንዝፈጠሮ ዘበለ ብገዛእ ርእሱ ኣይሓድጎን። ነቲ ዚተፈጥሮ ዕላማ ምእንቲ ኪበቕዕ፡ ኣምላኽ ንዂሉ ፍጥረት ይጋሊ። ናብቲ ናይ መወዳእታ ፍጽምና ድማ ይመርሖ፤ ከመይ ኣምላኽ ናይ ኵሉ ዓለም ፈጣርን ኣዛዝን እዩ። ኣምላኽ እዚ መደብ ጋልዮቱ ኪፍጽም ከሎ ምትሕብባር ፍጥረቱውን ኪሓትት ይኽእል። ስለዚ ኣምላኽ ፈጣርን ጋላይን እኳ እንተኾነ፡ ንነፍስወከፍ ፍጥረት ናይ ምስራሕ ክብረትን ክእለትን ይህብ፤ ፍጥረት ዘበለ ነንሕድሕዱ ከምዝጸላሎ ይገብር። 302-306፡ 321)

**56- ከመይ ቢሉ ሰብ ምስ "መለኮታዊ ጋልዮት" ይተሓባበር?**

ኣምላኽ ንሰብ ጸጋታቱ ይህብ፡ ግን ከኣ ናጽነቱ እናሓለወ ብግብሪ፡ ብጸሎት፡ ከማኡውን ኣብ ስቕያት (ስቓይ) ምትሕብባሩ ይሓትት። ጳውሎስ ከምዝብሎ፡ "ኣምላኽ ብፍቕሩ ዚመደቦ ምእንቲ ክትደልዩን ክትገብሩን፡ ኣምላኽ ባዕሉ እዩ ኣባኻትኩም ዚዓዪ" (ፊሊ. 2,130)። (307-308፡ 323)

**57- ኣምላኽ ጋላይን ከኣሊ-ዂሉን እንተድኣ ኮይኑ ከመይ ኢሉ ድኣ ክፍኣት ኣብ ዓለም ይህሉ?**

እዚ ዘሳቕን ምሥጢራዊ ዝኾነን ሕቶ መልሲ ዚረኽበሉ ኣብ ክርስትና ብዝርከብ ምሉእ እምነት ጥራይ እዩ። ኣምላኽ ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ጠንቂ ወይ ፈጣሪ ክፍኣት ኣይኮነን። ነዚ ምሥጢራዊ ዝኾነ ህላዌ ክፍኣት ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ኢና መልሲ ክንህበሉ ንኽእል። ኃጢኣት ናይ ኵሉ ክፍኣት ምንጪ እዩ። ነቲ ዓብይ ምንጪ ክፍኣት ዝኾነ ኃጢኣት (ብሰብ ዚፍጸም ኃጢኣት) ኬሸንፍ ቢሉ ክርስቶስ ሞተን ተንሥኣን። (309-310፡ 324፡ 400)

**58- ስለምንታይ እዩ ኣምላኽ ክፍኣት ንኪህሉ ዘፍቅድ?**

ካብ ክፉእ ሠናይ ነገር ኪወጽእ ከምዝኽእል፡ ከምኡውን ኣምላኽ ንክፉእ ኪፈጥር ከምዘይኽእል እምነትና የረጋግጸልና። እዚ ሓቂ ምዃኑ፡ ኣምላኽ ብዘደንቕ ኣገባብ ኣብ ሞትን ትንሣኤን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣርእዩና እዩ። ኣምላኽ፡ ካብቲ ዝዓበየ ኃጢኣት ማለት ሞት ፍቑር ወዱ፡ እቲ ዝበለጸ ሠናይ ማለት ክብሪ ክርስቶስን ድኅነትና ከምዝመጽእ (ከምዚወጽእ) ገበረ። (311-314፡ 324)

## ሰማይን ምድርን

**59- ኣምላኽ እንታይ ፈጠረ?**

ቅዱስ መጽሓፍ "ኣምላኽ ብመጀመርያ ሰማይን ምድርን ፈጠረ" (ዘፍጥ 1,1) ይብል። ቤተ ክርስቲያን ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት፡ ኣምላኽ ንዝረኣን

ዘይረአን፡ ኾሎም መንፈሳውያንን ሥጋውያንን ፍጡራት፡ ማለት ንመላእኽትን ንዓለምን፡ ብፍላይ ድማ ንሰብ ከምዚፈጠረ ትእውጅ። (325-327)

60- መላእኽቲ እንታዎት እዮም?
መላእኽቲ፡ ሥጋ ዘይብሎም ዘይረአዩ፡ ዘይሞቱ፡ መንፈሳውያን ፍጡራት እዮም። ንሶም ኣእምሮን ድላይን ዘለዎም ኮይኖም፡ ብዘይምቁራጽ ንኣምላኽ ገጽ ንገጽ ስለዝርእይዎ የኽብርዎ፡ የገልግልዎ፡ ይለኣኽዎ። ኣብ ተልእኾ ድኅነት መላእ ደቂ ሰባትውን ንሶም እዮም ተላኣኣኽቲ። (328-333፡ 350-351)

61- ህላዌ መላእኽቲ ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስቲያን ከመይን እንታይን እዩ?
ቤተ ክርስቲያን ምስ መላእኽቲ ሓቢራ ንእግዚኣብሔር ተምልኽ። ሓለዋኦም ትሓትት። ናይ ገሊኦም መላእኽቲ ዝኽርታት ድማ ተብዕል።

"ነፍስወከፍ ክርስቲያን ኣብ ጐድኑ ሓደ ዚሕልዎን ዚጓስዮን፡
ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ዚመርሖን መልኣኽ ኣለዎ"
(ቅዱስ ባሲልዮስ ዓብይ)

62- ብዛዕባ ዝርኤ ፍጥረት (ኣፈጣጥራ) ዓለምና ቅዱስ መጽሓፍ እንታይ ይብል?
ቅዱስ መጽሓፍ፡ ዓለም ብሽዱሽተ መዓልቲ ከምዝተፈጥረ ገይሩ ይግልጸልና። በዚ ናይ "ሽዱሽተ መዓልቲ ታሪኽ ኣፈጣጥራ" ድማ ክብርን ዕላማን ዓለም እንታይ ከምዝኾነ ይገልጸልና። ዓለም ዝተፈጥረ ንኽብሪ ኣምላኽን ኣገልገሎት ወዲሰብን እዩ። ኣብ ዓለም ዘሎ ዘበለ ብኣምላኽ ስለዝተፈጥረ። ኩሉ ፍጡር ካብኡ ሠናዩን ፍጽምናኡን ይረክብ፡ ሕጉን ኣብ ዓለም ዘለዎ ቦታን እውን ብኣኡ ይውሰን። 337-344፡ 353)

63- ወዲሰብ ኣብ ዓለም እንታይ ግደ ኣለዎ?
ሰብ ብኣርኣያን ኣምሳልን ሥላሴ ስለዝተፈጥረ፡ ልዕሊ ኵሉ ዝረአ ዓለም ይሥራዕ። (343-344፡ 353)

64- ኣብ መንጎ ሰብን ፍጥረት ዓለምን እንታይ ዓይነት ርክብ ኣሎ?
ኣብ መንጎ ፍጡራት፡ ብኣምላኽ ዝተሠርዐ ምትእሳሰርን ኣከታትላን ኣሎ። ብተወሳኺ ፍጥረት ዓለም፡ ሓደ ዘፍቅርን ንክብሩ ቢሉውን ዚሠርያምን ፈጣሪ ስለዘለዎም፡ ኣብ መንጎኦም ሓድነትን ምድግጋፍን ምትሕልላይን ኣሎ። ስለዚ ኣብ ፍጥረት ዓለም ተጻሒፉ ዘሎ ሕግታትን ባህርያዊ ምትእስሳርን ምኽባር፡ መሠረት ሥነ ምግባርን፡ ውሁድ ጥበብን እዩ። (342፡ 354)

65- ኣብ መንጎ ኣፈጣጥራ ዓለምን ድኅነትናን እንታይ ዓይነት ርክብ ኣሎ?
እቲ ዝዓበየ መለኮታዊ ተግባር ድኅነት (ትስብእቲ) ስለዝኾነ፡ መለኮታዊ ተግባር ኣፈጣጥራ ወይ ፍጥረት ዓለም ኣብ ድኅነት ጥራይ እዩ ፍጽምና ዚለብስ። ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተፈጸመ ድኅነት ምጅማር ሓድሽ ፍጥረት ኮይኑ፡ ኣብኡ ኵሉ ነገር ምሉእ ትርጉሙን ፍጻሜኡን ይረክብ።

## ወዲሰብ

66- ከመይ ኢሉ ሰብ "ብኣምሳል ኣምላኽ" ተፈጥረ?

ሰብ ብኣርኣያን ኣምሳል ሥላሴ ተፈጥረ ኪበሃል ከሎ፣ ሰብ ብናጽነት ነቲ ፈጣሪኡ ዝኾነ ኣምላኽ ኪፈልጦን ኬፍቅሮን ይኽእል ማለት እዩ። ኣብዚ ምድሪዚ ካብዘለዉ ፍጡራት ንሰብ ጥራይ እዩ ኣብ ናይ ኣምላኽ መለኮታዊ ሕይወት ኪሳተፍ፣ ንፈጣሪኡ ኪፈልጥን ኬፍቅርን ቢሉ ናቱ ኪኸውን ዝደለዮ። ሰብ ብኣምሳል ኣምላኽ ስለዝተፈጥረ ስብኣዊ ክብሪ ኣለዎ። ንሱ መንም ኣቅሓ ዘይኮነስ ሰብኣዊ ኣካል ስለዝኾነ ኪፈልጥ፣ ብናጽነት ኪውፈ፣ ምስ ኣምላኽን ሰብን ሓድነትን ሱታፌን ኪፈጥር ዝኽእል ፍጡር እዩ። (355-357)

67- ኣምላኽ ንሰብ ንምንታይ (ዕላማ) ፈጠሮ?
ኵሉ ንሰብ ኢሉ እዩ ተፈጥሩ። ሰብ ግን ንኣምላኽ ኪፈልጥን ኬፍቅርን ኬገልግልን እዩ ተፈጢሩ። ኣብዚ ዓለምዚ ክሳብ ዘሎ ሰብ ንኣምላኹ ኪውፈን ብዓለምን ስለ ዓለምን ድማ ንኣኡ ኬመስግን፣ ናብ መንግሥተ ሰማያት ምስዓረገ ድማ ምስ ኣምላኹ ኪነብር ተፈጥረ። ክርስቶስ "ናይቲ ዘይረአ ኣምላኽ (ፍጹም) ምስሊ እዩ" (ቆላ. 1,15)። ሰብ ከኣ ናይዚ ሥጋ ዚለበሰ ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ናይ ክርስቶስ ምስሊ ኪቐድሕ እዩ ተፈጢሩ። ስለዚ ኣብ ምሥጢር እቲ ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ምሥጢር ወዲሰብ ትርጉም ኪረክብ ዝኽእል። (356-359፣381)

68- ስለንምታይ እዮም ስባት ንሓድነት ጽዉዓት እዮም ዚበሃል?
ኵሉ ሕዝቢ ዓለም መበቆሉ ካብ ሓደ ኣምላኽ ስለዝኾነ፣ ኵሎም ሓደ ዓሌተ ሰብ የቑሙ። ኣምላኽ "ካብ ሓደ ሰብ ኵሉ ዓሌት ሰብ ፈጠረ" (ግ.ሓ. 17,26)። ኵሎምውን ሓደ በይኑ መድኃኒ ስለዘለዎም፣ ኵሎም ኣብቲ ዘለዓለማዊ ሓጐስ ኣምላኽ ኪሳተፉ ጽዉዓት እዮም። (360-361)

69- ነፍስን ሥጋን ወዲሰብ ብኸመይ እዩ ሓደ ኣካል ዜቕውም?
ሰብ ብነፍስን ሥጋን ዚቆመ ሓደ ኣካል እዩ። ኣብ ሰብ ነፍስን ሥጋን ሓደ ባህርይ እየን ዜቁማ። ናይ ነፍስን ሥጋን ሓድነት ዓሚቍ እዩ። ነፍሲ ናይ ሥጋ መንፈሳዊ መበቆል እያ። ሳላኣ እውን ሥጋ ግዙፍ ኣካል ከሎ፣ ኣብቲ ምንጪ ክብሪ ሰብ ዝኾነ "ኣርኣያን ኣምሳልን ኣምላኽ" ይሳተፍ። (362-368፣ 382)

70- ንሰብ ነፍሲ ዚፈጥረሉ መን እዩ?
እታ ዘለዓለማዊት ዝኾነት ነፍሲ ካብ ወለዲ ዘይኮነስ፣ ብቐጥታ ካብ ኣምላኽ እያ ትፍጠር። ብጊዜ ሞትና ነፍሲ ካብ ሥጋ ትፍለ እምበር ኣይትበርስን። ኣብ መወዳእታ ትንሣኤ (መወዳእታ ዓለም) ድማ ንሳ እያ ከምብሓድሽ ናብ ሥጋ ትጽምበር። (366-368፣ 382)

71- ኣምላኽ ኣብ መንጐ ሰብኣይን ሰበይትን እንታይ ርክብ መሥረተ?
ሰብኣይን ሰበይትን ዓሌተ ሰብ ስለዝኾኑ፣ ኣምላኽ ማዕረ ገይሩ ፈጠሮም። ተባዕታይን ኣንስታይን ገይሩውን ስለዝተፍጠሮም፣ ንሓድሕዶም ይመላልኡ። ኣምላኽ ሓድነትን ሱታፌን ሰብ ስለዝደሊ ከምዝወፋፈዩ ገይሩ ፈጠሮም። ብቃል ኪዳን "ሓደ ሥጋ" (ዘፍጥ. 2,24) ስለዝኾኑ፣ ብሓድነቶም ሕይወት ሰብ ኬውርሱ፣ ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ኮይኖም ከኣ ንምድሪ ኪገዝእዋ ጽዉዓት እዮም። (369-373፣ 383)

72- ከም መደብ ኣምላኽ ዚተፈጥረ ጥንታዊ ኵነታት ሰብ ከመይ ነበረ?
ኣምላኽ ሰብኣይን ሰበይትን ምስፈጠረ፣ ብጽድቅን ርትዕን እናነበሩ ኣብ መለኮታዊ ሕይወቱ ኪሳትፎም መዲቡ ነበረ። ከምቲ መደብ ኣምላኽ ከኣ ኣይምተሳቐዩን ኣይምሞቱን ነይሮም። ከምኡውን ሰብ ብሰላም ምስ ገዛእ

ርእሱ፣ ምስ ፈጣሪኡ፣ ምስ ሰበይቱን ኣንዋቱን ምስ ኵሉ ፍጥረታትን፣ ስምምዕን ምርግጋእን ኣብ ዚሰፈኖ ኵነታት ምንበረ።

### ውድቀት ኣዳም

73- ኃጢኣት እንታይ እዩ?
ኣብ ታሪኽ ወዲሰብ ኃጢኣት ተረኺበ። ናብ ብርሃን መለኮታዊ ግልጸትን፣ ብፍላይ ድማ ናብ ብርሃን ክርስቶስን ምስ እንጥምት ጥራይ ኢና ኵነታት ኃጢኣት ኪበርሃልና ዚኽእል። እቲ መድኃኒ ኵሎም ዝኾነ ክርስቶስ፣ ኣብቲ ኃጢኣት በዚጉ ዚነበረ፣ ጸጋ ከምዚዛይድ ገበረ። (385-389)

74- "ውድቀት መላእኽቲ" ከመይ እዩ?
"ውድቀት መላእኽቲ" እዚ ዚስዕብ ታሪኽ እዩ። ቅዱስ መጽሓፍን ትውፊት ቤተ ክርስቲያንን ከምዚገልጹልና ሳጥናኤልን ካልኦት ብጾቱ ሰይጣውንትን፣ ብኣምላኽ ከም ሕያዎት መላእኽቲ እዮም ተፈጢሮም ዝነበሩ። ግን እነ ናጽነቶምን ተጠቒሞም ብዘየጣዕስ ኣገብባ ንኣምላኽን ንመንግሥተ ሰማያትን ስለዝነጸጉ ናብ ክፉኣት ሰይጣወንቲ ተቀየሩ፣ ቦታኦም ድማ ገሃነመ እሳት ኮነ። ንሶም ንሰብ ወገኖም ኪኸውን ይፈታትንዎ። ኣምላኽ ግን ስይጣን ብክርስቶስ ከምዚሰዓር የረጋግጸልና። (391-395፣ 414)

75- እቲ ፈለማ ኃጢኣት ወዲሰብ (ኣዳም) እንታይ እዩ?
ሰብ ብሰይጣን ተፈቲኑ፣ ኣብ ልቡ ንዝነበረ ተስፋ/እምነት ፈጣሪኡ ኣጥፈአ። ብዘይምእዛዙ ከም ኣምላኽ ኪኸውን ደለየ፣ ትሕቲ ኣምላኽ ዘይኮነስ፣ ብዘይ ኣምላኽ ኪነብር ደለየ (ዘፍጥ. 3,5)። ብከምዚ ኣገባብ ኣዳምን ሔዋንን ንኣኦምን ሓረጎምን ንዝኾኑ ደቆምን፣ ብጽድቅን ብርትዕን ናይ ምንባር መበቆላዊ ጸጋ ብቕጽበት ኣጥፍኡ። (396-4ኦ3፣ 415-417)

76- "ኃጢኣት ኣዳም" እንታይ እዩ?
ሰብ ምስተፈጥረ ጽድቅን ርትዕን ዚሰፈኖ ሕጉስ ሕይወት ዘጥፍኣሉ ተግባር (ፍጻሜ)፣ ኃጢኣት ኣዳም ይበሃል። ኵሉ ዓሌት ሰብ ምስዚ ኃጢኣትዚ ስለዚውለድ፣ እዚ ኃጢኣት እዚ ወሪስናዮ እምበር ኣይወዓልናዮን። መበቆል ዓሌተ ሰብ ሓደ ስለዝኾነ፣ እዚ ኃጢኣትዚ ናብ ኵሎም ደቂ ኣዳም ምስቲ ሰባኣዊ ባህርይ ተመሓላለፈ። እዚ ዓይነት ምትሕልላፍ "ብዘርኢ ድኣ እምበር ብተግባር ኣይኮነን"። እዚ ከመይ ቢሉ ከምዝፍጸም፣ ገና ክርደኣና ስለዘይኽእል ሓደ ዓብይ ምሥጢር እዩ። (404፣ 419)

77- "ኃጢኣት ኣዳም" ዘኸተሎ ካልእ ሳዕቤናት ኣሎዶ?
ከም ሳዕቤን "ኃጢኣት ኣዳም" ባህርይ ሰብ ፈጺሙ ኣይተበላሸውን፣ እንተኾነ እቲ ባህርያዊ ኃይሉ ተዳኺሙ። ስለዚውን ሰብ ንድንቍርናን ስቓይን ተቃለዐ፤ ናብ ኃጢኣት ዘምበለ፣ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ሞትውን ተገዝአ። እቲ ናብ ኃጢኣት ዝደፋፍኣና ኃይሊ ወይ ድኻምነት "ፍትወት ሥጋ" ይበሃል። (405-409፣ 418)

78- ድሕሪ ፍጻሜ "ኃጢኣት ኣዳም" ኣምላኽ እንታይ ገበረ?
ድሕሪ "ኃጢኣት ኣዳም" ዓለም ብኃጢኣትን ሞትን ተወርሰት። ኣምላኽ ግን ንሰብ ንሞት ኣየወፈዮን፣ እንታይድኣ ብምሥጢራዊ ኣገባብ፣ ኣብቲ መቕድመ-ወንጌል ተባሂሉ ዚፍለጥ ሣልሳይ ምዕራፍ ኦሪት ዘፍጥረት (ዘፍጥ. 3,5) ከምዝተገልጸ፣ እቲ ክፍኣት ከምዚሰዓር፣ ሰብ ድማ ካብ ውድቀቱ ከምዜተንሥኦ ኣተስፈዎ። እዚ እቲ ቀዳማይ ብሥራት መድኃኒ

መሲሕ እዩ። ውድቀት ኣቦና ኣዳም "ክንድዚ ዝዓቢ መድኃኒ ስለዝሸሰበልና" "ሕጉስ (ድኅነት ዘስዓበ) ኃጢኣት" ተባህለ።

# ካልኣይ ምዕራፍ

*"ብኢየሱስ ክርስቶስ*
*ሓደ ወዲ እግዚኣብሔር እኣምን"*

**79- እቲ ንሰብ ዝተበሠረ ጥዑም ቃል እንታይ እዩ?**
እቲ "ወዲ ሕያው ኣምላኽ ዝኾነ" (ማቴ. 16,16) ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝመውት ከምዚትንሥእን ዚገልጽ ብሥራት እዩ። ሄሮድስ ገዛኢ፥ ኣውጉስጦስ ቄሳር ድማ ንጉሥ ኣብ ዚነበሩሉ ዘመን፥ ኣምላኽ ንኣብርሃምን ንዘርኡን ኣተስፌይዎም ከምዝነበረ፥ "ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ፥ ተሻይጡ ምእንቲ ኬውጽኦም፥ ንሕናውን ውሉድነት ምእንቲ ክንረክብሲ፥ ኣምላኽ ነቲ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዚኾነ ወዱ ለኣኸ" (ገላ. 4,4)። (442-424)

**80- እዚ ጥዑም ቃል ብሥራት ከመይ ቢሉ ተዘርግሔ?**
ካብ ምጅማር ክርስትና ኣትሒዙ እቶም ቀዳሞት ኣርድእቲ፥ ንኵሎም ኣሕዛብ ናብ ክርስቶስ (እምነት ክርስትና) ምእንቲ ኪስሕቡ፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኬበሥሩ (ኪሰብኩ) ዓብይ ሃረርታ ነበሮም። ሎሚውን እንተኾነ ካብቲ ፍቕሪ ዚመልአ ኣፍልጦ ክርስቶስ፥ ናይ ምስባኹን ምምሃሩን ድላይ ይፍጠር። እዚ ማለት ከኣ እቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎ ምሉእ መደብ ኣምላኽ ምግላጽን፥ ንዉሉደ ሰብ ድማ ምስኡ ከምዚራኽብን ምግባርን ማለት እዩ። (425-429)

**81- "ኢየሱስ" ዝብል ስም እንታይ ማለት እዩ?**
እዚ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ኣብ ምብሣር ትስብእቲ ዚገለጾ ስም እዩ፤ "ኣምላኽ የድኅን" ማለት እዩ። እዚ ስም እዚ ናይ ክርስቶስ መንነትን ተልእኮን ይገልጽ፥ ከመይ "ንሱ ንሕዝቡ ካብ ኃጢኣቶም ኬድኅኖም እዩ" (ማቴ. 1,21)። ቅዱስ ጴጥሮስ ከምዚ ይብል፥ "ብክርስቶስ ኬድኅን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፥ ምድኃን ብሓደ ካልእ ከቶ የልቦን" (ግ.ሓ. 4, 12)። (430-435፥ 452)

**82- ስለምታይ እዩ ኢየሱስ "ክርስቶስ" ዝብል ስም ዝተዋህቦ?**
"ክርስቶስ" ዚብል ቃል ብግሪኽ "መሲሕ"፥ ብዕብራይስጢ ድማ "ቅቡእ" ማለት እዩ። ኢየሱስ ብኣምላኽ ስለዝተወፈየ፥ ናይ ምድኃን ተልእኽኡ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ስለዝተቐብለ "ክርስቶስ" እዩ። ንሱ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝተላእኸ፥ ሕዝበ እስራኤል ዝተጸበይዎ መሲሕ እዩ። ክርስቶስ ነቲ "መሲሕ" ዝብል መጸውዒ ተቐበሎ፥ ከማኡ ከኣ ነቲ ሓቀኛ ትርጉሙ ገለጸ። እቲ መሲሕ "ካብ ሰማይ ዚወረደ እዩ" (ዮሓ. 3,13)፤ ተሰቒሉ ምስ ሞተ፥ ካብ ሙታን ተንሥአ። ንሱ "ኬገልግል ሕይወቱ ምእንቲ ብዙኃት በጃ ኬሕልፍን ዚመጸ" (ማቴ. 20,28) ዚተሳቐየ ኣገልጋሊ እዩ።

"ክርስቶስ" ካብ ዝብል ቃል "ክርስቲያን" ዝብል ስም ተዋህበና። (436-440፣ 453)

**83- ክርስቶስ "ሓደ ወዲ ኣምላኽ" ዚኸውን ብኸመይ መንገዲ እዩ?**

ክርስቶስ በቲ ፍጹምን እንኮን ዝኾነ መንገዲ "ሓደ ወዲ ኣምላኽ" ይኸውን። ኣብ ሩባ ዮርዳኖስን ኣብ ደብረ ታቦርን ኣምላኽ ንክርስቶስ "እዚ ዝፈትዎ ወደይ እዩ" በሎ። ክርስቶስን ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ "ነቦ ብዘይካ ወድን እቲ ወዲ ኪገልጸሉ ዚፈትወን፣ ካልእ ዚፈልጦ የልቦን" (ማቴ. 11,27) በለ። ክርስቶስ፣ ምስ ኣብኡ ዝኾነ ኣምላኽ ዘለዎ ርክብ ዘለዓ ለማውን ፍሉይን ከምዝኾነ ገለጸልና። ንሱ "ሓደ ወዲ ኣምላኽ" (1ዮሓ. 4,9) እዩ። ካልኣይ ኣካል ቅድስቲ ሥላሴ ዝኾነ ክርስቶስ ቀንዲ ኣርእስቲ ስብከተ ሓዋርያት እዩ። ሓዋርያት ድማ "ክብረቱ፣ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ውዲ ነብኡ ኮይኑ" (ዮሓ. 1,14) ረአይዎ። (441-445፣ 454)

**84- "ጐይታ" ዝብል መዓርግ እንታይ ትርጉሙ እዩ?**

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ መዓርግዚ ነቲ ልዕሊ ኵሉ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ ዚወሃብ። ክርስቶስ፣ በቲ ኣብ ልዕሊ ተፈጥሮን ሰይጣንን ኃጢኣትን ሞትን ዚነበሮ ስልጣን፣ ብፍላይ ድማ ብትንሣኤኡ መለኮታዊ ኃይሊ ከምዝነበሮ ኣርኣየ። ስለዚውን እዚ "ጐይታ" ዚብል መዓርግ ንገዛእ ርእሱ ከምዚግባእ ገለጸ። ምስክርነት እቶም ቀዳሞት ክርስቲያን፣ ንእግዚኣብሔር ኣብ ዚግበኦ ኃይልን ክብርን ስልጣንን ንክርስቶስ እውን ከምዚግባእ ኣወጀ። "ናብ ልዕ ሊ ኵሊ ልዕል ኣበሎ፣ ካብ ኵሉ ስም ልዕል ዝብል ስምውን ሃቦ" (ፊሊ. 2,9)። ንሱ (ክርስቶስ) ጐይታ ዓለምን ጐይታ ታሪኽን እዩ። ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ምሉእ ናጽነት ኣብ ትሕቲኡ ከምዚግዛእ ኪገብሮ ይግባእ። (446-451፣ 455)

**85- ወዲ ኣግዚኣብሔር ስለምታይ እዩ ሰብ ዚኾነ?**

ወዲ ኣምላኽ ምእንታናን ምእንቲ ድኅነትናን ቢሉ፣ ኣብ ከርሲ ድንግል ማርያም ሥጋ ለቢሱ ሰብ ኮነ። እዚ ማለት ድማ ንዓና ንኃጢኣተኛታት ምስ ኣምላኽ ከተዓርቕ፣ ዘለዓለማዊ ዝኾነ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኪገልጸልና፣ ናይ ቅድስና ኣርኣያ ኪኾነና፣ "ተማቐልቲ መለኮታዊ ባህርይ ምእንቲ ክንከውን" (2ጴጥ. 1,4) ክርስቶስ ሥጋ ለቢሱ ሰብ ኮነ። (456-460)

**86- "ትስብእቲ" ዝብል ቃል እንታይ ማለት እዩ?**

ኣብቲ ሓደ መለኮታዊ ኣካል ዝኾነ ቃል (ክርስቶስ) ዚፍጸም ዘደንቕ ምሥጢረ ውህደት/ሓድነት መለኮታውን ሰብኣውን ባህርይ ንክተመልክት ቢላ ቤተ ክርስቲያን "ትስብእቲ" ዝብል ቃል ትጥቀም። ንኬድኅነና ቢሉ ወዲ ኣምላኽ "ሥጋ ኾነ" (ዮሓ. 1,14) ሓቀኛ ሰብ ኮነ። ንትስብእቲ ምእማን ፍሉይ መለለዪ ሃይማኖት ክርስትና እዩ። 461-463፣ 483)

**87- ብኸመይ እዩ ክርስቶስ ሓቀና ኣምላኽን ሓቀኛ ሰብን ዚኸውን?**

ክርስቶስ ኣብታ ሓንቲ መለኮታዊት ኣካሉ፣ ብዘይ ምፍልላይ ሓቀኛ ኣምላኽን ሓቀኛ ሰብን እዩ። ንሱ እቲ ወዲ ኣምላኽ "ዝተወልደ እምበር ዘይተፈጥረ፣ ብባህርዩ ምስ ኣቦ ማዕረ ዝኾነ"፣ ኣምላኽናን ጐይታናን ከሎ ከማና ሰብ ብምዃን ኃውና ኮነ። (464-467፣ 469)

**88- ጉባኤ ቁልቁዶን (451) ብዛዕባዚ እንታይ የስተምህረና?**

ጉባኤ ቁልቁዶን ከምዚ ቢልና ክንምስክር የስተምህረና፤ "ብመለኮቱን ብትስብእቱን ፍጹም ዝኾነ፣ ብሓደ በይኑ ወዲ ኣምላኽ ብዝኾነ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እኣምን። ንሱ ሓቀኛ ኣምላኽን ሓቀና ሰብን እዩ። ንሱ

ብሓንቲ ለባዊት ነፍስን ሥጋን ዚቆመ እዩ። ብመለኮቱ ምስ ኣቦ ሓደ፡ ብሥጋ ድማ ከምዚ ከማና እዩ። "ብዘይካ ብኃጢኣት ብኹሉ ከምዚ ከማና እዩ" (ዕብ.4,15)። ብመለኮቱ ቅድሚ ዘመናት ካብ ኣቦ ተወልደ። ኣብዘን ዳሕሮት ዘመናት ድማ ምእንታናን ምእንቲ ድኅነትናን ካብታ ኣደ ኣምላኽን ድንግልን ዝኾነት ማርያም ብሥጋ ተወልደ"። (467)

**89- ቤተ ክርስቲያን ከመይ ቢላ ንምሥጢረ ትስብእቲ ትገልጾ?**

"ኢየሱስ ክርስቶስ ሓቀኛ ኣምላኽን ሓቀኛ ሰብን እዩ። ኣብ ኣካል ቃልኣምላኽ ብዘይ ምድብላቕ ዝተወሃሃደ ክልተ ባህርይ፡ ማለት መለኮታውን ሰብኣውን ባህርይ ኣሎ። ስለዚ ኣብቲ ዝተሰገወ ክርስቶስ ዝርኤ ምግባር ተኣምራትን፡ ምቕባል ስቕያትን ሞትን ናይቲ መለኮታዊ ኣካል ኮይኑ፡ በቲ ዚለበሶ ሥጋ ዚፍጸም እዩ" ቢላ ቤተ ክርስቲያን ንምሥጢረ ትስብእቲ ትገልጾ። (464-469፡ 479-481)

"ኦ ሓደ ወድን ቃል ኣምላኽን ዝኾንካ፡ ንስኻ ኣይትመውትን ኢኻ።
ምእንቲ ድኅነትና ክትብል ኣብ ከርሲ እታ ኣደ ኣምላኽን
ወትሩ ድንግልን ዝኾነት ማርያም ሥጋ ክትለብስ ደለኻ። .....
ንስኻ ሓደ ካብቶም ቅድስቲ ሥላሴ ዝኾንካ፤
ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ዝኸበርካ፡ ኣድኅነና!"
(ኣኰቴተ ቍርባን ዘዮሓንስ ኣፈወርቂ፡ ብሥርዓት ቁስጥንጥንያ)

**90- እታ ሥጋ ናይ ዚለበሰ ወዲ ኣምላኽ ለባዊት ነፍሲ፡ ሰብኣዊ ፍልጠት ነይሩዋዶ?**

ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ክርስቶስ ብሓንቲ ለባዊት ዝኾነት ነፍሲ ዝንቀሳቐስ ሥጋ ለቢሱ ነበረ። ክርስቶስ ለባዊት ንፍሲ ሰብ ስለዝነበረቶ ኣብ ምድራዊ ሕይወቱ ከም መንም ሰብ ብተመክሮ ብዙኅ ነገራት ኪፈልጥ ከኣለ። እዚ ሰብ ዝኾነ ወልደ እግዚኣብሔር ብተወሳኺ ናይ ኣብኡ ቐጥታውን ዓሚቝን ፈልጠት ነበሮ፤ እቲ ሕቡእ ምሥጢራዊ ዝኾነ ሓሳብ ሰብ ይፈልጥ፡ ከምኡውን እቲ ንሱ ኪፍጽሞ ዚመጸ ዘለዓማዊ መድብ ኣምላኽ ኣጸቢቑ ይፈልጦ ነበረ። (475፡ 482)

**91- ኣብቲ ዝተሠገወ ኣምላኽ መለኮታውን ሰብኣውን ድላይ ከመይ ቢሉ ይሰማማዕ ነበረ?**

ክርስቶስ መለኮታውን ሰብኣውን ድላይ ነበሮ። ወልደ እግዚኣብሔር ኣብ ምድራዊ ሕይወቱ፡ ከም ሰብ መጠን ነቲ ብመለኮታዊ ባህርዩ ምስ ኣብን መንፈስን ቅዱስን ኮይኑ ዚመደቦ ይደሊ። እቲ ሰብኣዊ ድላዩ ብዘይ ተቃዉሞን እምቢተኝነትን ነቲ መለኮታዊ ድላዩ ይስዕብ ነበረ። እዚ ማለት ሰብኣዊ ድላዩ ኣብ ትሕቲ መለኮታዊ ድላይ ይግዛእ ነበረ። (475፡ 482)

**92- ክርስቶስ ሓቀኛ ሰብኣዊ ሥጋ ነበሮዶ?**

እቲ ዘይርኣ ኣምላኽ ምእንቲ ኪርኤ ክርስቶስ ሓቀኛ ሥጋ ሰብ ለበሰ። እዚ ስለዝኾነ ምስሊ ክርስቶስ ከም ሰብ ይሰኣልን፡ ንስእሉ ድማ ነኽብሮ። (478)

**93- ልቢ ኢየሱስ እንታይ የመልክተልና?**

ክርስቶስ ብሰብኣዊ ልቢ ይፈልጥን የፍቅርን ነበረ። እቲ ምእንቲ ድኅነትና ዚተወግአ ጐድኑ (ልቡ) ናይቲ ዘለዓለማዊ ፍቕሩ ምልክት እዩ። በዚ ልብዚ እዩ ክርስቶስ ነቡኡን ንነፍስወከፍ ውልቀሰብን ዜፍቅር። (478)

**94- "ብናይ መንፈስ ቅዱስ ኃይሊ ተጸንሰ" ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

**101- ከመይ ኢልና ኢና "ኵሉ ሕይወት ክርስቶስ ምሥጢር እዩ" እንብል?**

ኵሉ ሕይወት ክርስቶስ ግልጸት እዩ። ኵሉ እቲ ኣብ ምድራዊ ሕይወት ክርስቶስ ዝረአ ዘበለ፣ ናብቲ ዘይርኤ (መለኮታዊ) ምሥጢር እዩ ዘመርሓና። ብፍላይ ናብቲ ምሥጢራዊ ዝኾነ መለኮታዊ ውሉድነት ክርስቶስ ይመርሓና፣ "ንዓይ ዝረአየ ነቦ ረአየ" (ዮሓ. 14,9)። ወላእኳ ድኅነት ብቀጥታ ካብ መስቀልን ትንሣኤን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እንተመጸና፣ ኵሉ እቲ ክርስቶስ ኣብ ምድራዊ ሕይወቱ ዚበሎን ዚገበሮን ዝተሳቐዮን፣ ንዝኃጥእ ሰብ ናብ ውሉድነት ኣምላኽ ምምላሱ ዚዓለመ ስለዝነበረ፣ ኵሉ ምድራዊ ሕይወት ክርስቶስ ምሥጢረ ድኅነት እዩ። (512-521፣ 561-562)

**102- ንምሥጢረ ክርስቶስ ዚተገብረ ምቕርራብ ነይሩዶ?**

ኣብ ዘመነ ምጽኣት ኣብ ሥርዓተ ሊጡርጊያና ዓመት ዓመት ከምእንዝክሮ፣ ንምሥጢረ ክርስቶስ ዚተገብረ ምቕርራብ እቲ መዋዕል ዚወሰደ ናይ ተስፋ ዘመን ኣሎ። ኣምላኽ፣ ጸልማት ዝኾነ ናይ ትጽቢት ሃረርታ ኣብ ልቢ ኣረማውያንውን ኣንበረ። ብፍላይ ግን ኣምላኽ፣ ክሳብ እቲ መወዳእታ ናይቶም ዓብይቲ ነብያት ዚነበረ ክሳዕ ዮሓንስ መጥምቕ ዚጸንሔ ብሉይ ኪዳን ብምምሥራት፣ ንቀዳማይ ምጽኣት ፍቑር ወዱ ኪቐራርበና ደለየ። (522-524)

**103- ብዛዕባ ምሥጢረ ልደትን ቍልዕነትን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወንጌል እንታይ የስተምህረና?**

ኣብ ልደት ክብሪ ሰማያት ኣብ ሓደ ድኹም ሕፃን ይግለጽ። ኣብ ግርዘት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እቲ ምልክት ዜግነት ዕብራዊ ሕዝቢ ዚነበረ ግዝረት ናይ ጥምቐት ቅድመ-ምልክት ይኸውን። ኣብ ዘመነ ኣስተርእዮ እቲ ንጉሠ-መሲሕ እስራኤል ዝኾነ ክርስቶስ ኻኹሎም ኣሕዛብ ይግለጽ። ኢየሱስ ሕፃን ኣብ ቤተ መቕደስ ምስ ቐረበ፣ ብስምዖን ኣረጋውን ነብይት ሃናን ዝተወከለ፣ ምጽኣት ክርስቶስ ዚጽበ ዚነበረ ሕዝበ እስራኤል ነቲ መድኃኒ ይቕበሎ። ቅትለት ሕፃናት ቤተልሔምን ስደት ቅድስቲ ስድራ ናብ ግብጽን፣ መላእ ሕይወት ክርስቶስ ስደት ከምዚኾነ የመልክት። ምምላስ ቅድስቲ ስድራ ካብ ግብጺ፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎ ሓርነት ሕዝበ እስራኤል የዘኻኽረና፣ ኢየሱስ ሓድሽ ሙሴ ኮይኑ ንሱ እቲ ሓቀኛን ዘለዓለማዊ መውጽኢ ሓራን ከምዝኾነ ይሕብረና። (525-530፣ 563-564)

**104- ሕቡእ ሕይወት ክርስቶስ ኣብ ናዝሬት እንታይ የስተምህረና?**

ክርስቶስ ኣብ ናዝሬት ሕቡእ ዝኾነ ሕይወት ብምምራጽ፣ ብስኽታ ዝተሰነየ ናይ ተራ ሰብ ሕይወት ኪሕልፍ ደለየ። ብጸሎትን ገርህነትን፣ ብስራሕን ስድራቤታዊ ፍቅርን ዝተሰነየ ሕይወት እናሕለፍና፣ ከምኡን ምስኡን ቅድስና ዚመልአ መዓልታዊ ሕይወት ክንነብር ይምዕደና። ክርስቶስ ኣብ ትሕቲ ማርያምን፣ ኣብ ትሕቲ ሓላዊ ኣቦ ዝኾነ ቅዱስ ዮሴፍ ነበረ። እዚ ከኣ ምስ ሰማያዊ ኣብኡ ናይ ዚነበሮ ዉሉዳዊ ተኣዝዞ ምልክት እዩ። ኵሉ ጊዜ ኪርድእዎ እኳ እንተዘይከኣሉ ማርያምን ዮሴፍን ነቲ ምሥጢራዊ ዝኾነ ሕይወት ክርስቶስ ብእምነት ይቕበልዎ ነበሩ። (533-534፣ 564)

**105- ስለምታይ እዩ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዮሓንስ መጥምቕ "ንሥሬተ ኃጢኣት ዝኾነ ናይ ንስሓ ጥምቀት" ዚቕበል?**

እቲ ግሉጽ ዝኾነ ሕዝባዊ ሕይወቱ ምእንቲ ኪጅምር፡ ከምኡውን እቲ ብሞቱ ዚተጠመቖ ጥምቐት ኣቀዲሙ ምእንቲ ኪቕበል፡ ክርስቶስ ካብ ዮሓንስ መጥምቕ ይጥመቕ ወይ ናይ ንስሓ ጥምቀት ይቕበል። ከምዚ ቢሉ እቲ "ኃጢኣት ዓለም ዚድምስስ በጊዕ እግዚኣብሔር" (ዮሓ. 1,29)፡ ኃጢኣት ዘይነበሮ ምስ ኃጢኣተኛታት ተቖጽረ። ክርስቶስ ምስተጠምቀ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊኡ ወረደ፤ እግዚኣብሔር ኣብ ከኣ፡ "እዚ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ" (ማቴ. 3,17) ቢሉ ኣወጀ። ጥምቐት ክርስቶስ ናይ ጥምቐትና ቀድመ-ምልክት እዩ። (535-537፡ 565)

106- ክርስቶስ ኣብ ምድረ በዳ ብምፍታኑ እንታይ ኬስተምህረና ደለየ?

ኣዳም ኣብ ምድረ ገነት፡ ሕዝበ እስራኤል ድማ ኣብ ምድረ በዳ ከምዝተፈተኑ፡ ክርስቶስውን ኣብ ምድረ በዳ ተፈተነ። ሰይጣን ንክርስቶስ ኣምላኽ ብዛዕባ ዝሃቦ ተልእኾ ይፍትኖ። እቲ ሓድሽ ኣዳም ዝኾነ ክርስቶስ ንፈተና ሰይጣን ተጻወሮን ኣሸነፎን። ኣብ ሕማማቱ ብዉሉዳዊ ፍቅሩ ዚግለጽ ፍጹም ተኣዝዞ ብምእዋጅ/ብምዝካር ዓወቱ ገለጸ። (538-540፡ 566)

107- ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝተሰብከን ዝተፈጸመን መንግሥቲ ኣምላኽ መነመን ተዓደሙ?

ክርስቶስ ኣብ መንግሥቱ ንኩሎም ሰባት እዩ ዚዕድም። እቲ ዝገደደ ኃጢኣተኛውን እንተኾነ ንኪምለስን ንኪጠዓስን፡ ወሰን ዘይብሉ ምሕረት ኣምላኽ ንምቕባል ዕዱም እዩ። እቶም ብትሑት ልቢ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ዚቕበሉ፡ ድሮ ኣብ ምድሪ ከለዉ ይውሃቦም። ነቶም ዚቕበልዎ ድማ እቲ ምሥጢራቱ ይግለጸሎም። (541-546፡ 567)

108- ስለምንታይ እዩ ክርስቶስ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ብምልክትን ብተኣምራትን ዚገልጾ?

መንግሥቲ ኣምላኽ ኣብኡ፡ ኣብቲ መሲሕ ዝኾነ ክርስቶስ ከምዝተገልጸ ኪሕብረና ቢሉ ክርስቶስ ንቃሉ ብምልክትን ተኣምራትን የሰንዮ። ኣብ ዓ ለም ንዘሎ ኵሉ ክፍኣት ኬጥፍእ ቢሉ ዘይኮነስ፡ ቅድሚ ኵሉ ካብ ባርነት ኃጢኣት ናጻ ኬውጽኣና ከምዚመጸ ኪሕብር ስለዝደለየ፡ ክርስቶስ ንዉሱናት ሕሙማት ጥራይ ኣሕወየ። ክርስቶስ ኣጋንንቲ ኬውጽእ ከሎ፡ ብመስቀሉ "መስፍን እዛ ዓለም እዚኣ" (ዮሓ. 12,13) ንዝኾነ ሰይጣን ከምዘሸንፎ ይገልጽ። (547-550፡ 567)

109- ክርስቶስ ኣብ መንግሥቱ ንሓዋርያቱ እንታይ ዓይነት ስልጣን ሃቦም?

ክርስቶስ መስከርቲ ትንሣኤኡ ንኪኾኑ ንዓሰርተ ክልተ ሓዋርያት ሓረየ። ኣብ ምምሃርን ምኅዳግ ኃጢኣትን፡ ኣብ ምሕናጽን ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን ን ንዚነበሮ ስራሕ ምእንቲ ኪተሓጋገዝዎ ኣብ ስልጣኑ የሳትፎም። ኣብዛ ማኅበረ ሓዋርያት እዚኣ ጴጥሮስ "መፋትሕ መንግሥተ ሰማያት" ይቕበል (ማቴ. 16,19)፤ ሓቅነት ሃይማኖት ከምዘለዎ ኪዕቅብ፡ ኣኅዋቱ ኬጽንዕ ድማ ሓላፍነትን ቀዳምነትን ተዋህቦ። (551-553፡ 567)

110- ተኣምር ደብረ ታቦር እንታይ እዩ ትርጉሙ?

ኣብ ደብረ ታቦር ቅድሚ ኵሉ ግልጸት ቅድስቲ ሥላሴ ንርኢ፡ "ኣቦ ብድምጺ፡ ወልድ ብወዲሰብ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ብደመና ይግለጹ" (ቅዱስ ቶማስ በዓል ኣኩኖ)። ክርስቶስ ምስ ሙሴን ኤልያስን ብዛዕባ "ናብ ኣቦ ምምላሱ" ኪዝክር ከሎ፡ ክብሩ ብመስቀል ኣቢሉ ከምዚመጽእ ይገልጽ። ከምኡዉን "ነዚ ናይ ውርደት ሰብነትና ለዊጡ፡ ነቲ ክቡር

ሰብነቱ ኬምስሎ" (ፊሊ. 3, 21) ከምዝኾነ ኣቐዲሙ ብዛዕባ ትንሣኤኡን ዳግማይ ምጽኣቱን ይሕብር።

"ሓዋርያት፣ ኣብ መስቀል ተሰቒልካ ምስ ረኣዩኻ፣
ንሸኻ ብገዛእ ድላይካ ከምዝገበርካዮ ምእንቲ ኪርድኡን፣
ንሸኻ ብሓቂ ምንጽብራቕ እግዚኣብሔር ኣቦ ከምዝኾንካ ንዓለም ምእንቲ ኬበሡሩን፣
ኦክርስቶስ ኣምላኽና ንሸኻ ኣብ ደብረ ታቦር ትርኢትካ ለወጥካ፣
ሓዋርያትካ ድማ ዓቕሞም ከምዘፍቀደሎም ክብርኻ ረኣዩ።"
(ካብ ሊጡርጊያ ሥርዓት ቁስጥንጥንያ)

**111- ክርስቶስ ከመይ ቢሉ ናብ ኢየሩሳሌም ከም መሲሕ ተዓጂቡ ኣተወ?**
ኢየሱስ ኪሳቐን ኪመውትን ድሓር ከኣ ኪትንሥእን ቢሉ ኣብቲ ዝተመደበ ጊዜ ናብ ኢየሩሳሌም ደየበ። ምጽኣት መንግሥቱ ከምዘበሠር ንጉሥን መሲሕን ኮይኑ፣ ኣድጊ ተወጢሑ ናብ ከተማ ኢየሩሳሌም ኣተወ። ከምቲ ኣብ ጸሎት ሥርዓተ ቅዳሴ (ሥርዓት ላቲን) ተመልኪቱ ዘሎ፣ ሕፃናት "እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዚመጽእ ብሩኽ እዩ። ሆሳእና (= ኣድኅነና)" (ማቴ. 21,9) እናበሉ ብዓጀብ ተቐበልዎ። በዛ ኢየሱስ ናብ ከተማ ኢየሩሳሌም ብዓጀብ ዝኣተወላ ዕለት፣ ማለት ብበዓል ሰንበት ሆሳዕና፣ ቤተ ክርስቲያን ፣ ሰሙነ ሕማማት ትጅምር።

**112- ምሥጢረ ፋሲካ ክርስቶስ እንታይ ኣገዳስነት ኣለዎ?**
ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሕማማትን ሞትን፣ ትንሣኤን ናብ ሰማይ ምዕራግን ዘጠቓልል ምሥጢረ ፋሲካ ክርስቶስ፣ ቀንድን ኣገዳስን ኣርእስቲ ሃይማኖት ክርስትና እዩ። ብዘድኅን ሞት ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መለኮታዊ መደብ ድኅነት ሓደ ጊዜ ንሓዋሩ ተፈጸመ። (571-573)

**113- ክርስቶስ ንሞት ዝተፈርደ እንታይ ክስታት ስለዝቐረቡሉ እዩ?**
ገሊኦም መራሕቲ ሕዝበ እስራኤል፣ ክርስቶስ ኣንጻር ሕገ ኦሪት፣ ኣንጻር ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም፣ ብፍላይ ድማ ኣንጻር እምነት ኣብ ሓደ ኣምላኽ ተዛሪቡ ኢሎም እዮም ዚኸሰስዎ። ንሱ (ክርስቶስ) ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ "ኣነ ወዲ ኣምላኽ እየ" ስለዝበለ፣ ንሞት ምእንቲ ኪፈርዶ፣ ኣይሁድ ንጲላጦስ ኣሕሊፎም ሃብዎ። (574-476)

**114- ክርስቶስ ንሕጊ ኦሪት ተቐቢልዎዶ?**
ክርስቶስ ነቲ ኣምላኽ ንሙሴ ኣብ ጐቦ ሲና ዝሃቦ ሕጊ እስራኤል ኣየጥፈኦን። እቲ ሓቀኛ ትርጉሙ እናሃበ ናብ መፈጸምታኡ ኣብጺሕዎ። ንሱ መለኮታዊ ሓጋጊ ኣካል ስለዝነበረ፣ ነቲ ሕጊ ሓቀኛ ትርጉሙ የልብሶ። ንሱ እሙን ኣገልጋሊ ኮይኑ ነቶም "ኣብ ትሕቲ እታ ቀዳመይቲ ኪዳን ከለዉ ካብ ዚገበርዎ ኃጢኣት ምእንቲ ኬድኅኖም" (ዕብ. 9,15) ተበጃዊ ብዝኾነ ሞቱ፣ እቲ እንኮ መሥዋዕቲ ኬቕርብ ከኣለ። (577-582፣ 592)

**115- ኢየሱስ ብዛዕባ ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም እንታይ በለ፣ እንታይከ ገበረ?**
ኢየሱስ ኣንጻር ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ከምዝነበረ ተኸሰሰ። እንተኾነ ንሱ ብዛዕባ ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም "ንቤት ኣቦይ ቤት ሸቐጥ ኣይትግበርዎ" (ዮሓ. 2, 16) በለ። ብዛዕባኡ ድማ ኣገደስቲ ትምህርቲ ሃበ። ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ድሕሪ ሞቱ ከምዝዓኑውን ኣቐዲሙ

ተዛረበ። ከማኡውን እቲ ሓቀኛ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኣብ መንጐ ሰባት ዘሎ ንሱ ባዕሉ ከምዝኾነ ሓበረ። (583-586፡ 593)

**116- ብዛዕባ "ኣብ ሓደ ኣምላኽ" ዚኣመን ዝነበረ ሃይማኖት ሕዝበ እስራኤል፡ ክርስቶስ እንታይ በለ?**

ብዛዕባ ኣብ ሓደ ኣምላኽ ምእማን ክርስቶስ ተቓዊሙ ኣይፈልጥን። ምስ ኣምላኽ ዘመዓራርዮ፡ ከምኡውን ተስፉታት መሲሕ ዚገልጽ ዝነበረ "ኃጢኣት ናይ ምሕዳግ" መለኮታዊ ተግባራት እኳ እንተፈጸመ፡ ንእምነት ሓደ ኣምላኽ ኣይተቓወመን። ክርስቶስ ኣብኡ ንኪኣምኑ፡ ንኪምለሱ ስለዝለመኖም፡ መጋባእያ ሊቃነ ካህናት ኪርድእዎ ኣይከኣሉን። እዚ ናብ ፍርዲ ሞት ዜብጽሕ ዘይምርዳእ መጋባእያ ሊቃነ ካህናት መበገሲኡ "ንኣምላኽ ይጸርፍ ኣሎ" ዝብል ክሲ እዩ ነይሩ። (587-591፡ 594)

**117- ብዛዕባ ሞት ክርስቶስ መን እዩ ተሓታቲ?**

ብዛዕባ ሞት ክርስቶስ እቶም በቲ እዋን እቲ ዚነበሩ ኣይሁድ ኮነ፡ እቶም ብድሕሪ እቲ እዋን እቲ ዝተወልዱ ኣይሁድ ኮነ ተሓተትቲ ኪኾኑ ኣይክእሉን። ንኵሎም ብዘይፍልልይ ክንኮንኖም ኣይንኽእልን። ነፍስወከፍ ኃጢኣተኛ ዘበለ ምኽንያትን መጋበርን ስቓያት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። እቶም ክርስቲያን ከለዉ ብተደጋጋሚ ኣብ ኃጢኣት ዚወድቁን ኣብ ክፉእ ኣመላቶም ዚጸንዑን ሰባት ዚያዳ ተሓተትን፡ ዝበለጸ መሳርሕቲ ስቓያትን ሞትን ክርስቶስ ስለዝኾኑ፡ ገበነኛታትን እዮም። (595-598)

**118- ሞት ክርስቶስ ስለምታይ እዩ መደብ ኣምላኽ ዚኸውን?**

ብሰንኪ ኃጢኣት ኣዳም ኵሎም ሰባት ንሞት ስለዝተፈርዱ፡ ኹሎም ምስኡ ከተዓርቆም ስለዝደለየ፡ ኣምላኽ ወዱ ልኢኹ በጃ ኃጢኣተኛታት ኪኸውን መደበ። ከምዚ ቢሉ ፍቕራዊ ተበግሳኡ ገለጸ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ሞት ክርስቶስ "ናይቲ ዚሳቐ ኣገልጋሊ መሥዋዕቲ" ተባሂሉ ኣቐዲሙ ተነጊሩ ስለዝነበረ፡ ሞት ክርስቶስ "ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ" ተፈጸመ። (599-605፡ 619)

**119- ክርስቶስ ብየናይ ኣገባብ እዩ ገዛኣ ርእሱ ነብኡ ዘወፈየ?**

ክርስቶስ ናይ ኣብኡ መደብ ድኅነት ኪፍጽም ቢሉ ምሉእ ሕይወቱ ብናጽነት ኣወፈየ። ንሱ "ንበጃ ብዙኃት ሕይወቱ ኣሕሊፉ ሃበ" (ማቴ. 10,45)። በዚ ኣገባብ ኻኹሉ ዉሉደ ሰብ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቐ። ሕማማትን ሞትን ክርስቶስ፡ ትስብእቲ (ሕይወት ክርስቶስ)፡ ድኅነት ደቂ ሰባት ዝዕላማኡ ናይ መለኮታዊ ፍቕሪ ናጻን ፍጹምን መጋበሪ ከምዝኾነ ይገልጽ። (606-609፡ 620)

**120- መሥዋዕቲ ክርስቶስ ከመይ ቢሉ ኣብ መወዳእታ ድራር ተገልጸ?**

ኢየሱስ ኣብ ዋዜማ ስቕለቱ፡ ምስ ሓዋርያቱ ኣብታ ናይ መወዳእታ ድራር እንከሎ፡ "እዚ ምእንታኻትኩም ዝተወፈየ ሥጋይ እዩ" (ሉቃ. 22,19)፡ "እዚ ምእንታኹም ዚፈስስ ደመይ እዩ" (ማቴ. 26,28) እናበለ ብዛዕባ ነቲ ብናጽነት ዚፍጽሞ ናይ ገዛእ ርእሱ መሥዋዕቲ ኣቐዲሙ ይዛረቦምን፡ በታ ሰዓት እቲኣ ንቅዱስ ቍርባን ከም "ተዝካሩ" (1ቆሮ. 11,25) ሠርዐ፤ ንሓዋርያቱ ድማ ካህናት ሓድሽ ኪዳን ሸሞምን (ክህነት ሓድሽ ኪዳን ኣልበሶም)። (610-611፡ 421)

**121- ኣብ ጌተሰማኒ እንታይ ተፈጸመ?**

እቲ "ወሃብ ሕይወት" (ግ.ሓ. 3,15) ዝኾነ ክርስቶስ ከምሰብ መጠን ቅዱስ ክነሱ፡ ኣብ ቅድሚ ሞት ረዓደ። እንተኾነ ምእንቲ ድኅነትና ኪብል እታ

ሰብኣዊት ድላዩ ኣብ ትሕቲ እታ መለኮታዊት ድላዩ ከምትግዝእ ገበረ። ኣብ ገዛእ ሰብነቱ ኃጢኣትና ብምስካም፡ "ክሳብ ሞት፡ ኣረ እኳ ድኣ ክሳብ ኣብ መስቀል ሙማት ተኣዘዘ" (ፊሊ. 2,8)። (612)

**122- ካብ መሥዋዕቲ መስቀል ክርስቶስ እንታይ ፈረየ?**

ክርስቶስ ብናጽነት ንሕይወቱ ንመሥዋዕቲ በጃ ኣወፈየ። በቲ ክሳብ ኣብ ሙማት ዘብጽሕ ፍቕሪ ዚመልኦ ተኣዛዝነቱ፡ ካሕሳ ኃጢኣትና ከፈለ። እቲ ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ክርስቶስ "ክሳብ መወዳእታ ስለዘፍቀረና" (ዮሓ, 13,1)፡ ንኹሉ ዉሉደ ሰብ ምስ ኣብኡ ኣተዓረቐ። ናይ ክርስቶስ መሥዋዕቲ ፋሲካ በቲ እንኮ፡ ፍጹም፡ ንሓዋሩ ዝኾነ ኣገባብ ንደቂ ሰብ ሓራ ኣውጽኦ፤ ምስ ኣምላኾም ንኪራኸቡ ድማ ባብ ከፈተ። (613-617፡ 622-623)

**123- ስለምንታይ እዩ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ መስቀሎም ኪጾሩ ዝዕድሞም?**

ክርስቶስ፡ ነቶም ቀዳሞት ሰብ ዕድል (ጽዉዓት) ዝኾኑ ሓዋርያት፡ ኣብቲ ዘድኅን መሥዋዕትነቱ ተካፈልቲ ኪገብሮም ስለዝደለየ፡ "መስቀል ተሰኪምኩም ሰዓቡኒ" (ማቴ. 16,24) ቢሉ ይዕድሞም። (618)

**124- እቲ ዝተቐብረ ኣስከሬን ክርስቶስ ዅነታቱ ከመይ ኮነ?**

ክርስቶስ ብሓቂ ስለዝሞተ፡ ብሓቂውን ተቐብረ። ብመለኮታዊ ኃይሊ ግን ሰብነቱ ኣይመሽመሸን። (624-630)

**125- ኢየሱስ ዚወረዶ "ሲኦል" ከመይ ዝበለ እዩ?**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝወረዶ ሲኦል ምስ ገሃነመ እሳት ኪደናገር የብሉን። ገሃነመ እሳት ናይ ኵነኔ ቦታ እዩ። "ሲኦል" ግን ኵሎም እቶም ቅድሚ ምጽኣት ክርስቶስ ዚሞቱ ኃጢኣተኛታት ይኹኑ ጻድቃን ዚቕመጡሉ ዝነበሩ ቦታ እዩ። ክርስቶስ ድሕሪ ሞቱ ብነፍስን ብሥጋን ናብ ሲኦል ብምውራድ ነቶም ዚጽበይዎ ዚነበሩ ጻድቃን፡ ኣምላኽ ናብ ዝርእዩሉ፡ ናብ መንግሥተ ሰማያት ወሰዶም። ንሞትን "ነቲ ኣብ ልዕሊ ሞት ስልጣን ዘለዎ" (ዕብ. 2,14) ንሰይጣንን ብሞቱ ድሕሪ ምሽናፍ፡ መድኃኒ ዚጽበዩ ንዝነበሩ ጻድቃን ባብ መንግሥተ ሰማያት ኸፈተሎም። (632-637)

**126- ኣብ እምነትና ትንሣኤ ክርስቶስ እንታይ ኣገዳስነት ኣለዎ?**

ትንሣኤ ክርስቶስ ኣብ እምነት ክርስትናና ዝለዓለ ሓቅነት (ኣገዳስነት) ኣለዎ። ትንሣኤን መስቀልን ክርስቶስ እቲ ቀንዲ ትርጉም ምሥጢረ ፋሲካ እዩ። (631-638)

**127- ትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘረጋግጹልና ምልክታት እየኖት እዮም?**

ቀንዲ ምልክትን መረጋገጽን ትንሣኤ ክርስቶስ እቲ ጥርሑ ዚተረፈ መቓብር እዩ። ብተወሳኺ ድማ እተን ኣቐዲመን ንክርስቶስ ዚረኸባኦ፡ ንሓዋርያት ዜበሠራ ኣንስቲ እየን። ድሕሪዚ እውን ኢየሱስ፡ "ንኬፋ ተራእየ፡ ድሓርውን ነቶም 12 ተራእዮም። ብድሕሪኡ ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ንዝበዝኑ ኣኅዋት ብሓደ ጊዜ ተራእየ" (1ቆሮ. 15, 5-6)። ትንሣኤ ክርስቶስ፡ ሓዋርያት ዚመሃዝዎ ፍጻሜ እዩ ክንብል ኣይኻኣልን፡ ከመይ ቅድምሲ ንሶምውን ይኣምኑ ኣይነበሩን። ክርስቶስውን ከይተረፈ ኣብ ትንሣኤኡ ብዘይምእማኖም ገሰጾም። (639-644፡ 656-657)

**128- ትንሣኤ ክርስቶስ ዝረኤ ክሥተት ከሎ፡ ከመይ ቢልና ኢና መልዕልተ ባህርያዊ ፍጻሜውን እዩ ንብል?**

ትንሣኤ ክርስቶስ ታሪኻዊ፡ ዝርኤ፡ ብምልክታትን መስከርትን ዝተረጋገጸ ፍጻሜ እዩ። ብተወሳኺ ግን ከአ ክርስቶስ ምስ ሰብነቱ (ሥጋኡ) ናብ ክብሪ ኣምላኽ ዚተጸምበረሉ ፍጻሜ ስለዝኾነ፡ ልዕሊ ታሪኽን ልዕሊ ባህርያዊ ክሥተትን ኮይኑ ናይ እምነትና ምሥጢርውን እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ እዩ ክርስቶስ ድሕሪ ትንሣኤኡን ንዓለም ዘይኮነስ፡ ነቶም ኣብ ቅድሚ ኣሕዛብ መስከርቲ ትንሣኤኡ ንዝኾንዎ ሓዋርያት ጥራይ ዝተረኣዮም። (647፡ 656-567)

129- ናይቲ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ሥጋ ከመይ እዩ?

ትንሣኤ ክርስቶስ፡ ድሕሪ ሞት ናብ ምድራዊ ሕይወት ምምላስ ጥራይ ማለት ኣይኮነን። እቲ ዚተንሥአ ሥጋ ክርስቶስ፡ ናይቲ ዝተሰቐለ ሥጋ ምልክት ስቓይ ዝኾኑ ቅንዋት ዘለዎ ሥጋ ነበረ። እንተኾነ ግን ኣብ መለኮታዊ ሕይወት ዚሳተፍ ሥጋውን ስለዝኾነ፡ ናይቲ ዝኸበረ ሥጋ ባህርይውን ኣለዎ። በዚ ምኽንያት እዚ እቲ ዝተንሥአ ክርስቶስ ከም ድላዩን ኣብ ድላዩን ብዝተፈላለየ መልክዕ ንሓዋርያቱ ኪረኣዮም ልዑል ናጽነት ነበሮ። (645-646)

130- ብኸመይ ኢና ትንሣኤ ክርስቶስ ተግባር ቅድስቲ ሥላሴ እዩ እንብሎ?

ትንሣኤ ክርስቶስ መልዕልተ ባህርያዊ ዝኾነ ተግባር ኣምላኽ እዩ። ሠለስተ ኣካላት ቅድስቲ ሥላሴ ከከም እጆኦም ይዓዩ ኢዮም። ስለዚ ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ፡ እግዚኣብሔር ኣቦ ኃይሉ ይገልጽ፤ ኣግዚኣብሔር ወልድ ነታ ብናጽነት ዘወፈያ ሕይወቱ፡ ነፍስን ሥጋን ኣወሃሂዱ "ከምብሓድሽ ይወስዳ"፤ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ድማ ነታ ሥጋ ሕይወት ይህባን የኽብራን። (648-650)

131- ትርጉምን ኣገዳስነትን ትንሣኤ ክሳብ ክንደይ ልዑል እዩ?

ትንሣኤ ክርስቶስ መዛዘሚ ትስብእቲ እዩ። ክርስቶስ ኣምላኽ ከምዝኾነ ኲሉ እቲ ንሱ ዚገበሮን ዚበሎን መለኮታዊ ከምዝኾነ ይገልጸልና። ኲሉ መለኮታዊ ተስፋታት ኣብኡ ከምዝተፈጸመ የረድእ። እቲ ንኃጢኣትን ንሞትን ብምስዓር ዝተንሥአ ክርስቶስ፡ መበገሲ ጽድቅናን ትንሣኤናን ከምዝኾነ ይሕብር። ሳላ ትንሣኤ ክርስቶስ፡ ኣብ ምድሪ ከሎና ኣብ ሕይወት ናይ ሓደ ዝኾነ ወዲ ኣምላኽ ስለንሳተፍ፡ ድሮ ደቂ እግዚኣብሔር ኾነውን። ሳላ ትንሣኤ፡ ኣብ መወዳእታ ዓለም እዚ መዋቲ ሥጋና ኪትንሥእ እዩ። (651-655፡ 658)

132- ዕርገት ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ዕርገት ማለት፡ ክርስቶስ ድሕሪ ካብ ሙታን ምትንሡኡ፡ በቲ ናይ ትንሣኤ ክብሩ ዝሸፍን ዚነበረ ሰባኣዊ ባህርዩን ሕይወቱን ንኣርብዓ መዓልቲ ምስ ሓዋርያት ድሕሪ ምጽንሑ፡ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ኣብ የማን ኣብኡ ተቐመጠ ማለት እዩ። ክርስቶስ ድሕሪ ዕርገቱ፡ ሥጋዊ ብዝኾነ ባህርዩ ኣብቲ ዘለዓለማዊ ክብሪ ወዲ ኣምላኽ፡ ከም ጐይታ ኮይኑ ይነግሥ፥ ከየቋረጸ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣብኡ ምእንታና የማልድ ኣሎ። ቦታ ኣሰናዲዩልና ስለዘሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ብምልኣኽ፡ ሓደ መዓልቲ ኣብ ሰማይ ከምእንረኽቦ ተስፋ ይህበና። (659-667)

133- ክርስቶስ ጐይታ ከመይ ቢሉ እዩ ዚነግሥ?

እቲ ዝኸበረ ክርስቶስ ጐይታ ዓለምን ታሪኽን፡ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ስለዝኾነ ድሕሪ ዕርገቱውን እንተኾነ ምሥጢራዊ ብዝኾነ ኣገባብ ኣብ ምድሪ ኣሎ። ንሱ ከም ዘርእን፡ መበቆል ቤተ ክርስቲያን ን ድሮ ኣብ

ምድሪ ኣሎ። ዋላእኳ መኣስ ምዃኑ እንተዘይፈለጥና፡ ሓንቲ መዓልትስ ብኽብሪ ናብ ምድሪ ኪመጽእ (ኪምለስ) እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ "ንዓ ጐይታ!" (ራእይ 22,20) እናበልና ነቚሕና ንነብር። (668-674፡ 680)

**134- ክርስቶስ ጐይታ ከመይ ኢሉ እዩ ብኽብሪ ዚመጽእ (ዚምለስ)?**

ናይዚ ሓላፊ ዓለም ናይ መወዳእታ ድብልቕልቕ ምሽኻ፡ ክርስቶስ ጐይታ ብኽብሩ ኪግለጽ እዩ። ናይ መወዳእታ ግልጸትን ናይ መወዳእታ ፍርድን ኪኸውን እዩ። ሽዑ ንዘለዓለም ኣምላኽ ብቀዋምነት ኪነግሥ እዩ። ከምዚ ቢሉ መንግሥቲ ኣምላኽ መፈጸምታ ኪረክብ እዩ። (675-677፡ 680)

**135- ክርስቶስ ንሕያዋንን ሙታንን ከመይ ኢሉ እዩ ዚፈርድ?**

ክርስቶስ፡ ነሕዛብ ኬጽድቕ፡ ንዓለምውን ኬድኅን ኢሉ ብምምጻኡ ኃይሊ ረኸበ። ዳግማይ ኪመጽእ ከሎ ብዚ ኃይሊዚ እዩ ዚመጽእ። ናይ ኵሉ ሰብ ናይ ልቢ ምሥጢር ኪቕላዕ እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ ምስ ኣምላኽን ምስ ብጻዩን ዚነበሮ ጠባይ ኪገሃድ እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ ከከም ግብሩ፡ ወይ ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ወይ ናይ ዘለዓለማዊ ኵነኔ ኪፍረድ እዩ። ከምዚ ቢሉ "ናይ ክርስቶስ ምልኣት ብጽሕና" ኪፍጸም እዩ (ኤፌ. 4,13)። ከማኡውን "ኣምላኽ ኵሉን ኣብ ኵሉን ኪኸውን እዩ" (1ቆሮ. 15,28)።

# ሣልሳይ ምዕራፍ

*"ብመንፈስ ቅዱስ እኣምን"*

**136- ቤተ ክርስቲያን "ብመንፈስ ቅዱስ እኣምን" ክትብል ከላ እንታይ ኢያ ትምስክር?**

"ብመንፈስ ቅዱስ እኣምን" ማለት እቲ ሣልሳይ ኣካል ቅድስቲ ሥላሴ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ፡ ካብ ኣብን ወልድን ከምዚሰርጽ፡ ምስ ኣብን ወልድን ከምነምልኾን ከም ነኽብሮን ምእማን ማለት እዩ። መንፈስ ቅዱስ፡ ንሕና ሓድሽ ዝኾነ ሕይወት ደቂ እግዚኣብሔር ምእንቲ ክንቕበል "ናብ ልባትና ዝተላእኸ" (ገላ.4,6) መንፈስ እዩ። (683-686)

**137- ናይ ወልድን ናይ መንፈስ ቅዱስን ተልእኾ ስለምንታይ እዩ ዘይፈላለ?**

ኣብቲ ዘይርኤ ምሥጢረ ቅድስቲ ሥላሴ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ንበይኖም ኣካላት ክነሶም ግን ከኣ ዘይፈላለዩ እያቶም። ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ኣቦ ወዱ ኪልእኽ ከሎ፡ ከም ደቂ እግዚኣብሔር ንኣምላኽ "ኣቦ" (ሮሜ 8,15) ቢልና ምእንቲ ክንጽውዖ፡ ነቲ ምስ ወዱ ብእምነት ዘወሃህደና መንፈስ ቅዱስውን ይሰድድ። መንፈስ ቅዱስ ኣይርኣን እዩ፡ ኮይኑ ግን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስዚገልጸልና፡ ከምኡውን ኣብ ቤተ ክርስትያኑ ኪዓዪ ከሎ ንሕና ንተግባራቱ ንርኢ። (687-690፡ 742-743)

**138- ኣስማት (መጸውዒ) መንፈስ ቅዱስ ኣየኖት እዮም?**

"መንፈስ ቅዱስ" ዝብል ስም እቲ ቀንዲ መጸውዒ ሣልሳይ ኣካል ቅድስቲ ሥላሴ እዩ። ክርስቶስ ግን መንፈስ ጳራቕሊጦስ (መጸናንዒ፡ ጠበቓ)፡ መንፈስ ሓቂ ቢሉውን ይጽውዖ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን "መንፈስ ክርስቶስ፡ መንፈስ ጐይታ፡ መንፈስ ክብሪ፡ መንፈስ ተስፋ" ዝብል መጸውዒ ኪህልዎውን ይኽእል። (691-693)

**139- ናይ መንፈስ ቅዱስ ምልክታት (ምሳሌታት) ኣየኖት እዮም?**

መንፈስ ቅዱስ ብዙሓ ምልክታት ወይ ምሳሌ ኣለዎ። በቲ ካብ ዉጉእ ጐድኒ ኢየሱስ ስቑል ዝወጽአ፡ ንኹሎም ጥሙቓት ድማ ዘርዊ፡ ብሕያው ማይ ይምሰል። ናይ ምሥጢረ ቕብዓት ፍሉይ ምልክት ብዝኾነ ቕብዓተ ሜሮን ኪምሰል ይከኣል። ዝተንከፎ ዜንጽሕ ሓዊ፡ ክብሪ እግዚኣብሔር ዚግለጸሉ ጸሊም ወይ ብሩህ ደመና፡ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ብጊዜ ጥምቐት ኣብ ልዕሊ ክርስቶስ ዚወረደት ርግቢ፡ ምልክታት ወይ ምሳሌ መንፈስ ቅዱስ እዮም። መንፈስ ቅዱስ ዝወርደሉ ኣገባብ፡ ማለት ኣንብሮ-ኢድ እውን ሓደ ምልክት መንፈስ ቅዱስ እዩ። (694-701)

**140- "መንፈስ ቅዱስ ብኣፍ ነብያት ተናገረ" ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ኩሎም እቶም ብስም ኣምላኽ ንኪዛረቡ ብኣስተንፍሶ መንፈስ ቅዱስ ዝተጸልዉ ሰባት ነብያት ተባሂሎም ይጽውዑ። ናይ ብሉይ ኪዳን ትንቢት፡ ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ክርስቶስ መዛዘሚ ይረክብ። ክርስቶስ ድማ ናይ ኩሉ ትምቢታት ትርጉም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ይገልጸልና። (687-688፡ 702-706፡ 743)

**141- መንፈስ ቅዱስ ብዮሓንስ መጥምቕ ኣቢሉ እንታይ ሰርሐ?**

ዮሓንስ መጥምቕ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ መወዳእታ ነብይ እዩ። መንፈስ ቅዱስ መሊእዎ፡ "ንእግዚኣብሔር ብቑዕ ሕዝቢ ምእንቲ ኬዳሉ" (ሉቃ. 1,17)፤ ናይቲ ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ናይ ክርስቶስ ምጽኣት ኪእውጅ ብመንፈስ ቅዱስ ተላእኸ። ክርስቶስ ድማ "እቲ ብመንፈስ ቅዱስ የጠምቕ" (ዮሓ. 1,33) ስለዝነበረ፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊኡ ኪወርድን ኪነብርን ዮሓንስ መጥምቕ ርእዩ መስከረ።(717-720)

**142- መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ማርያም እንታይ ገበረ?**

መንፈስ ቅዱስ፡ እቲ ብዛዕባ ምጽኣት ክርስቶስ፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ ትጽቢትን ምቕርራብን ኣብ ልዕሊ ማርያም ከምዚፍጸም ገበረ። ፍሉይ ብዝኾነ ኣገባብ ብጸጋ መልኣ፡ ብድንግልና ከምትፈሪ ገበራ። ከምዚ ቢላውን ነቲ ዚተሠገወ ቃል ኣምላኽ ወለደት። ማርያም ናይቲ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ ክርስቶስን፡ ናይታ ኣካሉ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ን ኣደ ስለዝኾነት፡ ንክርስቶስ "ብኩልንትናኡ" ኣዲኡ ኮነት። ኣብ መዓልቲ ጰንጠቆስጠ፡ መንፈስ ቅዱስ ቤተ ክርስቲያን ብምውላድ፡ ነቲ ናይ "መወዳእታ ዘመን" ኪምርቕ ከሎ፡ ማርያም ምስቶም 12 ሓዋርያት ብሓንሳእ ነበረት። (721-726፡744)

**143- ኣብ መንጐ መንፈስ ቅዱስን፡ ኣብ ዕማም ምድራዊ ተልእኽኡ ዝነበረ ክርስቶስን እንታይ ርክብ ኣሎ?**

ካብ ትስብእቱ ጀሚሩ እቲ ወዲ ኣምላኽ ዝነበረ ክርስቶስ ኣብ ሰብኣዊ ባህርዩ፡ ብቕብኣት መንፈስ ቅዱስ፡ መሲሕ ኮይኑ እዩ ተቐቢኡ። ነቦታትና ተስፋ ተዋሂብዎም ከምዝነበረ፡ ነዚ ምሥጢርዚ ክርስቶስ ኣብ መንፈሳዊ ትምህርቱ ገለጸ። ድሕሪ ትንሣኤኡ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያቱ ኡፍ ብምባል፡ ነታ ትውለድ ዝነበረት ቤተ ክርስቲያኑ ነዚ መንፈስዚ የመሓላልፈላ። (727-730፡ 745-746)

**144- ኣብ መዓልቲ ጰንጠቆስጠ እንታይ ተፈጸመ?**

50 መዓልቲ ድሕሪ ትንሣኤ፡ ኣብ መዓልቲ ጰንጠቆስጠ፡ እቲ ዝኸበረ ክርስቶስ መንፈስ ቅዱስ ኣብዚ-ኑ የፍስስ፥ መንፈስ ቅዱስ ከም ኣካል ይግለጽ፤ በዚውን ምሥጢረ ቅድስቲ ሥላሴ ምልኣት ይረክብ። እቲ

ንክርስቶስን ንመንፈስ ቅዱስን ተዋሂብዎም ዚነበረ ተልእኾ፣ ተልእኾ ቤተ ክርስቲያን ይኸውን፤ ከመይ ንሳ (ቤተ ክርስቲያን ) ነቲ ኣብ ቅድስቲ ሥላሴ ዘሎ ምሥጢራዊ ሓድነት ከተብሥር እያ ተላኢኻ። (731-732፣ 738)

*"ነቲ ሓቀኛ ብርሃን ረአና። ነቲ ሰማያዊ መንፈስ ተቐቢልና።*
*ነታ ሓቀኛ ሃይማኖት ረኺብናያ።*
*ነቲ ዘይፈላለ ቅዱስ ሥሉስ ነምልኾ፣*
*ከመይ ሥላሴ ኣድኂኖሙና ኢዮም"*
*(ካብ ዋዜም በዓል ጰንጤቆስጠ ሥርዓት ቁስጥንጥንያ)።*

**145- *ተግባር መንፈስ ቅዱስ እንታይ እዩ?***
*መንፈስ ቅዱስ ንቤተ ክርስቲያን ይሓንጻ፣ የንቀሳቕሳ፣ ይቕድሳ። መንፈስ ቅዱስ መንፈስ ፍቅሪ ስለዝኾነ፣ ብሰንኪ ኃጢኣት ኣዳም ደቂ ሰባት ውሉድነት ኣምላኽ ምስ ኣጥፍኡ፤ ንሱ (መንፈስ ቅዱስ) ነቶም ዝተጠምቁ እዚ ጸጋዚ ሂቡ፣ ምስ ክርስቶስ ኣብ ሕይወት ቅድስቲ ሥላሴ ከም ዚሳተፉ ገበረ። ነታ ክርስቶሳዊ ሓቂ ንኪምስክሩ ባዕሉ ይልእኾም። ኵላቶም "ፍረ መንፈስ ቅዱስ" ንኪህልዎም፣ ከከም ተግባራቶም/ሓልፍነቶም ይውድቦም።* (738-741)

**146- *ክርስቶስን መንፈሱን ከመይ ቢሎም ኣብ ልቢ መእመናን ይዓዩ?***
*በቶም ዚቕድሱና ምሥጢራት ገይሩ ክርስቶስ መንፈሱ ኣብ ልቢ መእመናን የፍስስ። ክርስቶስ ነቶም ኣባላት ሰብነቱ ዝኾኑ መእመናን፣ መንፈሱን ጸጋ ኣምላኽን ምስዝህብ (ምስዘሳትፍ)፣ ብመንፈስ ቅዱስ ፍረ ሓድሽ ሕይወት ይረኽቡ። መንፈስ ቅዱስ መምህር ጸሎት እዩ።* (738-741)

*"ብቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን እኣምን"*

**147- ቤተ ክርስቲያን *ዝብል ቃል እንታይ እዩ ትርጉሙ?***
*ነቶም ብእምነትን ጥምቀትን ደቂ ኣምላኽ፣ ኣባላት ክርስቶስ፣ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ዝኾኑ፤ ኣምላኽ ካብ ኵሉ ወሰናስን ምድሪ ዝኣኻኸቦም፤ ሓደ ማኅበር ንዚቁሙ ሕዝበ እግዚኣብሔር የመልክት።* (751-752፣ 777-804)

**148- *ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንቤተ ክርስቲያን ዜመልክት ካልእ ኣስማትን ምሳሌታትን ኣሎዶ?***
*ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ንገለ መልክዕን ጠባይን ቤተ ክርስቲያን ዜመልክት ብዙኅ ምሳሌን ምልክትን ንረክብ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝያዳ ዚጥቀስ እቲ ምስ ሕዝበ እግዚኣብሔር ዝያዳ ምምስሳል ዘለዎ መጸውዒ እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ግን ምስ ክርስቶስ ርእስን መራሕን ሕዝቢ ዝተተሓሓዘ መጸውዒ ይበዝኅ። ካብ ጒስነታዊ ሕይወት ዚተወስደ መጸውዒ መኋሰ፣ ኣባጊዕ፣ ኳሳ ዝብል ኣሎ። ምስ ሕርሻ ዝተኣሳሰር ግራት፣ ኣውሊዕ፣ ተኽሊ ወይኒ ዝብል ኣሎ። ምስ ሕንጻ ዚመሳሰል፣ ማሕደር፣ ከውሒ፣ ቤተ መቕደስ ዝብል መጸውዒ ኣሎ። ከማኡውን ምስ ስድራቤታዊ ሕይወት ዝተኣሳሰር፣ መርዓት፣ ኣደ፣ ስድራቤት ዝብል መጸውዒ ኣሎ።* (753-757)

**149- *መበቆልን ፍጻሜን ቤተ ክርስቲያን እየኖት እዮም?***

ናይ ቤተ ክርስቲያን መበቆልን ፍጻሜን ኣብቲ ዘለዕለማዊ መደብ ኣምላኽ እዩ ዚርከብ። ኣምላኽ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንሕዝበ እስራኤል ሓረየ። እዚ ናይቲ ኪመጽእ ዚነበሮ ምትእኽኻብ ኵሎም ኣሕዛብ ዓለም ምልክትን ምሳሌን እዩ። መበቆል ቤተ ክርስቲያን ካብዚ እዩ። ቤተ ክርስቲያን ብቃላትን ተግባራትን ኢየሱስ ክርስቶስ እያ ተመሥሪታ። ብፍላይ መድኃኒ ብዝኾነ ሞቱን ትንሣኤኡን ተሓኒጻ። ኣብ መዓልቲ ጰንጠቆስጠ ብርደት መንፈስ ቅዱስ፡ ከም ተለኣኺት ናይ ምሥጢረ ድኅነት ንዓለም ተገሊጻ። ኣብ መወዳእታ ዓለም ኵሎም እቶም ዚደኃኑ ምስ ተኣኻኸቡ ከም ሰማያዊት ማኅበር ፍጻሜ ክትረክብ እያ። (758-766፡ 778)

150- ተልእኾ ቤተ ክርስቲያን እንታይ እዩ?

ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተጀመረ ስራሕ መንግሥተ ሰማያት ኻኵሎም ኣሕዛብ ምስባኽን፡ ናብ መላእ ዓለም ከምዝዚርጋሕ ምግባርን እዩ። ንሳ (ቤተ ክርስቲያን) ኣብዚ ዓለምዚ ናይቲ ዜድኅን መንግሥቲ ኣምላኽ ዘርእን መበቆልን እያ። (767-769)

151- ብኸመይ እያ ቤተ ክርስቲያን "ምሥጢር" እትበሃል?

ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዓለም ብዝርአ ግዙፍ ህላዌኣ ብዛዕባ መንፈሳዊ መለኮታዊ ጉዳይ ጥራይ እያ እትግደስ። ስለዚ ብዓይኒ እምነት እንተዘይኮይኑ ህላዌኣን ትርጉማን ክንፈልጦ ስለዘይኽእል፡ ቤተ ክርስቲያን ምሥጢር እያ ንብል። (770-773፡ 779)

152- "ቤተ ክርስቲያን ናይ ኵሉ ዓለም ናይ ድኅነት ምሥጢር እያ" ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ቤተ ክርስቲያን ናይ ደቂ ሰብ ምስ ኣምላኽን፡ ናይ ሓድሕዶምን፡ ናይ ዕርቅን ሓድነትን ምልክትን መጋበርን እያ ማለት እዩ። (774-776፡ 780)

153- ስለምታይ ኢና ቤተ ክርስቲያን "ሕዝበ እግዚኣብሔር" እዩ እንብል?

ኣምላኽ ንደቂ ሰብ በበይኖም ዘይኮነስ፡ ብሓድነት ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ሕዝቢ ኮይኖም፡ ብሓንሳእ ኬድኅኖምን ኬጽድቖምን ስለዝደለየ፡ ቤተ ክርስቲያን እንኪበሃል "ሕዝበ እግዚኣብሔር" እዩ ዜስምዕ ንብል። (781፡ 802-804)

154- ናይ "ሕዝበ እግዚኣብሔር" ፍሉይ መለለይ እንታይ እዩ?

ኣባል ዚኸውን ናይዚ ሕዝቢዚ ኣብ ክርስቶስ ኣሚኑ ጸጋ ጥምቐት ምስዚቅበል እዩ። እዚ ሕዝቢዚ መበቆሉ እግዚኣብሔር ኣብ እዩ። ርእሱ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ኣብ ኵሉ ሃለዋቱ፡ ብክብርን ናጽነትን ደቂ እግዚኣብሔር ምንባር እዩ። ሕጉ፡ እቲ ሓድሽ ትእዛዝ ፍቕሪ እዩ። ተልእኾኡ፡ ጨው ምድርን ብርሃን ዓለምን ምዃን እዩ። ዕላማኡ፡ ድሮ ኣብ ምድሪ ንዝተጀመረ መንግሥቲ ኣምላኽ ምውራስ እዩ። (782)

155- ከመይ ኢሉ እዩ ሕዝበ እግዚኣብሔር ኣብተን ሠለስተ ተግባራት ክርስቶስ (ካህን፡ ነብይ፡ ንጉሥ) ዚሳተፍ?

መእመናን ወይ ሕዝበ እግዚኣብሔር ብጸጋ ጥምቀት ብመንፈስ ቅዱስ ተቐቢኦም መንፈሳዊ መሥዋዕቲ ኬቕርቡ ስለዝኽእሉ፡ ኣብቲ ክህነታዊ ስራሕ ክርስቶስ ኪሳተፉ ይኽእሉ። ሕዝበ እግዚኣብሔር መልዕለተ ባህርያዊ ብዝኾነ ኣገባብ፡ ብዘይ ጌጋ ኣብ እምነቱ ስለዝጸንዕ፡ እናኣዕሞቐውን ንእምነቱ ስለዝምስክር፡ ኣብ ነብያዊ ተልእኾ ክርስቶስ ይሳተፍ። ክርስቶስ ንጉሥ ዓለም ክነሱ ኣገልጋሊ ኵሎም፡ ብፍላይ ድማ ኣገልጋሊ ድኻታትን

ሕሙማትን ኮነ። ሕዝበ እግዚኣብሔር ንኣምላኽን ንሰብን ኬገልግል ክሎ ንክርስቶስ ይመስል፡ ኣብቲ ንጉሣዊ ተልእኾኡ ድማ ይሳተፍ። (783-786)

**156- ከመይ ቢልና ኢና ቤተ ክርስቲያን "ሰብነት ክርስቶስ" እያ እንብል?**

እቲ ዚሞተን ዝተንሥኤን ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ገቢሩ፡ ንኲሎም መእመናን ምስገዛእ ርእሱ ኣዕሚቑ የሕብሮም። መእመናን፡ ብፍላይ ኣብ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ምስ ክርስቶስ ይሓብሩ። ብክርስቶስ ንሓድሕዶም ብፍቅሪ ስለዝሓብሩውን ቤተ ክርስቲያን ማለት ሓደ ሰብነት (ኣካል) የቑሙ። ኣብታ ሰብነት ክርስቶስ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ዘሎ ሓድነት ዝተፈላለየ ኣካላትን ዝተፈላለየ ተግባራትን ይሓቑፍ። በዚ ኢና ቤተ ክርስቲያን "ሰብነት ክርስቶስ" እያ እንብል። (787--791፡ 805-806)

**157- ናይዚ "ስብነት" እዚ "ርእሲ" መን እዩ?**

ክርስቶስ "ናይታ ሰብነቱ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ርእሲ እዩ" (ቆላ. 1,18)። ቤተ ክርስቲያን ከኣ ንኣኡን ብኣኡን ኣብኡን እያ እትነብር። ቤተ ክርስቲያን ን ክርስቶስን እቲ "ምሉእ ክርስቶስ" የቑሙ (ቅዱስ ኣጐስጢኖስ)። "ርእስን ኣካላትን ዳርጋ ሓደ ምሥጢራዊ ኣካል የቑሙ ክንብል ንኽእል" (ቅዱስ ቶማስ በዓል ኣኲኖ)። (792-795፡ 807)

**158- ስለምንታይ እያ ቤተ ክርስቲያን "መርዓት ክርስቶስ" እትበሃል?**

ክርስቶስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ "መርዓዊ" (ማቴ. 2,19 እየ ስለዝበለ፤ ክርስቶስ ንቤተ ክርስትያኑ ብዘለዓለማዊ ኪዳን ምስኡ ስለዚጸምበራ፡ ቤተ ክርስቲያን "መርዓት ክርስቶስ" እያ ንብል። ክርስቶስ ንቤተ ክርስትያኑ ኬንጽሓን ብደሙ ከኣ "ቅድስቲ ኪገብራ" (ኤፌ. 5,26)፡ ፈራይት ኣደ ኰሎም ደቂ እግዚኣብሔር ንክትከውን፡ ሕይወቱ ቤጃኣ ኣሕለፈ። "ሰብነት" ዝብል ቃል ሓድነት "ርእስን" ኣካላትን ኪገልጽ ከሎ፡ እቲ "መርዓት" ዝብል ቃል፡ ክርስቶስን ቤተ ክርስቲያንን ከኣ ኣብ ሓድነቶም ክልተ ፍሉያት ኣካላት ከምዘይኾኑ ይገልጽ። (796፡ 808)

**159- ቤተ ክርስቲያን ስለምንታይ እያ "ማሕደር መንፈስ ቅዱስ" እትበሃል?**

መንፈስ ቅዱስ ኣብቲ ሰብነት ስለዘሎ፡ እቱ ሰብነቱ ድማ ቤተ ክርስቲያን ስለዝኾነት፡ ከምእውን መንፈስ ቅዱስ ኣብ ርእስን ኣብቶም ኣካላትን ስለዘሎ፡ ቤተ ክርስቲያን "ማሕደር መንፈስ ቅዱስ" እያ ንብል። ብተወሳኺ ድማ መንፈስ ቅዱስ፡ ብቃል ኣምላኽ፡ ብምሥጢራት፡ ብመንፈሳዊ ኃይላትን ተውህቦታትን ንቤተ ክርስትያኑ ኣብ ፍቕሪ ስለዝሓንጻ፡ ቤተ ክርስቲያን "ማሕደር መንፈስ ቅዱስ እያ" ንብል። 9797-798፡ 809-810)

*"ከምቲ መንፈስና ማለት ነፍስና ንሥጋዊ ኣካላትና ዘንቀሳቕስ፡*
*ከምኡውን መንፈስ ቅዱስ ነታ ሰብነት ክርስቶስ ዝኾነት*
*ቤተ ክርስቲያንን ንኣካላታን የንቀሳቕስ"*
(ቅዱስ ኣጐስጢኖስ)

**160- "ውህበታት" ኣየኖት እዮም?**

ንጥቅሚ ሰብን፡ ኣድላይነት ዓለምን፡ ብፍላይ ድማ ንሕንጸት ቤተ ክርስቲያን ን ካብ መንፈስ ቅዱስ ንዉልቀሰብ ዝወሃብ ፍሉይ ህያባት "ውህበታት" ይበሃል። ምልላይ "ውህበታት" ናይቲ መሃሪ ዝኾነ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ፍሉይ ስልጣን እዩ። (799-801)

**ቤተ ክርስቲያን ሓንቲ፡ ቅድስቲ፡ ካቶሊካዊት፡ ሓዋርያዊት እያ።**

161- ስለምታይ ኢና ቤተ ክርስቲያን “ሓንቲ” እያ እንብል?

ናይ ቤተ ክርስቲያን መበቆልን ኣርኣያ እቲ ኣብ ቅድስቲ ሥላሴ ዘሎ ሓድነት ስለዝኾነ፤ እቲ መሥራቲኣን ርእሳን ዝኾነ ክርስቶስ ናይ ኵሎም ኣሕዛብ ሓድነት፣ ኣብ ሓደ ዝኾነ ሰብነት ኬሐድስ ስለዚመጸ፤ እቲ ነፍሲ/መንፈስ ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ንኵሎም መእመናን ኣብ ሓድነት ክርስቶስ ስለዘጎብር፤ ቤተ ክርስቲያን “ሓንቲ” እያ ንብል። ንሳ ሓንቲ እምነት፣ ኣብ ምሥጢራት ዚተመሥረተ ሓንቲ ሕይወት፣ ሓደ ዝኾነ ኣከታትላ ስልጣን ሓዋርያት፣ ሓንቲ ናይ ሓባር ተስፋ፣ ሓንቲ ዝኾነት ፍቕሪ ኣለዋ። (813-815፣ 866)

162- እዛ “ሓንቲ“ እንብላ ናይ ክርስቶስ ቤተ ክርስቲያን ኣየነይቲ እያ፣ (ኣበይ እያ ዘላ)?

እዛ ሓንቲ ናይ ክርስቶስ ቤተ ክርስቲያን፣ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን እያ። ንሳ ከም ሓደ ዝተወደበን ቅዋም ዘለዎ ማኅበረሰብ ኮይና ኣብ ዓለም ትነብር። ኣዛ ቤተ ክርስቲያን እዚኣ በቲ ወራሲ መንበር ጴጥሮስ ዝኾነ ር.ሊ.ጳጳሳት ሮማን ምስኡ ሓድነት ብዘለዎም ኣቡናትን ትመሓደር። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኵሉ መንፈሳዊ ሃብቲ ሓድሽ ኪዳን ነቶም ብጴጥሮስ ዚምርሑ ዝነበሩ ማኅበር ሓዋርያት ሃቦም። ስለዚ በቶም ወረስቶም ዝኾኑ ጥራይ እዩ ምልኣት መጋበሪ ድኅነት ኪርከብ ዚከኣል። (816፣870)

163- ኵነታት ናይቶም ካቶሊኽ ዘይኮኑ ክርስቲያን ከመይ እዩ?

ኣብተን ካብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዝተፈንጨላ ኣብያተ ክርስትያናትን ማኅበረክርስቲያንን ናይ ቅድስናን ሓቅን ብዙኅ ባእታታት ኣሎ። እዚ ኵሉ ሃብቲ ካብ ክርስቶስ እዩ ዚመጽእ፣ ናብ ካቶሊካዊ ሓድነትውን የምርሕ። ኣባላት እዘን ኣብያተ ክርስትያናትን ማኅበረ ክርስቲያንን ብጸጋ ጥምቐት ኣብ ክርስቶስ ሓድነት ኣለዎም። ንሕናውን ከም ኣኀዋትና ንቕበሎም። (817-819)

164- ብዛዕባ ሓድነት ክርስቲያን እንታይ ክንገብርን ይግብኣና?

ናይ ኵሎም ክርስቲያን ሓድነት ሃረር ምባል፣ ህያብ ክርስቶስን መጸዋዕታ መንፈቅ ቅዱስን እዩ። እዚ ጉዳይዚ፣ ጉዳይ መላእ ቤተ ክርስቲያን እዩ። ሓድነት ክርስቲያን ዚመጽእ ወይ ዚፍጠር፣ ንሓድሕድካ ብምፍልላጥን፣ ብኅውነታዊ ምቕብባልን፣ ብተሎጊያዊ ዘተን፣ ብጸሎትን ብምሕዳስ ልብን ጥራይ እዩ። (820-822፣ 866)

165- ስለምታይ እያ ቤተ ክርስቲያን “ቅድስቲ” እትበሃል።

እቲ ኣዝዩ ቅዱስ ዝኾነ ኣምላኽ ፈጣሪኣ (ገባሪኣ) ስለዝኾነ፣ ቤተ ክርስቲያን ቅድስቲ እያ። ክርስቶስ ንኺቕድሳን ቐዳሲት ንክትከውንን ቢሉ ሕይወቱ በጃኣ ኣሕለፈ። መንፈስ ቅዱስ ብፍቕሩ ሕይወት ይህባ። ኣብኣ ምልኣት መጋበሪ ድኅነት ኣሎ። ቅድስና ከኣ ጸዋዕታ ናይ ነፍስወከፍ ኣባላ እዩ፣ ከመይ ናይ መወዳእታ ዕላማኣ ቅድስና ክንዲዝኾነ። ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ከም ኣብነታውያንን መማለድትን ኮይኖም ዚርከቡ ብዙኃት ቅዱሳንን፣ ቅድስቲ ድንግል ማርያምን ኣለዉ። እቶም ኣብ መሬት ዘለዉ ኣባላታ ኃጢኣተኛታት ስለዝኾኑ፣ ንስሓን ምንጻሕን ወትሩ ከምዘድልዮም ይእመኑ እዮም። ኮይኑ ግን ቅድስና ቤተ ክርስቲያን ምንጪ ቅድስና ኵሎም ደቃ እዩ። (823-829፣ 867)

**166- ስለምንታይ እያ ቤተ ክርስቲያን "ካቶሊካዊት" እትበሃል?**

ክርስቶስ ኣብኣ ስለዘሎ፡ ቤተ ክርስቲያን "ካቶሊካዊት" ወይ ከኣ ኵላዊት ማለት ዓለምለኻዊት ትበሃል። "ክርስቶስ ኣብ ዘሎ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ኣላ" (ቅዱስ ኢግናጽዮስ በዓል ኣንጺዮኪያ)። ንሳ ናይ እምነት ምልኣትን ምሉእ ሓቅነትን ትእውጅ። ንሳ ፍጹም ዝኾነ መጋበሪ ድኅነት ትውንን፡ ምሥጢራት ብምሥራዕውን ተመሓድሮ። ንሳ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ናብ ንዝነብሩን ዝነበሩን፡ ዝተፈላለየ ባህሊ ናብ ዘለዎም ኣሕዛብ፡ ልኣኽቲ እያ። (830-831፡ 868)

**167- ናይ ነፍስወከፍ ናይ ሃገረ ስብከት ቤተ ክርስቲያን "ካቶሊካዊት" ክትበሃል ትኽእልዶ?**

እወ። ብእምነትን ብምሥጢራትን ምስቲ ሥሩዕ ብዝኾነ ኣከታትላ ስልጣን ሓዋርያት ዚተቐብአ ጳጳሶም ኅብራት ዝኾኑ፡ ከምኡውን ምስታ "ብፍቅሪ እንተላዕለ ኵሉ ዝኾነት" (ቅድስ ኢግናጽዮስ ዘኣንጽዮኪያ) ቤተ ክርስቲያን ሮማ ሓድነት ዘለዎም ማኅበረ ክርስቲያን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገረስብከትን ኤጳርኪናታትን ይሃልዉ ድኣ እምበር፡ ኵላቶም ሓንቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን እዮም ዜቑሙ። (832-835)

**168- ኣባላት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን እኒመን እዮም?**

ኵሎም እቶም ብዝተፈላለየ ኣገባብ ኣባላት ካቶሊካዊ ሓድነት ሕዝበ እግዚኣብሔር ዝኾኑ ወይ ዝተሰርዑ ሰባት እዮም። ምስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ኣብ እምነትን ምሥጢራትን፡ ኣብ ሱታፌን መንፈሳዊ ምምሕዳርን ሓድነት ዘለዎ፤ መንፈስ ጐይታ ዚዓሰሎ፡ ምሉእ ኣባልነት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ኣለዎ። ዝተጠመቁ ዘበሉ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ምሉእ ካቶሊካዊ ሓድነት ዘየለዉ፡ ምሉእ ኣይኰኑን ድኣ እምበር ምስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ገለ ሱታፌ ኣለዎም። (836-838)

**169- ዕብራውያንን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያንን እንታይ ርክብ ኣለዎም?**

ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ዕብራውያን ተቐበልቲ ቃል ኣምላኽ ንኪኾኑ፡ ቅድሚ ኵሉ ብኣምላኽ ስለዝተመርጹ፡ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ምስኦም ርክብ ከምዘለዋ ትኣምን። ንዕብራውያን "እግዚኣብሔር ደቁ ገበሮም፡ ክብሩ ገለጸሎም፡ ኪዳን ኣተወሎም፡ ሕጊ ሓገገሎም፡ ኣምልኾ ሠርዓሎም፡ ተስፋ ድማ ሃቦም። ንሳቶም ካብ ኣበው ዝተወልዱ እዮም፡ ክርስቶስውን ብሥጋ ካብኣቶም እዩ ዝተወልደ" (ሮሜ 9,4-5)። እምነት ወይ ሃይማኖት ዕ ብራውያን (ኣይሁድ) ነቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተኸሥተ ግልጸት ኣምላኽ ምላሽ ስለዝሃበ፡ ካብተን ካልኦት ዘይክርስቲያን ሃይማኖታት፡ ንካቶሊካውያን ዝተፈልየ ሃይማኖት እዩ። (839-840)

**170- ኣብ መንጐ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያንን ካልኦት ዘይክርስቲያን ሃይማኖታትን እንታይ ርክብ ኣሎ?**

ኵሉ ሕዝቢ ዓለም ናይ ሓባር መበቆልን ዕላማን ስለዘለዎ፡ ኵለን ሃይማኖታት ርክብ ኣለወን። ካቶሊካውያን ኣብ ዘይኮና ሃይማኖታት ዘሎ ሠናይን ሓቅን ካብ ኣምላኽ ከምዚመጽእ፡ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ትኣምነሉ። እዚ ክርስቲያን ኣብ ዘይኮና ሃይማኖታት ዘሎ ጽቡቕን ሓቅን፡ ጩራ መለኮታዊ ሓቂ እዩ። ነቶም ተኸተልተን ዝኾኑ ሰባት ወንጌል ንምቕባል ዚቐራርብ፡ ኵሉ ሕዝቢ ዓለም ኣብ ሓድነት ቤተ ክርስቲያን ኢየሱስ ክርቶስ ንኪጽምበሩውን ዚደፋፍእ ኪከውን ይኽእል። (841-845)

**171- "ካብ ቤተ ክርስቲያን ወጻኢ ድኅነት የልቦን" ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ዝኾነ ይኹን ድኅነት በቲ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ዚኾነ ክርስቶስን፡ በታ ሰብነቱ ዚኾነት ቤተ ክርስቲያን እዩ ዚመጽእ ማለት እዩ። ቤተ ክርስቲያን፡ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝተምሥረተትን ንድኅነትና ድማ ኣድላይት ከምዝኾነትን እናፈለጡ ኪኣምኑ ዘይደልዩ፡ ስለዚውን ኣብ ሓድነታ ዘይጽንበሩን፡ ኣብኣውን ኪጸንዑ ዘይደልዩ ሰባት ኪድኅኑ ኣይኽእሉን እዮም። በንጻሩ ግን እቶም ብዘይዓገቦም ንወንጌል ክርስቶስን ንቤተ ክርስትያኑን ዘይፈልጡ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ግን ብሓቂ ንኣምላኽ ዚደልይዎን፡ ብኅሊና ድማ እቲ ፍቓዱ እዩ ኢሎም ንዚኣምንዎ ዚፍጽሙ ሰባት፡ ሳላ ክርስቶስን ሳላ ቤተ ክርስቲያንን ኪድኅኑ እዮም። ((846-848)

172- **ቤተ ክርስቲያን ስለምንታይ እያ ኝኹሉ ዓለም ወንጌል ከተበሥር ዘለዋ?**
ክርስቶስ "እምበኣር ኪዱ እሞ፡ ኝኹሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጠመቕኩም ደቀ መዝሙረይ ግበርዎም" (ማቴ. 28,19) ቢሉ ትእዛዝ ስለዘመሓላለፈ። ናይዚ ተልእኾዚ መንጪ፡ እቲ ወዱን መንፈስ ቅዱስን ብምልኣኽ ዚገለጸ እቲ ዘለዓለማዊ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ፡ ከመይ "ኣምላኽ ኵሉ ሰብ ኪድኅንን ናብ ፍልጠት ሓቂ ኪመጽእን እዩ ዚፈቱ" (1ጢሞ. 2,4)። (849-851)

173- **ከመይ ኢልና "ቤተ ክርስቲያን ዝተላእኸት (ልእኽቲ)" እያ ንብል?**
ቤተ ክርስቲያን ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሓ፡ ኣብ ዘመንና ተልእኾ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስለእትቕጽሎ፡ ልእኽቲ ወይ ሚሲዮናዊት እያ ንበል። ክርስቲያን ዘበሉ፡ መንገዲ ክርስቶስ ብምኽታል፡ ወላ መሥዋዕትነት እንተሓተተ፡ ነቲ ክርስቶስ ዘምጽኦ (ዚጀመሮ) ጥዑም ቃል ብሥራት ኝኹሉ ዓለም ኬበሥሩ ኣለዎም። (852-856)

174- **ቤተ ክርስቲያን "ሓዋርያዊት" እያ ማለት እንታይ ማለት እዩ?**
ቤተ ክርስቲያን ኣብ "መሠረት ሓዋርያት" (ኤፌ. 2,20) እያ ተሓኒጻ ማለት እዩ። ስለዚ መበቆላ ሓዋርያት ስለዝኾኑ፡ ትምህርታ እቲ ናይ ሓዋርያት ትምህርቲ ስለዝኾነ፡ ትሕተ-ቕርጻ ከምቲ ናይ ሓዋርያት ስለዝኾነት፡ ቤተክርስቲያን ሓዋርያዊት እያ ንብል። ቤተ ክርስቲያን ቅድም ብሓዋርያት፡ ሕጂ ድማ ሳላ ከየቋረጸ ዚመጸ ኣከታትላ ስልጣን ሓዋርያት፡ በቶም ምስ ር.ሊ. ጳጳሳት ሮማ ሓድነት ዘለዎም ኣቡናት ትመሓደር ኣላ። ስለዚ ክሳብ ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ ትምህርታ፡ ቅድስናኣ፡ ምምሕዳራ ሓዋርያዊ እዩ። (857-869)

175- **ተልእኾ ሓዋርያት ማለት እንታይ ማለት እዩ?**
"ሓዋርያ" ማለት ልኡኽ ማለት እዩ። እቲ ካብ ኣቦ ዝተላእኸ ክርስቶስ፡ ካብቶም ደቀ መዛሙርቱ 12 ሓረየ፡ ሓዋርያት ድማ በሎም። ባዕሉ መስከርቲ ትንሣኤኡን መሠረት ቤተ ክርስትያኑን ኪኾኑ ሓረዮም። ቀጻልቲ ተልእኾኡ ከምዝኾኑ፡ ንሱውን ክሳብ መወዳእታ ዓለም ምስኦም ከምዚኸውን ኣረጋገጸሎም፡ ከምዚውን በሎም "ከምቲ ኣቦ ንዓይ ዝለኣኸኒ፡ ኣነውን ንዓ ኻትኩም እልእኸኩም ኣለኹ" (ዮሓ. 20,21)። (858-861)

176- **"ሓዋርያዊ ኣከታትላ" (Apostolic Succession) ከመይን፡ እንታይን እዩ?**
ሓዋርያት፡ ንተልእኾኦምን ስልጣኖምን ነቶም ተኸተልቶም (ወረስቶም) ዝኾኑ ኣቡናት ብምሥጢረ ክህነት ዘመሓላልፉሎም ናይ መንፈሳዊ ስልጣን ናይ ኣወራርሳ (ኣከታትላ) ኣገባብ እዩ። ሳላ እዚ ዘየቋርጽ ኣከታትላ ስልጣን ቤተ ክርስቲያን ብእምነታን ብሕይወታን ምስቲ ፈላሚኣ ዝኾነ ክርስቶስ ትተኣሳሰር። ቤተ ክርስቲያን ካብ መበቆላ ከይተፈልየት፡ መንግሥቲ

ክርስቶስ ኣብ ዓለም ምእንቲ ኬስፋፍሕ፣ ኣብ ኵሉ ዘመናት ሓዋርያዊ ተልእኾኣ ትሠርዕ። (861-865)

## መእመናን ክርስቶስ ( ውሉደ ክህነት፣ ዓለማውያን፣ ውፉያት)

**177- ምእመናን (ምእመናን ክርስቶስ) መን እዮም?**
እቶም ብጥምቀት ምስ ክርስቶስ ዚሓብሩን፣ ሕዝበ እግዚኣብሔር ዚኾኑን ምእመናን (= ኣብ ክርስቶስ ዚኣምኑ) ይበሃሉ። ከከም ጸዋዕታኦም ኣብቲ ክህነታዊ ነብያዊ ንጉሣዊ ተልእኾ ክርስቶስ ይሳተፉ፣ ኣምላኽ ንቤተ ክርስትያኑ ዚሃባ ተልእኾ ንኪፍጽሙ ጽዉዓት እዮም። ኵላቶም ናይ ደቂ እግዚኣብሔር ክብሪ ስለዘለዎም፣ ኵሎም ማዕረ እዮም። (871-872)

**178- ኣቓም ሕዝበ እግዚኣብሔር ከመይ እዩ?**
ክርስቶስ ባዕሉ ከምዚሠርዖ ኣብ ቤተ ክርስቲያን፣ ውሉደ ክህነት (ዚቕድሱ ላኡኻት) ኣለዉ። እዚኦም መዓርገ ክህነት ስለዘለዎም ሰበ ስልጣን ቤተ ክርስቲያን እዮም። እቶም ዝተረፉ ኣባላት ቤተ ክርስቲያን ምእመናን ይበሃሉ። ብመብጽዓ ወንጌላዊ ምኽርታት (ምርጫታት) ናይ ተኣዝዞን ድኽነትን ውፉይ ተዓቕቦ፣ ንኣምላኽ ብፍሉይ ኣገባብ ዚውፈዩ፣ ካብዚኦም (ውሉደ ክህነት) ኮነ ካብቲኦም (ዓለማውያን) ኪህልዉ ይኽእሉ፥ ንሶም ድማ ውፉያት ይበሃሉ። (873፣ 934)

**179- ክርስቶስ መንፈሳዊ ስልጣን ኣብ ቤት ክርስቲያን ስለምታይ ሠርዐ?**
ክርስቶስ፣ ብስሙ ንሕዝበ እግዚኣብሔር (ንምእመናኑ) ዚጓስዩሉ ስልጣን ዘለዎም ሰባት ስለዚመዘዘ፣ መንፈሳዊ ስልጣን ኣቆመ። መንፈሳዊ ስልጣን ቤተ ክርትያን በዞም ናይ ምቕዳስ ስልጣን ዘለዎም ሰባት (ዉሉደ ክህነት) ዚቆመ እዩ፤ ኣቡናት፣ ካህናት፣ ዲያቆናት። ኣቡናትን ካህናትን መዓርገ ክህነት ስለዘለዎም፣ ብስምን ኣብ ክክንዲ ክርስቶስን ኮይኖም ተልእኾኦም ይፍጽሙ። ዲያቆናት መዓርገ ዲቁና ለቢሶም፣ ቃል ኣምላኽ ብምብሣር፣ ኣብ ሥርዓተ ሊጡርጊያ ብምግልጋል፣ ናይ ርኅራኄ ተግባራት ብምፍጻም ንሕዝበ እግዚኣብሔር የገልግሉ። ((874-876፣ 935)

**180- "ኅብረት" ሓድነት ክህነታዊ ተልእኾ (Presbyterium) ብከመይ ይፍጸም ወይ ይግለጽ?**
እቶም 12 ሓዋርያት ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተሓርዮም፣ ብሓድነት ከምዝተላእኹ፣ ከምኡውን ኵሎም ኣባላት ዉሉደ ክህነት (ክህነታዊ ተልእኾ)፣ ብሓድነት እዮም ንኹሎም ምእመናን ኬገልግሉ ዚለኣኹ። ነፍስወከፍ ኣቡን ተልእኾኡ ንኪፍጽም ከም ኣባል "ኅብረት ኣቡናት" ምስ ር.ሊ. ጳጳሳት ሓድነት ኪህልዎ ይግባእ። ምስ ር.ሊ. ጳጳሳት ብምኅባር ኣብ ሓልዮት መላእ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ይሳተፍ። ካህናትውን ኣብ ቁምስናታት ሰበኻ ወይ ኤጳርቕና ተልእኾኦም ዚፍጽሙ ምስ ኣቡኖም ኅብረት ምስዚህልዎምን ኣብ ትሕቲ መሪሕነቱ ምስዝህልዉን ጥራይ እዩ። (877)

**181- ክህነታዊ ተልእኾ "ግላዊ" መልክዕ ወይ ጠባይ ኣለዎ ድዩ?**
ኣምላኽ ናብ ክህነታዊ ተልእኾ ኪጽውዕ ከሎ ንውልቀሰብ ስለዚጽውዕ፣ ነፍስወከፍ ካህን ውልቃዊ ሓላፍነት ኣለዎ። ስለዚ መዓርገ ክህነት

ንኣገልግሎት ሕዝቢ እኳ እንተኾነ ውልቃዊ ናይ ገዛእ ርእሱ ጠባይ ወይ መልክዕ ኣለዎ። (878-879)

**182- ተልእኾ ወይ ስራሕ ር.ሊ. ጳጳሳት እንታይ እዩ?**

ር.ሊ. ጳጳሳት፣ ተኸታሊ ቅዱስ ጴጥሮስ፣ ኣቡን ከተማ ሮማ፣ ዝርኤን ነባርን፣ ምንጭን መሠረትን ሓድነት ቤተ ክርስቲያን ኢዩም። ንሶም ምኽትል ክርስቶስን፣ ርእሲ ጎብረት (ሲኖዶስ) ኣቡናትን፣ ጓሳ መላእ ዓ ለምለኻዊት ቤተ ክርስቲያንን እዮም። ኣምላኽ ስለዚሠርዖ ድማ ኣብዛ ቤተ ክርስቲያን እዚኣ ምሉእ፣ ዚለዓለን፣ ቐጥታውን፣ ኹሉ ዚሓቁፍን ስልጣን ኣለዎም። (881-882፣ 936-937)

**183- ጎብረት፣ ሓድነት ወይ ሲኖዶስ ኣቡናት (College of Bishops) እንታይ ሓለፍነት ኣለዎ?**

ምስ ር.ሊ. ጳጳሳት ሓድነት ዘለዎ ሲኖዶስ ወይ ጎብረት ኣቡናት፣ ኣብ ልዕሊ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዝለዓለን ምሉእን ስልጣን ኣለዎ። ምስ ር.ሊ. ጳጳሳት ሓድነት ዘይብሉ ጎብረት ወይ ሲኖዶስ ኣቡናት ፈጺሙ ስልጣን የብሉን። (883-885)

**184- ኣቡናት ከመይ ቢሎም እቲ ናይ "ምምሃር" ስልጣኖም ወይ ተልእኾኦም ይፍጽሙ?**

ምስ ር.ሊ. ጳጳሳት ሓድነት ዘለዎም ኣቡናት፣ ሓቀኛ መስከርቲ ሓዋርያዊት እምነት ስለዝኾኑ፣ ብክርስቶስ ስልጣን ስለዝተዋህቦም፣ ብተኣማንነትን ብስልጣንን ኹሎም ሰባት ወንጌል ኬበሥሩ ኣለዎም። ሕዝበ እግዚኣብሔር ብዛዕባ እምነቱ (ሃይማኖቱ) መልዕልተ ባህርያዊ ዝኾነ ስሚዕ ት ስለዘለዎም፣ በቲ ሕያው ዝኾነ መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ተመሪሑ፣ ብዘይ ጌጋ ኣብ እምነቱ ኪጸንዕ ይኽእል እዩ። (888-889፣ 939)

**185- ከመይ ኢልና ኢና መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን "ፈጺሙ ኣይጋገን" እንብሎ?**

ሮማዊ ር.ሊ. ጳጳሳት ከም መጠን ዚለዓለ ጓሳ መላእ ቤተ ክርስቲያን ፣ ወይ ምስ ር.ሊ. ጳጳሳት ሓድነት ዘለዎ ጎብረት ወይ ሲኖዶስ ኣቡናት ብፍላይ ኣብ ጉባኤ መላእ ቤተ ክርስቲያን ንሃይማኖት ወይ ንሥነ ምግባር ዚልከት ዓንቀጻት ንሓዋሩ ኪእውጁ ከለዉ ፈጺሞም ኣይጋገዩን እዮም። ኣቡናት ምስ ር.ሊ.ጳጳሳት ኣብ ናይ ምምሃር መንበሮም ኮይኖም ሓደ ዓ ንቀጸ ሃይማኖት ወሲኖም ኪእውጁ ከለው እውን ኣይጋገዩን እዮም። ከምዚ ስለዝኾነ ካብ መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ዚእወጅ ዓንቀጸ ሃይማኖት ነፍስወከፍ መእመን ብኣኽብሮት እምነት ኪቕበሎ ኣለዎ። (891)

**186- ከመይ ቢሎም ኢዮም ኣቡናት ናይ "ምቕዳስ" ተልእኾኦም ዜዘውትሩ?**

ብኣገልግሎት ቃል ኣምላኽን ብምሥራዕ ምሥጢራትን፣ ካብ ክርስቶስ ንዚመጽእ ጸጋታት ብምዕዳል ኣቡናት ንቤተ ክርስቲያን ይቕድስዋ። ብጸሎቶምን ብጽቡቕ ኣብነቶምን ስራሓምን፣ ብፍላይ ድማ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ብምዕራግ ኣቡናት ናይ ምቕዳስ ተልእኾኦም ይፍጽሙ። (893)

**187- ኣቡናት ከመይ ቢሎም ናይ "ምምሕዳር" ተልእኾኦም ይፍጽሙ?**

ነፍስወከፍ ኣቡን፣ ኣባል ጎብረት ወይ ሲኖዶስ ኣቡናት ከም መኾኑ መጠን፣ ምስቶም ምስ ር.ሊ. ጳጳሳት ሓድነት ዘለዎም ኣቡናት ዓለም ኮይኑ፣ ኣብ ሓልዮት ኵለን ኣብያተ ክርስትያናት ዘቤት ወይ ሰበኻታት (ኤጳርቕናታት) ኮነ፣ ኣብ ሓልዮት መላእ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ብሓባር ይሳተፍ። ኣብ ሓደ ሃገረ ስብከት ወይ ሰበኻ ዝተሾመ ኣቡን ነታ

ቤተ ክርስቲያን፣ ናይ ገዛእ ርእሱ፣ ሥሩዕ፣ ቐጥታዊ ብዝኾነ ስልጣንን፣ ብዘተዋህቦ መንፈሳዊ መዓርግን የመሓድራ። ኣቡን ኣብ ሰበኻኡ፣ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ተኸታሊ ጴጥሮስ ዚኾኑ ኣቡን ከተማ ሮማ ኮይኑ፣ ኣብ መላእ ዓለም ምስ እትርከብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ሓድነቱ ሓልዩ፣ ብስም ክርስቶስ ሕያዋይ ጓሳ ኮይኑ እዩ ናይ ምምሕዳር ስልጣኑ ዜዘውትር። (894-896)

188- *ጸዋዕታ ዓለማውያን ምእመናን እንታይ እዩ?*

*ጸዋዕታ ዓለማውያን ምእመናን፣ ንምድርዊ ነገራት ከምቲ ኣምላኽ ዚደልዮ እናተርጐሙን እናሠርዑን፣ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ምድላይ እዩ። ከምዚ ብምግባር፣ ኸኹሎም ጥሙቓት ናይ ቅድስናን ናይ ሓዋርያዊ ተልእኾን ዝተዋህበ ዕድመ የኽብሩ ወይ ይፍጽሙ።* ((897-900፣ 940)

189- ከመይ ቢሎም ዓለማውያን መእመናን ኣብ "ክህነታዊ" ተልእኾ ክርስቶስ ይሳተፉ?

*ዓለማውያን ምእመናን፣ ሕይወቶምን መላእ ተግባራቶምን፣ ጸሎቶምን ተበግሶ ሓዋርያዊ ስራሖምን፣ ስድራ ቤታዊ ሕይወቶምን ዕለታዊ ስራሖምን፣ ብትዕግስቲ ዚጸርዎ ዕለታዊ ጸገማቶምን፣ ሞሳ ብምምላስ ዚቕበልዎ መንፈሳውን ሥጋውን ምጽንናዕ፣ እዚ ኩሉ ንኣምላኽ ብምሥዋእ ኣብ ክህነታዊ ተልእኾ ክርስቶስ ይሳተፉ። እዚ ኩሉ ዝተዘርዘረ ተግባራት፣ "ሳላ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ቕቡል ዝኾነ መንፈሳዊ መሥዋዕቲ" (1ጴጥ. 2,5) እዩሞ፣ ብፍላይ ኣብ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ንኣምላኽ የቕርብዎ። ከምዚ ኢሎም እቶም ገዛእ ርእሶም ንክርስቶስ ዝሥውኡን፣ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተወፈዩን ዓለማውያን መእመን፣ ንኣምላኽ ዓለሞም የቕርቡ።* ((901-903)

190- ዓለማውያን ምእመን ከመይ ቢሎም ኢዮም ኣብ "ነብያዊ" ተልእኮ ክርስቶስ ዚሳተፉ?

*ኣብ እምነት ጸኒዖም፣ ንቃል ኣምላኽ ብዝበለጸ መንገዲ ብዕምቈት ኣብ ሕይወቶም ብምቕባልን፤ ነቲ ዝተቐበልዎ ቃል ኣብ ዓለም፣ ብሕይወቶምን ብቃሎምን ብምምስካር፤ ብምስባኽን፤ ትምህርተ ክርስቶስ ብምምሃርን፤ ኣብ ነብያዊ ተልእኾ ክርስቶስ ይሳተፉ። ናይ ዓለማውያን መእመን ስብከተ ወንጌል ፍሉይ ኣድማዕነት ኣለዎ፣ ከመይ ኣብቲ ንቡር ዕለታዊ ኵነታት ዓ ለም ስለዚፍጸም።* (904-07፣ 942)

191- ዓለማውያን መእመናን ከመይ ቢሎም ኣብ "ንጉሣዊ" ተልእኾ ክርስቶስ ይሳተፉ?

*ዓለማውያን መእመናን ኣብ ገዛእ ርእሶም ኮነ ኣብ ዓለም ንኃጢኣት ኬሸንፉ፣ ካብ ክርስቶስ ምሉእ ስልጣን ተቐቢሎም እዮም። ስለዚ ገዛእ ርእሶም ብምኽሓድን ኣብ ንጉሣዊ ተልእኾ ክርስቶስ ብቅድስናኦምን ይሳተፉ። ዓለማውያን መእመናን፣ ንትካላት ኅብረተሰብን ንሰብኣዊ ዕ ዮታትን ወንጌላዊ ብዝኾነ ክብርታት እናመልኡ (እናኣሓደሱ)፣ ኣብ ኣገልግሎት ማኅበረ ክርስቲያን ዝተፈላለየ ተልእኾታት ይፍጽሙ።* ((906-913፣ 943)

192- ውፉይ ሕይወት እንታይ እዩ?

*ውፍይ ሕይወት ብቤተ ክርስቲያን ዝተፈልጠ ሓደ ዓይነት ሕይወት እዩ። ንፍሉይ ዝኾነ መጸዋዕታ ክርስቶስ፣ ብናጽነት ዚወሃብ ምላሽ እዩ። ከምዚ ቢሎም ውፉያት ሰባት ብኵለንትናኦም ንኣምላኽ ይውፈዩ።*

ብድፍኢት መንፈስ ቅዱስ ድማ ናብታ ፍጽምቲ ፍቅሪ ይስጉሙ። እዚ ዓ ይነት ውፉይ ሕይወት፣ ወንጌላዊ ምኽርታት (=መብጽዓታት ተኣዝዞን፣ ድኽነትን፣ ውፉይ ተዓቅቦን) ብምዝውታር እዩ ዚፍለጥ። (914-916፣ 944)

193- ውፉይ ሕይወት ንተልእኾ ቤተ ክርስቲያን እንታይ ኣስተዋጽዖ ይገብር?
ዉፉያት ንክርስቶስን ነኅዋቶምን ብኹልንትናኦም ስለዚውፈዩ፣ ናይ መጻኢ ሰማያዊ መንግሥቲ ኣምላኽ ተስፋ እውን ኣብዚ ምድሪዚ ስለዚምስክሩ፣ ኣብ ተልእኾ ቤተ ክርስቲያን ዓብይ ገደ (እጃም) የበርክቱ። (931-933፣ 945)

### *"ብናይ ቅዱሳን ሱታፌ እኣምን"*

194- "ናይ ቅዱሳን ሱታፌ" እንታይ ማለት እዩ?
ቅድሚ ኵሉ፣ ኵሎም መእመናን ኣብ ኵሉ ቅዱስ ዝኾነ ነገራት ቤተ ክርስቲያን፣ ማለት ኣብ ምሥጢራት፣ ብፍላይ ኣብ መሥዋዕቲ ቅዳሴን፣ ኣብ ውህበታት መንፈስ ቅዱስን፣ ካልኦት መንፈሳውንያን ውህበታትን፣ ኣብ እምነትን ይሳተፉ እዮም ማለት እዩ። መሠረት እዚ ሱታፌዚ እታ "ንዓይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ብዝብል ዘይትምራሕ" (1ቆሮ. 13,) ፍቕሪ ኢያ። እዛ ፍቅሪ እዚኣ ነቲ መእመን "ብኹሉ ብርኪ" ከምዝነብር (ግ.ሓ. 4,32) ገይራ፣ ወላ እቲ ግላዊ ምድራዊ ሃብቱ ንድኻታት ኻሕወሶ ትደፋፍኦ። (946-953፣ 960)

195- "ናይ ቅዱሳን ሱታፌ" እንታይ ኬስምዕ ይኽእል?
ኣብ መንጎ እቶም ብጸጋ ኣምላኽ ምስቲ ዚሞተን ዚተንሥአን ክርስቶስ ዝተጸምበሩ ቅዱሳን ክርስቲያን ዘሎ ሓድነትውን ኬመልክት ይኽእል። እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣብ ሠለስተ ጉጅለ ይኽፈሉ። እቶም ኣብ ምድሪ ስደት ዘለዉ ሕያዋን (ተጋዳሊት ቤተ ክርስቲያን)፤ እቶም ካብዛ ምድራዊት ሕይወት እዚኣ ዝተፋነዉ፣ ብጸሎትና ዚሕገዙ፣ ኣብ ናይ ምንጻሕ ጊዜያዊ ቦታ (ንስሓ ቦታ) ዚርከቡ (ተነሳሒት ቤተ ክርስቲያን)፤ እቶም ናብ ክብሪ ኣምላኾም ተጸምቢሮም ምእንታና ዘማልዱ ዘለዉ (ተዓዋቲት ቤተ ክርስቲያን)። እዞም ሠለስት ጉጅለታት ክርስቲያን ኣብ ክርስቶስ ከም ሓንቲ ስድራ ቤት፣ ንውዳሴን ክብርን ቅድስቲ ሥላሴ ትነብር ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን እዮም ዜቑሙ። (954-959፣ 961-962)

### ማርያም፣ ኣደ ክርስቶስን ኣደ ቤተ ክርስቲያንን ኢያ።

196- ከመይ ኢላ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ኣደ ቤተ ክርስቲያን ትኸውን?
ብሥርዓት ጸጋ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ኣደ ቤተ ክርስቲያን እያ፣ ከመይ ነቲ ወዲ ኣምላኽ፣ ርእሲ ቤተ ክርስቲያ ዝኾነ ክርስቶስ፤ ከምኡውን ሰብነት ክርስቶስ ንዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ሰለዚወለደት። ክርስቶስ ቅድሚ ሞቱ ነቲ ኣብ ትሕቲ መስቀል ዝነበረ (ወካሊና ዝኾነ) ዮሓንስ ሓዋርያት "እንሆ እኖኻ" (ዮሓ. 19,27) እናበለ ነዲኡ ኣረከቦ። (963-966፣ 973)

197- ቅድስቲ ድንግል ማርያም ከመይ ኢላ ንቤተ ክርስቲያን ትረድኣ?
ድሕሪ ዕርገት ወዳ፣ ቅድስቲ ድንግል ማርያም፣ ነታ ጥንታዊት ቤተ ክርስቲያን ብጸሎታት ረድኣታ። ድሕሪ ናብ ሰማይ ምፍላሳ፣ ማርያም ምእንቲ ደቃ ተማልድ። ካብ ምልኣት ትሩፋት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ

ብዚፈስስ ጸጋታት ተጠቒማ ኣብ ርእሲ ደቃ ዘድምዕን እወንታውን ጽልዋ ተሕድር። ኻዅሎም ድማ ኣርኣያ እምነትን ፍቕርን እያ። መእመናን፣ ነቲ ዝጽበዮም ትንሣኤ ኣቐዲሞም ኣብኣ ይርእዩ። ስለዚውን ንዓኣም ጠበቓን ሓጋዚትን ረዳኢትን ኣማላዲትን እያ። (967-970)

**198- ንማርያም እንታይ ዓይነት ክብሪ ኪወሃባ ኣለዎ?**

ንቅድስቲ ድንግል ማርያም ዚወሃብ ክብሪ፣ ካብቲ ንቅድስቲ ሥላሴ ዚወሃብ ናይ ኣምልኾ ክብሪ ብዓይነቱ ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ። እዚ ፍልይ ዝበለ ክብሪ ማርያም ኣብቲ ምእንትኣ ቢልና እነብዕሎ ዓውደዓመታትን በዓላትን ማርያም ኣደ ኣምላኽ ይግለጽ። ፍልይ ዝበለ ክብሪ ማርያም በቲ "ጥርኑፍ ወንጌል" ኪበሃል ዚክኣል ጸሎተ መቍጽርያ ይግለጽ። (971)

**199- "ማርያም ናይቲ መጻኢ ኵነት ቤተ ክርስቲያን ምስሊ ወይ ስእሊ እያ" እንብል ብኸመይ እዩ?**

ማርያም ብነፍስን ሥጋን ከቢራ፣ ምልእቲ ቅድስና እያ። ቤተ ክርስቲያን እውን ኣብ ምድሪ ኮነ፣ ኣብ ሰማይ ከምኡ ክትከውን ስለዝተጸወዐት "ማርያም ናይቲ መጻኢ ኵነት ቤተ ክርስቲያን ምስሊ ወይ ስእሊ እያ" ንብል። (972፣ 974-975)

## *"ብሥሬተ ኃጢኣት እኣምን"*

**200- ናይ ኃጢኣት ሥሬት ብከመይ ይርከብ?**

እቲ ቀዳማይን ቀንድን ሥሬት ኃጢኣት ወይ ኅደገት ኃጢኣት ጥምቀት እዩ። ድሕሪ ጥምቀትና ንእንፍጽሞ ኃጢኣት ምእንቲ ኪድምስሰልና ክርስቶስ ምሥጢረ ንስሓ ሠርዓልና። በዚ ምሥጢርዚ ዚተጠመቐ ዘበለ ምስ ዚኃጥእ ኃጢኣቱ ይኅደገሉ፣ ምስ ኣምላኽን ምስ ቤተ ክርስቲያንን ድማ ይዕረቕ። (976-980፣ 984-985)

**201- ቤተ ክርስቲያን ኃጢኣት ክትኃድግ ስልጣን ኣለዋ፣ ብኸመይ?**

ክርስቶስ፣ "መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ። ኃጢኣቶም ንዝኃደክሙሎም ኪኅደገሎም እዩ፤ ንዘይኃደክሙሎም ግና ኣይኪኅደገሎምን እዩ" (ዮሓ.20, 22-23) ብምባል ንቤተ ክርስትያኑ ኃጢኣት ናይ ምኅዳግ ስልጣን ስለዝሃባ፣ ቤተ ክርስቲያን ኃጢኣት ናይ ምኅዳግ ተልእኾን ስልጣንን ኣለዋ። (981-983፣ 986-987)

## *"ብትንሣኤ ሙታን እኣምን"*

**202- "ሥጋ" ክንብል ከሎና እንታይ ነስምዕ? ኣገዳስነቱኸ ክሳብ ክንደይ እዩ?**

"ሥጋ" ክንብል ከሎና ኵነታት እቲ ድኹምን መዋትን ዝኾነ ሰብ ከነመልክት ንደሊ። "ሥጋ ቀንዲ ዕላማ ድኅነት እዩ" (ጥርጥሊያኖስ)። ኣምላኽ ፈጣሪ ሥጋና ከምዝኾነ፤ ንሥጋና ኪድኅን ቢሉ እቲ ቃል ሥጋ ከምዝኾነ፤ መፈጸምታ ዓለምን፣ ድኅነት ሥጋን ኣብ ዝኾነ ትንሣኤ ሙታን፣ ሥጋና ኪትንሥእ ከምዝኾነ ንኣምን። (990፣ 1015)

**203- "ትንሣኤ ሥጋ" ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

*ዘለዓለማዊ ኵነታት ሰብ ካብ ሥጋ ብዝተፈልየት መንፈሳዊ ነፍሲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሓደ መዓልትስ እዚ መዋቲ ሥጋናውን ሕይወት ኪለብስ እዩ ማለት እዩ።* **(990)**

**204- ኣብ መንጐ ናይ ክርስቶስ ትንሣኤን፡ ትንሣኤ ሥጋናን እንታይ ርክብ ኣሎ?**

*ከምቲ ክርስቶስ ብሓቂ ዝተንሥኤ፡ ንሓዋሩ ድማ ሕያው ኮይኑ ዚነብር፤ ከምኡውን ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ኻሑልና ብዘይበርስ ሥጋ ኬተንሥኣና እዩ። "እቶም ሠናይ ዚገበሩ ናብ ትንሣኤ ሕይወት፡ እቶም ክፉእ ዚገበሩ ድማ ናብ ትንሣኤ ኵነኔ ኪኸዱ እዮም"* **(ዮሓ. 5,29)። (998፡ 1002-1003)**

**205- ምስ ሞትና ኵነታት ሥጋናን ነፍስናን ከመይ ኪኸውን እዩ?**

*ምፍልላይ ሥጋን ነፍስን ዝኾነ ሞት ምስ መጸና፡ ሥጋና ኣብ ሓመድ ኪምሽምሽ እዩ። እታ ዘይትመውት ነፍስና ግን ናብ ፍርዲ ኣምላኽ ትቐርብ፤ ድሕሪ ካልኣይ ምጽኣት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ምስቲ ባህርዩ ቀይሩ ዚትንሥእ ሥጋ ንክትጽምበር ከኣ ትጽበ። ትንሣኤ ሙታን ከመይ ቢሉ ከምዝፍጸም ንምርድኡ ምፍታን ኣየድልን፡ ከመይ ልዕሊ ግምትናን ብቕዓት ኣእምሮናን እዩ።* **(992-1004፡ 10016-10018)**

**206- "ኣብ ክርስቶስ ምሟት" ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

*ብዘይ ዓብይ ኃጢኣት፡ ኣብ ጸጋ እግዚኣብሔር ምሟት ማለት እዩ። እቲ ኣብ ክርስቶስ ዚኣምን ክርስቲያን፡ ናይ ክርስቶስ ኣብነት ብምስዓብ፡ ከምቲ ሞቱ ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ ዚውፈ፡ ናብ ናይ ተኣዝዞን ፍቕርን ተግባር ኪቕይሮ ይኽእል እዩ። "እዚ ዚስዕብ ቃል እሙን እዩ፡ ምስኡ እንተ ሞትና፡ ምስኡ ከኣ ክንነግሥ ኢና"* **(2ጢሞ. 2,11)። (1005-1014፡ 1019)**

## *"ብዘለዓለማዊት ሕይወት እኣምን"*

**207- "ዘለዓለማዊ ሕይወት" እንታይ እዩ?**

*ዘለዓለማዊ ሕይወት፡ እቲ ድሕሪ ሞት ቀልጢፉ ዚጅምር ሕይወት እዩ። እዚ ሕይወትዚ መወዳእታ የብሉን። ቅድሚ ዘለዓለማዊ ሕይወት ምጅማሩ፡ እቲ ፍራዲ ሕያዋንን ሙታንን ዝኾነ ክርስቶስ ንነፍስወከፍና ኣብ ብሕታዊ ፍርዲ ኪፈርደና እዩ። እዚ ፍርዲዚ ድማ ኣብ ናይ መወዳእታ ፍርዲ ቀዋሚ* **(ዘይልወጥ)** *ፍርዲ ኪኸውን እዩ።* **(1020፡ 1051)**

**208- "ብሕታዊ ፍርዲ" እንታይ እዩ?**

*ከከም እምነቱን ተግባራቱን፡ ነፍስወከፍ ካባና ካብ ዕለተ ሞትና ጀሚርና ካብ ኣምላኽ ኣብታ ዘይመዋቲት ንፍስና እንቕበሎ ቐጥታዊ ወይ ቅጽባታዊ ዓስብና እዩ። ኣዚ ኣብ ብሕታዊ ፍርዲ እንቕበሎ ደሞዝ ወይ ብኡንብኡ ናብ ናይ ሰማያዊ ታሕጓስ ብምእታው፡ ወይ ዚግበኣካ ምንጻሕ ድሕሪ ምግባር ናብ መንግሥተ ሰማያት ብምእታው፡ ወይ ንዘዓለማዊ ኵነኔ ናብ ገሃነመ እሳት ብምእታው ኪፍጸም እዩ።* **(1021-1022፡ 1051)**

**209- "ሰማይ" እንክንብል እንታይ ኢና ነመልክት?**

*"ሰማይ" ክንብል ከሎና እቲ ልዑልን ዘለዓለማውን ታሕጓስ እንወሰሉ ኵነታት ኢና ከነመልክት ንደሊ። እቶም ኣብ ጸጋ ኣምላኽ ዚሞቱ፡*

ካልኣይ ምንጻሕውን ዘየድልዮም ጻድቃን፡ ምስ ኢየሱስን ማርያምን፡ ምስ መላእኽትን ቅዱሳንን ኪሓብሩ እዮም። ከምዚ ቢሎም እታ ተዓዋቲት ቤተ ክርስቲያን የቚሙ። ንሳቶም ንኣምላኽ "ገጽ ንገጽ" (1ቆሮ. 13,12) ይርእይዎ። ምስ ቅድስቲ ሥላሴ ብፍቕራዊ ሓድነት ይነብሩ፤ ምእንታናውን የማልዱ። (1023-1026፡ 1053)

"ብሓቅን ብጭብጥን ሕይወት ዚበሃል፡ እግዚኣብሔ ኣቦ ጥራሕ እዩ።
ንሱ ብወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣቢሉ፡
ኣብ ልዕሊ ኵልና ካብ ዓይኒ ማይ ሰማያዊ ህያባቱ የፍስስ።
ብሕያውነቱ፡ በቲ መለኮታዊ ሃብቲ ዝኾነ ዘለዓለማዊ ሕይወት ድማ
ንዓና ብሓቂ የተስፉ"
(ቅዱስ ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም)

**210- "ንስሓ ቦታ" እንታይ እዩ?**

ንስሓ ቦታ መንፈሳዊ ኵነት እዩ። እቶም ኣዕሩኽ ኣምላኽ ኮይኖም ዚሞቱ፡ ከም ዚድኅኑ ዝተረጋገጸ እዩ። ኮይኑ ግን ናብ ሰማያዊ ታሕጓስ ንኺኣትዉ ገና ምንጻሕ ስለዘድልዮም ኣብ ንስሓ ቦታ ይጽበዩ። (1030-1031፡ 1054)

**211- ኣብ ንስሓ ቦታ ንዘለዉ ክርስቲያን ኣኀዋትና ከመይ ኢልና ክንሕግዞም ንኽእል?**

ናይ ቅዱሳን ሱታፌ ስለዘሎ፡ እቶም ገና ኣብ ምድሪ ስደት ዘለዎ ሕዝበ ክርስቲያን ነቶም ኣብ ንስሓ ዘለዉ ኣኀዋቶም ኪረድእዎም ይኽእሉ እዮም። ብጸሎት፡ ብፍላይ ድማ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ብምዕራግ ኪሕግዝዎም ይኽእሉ። ብተወሳኺ ድማ ምእንትኦም ቢሎም ምጽዋት ብምሃብ፡ ወይ ናይ ሥሬት ኃጢኣት ተግባራት ብምፍጻም፡ ወይ ተጋድሎ ብምግባር መንፈሳዊ ሓገዞም ኬበርክቱሎም ይኽእሉ። (1032)

**212- "ገሃነመ እሳት" እንታይ እዩ?**

ናይቶም ብናጽነቶም ዓብይ ኃጢኣት ዚገበሩ፡ ከይተነስሑ ዚሞቱ ሰባት ናይ ዘለዓለማዊ ኵነኔ ኵነት እዩ። ሰብ፡ ታሕጓሱን ሕይወቱን ኣብ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ዚረኽቦ፤ ንኣኡ ንኺረክብ እዩ ተፈጢሩ፡ ንኣኡ ጥራይውን እዩ ሃረር ዚብል። እቲ ዝዓበየ መቕጻዕቲ ገሃነመ እሳት፡ ካብ ኣምላኽ ተፈሊኻ ምንባር እዩ። ነዚ ኵነታት እዚ ክርስቶስ ከምዚ ብምባል ይገልጾ፡ "ኣቱም ርጉማት፡ ካባይ ርሒቕኩም ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን ዝተዳለወ ናይ ዘለዓለማዊ ሓዊ ኪዱ" (ማቴ. 25,41)። (1033-1035፡ 1056-1957)

**213- ወሰን ዘይብሉ ሕያውነት ኣምላኽን ህላዌ ገሃነመ እሳትን ይሰማማዕዶ?**

"ጐይታስ ኵሎም ናብ ንስሓ ኪበጽሑ እምበር፡ ሓደኳ ኪጠፍእ ኣይፈቱን" (2ጴጥ. 3,9) እዩ። ኣምላኽ ንሰብ ናጻ ሓላፍነታውን ገይሩ ፈጢሮ ግን ከኣ ናይ ሰብ ምርጫ የኽብር እዩ። ሰብ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ኣብ ዓብይ ኃጢኣቱ ጸኒዑ፡ ነቲ ርኅሩኅ ፍቕሪ ኣምላኽ እንተነኢጉ፡ ብገዛእ ፍቓዱ እዩ ካብ ሓድነት ኣምላኽ፡ ናጽነቱ ተጠቒሙ ባዕሉ ፈትዩ እዩ ዚንጸል ዘሎ። (1036-1037)

**214- ናይ መወዳእታ ዓለም ወይ ዓለምለኻዊ ፍርዲ ከመይ እዩ?**

ናይ መወዳእታ ዓለም ወይ ዓለምለኻዊ ፍርዲ፡ ወይ ነቲ ናይ ታሕጓስ ሕይወት ወይ ነቲ ናይ ዘለዓለማዊ ኵነኔ ሕይወት ዚውስን ፍርዲ እዩ። ክርስቶስ ከምፈራዲ ሕያዋንን ሙታንን ኮይኑ ምስ መጸ፡ ንኹሎም ኣሕዛብ

ኣብ ቅድሚኡ ይእከቦም፥ ብዛዕባ እቶም "ጻድቃንን ኃጥኣንን" ፍርዱ ኪህብ እዩ። ድሕሪ እዚ ዓለምለኻዊ ፍርዲ፥ እቲ ዝተንሥአ ሥጋና ናይታ ድሮ ተፈሪዳ ዝነበረት ናይ ነፍስና መንፈሳዊ ኵነት ተሳታፊ ኪኸውን እዩ። (1038-1940፥ 1058-1059)

**215- ዓለምለኻዊ ፍርዲ መኣስ ኪኸውን እዩ?**

ዓለምለኻዊ ፍርዲ ኣብ መወዳእታ ዓለም ኪኸውን እዩ። መዓልቱን ሰዓቱን ድማ ብዛይካ ኣምላኽ ካልእ ዚፈልጦ የልቦን። (1040)

**216- ተስፋ ሓድሽ ሰማያትን ሓዳስ ምድርን እንታይ እዩ?**

ድሕሪ ዓለምለካዊ ፍርዲ፥ ካብ ባርነትን ምብስባስን ዝተላቐቐ ዓለምና፥ ኣብ ክብሪ ክርስቶስ ኪሳተፍ እዩ። ሽዑ ጽምብል "ሓድሽ ሰማያትን ሓዳስ ምድርን" (1ጴጥ. 3,13) ኪኸውን እዩ። ሽዑ መንግሥቲ ኣምላኽ ፍጽምና ኪለብስ እዩ፤ እቲ "ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዅሉ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ክርስቶስ ምእንቲ ኪጠቓለል" (ኤፌ. 1,10) መለኮታዊ መደብ ድኅነት ንሓዋሩ ኪፍጸም እዩ። ሽዑ ኣምላኽ ብዘለዓለማዊ ሕይወት "ኵሉን ኣብ ኵሉን" (1ቆሮ. 15,28) ኪኸውን እዩ። (1040-1050፥ 1060)

***"ኣሜን"***

**217- እቲ ኣብ ጸሎት ሃይማኖትና ዘሎ ዛዛሚ "ኣሜን" ዝብል ቃል እንታይ እዩ ትርጉሙ?**

"ኣሜን" ዝብል ናይ ዕብራውያን ቃል እዩ። መዛዘሚ ጸሎት ሃይማኖት ጥራይ ዘይኮነስ፥ ካብ ቅዱሳን መጽሓፍቲ ናይ መወዳእታ መጽሓፍ ዝኾነ ናይ ራእይ ዮሓንስውን መዛዘሚ ቃል እዩ። እዚ ቃልዚ ኣብ ገሊኡ ጸሎታት ሓድስ ኪዳንን፥ ኣብ ገሊኡ ጸሎታት ሥርዓት ሊጡርጊያ ቤተ ክርስቲያንን ይርከብ። ኣሜን ማለት "ሕራይ ይሥመር" ማለት ስለዝኾነ ጸሎት ሃይማኖትና ምድጋም ምስ ወዳእና፥ "ሕራይ" ንብል። ብተስፋ ብምሉእ ልብናን ነቲ ዘለዓለማዊ "ኣሜን" (ራእይ 3,14) ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማን "ሕራይ" ንብል።




## ካልኣይ ክፋል

# ሥርዓት ወይ ኣከባብራ ምሥጢረ ክርስትና

# ቀዳማይ ወገን

## ምግብና ምሥጢራት
## ምዕዳል ምሥጢራት
## ምሥራዕ ምሥጢራት



**218- ሊጡርጊያ ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ናይ ክርስቶስ ምሥጢር ብፍላይ ድማ ናይ ፋሲካ ምሥጢር ሥርዓት ወይ ኣበዓዕላ፡ ሊጡርጊያ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ሊጡርጊያ፡ ክህነታዊ ተልእኾ ክርስቶስ ብሰባት እንኪፍጸም፡ ርኡይ ብዝኾኑ ምልክታት ይቕደሱ። ከምዚ ቢሉ ምሥጢራዊ ሰብነት ክርስቶስ፡ ማለት ርእስን ኣካላትን ብሓባር፡ እቲ ንኣምላኽ ዚግባእ ሕዝባዊ ሥርዓተ ኣምልኾ ይፍጸም። **(1066-1070)**

**219- ሊጡርጊያ ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስቲያን እንታይ ግደ ኣለዎ?**

ሊጡርጊያ ኣዝዩ ፍሉይ ብዝኾነ ኣገባብ እቲ ዝለዓለ መንፈሳዊ ተግባር እዩ። ናይ መወዳእታ ዕላማ ኩሉ ተግባራት ቤተ ክርስቲያን እዩ። ከምኡውን ሕይወታዊ ናይ ዝኾነ ኃይሊ ቤተ ክርስቲያን ምንጪ እዩ። ብሥርዓተ ሊጡርጊያ ክርስቶስ ምስ ቤተ ክርስቲያን ን ብቤተ ክርስቲያን ን ኣቢሉ፡ ናይ ምድኃንና ተግባር ይቕጽል። **(1071-1075)**

**220- ምግብና ምሥጢራት ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ምግብና ምሥጢራት ማለት፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ምሥጢራት ብምሥራዕ ፡ ብፍላይ ድማ መሥዋዕተ ቅዳሴ ብምዕራግ፡ "ክሳብ ጐይታ ዚመጽእ" (1ቆሮ. 11,26) ንመእመናን ናይ ክርስቶስ ፍረ ድኅነት ዝኾነ ጸጋታት ምዕዳል (ምሥራዕ) ማለት እዩ። **(1076)**

# ቀዳማይ ምዕራፍ

## ፋሲካዊ ምሥጢር
## ኣብ ዘመነ ቤተ ክርስቲያን

### ሊጡርጊያ ተግባር ቅድስቲ ሥላሴ እዩ።

**221- ከመይ ኢሉ እዩ እግዚኣብሔር ኣቦ ምንጭን ዕላማን ሊጡርጊያ ዚኸውን?**

ኣብ ሥርዓተ ሊጡርጊያ፡ እግዚኣብሔር ኣብ፡ ምእንታና ብዚሞተን ብዝተንሥአን ክርስቶስ ኣቢሉ፡ ብቡራኬታቱ ይመልኣና። ናብ ኣልባብና ድማ መንፈስ ቅዱስ ይልእኸልና። ሽዑንሽዑ ቤተ ክርስቲያን፡ ብኣምልኾን ውዳሴን ናይ ምስጋና ተግባራትን ንእግዚኣብሔር ኣብ ትውድስ፡ ከምኡውን ህያብ ወዱን መንፈስ ቅዱስን ትልምን። **(1077-1083፡ 1110)**

**222- ኣብ ሥርዓተ ሊጡርጊያ ግደ ክርስቶስ እንታይ እዩ?**

ኣብ ምሥጢረ ፋሲካ ክርስቶስ ባዕሉ እቲ ምሥጢር ስለዝኾነ ትርጉም ይህቦን፡ ብኣኡውን ይዓዪ። ክርስቶስ ንሓዋርያቱ መንፈስ ቅዱስ ብምስዳድ፡ ንኣኦምን ንተካእቶምን፡ ብመሥዋዕተ ቅዳሴን ብምሥጢራትን ተግባረ ድኅነት ንኪፍጽሙ ስልጣን ሃቦም። ክርስቶስ እዩ ባዕሉ ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴን ኣብ ምሥጢራትን፡ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡን፡ ኣብ ኩሉ ዘመናት ንዚነብሩን ምእመናኑ ጸጋኡ ዚዕድል። **(1080-1090)**

**223- መንፈስ ቅዱስ ኣብ ቤተ ክርስቲያን፡ ብሥርዓተ ሊጡርጊያ ከመይ ቢሉ እዩ ዚዓዪ?**

ኣብ ሥርዓተ ሊጡርጊያ ኣብ መንጎ ቤተ ክርስቲያንን መንፈስ ቅዱስን እቲ ዝበለጸ ምትሕብባር ይርከብ። ቤተ ክርስቲያን ንጐይትኣ ንክትቕበል፡ መንፈስ ቅዱስ ይሕግዛ። ኣብ ጉባኤ ኣመንቲ ንክርስቶስ የዘኻኽርን ይገልጽን። ንምሥጢረ ክርስቶስ ህልው ከምዚኸውን ይገብሮ። ንቤተ ክርስቲያኑ ኣብ ተልእኾን ሕይወትን ክርስቶስ ይጽምብራ። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ህያብ ሓድነት ከምዝፈርን ከምዝዕምብብን ይገብር። (1091-1109፡ 1112)

## ፋሲካዊ ምሥጢር (መሥዋዕቲ) ኣብ ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያን

**224- ምሥጢራት እንታይ እዮም? ኣየኖት እዮምከ?**
ምሥጢራት፡ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሠርዑ፡ ዝርአ ምልክትታት ዘለዎም፡ ጸጋ ዚዕድሉና መጋበሪታት እዮም። ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንቤተ ክርስቲያን ዝተዋህቡ፡ መለኮታዊ ሕይወት ዜልብሱ ናይ ቅድስና መጋበሪ እዮም። ምሥጢራት ሾብዓተ እዮም፤ ንስቶም ከኣ፥ ጥምቐትን ሜሮንን ቅዱስ ቊርባንን፥ ንስሓን መጽሓፈ ቀንዲልን (ምቕባእ ሕሙማት)፤ ክህነትን ቃል ኪዳንን እዮም። (1113-1131)

**225- ኣብ መንጎ ክርስቶስን ምሥጢራትን እንታይ ርክብ ኣሎ?**
ሎሚ ክርስቶስ ብልኡኻት ቤተ ክርስቲያን ገይሩ ምሥጢረ ክርስትና ንሕዝቢ ይሠርዕ ኣሎ። ናይዚ ሥርዓት ምሥጢረ ክርስትናዚ ምንጭን መሠረትን እቲ ኣብ ምድራዊ ሕይወት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተገልጸ መለኮታዊ ምሥጢር እዩ። (1114-1116)

"እቲ ኣብ መድኃኒና ዝረአ ዝነበረ፡
ሎሚ ኣብ ምሥጢራት ተጠርኒፉ ይርኤ ኣሎ"
(ቅ. ሊዮን ዓብይ)

**226- ኣብ መንጎ ቤተ ክርስቲያንን ምሥጢራትን ዘሎ ርክብ ከመይ እዩ?**
ክርስቶስ ዝሠርዖም ምሥጢራት ንቤተ ክርስቲያን ሕድሪ ተዋህበ። ስለዚ ምሥጢራት "ናይ ቤተ ክርስቲያን እዮም" ንብል። እዚ ማለት ድማ ብክልተ መንገዲ ኪግለጽ ይከኣል። ቤተ ክርስቲያን ምልክትን ቀጻሊትን ተግባር ክርስቶስ ስለዝኾነት፡ "ምሥጢራት ካብ ቤተ ክርስቲያን እዮም ዝወሃቡ" ከመይሲ ተግባራታ ስለዝኾኑ። "ምሥጢራት ንቤተ ክርስቲያን እዮም ተሠሪዖም" እውን ንብል ከመይ ንሕንፀተ ቤተ ክርስቲያን ስለዝጠቕሙ። (1117-1119)

**227- ናይ ምሥጢራት ማኅተም እንታይ እዩ?**
ብምሥጢራት ጥምቐትን ቃል ኪዳንን ክህነት ዝወሃብ መንፈሳዊ ማኅተም እዩ። ንሱ ተስፋን ርግጽነትን መለኮታዊ ኃለዋ የውህበና። በዚ ማኅተምዚ ክርስቲያን ንክርስቶስ ይመስል። ብዝተፈላለየ ምልክዕ ኣብ ክህነት ክርስቶስ ይሳተፍ። ብዝተፈላለየ ጸዋዕታን ተልእኾን ተግባራትን ኣባል ቤተ ክርስቲያን ንምዃን ይበቕዕ። ስለዚ ኣብ መለኮታዊ ኣምልኾን ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ን ይውፈ። እዞም ዝተጠቕሱ ምሥጢራት (ጥምቀት፡ ቃል ኪዳን ክህነት) ዘይድምሰስ መንፈሳዊ ማኅተም ስለዝሓትሙልና፡ ሓደ ጊዜ ጥራይ ኢና እንቕበሎም። ((1121)

**228- ኣብ መንገዶ እምነትን ምሥጢራትን እንታይ ርክብ ኣሎ?**
*ምሥጢራት ንምቕባል እምነት የድሊ። ከማኡውን ኣብ ምሃብ ወይ ምቕባል ምሥጢራት ብዘሎ ቃላትን ሥነ ሥርዓትን እምነትና ይምገብ፣ ይምዕብል፣ ከምኡውን ይግለጽ። ምሥጢራት ክትሠርዕ ከላ ቤተ ክርስቲያን፣ ካብ ሓዋርያት ንዝወረሰቶ እምነታ ትገልጽ። በዚ ምኽንያት እዚ እዩ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ* "Lex orandi, lex credendi" *ማለት "ሕጊ ጸሎት ሕጊ እምነት እዩ" ዚበሃል።*

**229- ከመይ ቢልና ኢና "ምሥጢራት፣ ጸጋ ዘውህቡና መጋበሪታት እዮም" እንብል?**
*ምሥጢራት ናይ ዝዕድል ዘሎ ልኡኽ (ሠራዒ) ቅድስና ብዘየገድስ፣ ኣብ ምሥጢራት፣ ክርስቶስ በቲ ልኡኽ ገቢሩ ባዕሉ ስለዝዓዪን ጸጋታት ስለዝዕ ድልን ዘሎ፣ ሥርዓት ብዝተፈጸመሉ ኣገባብ፣ ምሥጢር ብቁዕ እዩ። ማለት ቅኑዕ ኣፈጻጽማ ምሥጢራት ይሓሉ ድኣ እምበር፣ እቲ ምሥጢር ንርእሱ እዩ ጸጋታት ዘውህብ* "Ex opere operato"*። ፍረ ምሥጢራት ምህላውን ዘይምህላውን ዚረጋገጽ ግን ካብቲ ብቕዓት ተቐባሊ እዩ።* **(1127-1128፣ 1131)**

**230- ብከመይ ኢልና "ንድኅነት ምሥጢራት ኣድለይቲ እዮም" እንብል?**
*ነቶም ኣብ ክርስቶስ ዚኣምኑ ምእመናን፣ ምሥጢራት ንድኅነቶም ኣድላይ እዩ። ኵሎም ምሥጢራት፣ ንኅድገት ኃጢኣት፣ ንመለኮታዊ ዉልድነት፣ ምስ ክርስቶስ ንምምሳል፣ ናይ ቤተ ክርስቲያን ኣባላት ንምኧን ስለዝጠቕሙና፣ ነፍስወከፎም ምሥጢራዊ ጸጋታት ኣለዎም። መንፈስ ቅዱስ ነቶም ምሥጢራት ዚቕበሉ የሕውን ይቕይርን እዩ።* **(1129)**

**231- "ናይ ምሥጢር ጸጋ" ወይ ምሥጢራዊ ጸጋ እንታይ እዩ?**
*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ ኣብ ነፍስወከፍ ምሥጢር ዝዕድለና ዝተፈላለየ ጸጋ "ምሥጢራዊ ጸጋ" ይበሃል። እዚ ማለት ከኣ ካብቲ ምሥጢር ዝወሃብ ፍሉይ ጸጋ ማለት እዩ። እዚ ጸጋዚ ንምእመን ኣብ ጉዕዞ ቅድስናኡ ይሕግዞ። ንቤተ ክርስቲያን ድማ ኣብ ናይ ርኅራኄ ተግባራታን ኣብ ምስክርነታን የማዕብላ።* **(1129፣ 1131፣ 1134፣ 2003)**

**232- ኣብ መንገዶ ምሥጢራትን ዘለዓለማዊ ሕይወትን ርክብዶ ኣሎ?**
*ቤተ ክርስቲያን ኣብዚ ምድሪዚ "ነቲ ብሩኽ ተስፋን ናይቲ ዕዙዝ ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምግላጽን ክብርን"* **(ቲቶ 2,13)** *እናተጸበየት ከላ፣ ሳላ ምሥጢራት ኣቐዲማ ዘለዓለማዊ ሕይወት ትቕበልን ተስተማቕርን ስለዝኾነት ኣብ መንገዶ ዘለዓለማዊ ሕይወትን ምሥጢራትን ርክብ ኣሎ።* **(1130)**

# ካልኣይ ምዕራፍ

## ሥርዓት (ክብርን ዝኽርን) ምሥጢረ ፋሲካ
### ምሥጢራዊ ሥርዓት መሥዋዕቲ ፋሲካ

#### መን እዩ ዚሠርዕ?

**233- ኣብ ሥርዓተ ሊጡርጊያ መን እዩ ዚዓዱን ዚሠርዕን?**

ኣብ ሊጡርጊያ "ክርስቶስ ብኵልትናኡ" ማለት ርእሲ ምስ ሰብነት ብሓንሳእ እዩ ዚዓዱ። እቲ ሊቀ ካህናት ዝኾነ ክርስቶስ፡ ምስታ ሰብነቱ ዝኾነት ምድራውያንን ሰማያውያንን ኣባላት እትሓቑፍ ቤተ ክርስቲያኑ ኮይኑ ብሓንሳእ ይዓዱ (ይሠርዕ)። (1135-1137፡ 1187)

**234- ሰማያዊ ሥርዓተ ኣምልኾ ብመን እዩ ዚፍጸም?**

ሰማያዊ ሥርዓተ ኣምልኾ፡ ብመላእኽትን፡ ብናይ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ቅዱሳንን፡ ብፍላይ ኣደ ኣምላኽ ብዝኾነት ድንግል ማርያምን ብሓዋርያትን፡ ብሰማዕታትን፡ "ማዕለያ ብዘይብሎም ካብ ኵሎም ኣሕዛብን ዓሌታትን ሕዝብታትን ካብ ብዘሎ ቋንቋታት ብዝተኣከቡ፡ ሓደኳ ኪቖጽሮም ብዘይክእል ብዙኃት ሰባት" (ራእይ 7,9) ይፍጸም። ኣብ ሥርዓት ምሥጢራት፡ እቲ ናይ ድኅነትና ምሥጢር እነብዕል ከሎና፡ ኣብዚ ሰማያዊ ሥርዓተ ኣምልኾ ንሳተፍ። (1138-1139)

**235- ቤተ ክርስቲያን ኣብ ምድሪ ከመይ ቢላ ሥርዓተ ኣምልኾኣ ትፍጽም?**

ቤተ ክርስቲያን ኣብ ምድሪ ሥርዓተ ሊጡርጊያ ክትፍጽም ከላ ከም ክህነታዊ ሕዝቢ ኮይና ትፍጽሞ። ነፍስወከፍ መእመን ከከም ጸዋዕታኡን ተልእኾኡን፡ ብመንፈስ ቅዱስ ሓደ ክህነታዊ ሕዝቢ ኮይኑ ሥርዓተ ኣምልኾ ይፍጽም። ስለዚ እቶም ጥሙቓት ዝኾኑ ምእመን ሓደ መንፈሳዊ መሥዋዕቲ የዕርጉ። እቶም ልኡኻት፡ ንኣገልግሎት ኵሎም ኣባላት ቤተ ክርስቲያን ከከም ዝተጸውዕሉ መዓርግ ይሠርዑ። ስለዚ እቶም ካህናትን ኣቡናትን ድማ ኣብ ክንዲ እቲ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ ክርስቶስን ኮይኖም ይዓዩ። (1140-1144፡ 1188)

## ብኸመይ ይሥራዕ?

**236- ሊጡርጊያኸ ብኸመይ ይሥራዕ?**

ሥርዓተ ኣምልኾ ወይ ሊጡርጊያ ብምልክታትን ምሳሌታትን እዩ ዚሥራዕ ። እዚ ምልክታትን ምሳሌታትን ኣብ ሥነ ፍጥረትን ኣብ ሰብኣዊ ባህልን ዘሎ እዩ። ትርጉሙ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዘሎ ፍጻሜታት ይፍታሕ። ብዝበለጸ ግን እዚ ምልክታትን ምሳሌታትን ኣብ ሕይወት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተራእየን ኮይኑ፡ ካብኡ ዝተወስደ እዩ። (1145)

**237- ናይ ምሥጢራት ምልክታት ካበይ ዚመጸ እዩ?**

ገሊኡ ምልክታት ካብ ሥነ ፍጥረት ዝተወስደ እዩ፤ ብርሃን፡ ሓዊ፡ እንጌራ፡ ወይኒ፡ ዘይቲ። ገሊኡ ካብ ማኅበራዊ ሕይወት ዝተወስደ እዩ፤ ምሕጻብ፡ ምቕባእ፡ ምቑራስ እንጌራ። ገሊኡ ምልክታት ኣብ ብሉይ ኪዳን ካብ ዘሎ ታሪኽ ድኅነትና ዝተወስደ እዩ፤ ሥርዓት ፋሲካ፡ መሥዋዕቲ፡ ኣንብሮ ኢድ፡ ወፈያ። ገሊኦም ምልክታት ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስለዝተዋህቡና ዘይቅየሩን ናይ ግድን ኪዝውተሩ ዘለዎምን እዮም፤ ከመይ ተግባረ ድኅነትን ቅድስናን ዘመሓላልፉ ክንዲዝኾኑ። (1146-1152፡ 1189)

**238- ኣብ ምሥራዕ ምሥጢራት ኣብ መንጎ ተግባራትን ቃላትን እንታይ ርክብ ኣሎ?**

ኣብ ኣፈጻጽማ ምሥጢራት፡ ቃላትን ተግባራትን ዓሚቕ ርክብ ኣለዎም። ኣብ ኣፈጻጽማ ምሥጢራት እቲ እንጥቀመሉ ምልክታትን ተግባራትን

ንርእሱ ሓደ ቋንቋ እኳ እንተኾነ፥ ነቲ ሥርዓት ቃላት ከሰንዮን፥ ሕይወት ኪህቦን ኣድላይ እዩ። ኣብ ኣፈጻጽማ ምሥጢራት ዘሎ ቃላትን ተግባርን፥ ምልክትን ትምህርትን ስለዝኾኑ ኪነጻጸሉ ኣይግባእን። ናይ ምሥጢራት ተግባራትን ቃላትን ነቲ ትርጉሞም ከምዚፍጸምውን ይገብሩ እዮም። (1153-1155፥ 1190)

**239- ዜማን ሙዚቃን ኣብ ሊጡርጊያ ግደ ኣለዎም ዚበሃል ብኸመይ እዩ?**
ዜማን ሙዚቃን ምስ ሥርዓተ ኣምልኾ ጥቡቕ ዝኾነ ዝምድና ኣለዎ። እዚ ዝስዕብ መምርሒ ከኣ ኪኽተሉ ኣለዎም፤ ናይ ዜማ ቃላት ምስ ካቶሊካዊ ትምህርቲ ዚሰማማዕ ኪኸውን ኣለዎ። ቃላት ዜማ ብዝተኻእለ መጠን ካብ መጽሓፍ ቅዱስን ካብ ካልእ ሊጡርጊያዊ ምንጭታትን ዝተወስደ ኪኸውን ኣለዎ። ዜማን ሙዚቃን ነቲ ምልኩዕ ዝኾነ ኣገላልጻ ጸሎት ኪዕንቅፍ የብሉን። ዓይነት ዜማን ሙዚቃን ኪምረጽ ኣለዎ። ዜማን ሙዚቃን ተጋቢኡ ዘሎ ኲሉ ሰብ ዚከታተሎን ዚሳተፎን ኪኸውን ኣለዎ። ዜማን ሙዚቃን ናይ ሕዝበ እግዚኣብሔር ሃብታም ባህሊ ዘንጸባርቕ ኪኸውን ኣለዎ። ናይቲ ሥርዓት መንፈሳዊ ባህርይን ግርማን ኪቕንጥት የብሉን። ቅዱስ ኣጐስጢኖስ "ዚዝምር ክልተ ጊዜ ከምዝጽሊ እዩ" ይብል። (1156-1158፥ 1191)

**240- መንፈስዊ ስእሊ ወይ ስእሊ ቅዱሳን እንታይ እዩ ጥቕሙ?**
ስእሊ ክርስቶስ፥ እቲ ዝበለጸ ሥርዓት ኣምልኾ ዚፍጸመሉ መንፈሳዊ ስእሊ እዩ። እቲ ካልእ ማርያምን ቅዱሳንን ዘለውዎ ስእልታት፥ ክርስቶስ ብኣኦምን ሳላኦምን ከምዝኸበረ የተሓሳስበና። ከምቲ ወንጌልን መጽሓፍ ቅዱስን ቃል ኣምላኽ፥ መለኮታዊ ትምህርቲ ከም ዘመሓላልፉና፥ ልክዕ ከምኡውን ስእልታት ክርስቶስን ማርያምን ካልኦት ቅዱሳንን፥ መንፈሳዊ ትምህርቲ የመሓላልፉልና እዮም። (በቲ ቅኑዕ ነጸብራቖም እንኪትርጐሙ ከኣ) ኣብ ምንቕቓሕን ምምዕባልን እምነት መእመናን ድማ ሓገስቲ እዮም። (1159-1161፥ 1192)

## መኣስ እዩ ዚሥራዕ?

**241- ኣብ ሊጡርጊያዊ ዓመት ኣገዳስን ቀንድን ጊዜ መኣስ እዩ?**
ኣገዳስን ማእከል ሊጡርጊያዊ ዓመት፥ ዕለተ ሰንበት እዩ። ሰንበተ ክርስቲያን መበገስን፥ ቀንዲ ኣገዳስን፥ ፍጽምናን ሊጡርጊያዊ ዓመት እዩ። ሊጡርጊያዊ ዓመት (እም ዮሓንስ እስከ ዮሓንስ) መፈጸምታኡ፥ እቲ "ናይ በዓላት በዓል" ተባሂሉ ዚጽዋዕ ፋሲካ እዩ። (1163-1167፥ 1193)

**242- ካብ ዮሓንስ ክሳብ ዮሓንስ ዘሎ ሊጡርጊያዊ ዓመት እንታይ፥ ከመይ እዩ?**
ቤተ ክርስቲያን  ኣብ ሓደ ምሉእ ሊጡርጊያዊ ዓመት፥ ካብ ትስብእቱ ክሳዕ ዳግማይ ምጽኣቱ ዘሎ ኲሉ ምሥጢረ ክርስቶስ ብምሉኡ ተብዕል። ኣብ ወወርሒ ኮነ ኣብ ዓዓመት፥ ኣብ ምዱብ ጊዜ ቤተ ክርስቲያን፥ ብፍልይ ዝበለ ፍቕሪ ናይታ ኣደ ኣምላኽ ዝኾነት ቅድስቲ ድንግል ማርያም በዓላት ተኽብር። ናይቶም ምእንቲ ክርስቶስ ኢሎም ዝተናበሩን፥ ምስኡ ተሳቒዮም ምስኡ ዚነግሡ ዘለዉ ቅዱሳን ዝኽሪ ተብዕል። (1168-1173፥ 1194-1195)

**243- ጸሎተ ሰዓታት እንታይ እዩ?**

ጸሎተ ሰዓታት ናይ ቤተ ክርስቲያን ሕዝባውን ማኅበራው ጸሎት እዩ። ክርስቶስ ምስታ ሰብነቱ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ሓቢሩ ዚጽልየሉ ጸሎት እዩ። ብጸሎት ሰዓታት፡ እቲ ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ እነብዕሎ ምሥጢረ ክርስቶስ፡ ናይ ነፍስወከፍ መዓልቲ ሰዓታት ይቕድሶን የሔድሶን። ጸሎተ ሰዓታት ኣውራ ብመዝሙረ ዳዊት ዝቆመ ጸሎት ኪኸውን ከሎ፡ ብናይ መጽሓፍ ቅዱስ ንባባት ዚሃብተመ እዩ። ናይ ኣበውን መንፈሳውያን መማህራንን ንባባት ድማ ዝተሓወሶ እዩ። (1174-1178፡ 1196)

## ኣበይ እዩ ዚሥራዕ?

**244- ቤተ ክርስቲያን ሥርዓተ ኣምልኾኣ ንክትፍጽም ቦታ የድልያ ድዩ?**

እቲ "ብመንፈስን ሓቅን" (ዮሓ. 4,24) ዚግበር ኣምልኾ ሓድሽ ኪዳን፡ ኣብ ሓደ ቦታ ኣይውሰንን እዩ፡ ከመይ ክርስቶስ እዩ እቲ ሓቀኛ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ እዩ። ሳላ ክርስቶስን ብተግባር መንፈስ ቅዱስን ኵሎም ሕዝበ ክርስቲያንን መላእ ቤተ ክርስቲያንን ቤተ መቕደስ እቲ ሕያው ኣምላኽ እዮም። ኮይኑ ግን ሕዝበ እግዚኣብሔር ብሓንሳእ ተኣኪቦም ሥርዓተ ሊጡርጊያኦም ንኪፍጽሙ፡ ምድራውያን ከም ምዃኖም መጠን፡ ናይ ሥርዓተ ኣምልኾ ቦታ የድልዮም እዩ። (1179-1181፡ 1197-1198)

**245- መንፈሳዊ ሕንጻ (ቤተ መቕደስ) ከመይ ዝበለ እዩ?**

መንፈሳዊ ሕንጻ፡ ቤተ እግዚኣብሔር እዩ። ምልክት ናይቶም ኣብቲ ቦታ ዚርከቡ መእመናን፡ ናይታ ኣብ ሰማይ ዘላ ማኅበረ ክርስቲያንን እዩ። መንፈሳዊ ሕንጻታት፡ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ቍርባን ትሠርዓሉ፡ ነቲ ኣብ ሙዳየ ቅዱስ ቍርባን ብሓቀኛ ህላዌ ዘሎ ክርስቶስ ተምልኽሉ፡ ናይ ጸሎት ቦታ እዩ።

**246- ኣብ ውሽጢ ናይ ሥርዓተ ኣምልኾ ቦታ (መንፈሳዊ ሕንጻ) ኣገስቲ ክፍልታት ኣየኖት እዮም?**

ኣብ ቤተ ክርስቲያን ወይ ኣብ ዝኾነ ናይ ሥርዓተ ኣምልኾ ቦታ ቀንዲ ኣገደስቲ ክፍልታት እዞም ዚስዕቡ እዮም፤ መንበረ ታቦት፡ ሙዳየ ቅዱስ ቍርባን፡ መንበሪ ቅብዓ ቅዱስ፡ መንበር ኣቡን ወይ ካህናት፡ ቅኔ ማኅሌት (ቃል ኣምላኽ ዝንበበሉ ቦታ)፡ ማየ ጥምቀት፡ መናዘዚ ኢያቶም። (1182-1186)

## ዝተፈላለየ ሥርዓት፡ ሓደ ምሥጢር

**247- እቲ ሓደ ዝኾነ ምሥጢረ ክርስቶስ፡ ከመይ ኢሉ እዩ ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ክርስትያናት ብዝተፈላለየ ሥርዓት ዚፍጸም?**

እቲ ዕምቈቱ ዘይውዳእ ሃብታም ዝኾነ ምሥጢረ ክርስቶስ ብሓደ በይኑ ሥርዓት ኪግለጽ ስለዘይከኣል፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ እዚ ሃብታም ዝኾነ ምሥጢረ ክርስቶስ ብዝተፈላለየ ሕዝብን ባህልታትን፡ በበይኑ ብዝኾነ መግለጺ ኪኸብር ኪኢሉ እዩ። እዚ ከከም ባህሉን ሕዝቡን ዝፈላለ መግለጺ ምሥጢረ ክርስቶስዚ ዘገርም ብዙኅነት እኳ እንተለዎ ንሓድሕዱ ዚመላላእ እዩ። (1209)

**248- እዚ ብዙኅነት ዘለዎ ዝተፈላለየ ሥርዓታት በየናይ ኣገባብ ሓድነቱ ይረጋገጽ?**

ሳላቲ ጽኑዕ ኣከታትላ ሓዋርያዊ ስልጣን፡ ካብ ሓዋርያት ኣብ ዝወረስናዮ እምነትን ኣፈጻጽማ ምሥጢራትን ሓድነት (ሱታፌ) እንተሎ፡ ኣብ ሓዋርያዊ ትውፊት ጸኒዕና ኣሎና ማለት እዩ። በዚ ድማ ሓድነት ዝተፈላለዩ ሥርዓታት ነረጋግጽ። ቤተ ክርስቲያን ካቶሊካዊት ማለት ዓ ለምለኻዊት ስለዝኾነት፡ እቲ ዝተፈላለየ ብዙኅ ሃብቲ ዘለዎ ሥርዓታት ኣብ ሓድነታ ክትጠምሮ ትኽእል። **(1209)**

**249- ኣብ ሥርዓተ ሊጡርጊያ ኵሉ ምልክታት ወይ ቃላት ኪቕየር ይከኣልዶ?**

ኣብ ሥርዓተ ሊጡርጊያ፡ ብፍላይ ኣብ ምሥጢራት፡ እቲ ባዕሉ ክርስቶስ ዚሠርዖ መለኮታዊ ምንጪ ዘለዎ ብምኽኑ ዘይቕየር ነገራት (ምልክታትን ቃላትን) ይርከቦ። ናይዚ እምነት ዓቃቢት ባዕላ ቤተ ክርስቲያን እያ። ገሊኡ ኪቕየር ዚከኣል ባእታታትውን ኣሎ። ኣድላይ ኣብ ዝኾነ ኵነታት ቤተ ክርስቲያን ንገሊኡ ቃላትን ተግባራትን ምሥጢራት ክትቕይሮ ትግደድ፡ ከመይ ምስ ዝተፈላለዩ ኣሕዛብን ባህልታትን ኪሰማማዕ ስለዘለዎ። **(1205-1206)**



# ካልኣይ ወገን

# ሾብዓተ ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያን

**ጥምቀት፣ ሜሮን፣ ቅዱስ ቍርባን፤**
**ንስሓ፣ መጽሓፍ ቀንዲል (ቅብኣተ ሕሙማት)፤**
**ክህነት፣ መጽሓፈ ተኽሊል (ቃል ኪዳን)።**



**250- ነቶም ሾብዓተ ምሥጢራት ኣብ ክንደይ ንኸፋፍሎም?**
እቶም ሾብዓተ ምሥጢራት ኣብ ሠለስተ ንኸፋፍሎም። ጥምቀት፡ ሜሮን፡ ቅዱስ ቍርባን ናይ መባእታ-ክርስትና ምሥጢራት ይበሃሉ። ናይ ምፍዋስ ምሥጢራት ተባሂሎም ዚፍለጡ ምሥጢረ ንስሓን ምሥጢረ ቀንዲልን እዮም። ናይ ኣገልግሎትን ናይ ተልእኾን ወይ ናይ ሱታፌ ምሥጢራት ተባሂሎም ዚፍለጡ ድማ ምሥጢረ ተኽሊልን ምሥጢረ ክህነትን እዮም። ኵሎም እዞም ሽብዓተ ምሥጢራት ኣገዳሲ ዝኾነ ጊዜ ሕይወት ክርስትና ይትንከፉ። "ናይ ኵሎም ምሥጢራት ክርስትና ናይ መወዳእታ ጥርናፌኦም ኣብ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ስለዝኾነ" (ቅ. ቶማስ ዘኣኵኖ)፡ ኵሎም ምሥጢራት ንቅዱስ ቍርባን ኢዮም ተሠሪዖም። (1210-1211)

# ቀዳማይ ምዕራፍ

## ናይ መባእታ ክርስትና ምሥጢራት

**251- መባእታ ክርስትና ከመይ ቢሉ ይፍጸም?**
መባእታ ናብ ክርስትና፡ በቶም መሠረት ሕይወት ክርስትና ዘንጽፉ ምሥጢራት ብምቕባል ይፍጸም። እቶም ብምሥጢረ ጥምቀት ከምብሓድሽ ዝተወልዱ ምእመናን፡ ብምሥጢረ ሜሮን ኣብ እምነቶም ጽንዓት ይረኽቡ፡ ብምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን ድማ ይምገኡ። (1212-1275)

### ምሥጢረ ጥምቀት

**252- እቲ ቀዳማይ ናይ መባእታ ክርስትና ምሥጢር እንታይ ስም ይወሃቦ?**
"ምጥማቕ" ማለት ናብ ማይ ምጥሓል ማለት ስለዝኾነ፡ እቲ ቀዳማይ ናይ መባእታ ክርስትና ምሥጢር፡ በቲ ቀንዲ ተግባር ናይ ሥርዓቱ፡ ጥምቀት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ዝተጠመቐ ዘበለ፡ ኣብ ሞት ክርስቶስ ይጥሕል፡ "ሓድሽ ፍጥረት" (2ቆሮ. 5,17) ኮይኑ ድማ ምስ ክርስቶስ ይትንሥእ። ምሥጢረ ጥምቀት "ካልኣይ ልደት ዝህብ ምሕጻብን ብመንፈስ ቅዱስ ምሕዳስን" (ቲቶ 3,5) ተባሂሉውን ይጽዋዕ። ዝተጠመቑ መእመናን "ደቂ ብርሃን" (ኤፌ. 5,8) ከኣ ስለዚኾውን ምሥጢረ ጥምቐት "ብርሃን" ተባሂሉውን ይስመ እዩ። (1213-1216፡ 1276-1277)

**253- ኣብ ብሉይ ኪዳን ጥምቀት ብኸመይ ኣቐዲሙ ይምሰል?**
ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዙሳ ምሳሌታት ጥምቐት ይርከብ። ጥምቀት፡ ብማይ ኣቐዲሙ ይምስል፡ ከመይ ማይ ምንጪ ሞትን ሕይወትን እያ። ኣብ ማይ ተንሳፍፍ ብዝነበረት መርከብ ኖኅ ይምሰል። ንእስራኤላውያን ካብ ባርነት ግብጺ ከምዘድኃነ፡ ብምስጋር ቀይሕ ባሕሪ ይምሰል። ንሕዝበ እስራኤል ናብቲ ምልክት ዘለዓለማዊ ሕይወት ዝኾነ ናብ ምድረ ተስፋ ብዘእተወ፡ ብምስግጋር ሩባ ዮርዳኖስውን ይምሰል። (1217-1222)

**254- ነዚ ኣቐዲሙ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተመሰለ ነገራት መን እዩ ናብ ፍጻሜ ዘብጽሖ?**

እቲ ኣብ ምጅማር ሓዋርያዊ ስርሑ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ብዮሓንስ መጥምቕ ዝተጠመቐ፡ እቲ ኣብ መስቀል ምስ ተሰቕለ ካብ ጐድኑ፡ ምልክት ጥምቀትን ቅዱስ ቍርባንን ዝኾነ ማይን ደምን ዘፍሰሰ፤ እቲ ድሕሪ ትንሣኤኡ ንሓዋርያቱ፡ "ኪዱ እሞ፡ ንዅሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጠመቕኩምዎም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም" (ማቴ. 28,19) እናበለ እዚ ተልእኾዚ ዘሰከመ፤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ነቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣቐዲሙ ተመሲሉ ዝነበረ ምሥጢረ ጥምቀት ኣብ ፍጻሜ ዘብጽሖ። (1223-1224)

**255- ካብ መኣስን ንመንን እያ ቤተ ክርስቲያን ተጠምቕ?**

ካብ መዓልቲ ጴንጠቆስጠ ጀሚራ ቤተ ክርስቲያን፡ ኣብ ክርስቶስ ንዝኣምን ዘበለ ኵሉ ተጠምቕ። (122-1228)

**256- እቲ ቀንድን ኣገዳስን ተግባር ወይ ሥርዓት ምሥጢረ ጥምቀት እንታይ እዩ?**

እቲ ቀንድን ኣገዳስን ተግባር ምሥጢረ ጥምቀት፡ ስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናሰመኻ፡ ንተጠማቒ ናብ ማይ ምጥሓል፡ ወይ ማይ ኣብ ርእሱ ምፍሳስ እዩ። (1229-145-፡ 1228)

**257- ምሥጢረ ጥምቀት ኪቕበል ዝኽእል መን እዩ?**

ዘይተጠመቐ ዘበለ ሰብ፡ ምሥጢረ ጥምቀት ኪቕበል ይኽእል። (1246-1252)

**258- ስለምታይ እያ ቤተ ክርስቲያን ንሕፃናት እተጠምቕ?**

ሕፃን ዘበለ ብኃጢኣት ኣዳም ተለኺፉ ስለዝውለድ፡ ካብ ስልጣን ሰይጣን ተላቒቑ፡ ናብ መንግሥቲ ናጽነት ደቂ እግዚኣብሔር ኪኣቱ ስለዘለዎ፡ ጥምቀት ናይ ግድን የድልዮ። (1250)

**259- ሰብ ንኺጥምቕ እንታይ ኪፍጽም ይግበኦ?**

ኪጥመቕ ዝደሊ ዘበለ ሰብ ዓብይ እንተኾይኑ ባዕሉ እምነቱ ኪገልጽ ኣለዎ። ቆልዓ እንተኾይኑ ግን፡ ወይ ወለዱ ወይ ቤተ ክርስቲያን እምነቱ ከክንድኡ ይምስክሩሉ። ኣቦሊገ ወይ እኖሊገ፡ ከምኡ ከኣ መላእ ማኅበረ ክርስቲያን፡ ኣብ ጊዜ ምቕርራብ ጥምቀት (ደረጃ ንኡሰ ክርስቲያን)፡ ነቲ ተመራጺ ኪድግፍዎ ይግባእ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ተጠማቒ ድሕሪ ምጥማቑ፡ ኣብ እምነቱ ኪጸንዕን፡ ጸጋ ምሥጢረ ጥምቀቱን ኺማዕብልን ኪተሓጋገዝዎ ኣለዎም። (1253-1255)

**260- መንኸ እዩ ኬጠምቕ ዝኽእል?**

ኵሉ ጊዜ ኣቡንን ካህንን ኬጠምቑ ይኽእሉ። ብሥርዓት ላቲን ዲያቆን እውን ኬጠምቕ ይኽእል እዩ። እዞም ዝተጥቕሱ ሰባት ኣብ ዝተሳእንሉ ጊዜ ዝኾነ ሰብ ኬጠምቕ ይኽእል፡ ሓደውስ ከምቲ ቤተ ክርስቲያን እትገብሮ ኪገብር ቢሉ ይሕሰብ ድኣ እምበር። እቲ ሰብ ኣብ ርእሲ ተጠማቒ ማይ እናፍሰሰ፡ ብስም ቅድስቲ ሥላሴ እዚ ዝስዕብ ይብል፡ "ኣነ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጠምቐካ ኣለኹ"። (1256፡ 1284)

**261- ንኽንድኅን ጥምቀት ናይ ግድን ኣድላዪ ድዩ?**

ነቶም ወንጌል ዝተበሠሮም፡ ከምኡውን እዚ ምሥጢር ንኺቕበሉ ዕድል ንዘለዎም ሰባት፡ ምሥጢረ ጥምቀት ንድኅነቶም ኣድላዪ እዩ። (1257)

**262- በዘይ ጥምቀት ክንድኅንዶ ንኽእል?**

እቶም ከይተጠመቑ ብሰንኪ እምነቶም ዚሞቱ ሰባት ኪድኅኑ ይኽእሉ፡ ከመይ ብሰማዕትነቶም ናይ ደም ጥምቀት ተቐቢሎም ኣለዉ። እቶም

ንጥምቀት ዚቐረቡ ዘለዉ ንኡሰ ክርስቲያን፣ ከምኡውን እቶም ኵሎም ንክርስቶስን ንቤተ ክርስቲያንን ከይፈለጡ፣ ሳላ ጸጋ ኣምላኽ ግን፣ ብልቦም ንኣምላኽ ዚደልይዎን፣ ድላዩ ኪፍጽሙ ቢሎምውን ዚጽዕሩ ዘበሉ፣ ከይተጠመቑ ኪድኀኑ ይኽእሉ፣ ከመይ ንሶም ናይ ሃረርታ ጥምቀት ተቐቢሎም እዮም። (1258-1261፣ 1281-1283)

263- ፍረታት ጥምቀት እየኖት እዮም?
ጥምቐት፣ ኃጢኣት ኣዳምን ኵሉ ግላዊ ኃጢኣትን፣ ኃጢኣት ዘስዕቦ ኵሉ መቕጻዕትን ይድምስስ። በቲ ምሥጢራዊ ጸጋ (ካብቲ ምሥጢር ዚመጽእ ጸጋ) ኣብ ሕይወት ቅድስቲ ሥላሴ የሳትፈና። በቲ ዜድኀን ጸጋ ከኣ ምስ ክርስቶስን ምስ ቤተ ክርስትያኑን ሓደ ከምንኸውን ይገብር። ኣብ ክህነታዊ ተልእኾ ክርስቶስ የሳትፈና። እዚ ጸጋዚ ናይ ኵሎም ክርስቲያን መሠረት ሓድነት እዩ። መለኮታውያን ኃይላትን ውህበታት መንፈስ ቅዱስን ከምዝህለወና ይገብር። ዝተጠመቐ ዘበለ፣ ናይ ክርስቶስ ዘይድምሰስ ማኅተም ስለዘለዎ፣ ንዘለዓለም ናይ ክርስቶስ ይኸውን። (1262- 1274፣ 1279-1280)

264- ኣብ ጊዜ ምጥማቕና እንቕበሎ “ስም ክርስትና” እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ?
ኣምላኽ ንነፍስወከፍና በብስምና ስለዝፈልጠናን፣ በብግልና ስለዝቕበለናን፣ ስም ጥምቀት ኣገዳሲ እዩ። ብጥምቐት፣ ክርስቲያን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ናይ ገዛእ ርእሱ ፍሉይ ስም ይረክብ። ብዝተኻኣለ መጠን እቲ ኣብ ሥርዓተ ጥምቀት ዚወሃብ ስም፣ ስም ሓድ ቅዱስ እንተኾነ ይምረጽ፣ ከመይ ነቲ ተጠማቒ ኣርኣያ ቅድስና ይኾኖ፣ ከምኡውን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ የማልደሉ። (2156-2159፣ 2167)

## ምሥጢረ ሜሮን (ናይ ጽንዓት ምሥጢር)

265- ኣብ መለኮታዊ መደብ ድኅነት ምሥጢረ ሜሮን እንታይ ግደ ኣለዎ?
ነቲ ኪመጽእ ዝነበሮ መሲሕን ነቶም ናቱ ዝኾኑ ሕዝብን፣ መንፈስ ጐይታ ኪወሃቦም ከምዝነበሮ፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ነብያት ኣቐዲሞም ኣወጁ። ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ሕይወትን ተልእኾኡን ምስ መንፈስ ቅዱስ ምሉእ ሓድነት ነበሮ። ኣብ ዕለት ጴንጠቆስጠ፣ ሓዋርያት መንፈስ ቅዱስ ምስ ተቐበሉ፣ “እቲ ዓብይ ግብሪ ኣምላኽ” (ግ.ሓ. 2,11) ኣወጁ። ንሶም ድሕሪ እዚ ፍጻሜዚ ነቶም ዚጥመቑ ዝነበሩ ሰባት ብኣምብሮ ኢድ ነዚ መንፈስዚ ይህብዎም ነበሩ። ከምዚ ቢላ ቤተ ክርስቲያን ንዘመናት ብመንፈስ ትነብር፣ ንደቃውን እዚ መንፈስ እዚ ትዕድል። (1285-1288፣ 1315)

266- ስለምታይ እዩ እዚ ምሥጢርዚ ቅብኣተ ሜሮን ወይ “ናይ ጽንዓት ምሥጢር” ተባሂሉ ዚስመ?
ናይዚ ምሥጢርዚ ቀንዲ ተግባር ምቕባእ ስለዝኾነ፣ ኣብ ምስራቓውያን ኣብያተ ክርስትያናት “ምሥጢረ ሜሮን” ወይ “ምሥጢረ ቅብኣተ ሜሮን” ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣብ እምነት ስለዘጽንዓና፣ ከማኡውን ንጸጋ ጥምቐት ስለዝምልእ ማለት ፍጻሜ ስለዘልብስ ከኣ (ኣብ ምዕራባዊት ቤተ ክርስቲያን) ናይ ጽንዓት ወይ መጽንዒ ምሥጢር ተባሂሉ ይፍለጥ። (1289)

267- ቀንዲ ሥርዓት ወይ ተግባር ምሥጢረ ሜሮን እንታይ እዩ?

ቀንዲ ሥርዓት ምሥጢረ ሜሮን፡ ዝተቀደሰ ዘይቲ ሜሮን ብምቕባእን፡ እቲ ሠራዒ (ካህን ወይ ኣቡን) ኣምብሮ ኢድ ብምግባርን፡ ኣብቲ ሥርዓት ብዝድገማ ቃላትን ይፍጸም እዩ። ኣብ ምዕራባዊት ቤተ ክርስቲያን ቅብኣተ ሜሮን፡ ኣብ ግንባር ተጠማቂ እናዓተብካ፡ "ከም ህያብ ንዝተዋህበካ፡ ማኅተም መንፈስ ቅዱስ ተቐበል" እናበልካ እዩ ዚፍጸም። ሥርዓት ቁስጥንጥንያ ኣብ ዝኸተላ ምስራቓውያን ኣብያተ ክርስትያናት ግን፡ እቲ ምዕታብ ኣብ ግንባር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ካልእ ክፍልታት ሰብነት ተጠማቒ እናቐባእካ፡ ከምዚ ትብል፡ "ናይ መንፈስ ቅዱስ ህያብ ማኅተም"። ሜሮን፡ ብኣቡን ዝተቐደሰ ሽቱን ቅዱይ ዘይትን እዩ። (1290-1301፡ 1318፡ 1320-1321)

268- ፍረ ምሥጢረ ሜሮን እንታይ እዩ?
ኣብ ዕለት ጴንጠቆስጠ ከምዝተፈጸመ፡ ፍረ ወይ ሳዕቤን ምሥጢረ ሜሮን ፍሉይ ዝኾነ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልብና ኪወርድ ከሎ፡ ኣብ ነፍስና ዘይድምሰስ ማኅተም ይሓትመልና። ካብ ምሥጢረ ጥምቀት ዝተቐበልናዮ ጸጋ የዕዝዘልና። መለኮታዊ ውልድነትና ዝያዳ ከምዚጸንዕን ከምዚድንፍዕን ይገብር። ምስ ክርስቶስን ምስ ቤተ ክርስቲያንን ኣጸቢቑ የወሃህደና። ህያባት መንፈስ ቅዱስ ብዝያዳ ኣብ ንፍስና የጽንዓልና። ኣብ ሃይማኖትና የጽንዓና ወይ እምነትና ንክንምስክር ዝያዳ ኃይሊ ይህበና። (1302-1305፡ 1316-1317)

269- ንምሥጢረ ሜሮን መን እዩ ኪቕበሎ ዚኽእል?
እቲ ዝተጠመቐ ዘበለ ሓደ ጊዜ ጥራይ ኪቐበሎ ይኽእል ወይ ኪቕበሎ ኣለዎ። ምሥጢረ ሜሮን ንምቕባል ብቕዓት ስለዘድሊ፡ ምስጠረ ሜሮን ቅድሚ ምቕባልና ንፍስና ከነንጽሕ ይግበኣና። (1306-1311፡ 1319)

270- ናይ ምሥጢረ ሜሮን ሠራዒ መን እዩ?
(ኣብ ሥርዓት ላቲን) ቀንዲ ሠራዒ ምሥጢረ ሜሮን ኣቡን እዩ። ስሕት ኢሉ ግን ኣዚ ስልጣን ንካህናትውን ኪወሃቦም ይከኣል እዩ። ኣቡን እዩ ቀንዲ ሠራዒ ኪበሃል ከሎ እቲ ኣብ መንጕ ዝተቐብአ ሰብን ቤተ ክርስቲያን ን ዘሎ ሓድነት ምእንቲ ኪረጋገጽን፡ ከምኡውን እቲ ተቐባኢ ኣብ ትውፊት ሓዋርያት ከምዘሎ ንምግላጽን እዩ። ከም ልማድ ምስራቓውያን ኣብያተ ክርስቲያን ግን ካህን እዩ ቀንዲ ሠራዒ ምሥጢረ ሜሮን። ካህን እምበኣርከስ ሚስጢረ ሜሮን ኪሠርዕ ከሎ፡ ንሱ ባዕሉ ተሓባባሪ ኣቡኑ ስለዝኾነ፡ ከማኡውን እቲ ዝጥቀመሉ ዘሎ ቅብኣተ ሜሮን ባዕሉ እቲ ኣቡን ቐዲሱ ስለዝህቦ፡ ቡቲ ካህን ኣቢሉ፡ እቲ ተቐባኢ ምስ ቤተ ክርስቲያንን ኣቡንን ዘለዎ ሓድነት ይግለጽ። (1213-1214)

## ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን

271- ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን እንታይ እዩ?
ቅዱስ ቍርባን፡ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መሥዋዕቲ ሥጋን ደምን እዩ። መሥዋዕቲ መስቀል ንዘመናት እናተሓደሰ ክሳብ ዳግማይ ምጽኣት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ኪጸንሕ፡ ክርስቶስ ባዕሉ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ሠርዓልና። እዚ ዝኽሪ ሞትን ትንሣኤ ክርስቶስ ዝኾነ ቅዱስ ቍርባን ንቤተ ክርስቲያን እዩ ተዋሂቡ። እዚ ምሥጢርዚ ምልክት ሓድነትን ናይ ፍቕሪ ምትእስሳርን እዩ። ቅዱስ ቍርባን፡ ነፍስና

ብጸጋታት እትምልኣሉ፣ ክርስቶስ እትቕበለሉ፣ ዕርቡን ዘለዓለማዊ ሕይወት እትረኽበሉ፣ ፋሲካዊ መኣዲ እዩ። (1322-1323፣ 1409)

**272- ክርስቶስ መኣስ እዩ ንቅዱስ ቍርባን ዚሠርዐ?**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "በታ ዝተታሕዘላ ለይቲ" (1ቆሮ. 11,23)፣ ማለት ብሓሙስ ጽግቦ፣ ምስ ሓዋርያቱ ናይ አወዳእታ ድራር ኣብ ዝተደረረሉ እዋን ቅዱስ ቍርባን ሠርዐ። (1323፣ 1337-1340)

**273- ክርስቶስ ከመይ ገይሩ እዩ ንቅዱስ ቍርባን ዚሠርዐ?**

ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ኣብቲ ዓብይ ኣደራሽ ድሕሪ ምእካቦም፣ እንጌራ ኣልዓለ፣ ቆሪሱውን፣ ከምዚ እናበለ ንደቀ መዛሙርቱ ሃቦም፣ "እንኩም ብልዑ፣ እዚ ምእንታኻትኩም ዚቍረስ ሥጋይ እዩ"። ድሓርውን ነቲ ጽዋዕ ወይኒ ኣልዒሉ፣ " እንኩም ስተዩ፣ እዚ ጽዋዕ ደመይ እዩ። እዚ ንሥሬተ ኃጢኣት፣ ምእንታኻትኩምን ምእንቲ ኵሉ ሰብን ዚፈስስ ደመይ እዩ። ናይ ዘለዓለምን ናይ ሓድሽ ኪዳንን (መሥዋዕቲ እዩ)፣ እዚ ንዝኽረይ ግበርዎ" እናበለ ቅዱስ ቍርባን ሠርዐ። (1337-1360፣ 1365-1406)

**274- ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ቍርባን እንታይ የመልክተልና?**

ምንጭን ፍጻሜን ሕይወት ክርስትና እዩ። ምእንታና ዚፍጸም ቀዳሲ ዝኮነ ተግባራት ኣምላኽ፣ ከምኡውን ንሕና ንኣምላኽ እንቕርበሉ ናይ ኣምልኾ ስግደት፣ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ፍጽምና ይለብስ (ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ይበጽሕ)። እቲ በጊዕ ፋሲካና ዝኾነ ክርስቶስን፣ ኵሉ መንፈሳዊ ሃብቲ ቤተ ክርስቲያንን ኣብ ቅዱስ ቍርባን ተጠርኒፉ ይርከብ። ሕዝበ እግዚኣብሔር ነንሕድሕዱ ምስ ኣምላኹን ሓድነት ኣለዎ። ናይዚ ሓድነትዚ ምንጭን መግለጽን ከኣ ቅዱስ ቍርባን እዩ። ኣብ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ቅዱስ ቍርባን ክንሠርዕ ከሎና፣ ኣብ ሰማያዊ ሥርዓተ ኣምልኾ ንጽምበር፣ ዘለዓለማዊ ሕይወት ድማ ኣቐዲምና ነስተማቕር። (1324-1327፣ 1407)

**275- ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን ካልእ ስም ኣለዎዶ?**

እቲ ማእለያ ዘይብሉ ናይዚ ምሥጢር እዚ ሃብቲ ብዝተፈላለየ ኣስማት ይገለጽ። ነፍስወከፍ ስም ንገሊኡ ገጽ ናይዚ ምሥጢርዚ ይገልጽ። ኣስማት ቅዱስ ቍርባን እዚ ኪኸውን ይኽእል፤ ቍርባን፣ መሥዋዕቲ ቅዳሴ፣ ድራር ጐይታ፣ ምቍራስ እንጌራ፣ ኣኼቴተ ቍርባን፣ ዝኽሪ ሕማማትን ሞትን ትንሣኤን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ቅዱስ መሥዋዕቲ፣ ቅዱስ ኣምልኾ፣ ቅዱሳት ምሥጢራት፣ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ምሥጢር መንበረ ታቦት፣ ቅዱስ ሱታፌ (ቅዱስ ምቕባል)። (1328- 1344)

**276- ኣብ መለኮታዊ መደብ ድኅነት ቅዱስ ቍርባን እንታይ ግደ ኣለዎ?**

ኣብ ብሉይ ኪዳን ቅዱስ ቍርባን ኣቐዲሙ ብምሳሌ ኣብ ኣበዓዕላ ዓመታዊ በዓል ፋሲካ ኣይሁድ ተነጊሩ ነበረ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣይሁድ፣ ነቲ ሃንደበታዊ ናጻ ምውጻእ ዘኸተለሎም ምንቃል ካብ ግብጺ ኪዝክሩ ኢሎም፣ ዓመት ዓመት ብዘይበቍዐ እንጌራ ፋሲካኦም የብዕሉ ነበሩ። ክርስቶስ ኣብ ትምህርቱ ብዛዕባ ቅዱስ ቍርባን ድሕሪ ምዝራብ፣ ኣብ መወዳእታ ድራር ምስ ሓዋርያቱ እዚ ፋሲካ ኣይሁድ ብምዝካር ንቅዱስ ቍርባን ሠርዐ። ክርስቶስ ባዕሉ፣ "እዚ ንዝኽረይ ግበርዎ" (1ቆሮ. 11,24) ስለዝበለ፣ ቤተ ክርስቲያን ትእዛዝ ጐይታ ኽትተኽብር ቢላ፣ ኵሉ ጊዜ፣ ብፍላይ መዓልቲ ትንሣኤ ክርስቶስ ኣብ ዝኾነ ዕለተ ሰንበት መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ተዕርግ። (1333-1344)

**277- ኣፈጻጽማ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ከመይ እዩ?**

ሓደ ሥርዓት ብዘቕውም ክልተ ተግባራት ይፍጸም። ቃል ኣምላኽ ብምንባብን (ሥርዓተ ቅዳሴ)፥ ብሥርዓት ቅዱስ ቊርባንን (ኣኰቴተ ቊርባን)። ኣብቲ ቀዳማይ ተግባር ቃል ኣምላኽ ይብሠርን ይስማዕን። ኣብቲ ካልኣይ ተግባር ኅብስትን ወይንን ይቐርብ፥ እዚ በተን ናይ ምልዋጥ ቃላት ናብ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ይልወጥ፥ መእመናን ድማ ንሥጋን ደም ክርስቶስ ይቕበሉ። (1345-1355፥ 1408)

278- ናይ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን ሠራዒ መን እዩ

እቲ ብግቡእ መዓርገ ክህነት ዚለበሰ፥ ኣብ ክንዲ እቲ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ ክርስቶስን፥ እቲ ብስም ቤተ ክርስቲያንን ዚዓዱ ካህን (ኣቡን ወይ መንም ካህን) እዩ ሠራዒ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን። (1348፥ 1411)

279- ኣብ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን እቲ ቀንዲ ዘድሊ ነገራት እንታይ እዩ?

ኣብ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ቀንዲ ኣድላይን ኣገዳስን ነገራት፥ እቲ ብሥርናይ ዝተሰርሐ ኅብስትን (እንጌራ)፥ እቲ ካብ ዘለላ ተኸሊ ወይኒ ዝተጸምቄ ወይንን እዩ። (1412)

280- መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን "ዝኽሪ መሥዋቲ ክርስቶስ" እዩ ንብል፤ ብከመይ ኢና?

ምእንቲ ደቂ ሰባት ቢሉ ክርስቶስ፥ ሓደ ጊዜ ንሓዋሩ ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ ነብኡ ዘወፈዮ መሥዋዕቲ፥ ኵሉ ጊዜ ህልው ስለዚገብሮ፥ ቅዱስ ቊርባን "ዝኽሪ መሥዋዕቲ ክርስቶስ እዩ" ንብል። ቅዱስ ቊርባን መሥዋዕ ቲ ከምዝኾነ፥ በተን ኣብ ምሥራዕ ቅዱስ ቊርባን ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተጠቐመለን ቃላት ይግለጽ፥ "እዚ ምእንታኹም ዚወሃብ ዘሎ ሥጋይ እዩ። ... እዚ ጽዋዕ እዚ በቲ ምእንታኹም ዚፈስስ ደመይ ዝተገብረ ሓድሽ ኪዳን እዩ" (ሉቃ. 22, 19-20)። መሥዋዕቲ ቅዳሴን መሥዋዕቲ መስቀልን ሓደ መሥዋዕቲ እዩ። ኣብ ክልቲኡ ውሩይን ኣቕራብን ሓደ (ክርስቶስ) እዩ። ኣብ ኣገባብ ኣወፋፍያ ግን ፍልልይ ኣሎ፤ ኣብ መስቀል እቲ መሥዋዕቲ ብምፍሳስ ደም ተፈጸመ። ኣብ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን ግን እቲ መሥዋዕቲ ብዘይ ምፍሳስ ደም እዩ ዚፍጸም። (1362-1367)

281- ከመይ ኢላ ቤተ ክርስቲያን ኣብ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን እትሳተፍ?

ኣብ ቅዱስ ቊርባን፥ እቲ መሥዋዕቲ ክርስቶስ፥ መሥዋዕቲ ኣካላት ሰብነቱውን እዩ። ኣካላት ክርስቶስ ናይ ዝኾኑ መእመናን ሕይወትን፥ ውዳሴን፥ ስቓያትን፥ ጸሎትን፥ ስራሕን ጻዕርን ምስቲ ናይ ክርስቶስ መሥዋዕቲ ሓደ ይኸውን። ምእንቲ ህልዋንን ሙታንን፥ ምእንቲ ሥሬት ኃጢኣት ኵሎም ደቂ ሰብን፥ ካብ ኣምላኽ ዘድልየና መንፈሳውን ሥጋውን ጸጋታት ምእንቲ ክንቕበልን መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን ነዕርግ። እቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉ ማኅበረ ክርስቲያንውን ኣብዚ መሥዋዕቲ ክርስቶስ ይሓብሩ እዮም። (1368-1372፥ 1414)

282- ህላዌ ኢየሱስ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ከመይ እዩ?

ህላዌ ክርስቶስ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ፍሉይን መወዳድርቲ ብዘይብሉን ኣገባብ ይፍጸም። ክርስቶስ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ብሥጋኡን ደሙን ብነፍስን መለኮትን ህልው ስለዝኾነ፥ ህላዌኡ ሓቀኛን ክውንነታውን ኣማናውን እዩ። ህላዌ ክርስቶስ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ብኵልትናኡ ማለት ብመለኮቱን ትስብእቱን እዩ። እዚ ህላዌዚ ብመልክዕ ኅብስትን ወይንን

ስለዝተሸፈነ፣ ህላዌኡ ምሥጢራዊ እውን እዩ ንብል። (1373-1375፣ 1413)

**283- “ምልዋጥ ባህርይ” (transubstantiation) ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ምልዋጥ ባህርይ (transubstantiation) ማለት፣ ናይ ኅብስትን ወይንን ባህርይ ብምሉኡ ናብ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ባህርይ ተለዊጡ ማለት እዩ። እዚ ናይ ባህርይ ለውጢ ኣብ ኣኰቴተ ቍርባን፣ በተን ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዛረበን ቃላትን፣ ብተግባር መንፈስ ቅዱስን ይፍጸም። ናይ ኅብስትን ወይንን ባህርይ ይለውጥ ድኣ እምበር፣ እቲ ዝርአ ግዳማዊ መልክዕ ኅብስትን ወይንን ግን ኣይልወጥን እዩ። (1376-1377፣ 1413)

**284- ብምቍራስ ኅብስቲ (እንጌራ) ክርስቶስ ይመቓቐል ድዩ?**

ብምቍራስ እቲ ሥጋ ክርስቶስ ዝኾነ ኅብስቲ ክርስቶስ ኣይመቓቐልን እዩ። ኣብ ነፍስወከፍ ቍራስ ኅብስቲ ክርስቶስ ከይተመቓቐለ ብኵልንትናኡ ኣብኡ ይነብር። (1377)

**285- ክሳብ መኣስ እዩ ህላዌ ክርስቶስ ብመልክዕ ኅብስትን ወይንን ዚጸንሕ?**

መልክዕ ኅብስትን ወይንን ክሳብ ዘሎ፣ ክርስቶስ ብኵልንትናኡ ኣብ ውሽጢ መልክዕ ኅብስትን ወይንን ኣሎ። (1377)

**286- ኣብ ቅድሚ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን እንታይ ዓይነት ኣምልኾ ይፍጸም?**

ኣብ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ኮነ፣ ካብ ቅዳሴ ውጻኢ፣ ንቅዱስ ቍርባን ዚውሃብ ኣምልኾ፣ ልክዕ ከምቲ ንኣምላኽ ዝወሃብ፣ ናይ ስግደት ኣምልኾ እዩ ዚወሃብ። በዚ ምኽንያት እዚ እያ ቤተ ክርስቲያን ነቲ ናብ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ዝተለወጠ ኅብስቲ ብልዑል ጥንቃቐ ኣብ ሙዳየ ቅዱስ ቍርባን እትዓቍሮ። ናብ ሕሙማትን፣ ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኪመጹ ናብ ዘይኽእሉ ሰባትን ተብጽሖ። መእመናን ብዓጀብ ንኺሰግድሉ ኣብ መንበረ ታቦት ትውጽኦ፣ ኣብ ዑደትውን ብኣጀብ ትስከሞ። ቤተ ክርስቲያን ኣብ መንበረ ታቦት ንዘሎ ቅዱስ ቍርባን ምብጻሕ ከዘውትሩን፣ ኪስግዱን ንመእመናና ትላቦ። (1378-1381፣ 1418)

**287- ስለምንታይ እዩ ቅዱስ ቍርባን “ፋሲካዊ መኣዲ” ዚበሃል?**

ክርስቶስ ኣብ ቅዱስ ቍርባን፣ ነቲ ከም ምግብን መስተን ዚውፈ ሥጋኡን ደሙን ስለዚህበና፣ ንሕና ምስኡ፣ ከምኡውን ነንሕድሕድና ከምንሓብር ስለዚገብረና፤ ክርስቶስ ብምሥጢራዊ መንገዲ፣ ፋሲካኡ ስለዚሠርዓልና፣ ቅዱስ ቍርባን “ፋሲካዊ መኣዲ” ወይ ድራር እዩ ንብሎ። (1382-1384፣ 1391-1396)

**288- መንበረ ታቦት እንታይ እዩ ትርጉሙ?**

መንበረ ታቦት ናይ ክርስቶስ ምልክት እዩ። ኣብ መንበረ ታቦት ክርስቶስ ባዕሉ፣ ናብ መሥዋዕቲ ከምዝቐረበ ውፉይ እዩ፣ በዚ ምኽንያት እዚ መንበረ ታቦት ናይ መሥዋዕቲ መስቀል ቦታ እዩ ንብሎ። ከምኡውን ክርስቶስ ኣብ መንበረ ታቦት፣ ከም መንፈሳዊ ምግቢ ኮይኑ ንዓና ስለዝወሃብ፣ መንበረ ታቦት “መኣዲ” ቅዱስ ቍርባን እዩ ንብል። (1383፣1410)

**289- መኣስ ኢና ብትእዛዝ ቤተ ክርስቲያን ናይ ግድን ኣብ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ክንሳተፍ ዘለና?**

ብመዓልቲ ሰንበትን፡ ኣብ ዓበይቲ በዓላትን ቅዳሴ ንኪሰምዑ፡ ቤተ ክርስቲያን ንመእመናና ትላቦ። እንተተኻእለውን መዓልቲ መጸ ቅዳሴ ኪሰምዑ ቤተ ክርስቲያን ትመክር። (1389፡ 1417)

**290- ቅዱስ ቍርባን መኣስ ኢና እንቕበል?**

ኣብ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ዚሳተፉ መእመናን፡ ኵሉ ግዜ ከምቲ ዚግባእ ተሰናድዮም ቅዱስ ቍርባን ኪቕበሉ ቤተ ክርስቲያን ትላቦ። መእመን ናይ ግድን ተናዚዙ ኪቖርብ ዘለዎ ኣብ ቅነ ፋሲካ እዩ። (1389)

**291- ቅዱስ ቍርባን ንኽንቕበል እንታይ ምግባር የድልየና?**

ቅዱስ ቍርባን ንኽንቕብል፡ ምስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ምሉእ ኀብረት የድልየና። ነፍስና ካብ ዝኾነ ይኹን ናይ ኃጢኣት ሞት ከነንጽሕ ይግበኣና። ኀሊናኡ መርሚሩ ኣብ ዓብይ ኃጢኣት ከምዘሎ ዚፈልጥ መእመን ኣቐዲሙ ኪናዘዝ (ምሥጢረ ንስሓ ኪቕበል) ኣለዎ። ቅድሚ ቅዱስ ቍርባን ምቕባልና ዝተኣዘዘ ጾም ክንጸውም፡ ቅድሚ ምቍራብና (ቅዱስ ቍርባን ምቕባልና) ብእርኑብ መንፈስን ጸሎትን ክንሰናዶ ይግበኣና። ኣለባብሳና ኮነ ተግባራትና (ኣደብና) ንክርስቶስ ዘኽብር/ዚበቕዕ ኪኸውን ይግባእ። (1385-1389፡ 1415)

**292- ናይ ቅዱስ ቍርባን ፍረታት ኣየኖት እዮም?**

ቅዱስ ቍርባን ብምቕባልና፡ ምስ ቤተ ክርስቲያንን ምስ ክርስቶስን ዘሎና ሓድነት ይድንፍዕ፡ ኣብ ምሥጢረ ጥምቀትን ምሥጢረ ሜሮንን ዝተቐበልናዮ ምሥጢራዊ ጸጋ ይሕደስ፤ ኣብ ምዝውታር ፍቕሪ ብጻይ የማዕብለና። ኣብ ፍቕሪ ዝያዳ ከምንሥረት ገይሩ፡ ንኡስ ኃጢኣትና ደምሲሱ፡ ዓብይ ኃጢኣት ከብ ምፍጻም የድኅነና። (1391-1397፡ 1416)

**293- ነቶም ካቶሊካውያን ዘይኮኑ ክርስቲያን ኣኀዋትና ኪቖርቡ ይኽእሉዶ?**

ነቶም ምስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ምሉእ ሓድነት ዘይብሎም፡ ኣባላት ምስራቓውያን ኣብያተ ክርስትያናት ኮይኖም፡ ካቶሊካውያን ዘይኮኑ ክርስቲያን፡ እንተድኣ ፍቓዶም ኮይኑ፡ ብዝግባእ ከኣ እንተደኣ ተሰናድዮም፡ ካህናት ካቶሊካውያን ኬቕርብዎም ይኽእሉ። ነቶም ናይ ካልኦት ኣብያተ ክርስትያናት ኣባላት ኮይኖም ካቶሊካውያን ዘይኮኑ ክርስቲያን፡ ኣብ ህጹጽ ጕዳይ እንተዘይኮይኑ ኪቕበሉ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ኣብ ህጹጽ ጕዳይ፡ ካብ ካቶሊካውያን ካህናት ቅዱስ ቍርባን ኪቕበሉ እንተደልዮም፡ ባዕሎም ድላዮም ኪገልጹ፡ ብቁዕ ምቅርራብ ኪገብሩ፡ ከምቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን እትኣምኖ ኣብ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን ኪኣምኑ ኣለዎም። (1398-1401)

**294- ቅዱስ ቍርባን ከመይ ኢሉ እዩ "ናይ መጻኢ ክብሪ መንግሥተ ሰማያት ዕርቡን" ዚኸውን?**

ቅዱስ ቍርባን ብምቕባልና፡ ብዘሎ ሰማያዊ ጸጋታትን ቡራኬታትን ነፍስና ስለትመልእ፡ ኣብዚ ምድራዊ ንግደትና ስንቂ ኮይኑ፡ ዘለዓለማዊ ሕይወት ሃረር ከምእንብል ስለዚገብረና፤ ኣብዚ ምድሪዚ ከሎና ምስቲ ኣብ የማን ኣብኡ ተቐሚጡ ዘሎ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ ምስ እኖና ቅድስቲ ማርያምን ኵላቶም ቅዱሳንን፡ ምስታ ኣብ ሰማይ እትሕጐስ ዘላ ማኀበረ ክርስቲያንን ስለዘወሃህደና፤ "ቅዱስ ቍርባን ናይ መጻኢ ክብሪ መንግሥተ ሰማያት ዕርቡን እዩ" ንብል። (1402-1405)

"ኣብ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን፡

ነቲ ጸረ ሞት ዝኾነ፡ ምስ ክርስቶስ ንሓዋሩ ዃኽንነብር
ንዘለዓለም ዚዓቅኑረና መድኃኒት፡
ነቲ ሓደ ዝኾነ ኅብስቲ ኢና እንቈርስ”
(ቅዱስ ኢግናጽዮስ ዘኣንጽዮቅያ)

# ካልኣይ ምዕራፍ

## ናይ ምፍዋስ ምሥጢራት

**295- ክርስቶስ ስለምንታይ እዩ ነዚ ክልተ ናይ ምፍዋስ ምሥጢራት፡ ማለት ንምሥጢረ ንስሓን ምሥጢረ ቀንዲልን ዚሠርዐ?**

ናይ መባእታ ክርስትና ምሥጢራት ተባሂለን ዚፍለጣ፡ ምሥጢረ ጥምቀትን፡ ሜሮንን፡ ቅዱስ ቊርባንን ዝተዋህበና ሓድሽ ሕይወት ኪሓምምን፡ ኪመውትን ስለዚኽእል፡ እቲ ናይ ነፍስን ሥጋን ሓኪም ዝኾነ ክርስቶስ፡ እዚ ናይ ምፍዋስ ምሥጢራት፡ ማለት ሚስጢረ ንስሓን ምሥጢረ ቀንዲልን ሠርዓልና። እምበኣርከስ ክርስቶስ፡ በዚ ክልተ ናይ ምፍዋስ ምሥጢራት፡ ቤተ ክርስትያኑ ናይ ምፍዋስን ምድኃንን ተልእኾኡ ክትቕጽሎ ደለየ። (1420-1421፡ 1426)

## ናይ ንስሓን ዕርቕን ምሥጢር

**296- ምሥጢረ ንስሓ እንታይ ተባሂሉ ይጽዋዕ?**

ምሥጢረ ንስሓ፡ ምሥጢረ ዕርቂ፡ ምሥጢረ ምሕረት፡ ምሥጢረ ኑዛዜ፡ ምሥጢረ ተመልሶ ተባሂሉውን ይፍለጥ እዩ። (1322-1424)

**297- ድሕሪ ጥምቀትና ስለምንታይ ሓደ ተወሳኺ ምሥጢረ ንስሓ ኣድለየ?**

ምሥጢረ ጥምቐት፡ ንሰብኣዊ ድኻምነትና ብምሉኡ ስለዘየጥፍእ፡ ከምኡውን ነቲ ናብ ኃጢኣት ዚስሕበና ትምኒት ሥጋና ብምሉኡ ስለዘይደምስስ፡ ክርስቶስ ነዚ ምሥጢርዚ ሠርዓልና። ስለዚ ምሥጢረ ንስሓ፡ ነቶም ድሕሪ ጥምቀት ካብ ኣምላኽ ንዝረሓቑ ኃጢኣተኛታት ናይ ተመልሶን ናይ ንስሓ መጋበሪ እዩ። (1425-1426፡ 1484)

**298- ክርስቶስ መኣስ ምሥጢረ ንስሓ ሠርዓልና?**

ክርስቶስ ኣብ ምሸት ፋሲካ ንሓዋርያቱ ምስተራእዮም፡ “መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ፡ ኃጢኣቶም ንዝኃደክሙሎም ይኅደገሎም፡ ንዘይኃደክምሎም ከኣ ይተኃዘሎም እዩ” (ዮሓ. 20, 22-23) ኣብ ዝበሎ እዋን ምሥጢረ ንስሓ ተሠርዐ። (1485)

**299- ዝተጠመቑ ዘበሉ ንስሓ የድልዮም ድዩ?**

ክርስቶስ ዝሃቦ ናይ ንስሓ ለበዋ፡ ንምሉእ ዕድመ ክርስቲያን ዚደጋገም ጸዋዒት እዩ። ቤተ ክርስቲያን ቅድስቲ እያ፡ እንተኾነ ግን ኣብ ሕቑፉ ኃጢኣተኛታት ስለዘለዉ፡ ንኪንስሑን ኪምለሱን ናይ መላእ ቤተ ክርስቲያን ቀጻሊ ጻዕሪ እዩ። (1427-1429)

**300- ውሽጣዊ ንስሓ እንታይ እዩ?**

እቲ ብመለኮታዊ ጸጋ ተንቐሳቒሱ “ዝተጣዕሰ ልቢ” (መዝ. 51,19)፡ ንምሕረት ኣምላኽ ኪምልሽ ቢሉ ዝገብሮ ምንቕስቓስ፡ ውሽጣዊ ንስሓ

ይበሃል። እዚ ንስሓዚ፡ ናይ ዚፈጸምካዮ ኃጢኣት ጽልእን ጣዕሳን፡ ንመጻኢ ኣብ ረድኤት ኣምላኽ ተተስፊኻ ንከይትኃጥእ ቁርጺ ፍቓድ ምግባርን ዝኾኑ ተግባራት የጠቓልል። ንስሓ ኣብ መለኮታዊ ምሕረት ይትስፎ። ንስሓ ብተስፋ መለኮታዊ ምሕረት ይምገብ። (1430-1433፡ 1490)

**301- ኣብ ክርስትያናዊ ሕይወት ንስሓ ብኸመይ መልክዕ ይግለጽ?**

ኣብ ሕይወት ክርስትና ንስሓ ብዝተፈላለየ መልክዕ ይግለጽ። ብፍላይ ግን ብጾምን ጸሎትን ምጽዋትን ይግለጽ። እዝን ካልእ ዝተረፈ መልክዕ ንስሓን ኣብ ዕለታዊ ሕይወት ክርስቲያን ኪግለጽ ይከኣል እዩ። ብፍላይ ግን ንስሓ ኣብ ጊዜ ጾመ ኣርባዓን ብዕለት ዓርብን (ረቡዕን) እዩ ዚፍጸም። (1434-1439)

**302- ናይ ምሥጢረ ንስሓ ቀንድን ኣድለይትን ተግባራት ኣየኖት እዮም?**

ቀንዲ ተግባራት ምሥጢረ ንስሓ ክልተ እዮም። ብድፍኢት መንፈስ ቅዱስ ይንሳሕ ናይ ዘሎ ክርስቲያን ተግባራትን፡ ናይ ካህን ፍትሓትን። ፍትሓት ዝህብ ካህን ብስም ክርስቶስ ይፈትሕ፡ ኣገባብ ቀኖና (ካሕሳ) ድማ ይውስን። (1440-1449)

**303- ተግባራት ተነሳሓይ ኣየኖት እዮም?**

ጥንቁቕ ናይ ኅሊና መርመራ ምግባር፡ ብዛዕባ ኃጢኣትካ ምሕዛን፡ ካብዚ ኪለዓል ዘለዎ ኣብ መጻኢ ጊዜ ኻኸይትኃጥእ ቁርጺ ፍቓድ ምግባር፡ ኃጢኣትካ ንካህንካ ምንጋር ማለት ብዛዕባ ኃጢኣትካ ምንዛዝ፡ ዝተዋህበካ (ናይ ካሕሳ ተግባራት) ቀኖና ምፍጻም። እቲ ንኣምላኽ ብምብዳልካ ዚስመዓካ ሓዛን፡ ፍጹም ሓዘን ይበሃል። እቲ ብኻልእ ምኽንያት ዚስመዓካ ሓዘን ግን ዘይፍጹም ሓዘን ይበሃል። እቲ ብኃጢኣት ዝተፈጸመ በደል ኪከሓስ ስለዘለዎ፡ ካህን ንተነሳሓይ ሓደሓደ ካሕሳ ይውስነሉ እዩ። እዚ ከኣ ቀኖና ይበሃል። (1450-1460፡ 1487-1492)

**304- ንከመይ ዝበለ ኃጢኣት ኢና እንናዘዝ?**

ድሕሪ ጥንቑቕ ናይ ኅሊናና መርመራ ምግባር፡ ዘይተናዘዝናዮም ዓብይቲ ኃጢኣት ከምዘሎና እንተፈሊጥና፡ ክንናዘዞም ኣሎና። እቲ ንእሽቶ ኃጢኣት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብፍላይ ነቲ ዓበይቲ ኃጢኣት እንተተናዘዝናዮ ጥራይ እዩ ምሕረት ኃጢኣትና ዚወሃበና። (1456)

**305- ዓበይቲ ኃጢኣትና ክንናዘዞም ዚግበኣና መኣስ እዩ?**

ልቢ ዝገበረ ክርስቲያን፡ ወትሩ ቅድሚ ቅዱስ ቍርባን ምቕባሉ፡ ብፍላይ ድማ እንተወሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ዓመት ዓበይቲ ኃጢኣቱ ኪናዘዝ ትሑዝ እዩ። (1457)

**306- ስለምታይ ኢና "ንእሽቶ ኃጢኣትውን ክንናዘዞ ኣሎና" እንብል?**

ቅኑዕ ኅሊና ኼነጥሪ ስለዝሕግዘና፡ ኣንጻር ሕማቕ ዝባሌና ከምንቓለስ ስለዚገብረና፡ ብክርስቶስ ተፈዊስና፡ ሕይወትና ብመንፈስ ንክንመርሕ ስለዘኽእለና፡ ንእሽቶ ኃጢኣትውን ኽንናዘዞ ቤተ ክርስቲያን ኣጸቢቓ ትላቦ። (1458)

**307- ናይ ምስጠረ ንስሓ ሠራዒ መን እዩ?**

ክርስቶስ ናይ ዕርቂ ምሥጢራት (ምሥጢረ ንስሓ)፡ ቅድም ንሓዋርያቱ፡ ድሓርውን ነቶም ተካእቶም ዝኾኑ ኣቡናትን፡ ከምኡውን ነቶም ተሓባበርቲ ኣቡናት ዝኾኑ ካህናትን ሃቦም። እዞም ዝተጠቕሱ ሰባት፡ ክርስቶስ ብዝሃቦም ስልጣን፡ ናይ መለኮታዊ ጽድቅን ፍትሕን ምሕረትን መስኖታት

(መሳርሒታት) እዮም። ንሳቶም ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን፣ ኃጢኣት ንኪሓድጉ (ኪፈትሑ) ስልጣን ኣለዎም። (1461-1466፣ 1495)

**308- ናይ ገሊኡ ኃጢኣት ኅድገት (ፍትሓት) ብፍላይ ንመን ይምልከት?**

ካህን ዘበለ ኣብ ድንገተ ሞት ንዝርከብ ኃጢኣተኛ እንካብ ኵሉ ዓይነት ኃጢኣቱ ኪፈትሖ ይኽእል፣ ወይውን እንካብ ውግዘቱ ናጻ ኪብሎ ይኽእል እዩ። ኅድገት ወይ ፍትሓት ገሊኡ ኃጢኣት ግን ሕዙእ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ገሊኡ ብዘይ መጠን ዓብይ ዝኾነ ኃጢኣት ውግዘት ኬኸትል ይኽእል እዩ። ናይዚ ዓይነት ኃጢኣት ኅድገት ወይ ፍትሓት ንሓዋርያዊ መንበር ወይ ንኣቡን ሰበኻ ወይ ስልጣን ንዝተዋህቦ ካህን ይምልከት። (1463)

**309- ዘናዝዝ ካህን (ኑዛዜ ዝተቐበለ ካህን) ምሥጢር ኪዕቅብ ትሑዝ ድዩ?**

ኑዛዜ ዝተቐበለ ካህን፣ ብዛዕባ ዚሰምዖ ኃጢኣት ኽኽይዛረብ ናይ ኑዛዜ ማኅተም ይኽልክሎ። እዚ ምሥጢርዚ ተነቃፍን ዓብይን ስለዝኾነ፤ ብፍላይ ከኣ ናይ ተነሳሓይ ክብሪ ኪሕሎ ስለዘለዎ፣ ካህን ኣብ ኑዛዜ ወይ ከም ኑዛዜ ብዛዕባ ዚሰምዖ ነገራት ብምንም ዓይነት ኪዛረብ ኣይኽእልን። ኣብ ቅድሚ ሞትውን እንተኾነ ዘናዝዘ ካህን ምሥጢር ምሥጢረ ንስሓ ብፍጹም ኪዕቅብ ኣለዎ። ማኅተም ምሥጢረ ኑዛዜ ዘፍረሰ ካህን (ዓብይ ግበን ስለዝፍጽም) ዓብይ መቕጻዕቲ የኸትለሉ። (1467)

**310- ናይ ምሥጢረ ንስሓ ፍረታት ኣየኖት እዮም?**

ምሥጢረ ንስሓ ብዜስዕቦ ተግባራት ወይ ብዚህቦ ፍረታት እዩ ዚልለ። ምስ ኣምላኽ ኣተዓሪቑ ኃጢኣትና ይድምስሰልና። ምስ ቤተ ክርስቲያን ማለት ምስ ማኅበረ ክርስታን የተዓርቐና። ጸጋ ኣግዚኣብሔር እንተጥፊእና፣ ይምለሰልና። ብሰንኪ ዓብይ ኃጢኣት ንገሃነመ እሳት ንዝፈርደና መቕጻዕቲ ይድምስሰልና። ሳዕቤን ናይ ናእሽቱ ኃጢኣት ካብ ዝኾነ ገሊኡ ጊዚያዊ መቕጻዕቲ የድኅነና። ናይ ኅሊና ቅሳነትን ሰላምን፣ መንፈሳዊ ምጽንናዕን ይህበና። ኣብ ምድራዊ ቃልስና ንመንፈሳዊ ኃይልና የበራትዖ። (1468-1470፣ 1496)

**311- ኣብ ጽጉም ጊዜ እቲ ኣብ ቅዳሴ ብሓፈሻ ንሕዝበ ክርስቲያን ዝወሃብ ፍትሓት (ዘወልድ) ንምሥጢረ ንስሓ ኪትከኦ ይኽእልዶ?**

ኣብ ጽጉም ጊዜ፣ ንኣብነት ኣብ ድንገተ ሞት፣ ውልቃዊ ኣፈጻጽማ ምሥጢረ ንስሓ ብሓፈሻዊ ኣፈጻጽማ ምሥጢረ ንስሓ (ሕፈሻዊ ኑዛዜን ሓፈሻዊ ፍትሓትን) ኪትካኣ ይከኣል እዩ። ኣብዚ ግን ቤተ ክርስቲያን ዝሓገገቶ ሥርዓት ምኽታል የድሊ። እዚ ኣገባብ ኑዛዜ ድማ ነቲ ቀንዲ ኣገባብ ምሥጢረ ንስሓ ኪትክኦ ስለዝይኽእል፣ ጊዜን ኣጋጣምን ኣብ ዝተረኽበሉ እዋን በቲ ንቡር ኣገባብ ኪትካእ ኣለዎ። (1480-1484)

**312- *ሥሬት ኃጢኣት* (Indulgence) እንታይ እዩ?**

(ኃጢኣተኛ ምስ ተነስሔ በደሉ ይኅደገሉ እዩ፣ ኮይኑ ግን እቲ ብሰንኪ ኃጢኣት ዚመጽእ ጊዚያዊ መቕጻዕቲ ኣሎ። እቲ ብሰንኪ ኃጢኣት ዚመጽእ ጊዚያዊ መቕጻዕቲ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዚኅደገሉ ብሥሬት ኃጢኣት እዩ)። ስለዚ ሥሬት ኃጢኣት፣ እቲ ብሰንኪ ኃጢኣት ዚመጽእ ጊዚያዊ መቕጻዕቲ ወይ ብምሉኡ ወይ ብከፊል ዚድምስስ መንፈሳዊ መጋበሪ እዩ። ቤተ ክርስቲያን ናይ ክርስቶስን ናይ ቅዱሳንን መዝገበ ካሕሳ ክትዕድልን ከተደላድልን ስልጣን ስለዘለዋ፣ ንምእመናና ገለ ተግባራት ብምፍጻም ንኣኦም ኮነ ንዝሞቱ ኣኅዋቶም ሥሬት ኃጢኣት ከምዝኸስቡ ትገብር። (1471-1479፣ 1498)

## ምሥጢረ ቀንዲል ወይ ቅብኣተ ሕሙማን

**313- ኣብ ብሉይ ኪዳን ንሕማም ከመይ ይቕበልዎ ነበሩ?**

ኣብ ብሉይ ኪዳን፣ ንሕማም ከም ባህርያዊ ድኻምነት ወዲሰብ ገይሮም ይቕበልዎ ነበሩ፣ ሕማምን ኃጢኣትን ምሥጢራዊ ብዝኾነ ኣገባብ ምትእስሳር ከምዘለዎ ገይሮም ይግምቱ ነበሩ። ነብያት ግን፣ ሕማም እንተጾርካ ንድኅነትካን ድኅነት ብጾትካን፣ ንኅድገት ኃጣትካን ብጾትካን ከምዝጠቕም ገይሮም ይወስድዎ ነበሩ። ስለዚ ሰብ፣ ሕማም ይቕበሎ፣ ካብ ኣምላኽ ድማ መድኃኒት ወይ ፈውሲ ይልምን ነበረ። (1499-1502)

**314- "ኢየሱስ ንሕሙማት ይድንግጸሎም ነበረ" እንኪበሃል እንታይ ማለት እዩ?**

ኢየሱስ ንሕሙማት ይድንግጸሎምን፣ ብብዝኂውን የሕውዮምን ነበረ። ንሱ፣ እቲ ኣብ ልዕሊ ኃጢኣት፣ ሕማማትን ሞትን ዚፈጸሞ ዓወት፣ መንግሥቲ ኣምላኽ ከምዚመጸ ሓበረልና። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብሕማማቱን ብሞቱን፣ ንሕማምን ስቕያትን ወዲሰብ ሓድሽ ትርጉም ከምዝህልዎ ገበረ፣ ከመይ ዝኾነ ይኹን ሕማም ወይ ስቓይ ምስ ስቕያትን ሕማማትን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጸምቢርካ እንተተቐቢልካዮ፣ ንዓኻ ኮነ ንኻልኦት ናይ ምንጻሕን ናይ ድኅነትን መሳርሒ ኪኸውን ይኽእል። (5030-1505)

**315- ቤተ ክርስቲያን ንሕሙማት ብኸመይ ትጥምቶም?**

ቤተ ክርስቲያን ንሕሙማት ክትፍውስ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስለዝተኣዘዘት፣ ንሕሙማት ትከናኸን፣ ምስኡውን ብጸሎት ምእንታኦም ተማልድ። ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሠርዐ፣ ናብ ሕሙማት ዚቀንዐ፣ ስለዚ እዩ ቅዱስ ያዕቆብ ንሕሙማት ጥራይ ዚጠቅምን ምሥጢር ከምዘሎና ከምዚ እናበለ ዚምስክር፣ "ኣብ ማእከልኩም ዝሓመመ እንተሎ ንመራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ይጸውዕ፣ ንሳቶም ከኣ ብስም ጐይታ ብዘይቲ እናቐብኡ ይጸልዩሉ። እታ ብእምነት ዝተገብረት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተሕዊዮ እያ" (ያዕ. 5, 14-15)። (1505-1513፣ 1526-1527)

**316- ምሥጢር ቅብኣተ ሕሙማት ወይ ምሥጢረ ቀንዲል መን እዩ ኪቕበሎ ዝኽእል?**

እቲ ብሕማም ወይ ብእርጋን ኪመውት ዝደለየ፣ ወይ ኣብ ኣፍሞት ዚርከብ መእመን፣ ምሥጢር ቅብኣተ ሕሙማን ኪቕበል ይኽእል። እቲ ብኸምዚ ኣገባብ ሓደ ጊዜ ቅብኣተ ሕሙማን ዝተቐበለ ሰብ፣ ካብ ሕማሙ ተፈዊሱ፣ ካልኣይ ጊዜ እንተሓሚሙ፣ ወይ ካልእ ብርቱዕ ሕማም እንተኣጥቀዖ ንኻልኣይ ጊዜ ነዚ ምሥጢርዚ ኪቕበሎ ይኽእል። ቅድሚ ነዚ ምሥጢርዚ ምቕባሉ ዝሕመመ ሰብ ብዝተኻእለ መጠን ኪናዘዝ ኣለዎ። (1514-1515፣ 1528-1529)

**317- ናይዚ ምሥጢርዚ ሠራዒ መን እዩ?**

ናይዚ ምሥጢርዚ ሠራዒ ካህን ወይ ኣቡን ጥራይ እዩ።

**318- ምሥጢረ ቅብኣተ ሕሙማን ከመይ ቢሉ ይፍጸም?**

ቀንዲ ኣፈጻጽማ ቅብኣተ ሕሙማን ብምቕባእን ብጸሎትን ይፍጸም። ሠራዒ ካህን፣ ኣቡን ብዝባረኾዎ ዘይቲ ገይሩ፣ ኣብ ሥርዓት ላቲን ግንባርን ኢድን ሕሙም ጥራይ ይቀብእ። ኣብ ሥርዓት ምስራቓውያን ግን ንካልእ

ክፍሊ ሰብነትውን ይቐብእ እዩ። ካህን እናቐብአ፡ ምሥጢራዊ ጸጋ ንኪወርድ ኣብ ልዕሊ ሕሙም ይጽሊ። (117-1523፡ 1531)

319- ፍረ ቅብኣተ ሕሙማን እንታይ እዩ?
ምሥጢር ቅብኣተ ሕሙማን፡ ሰቕያትን ሕማምን ንመንፈሳዊ ጥቕሚ ሕሙምን ንጥቕሚ መላእ ቤተ ክርስቲያን ን ምእንቲ ኪኸውን፡ ምስ ሕማማት ክርስቶስ ከምዚጽምበር ይገብሮ። ነቲ ሕሙም ከኣ ፍሉይ ዝኾነ ምሥጢራዊ ጸጋን፡ ምጽንናዕን ሰላምን ሓቦን ይህቦ። እቲ ሕሙም ከይተናዘዘ ሃለዋቱ እንተኣጥፊኡ በዚ ምሥጢርዚ ኃጢኣቱ ይኅደገሉ። ኣምላኽ እንተደለዮውን፡ በዚ ምሥጢርዚ ገይሩ ኣካላዊ ጥዕና ኬስዕብ ይኽእል እዩ። ነቲ ዘይሓዊ ሕሙም፡ እዚ ምሥጢርዚ፡ ናብ ገዛ እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ማለት ናብ መንግሥተ ሰማያት ንኪኣቱ ይሕግዞ እዩ። (1520-1523፡ 1532)

320- “መንፈሳዊ ስንቂ” (Viaticum) እንታይ እዩ?
ነቶም ኣብ ኣፈሞት ዚርከቡ፡ ኣብ ምዝዛም ምድራዊ ሕይወት ዘለዉ ሕሙማን፡ ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ንምእታው ምእንቲ ከሰናድዎም፡ ዝወሃብ ቅዱስ ቍርባን “መንፈሳዊ ስንቒ” ይበሃል። እዚ ካብ ምድራዊ ሕይወትና ናብ ገዛ ኣቦ ኣብ እንኣትወሉ እዋን ዝወሃብ፡ ናይቲ ዚሞተን ዝተንሥኤን ክርስቶስ ሥጋን ደምን፡ ዘርኢ ዘለዓለማዊ ሕይወትን፡ ኃይሊ ትንሣኤን እዩ። (1524-1525)

# ሣልሳይ ምዕራፍ

## ናይ ኣገልግሎት፡ ተልእኾ፡ ሱታፌ፡ ምሥጢራት

321- ናይ ኣገልግሎት፡ ሱታፌ፡ ተልእኾ፡ ምሥጢራት ዚበሃሉ ኣየኖት እዮም?
ክልተ ምሥጢራት፡ ማለት ምሥጢረ ክህነትን ምሥጢረ ተኽሊልን፡ ምእንቲ ሕንጸት ሕዝበ እግዚኣብሔር፡ ኣብ ቤተክርስቲያን ፍሉይ ተልእኾ ተዋሂቡካ ምእንቲ ከተገልግል ምሥጢራዊ ጸጋ ይህቡኻ። እዚ ክልተ ምሥጢራትዚ ኣብ ናይ ቤተ ክርስቲያን ሓድነትን ኣብ ምድኃን ካልኦትን ዓብይ ግደ ኣለዎ። (1533-1535)

### ምሥጢረ ክህነት

322- ምሥጢረ ክህነት እንታይ እዩ?
ምሥጢረ ክህነት ወይ መዓርገ ክህነት፡ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ሕድሪ ሂብዎም ናይ ዝነበረ ተልእኾ መቀጸልታ እዩ። ሳላ ክህነት፡ ተልእኾ ክርስቶስ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ይዝውተርን ክሳብ መወዳእታ ዓለምንውን ይጸንሕ። (1536)

323- እዚ ምሥጢርዚ ስለምንታይ እዩ “መዓርግ” ዝብል ቅጽል ዚወሃቦ?

*ምሥጢረ ክህነት፥ ፍሉይ ብዝኾነ ወፈያ ናብ ኣከታትላ መዓርጋት ቤተ ክርስቲያን ከምትኣቱ ስለዝገብረካ፥ ፍሉይ ብዝኾነ ህያብ መንፈስ ቅዱስ፥ መንፈሳዊ ስልጣን ስለዘልብሰካ፥ ብስምን ብስልጣንን ክርስቶስ ኣብ ኣገልግሎት ሕዝበ እግዚኣብሔር ከምትጽመድውን ስለዝገብረካ፥ መዓርገ ክህነት ተባሂሉ ይጽዋእ።* (1537-1538)

**324-** ***ኣብ መደብ ድኅነት ኣምላኽ ምሥጢረ ክህነት እንታይ ግደ ኣለዎ?***

*ኣብ ብሉይ ኪዳን ተገሊጹ ዘሎ፥ ኣገልግሎት ለዋውያንን፥ ክህነት ኣሮንን፥ ምሕራይ "ሰብዓ ሽማግለታትን"* (ዘኍ. 11,25)*፥ ናይ ምሥጢረ ክህነት ቅድመ ምሳሌ እዩ። እዚ ቅድመ ምሳሌ ኣብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጻሜ ይረክብ። ክርስቶስ ብመሥዋዕቲ መስቀሉ፥ "እቲ ኣብ መንጎ ሰብን ኣምላኽን ዘሎ ሓደ መተዓረቒ"* (1ጢሞ. 2,5) *ኮነ። ንሱ "ከም መዓርግ መልከጸደቅ ሊቀ ካህናት"* (ዕብ. ,10) *እዩ። እዚ እንኮ ዝኾነ ክርስቶሳዊ ክህነት፥ በቲ ተልእኾኣዊ ዝኾነ ክህነት እዩ ኣብ ዓለም ህላዌኡ ዘረጋግጽ።* (1439-1546፥ 1590-1591)

"ክርስቶስ ጥራይ እዩ ካህን፥
ካልኦት ኵሎም ልኡኻቱ እዮም"
(ቅዱስ ቶማስ ዘኣኲኖ)

**325-** ***መዓርገ ክህነት ክንደይ ደረጃታት ኣለዎ?***

*መዓርገ ክህነት ሠለስተ ደረጃታት ኣለዎ። ንሳቶም ድማ ጵጵስና፥ ክህነት፥ ዲቁና ኢያቶም። እዞም ሠለስተ ደረጃታት መዓርገ ክህነት እዚኦም፥ ኣብቲ ሥሩዕኣቀዋውማ (ቅርጺ) ቤተ ክርስቲያን መተካእታ ዘይብሎም ደረጃታት ኮይኖም ንረኽቦም።* (1554-15930

**326-** ***ፍረ መዓርገ ጵጵስና እንታይ እዩ?***

*መዓርገ ጵጵስና ንምዕርገ ክህነት መፈጸምታ የልብሶ። መዓርገ ጵጵስና፥ ንኣቡን ሕጋዊ ተኸታልን ተካእን ሓዋርያትን፤ ኣባል ሲኖዶስ ኣቡናትን ከምዚኸውን ይገብሮ። ምስ ር.ሊ. ጳጳሳትን ካልኦት ኣቡናትን ኮይኑ ብዛዕባ መላእ ቤተ ክርስቲያን ኪሰርሕ ስልጣን የልብሶ። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ናይ ምምሃርን ምቕዳስን ምምሕዳርን ክእለት ይህቦ።* (1557-1558፥ 1594)

**327-** ***ኣብ ርእሲ ሓንቲ ሰበኻ ወይ ሃገረ ስብከት ዝተሾመ ጳጳስ ወይ ኣቡን ሓልፍነቱ እንታይ እዩ?***

*ከም ጓሳ ወይ ኣመሓዳሪ ሓንቲ ሰበኻ ወይ ሃገረ ስብከት ዝተሾመ ኣቡን፥ ዝረአ ምልክትን መሠረትን ሓድነት ናይታ ዘቤታዊት ቤተ ክርስቲያን እዩ። ንሱ ከም ምኽትል ክርስቶስ ኮይኑ፥ ብካህናቱን ዲያቆናቱን ተሓጊዙ፥ ናይ ሃገረ ስብከቱ ወይ ሰበኻኡ ጕስነታዊ ተግባር ይፍጽም።* (1560-1561)

**328-** ***ናይ መዓርገ ክህነት ፍረ እንታይ እዩ?***

*ብቕብኣት መንፈስ ቅዱስ ስለዝተቐደሰ፥ ክህነት ዝለበሰ ዲያቆን፥ ዘይድምሰስ ማኅተም ይቕበል። እዚ ዘይድምሰስ ማኅተም ንክርስቶስ ካህን የመሳስሎ፥ ብስም እቲ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ ክርስቶስ ኪሰርሕውን የኽእሎ። ካህን ተሓባባሪ መዓርገ ጵጵስና ስለዝኾነ፥ ወንጌል ኪሰብኽ፥ ሥርዓተ*

ኣምልኾ ኪፍጽም፡ ብፍላይ ድማ መሥዋዕተ ቅዱስ ቍርባን ኬዕርግን፡ ናይ መእመናኑ ጓሳ ኪኸውንን ይኽእል። (1562-1567፡ 1595)

**329- ካህን ከመይ ገይሩ እዩ ተልእኾኡ ዚፍጽም?**

ናይ ካህን ተልእኾ ኣገልግሎት ኵላዊት ቤተ ክርስቲያን እዩ። ንሱ ስርሑ ዚፍጽም ግን ኣብ ሰበኻዊት ቤተ ክርስቲያን እዩ። ምስቶም ካልኦት ናይ ሰበኻ ካህናት "ማኅበረ ካህናት" ይፈጥር፡ ብምሥጢራዊ ዝኾነ ኅውነት ይነብር። ኣብ ትሕቲ ኣቡን ሰበኻ ኮይኑ፡ ምስኡውን ሓድነት ብምፍጣር፡ ናይታ ሰበኻ ምምሕዳራዊ ሓላፍነት ይስከም። (1568)

**330- ፍረ መዓርገ ዲቁና እንታይ እዩ?**

ዲያቆን ነቲ ኣገልጋሊ ኵሎም ዝኾነ ክርስቶስ መሲሉ፡ ቤተ ክርስቲያን ንኼገልግል መዓርግ ይለብስ። ኣብ ትሕቲ ኣቡኑ ኮይኑ፡ ኣብ ኣገልግሎት ቃል ኣምላኽ ይጽመድ። ኣብ ሥርዓተ ኣምልኾ የገልግል። ንመእመናን ይመርሕን ናይ ርኅራኄ ተግባራት ይፍጽምን። (1569-1571፡ 1596)

**331- ኣፈጻጽማ ወይ ሥርዓተ ሢመተ ክህነት ከመይ እዩ?**

ኣብ ሠለስቲኡ ደረጃታት ክህነት (ዲቁና፡ ክህነት፡ ጵጵስና)፡ ኣፈጻጽማ ሥርዓት ምሥጢረ ክህነት ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ኣብ ርእሲ እቲ መዓርገ ክህነት ዚቕበል ዘሎ ሰብ፡ ኣቡን ኣምብሮ ኢድ ይገብር። እቲ ክቡር ጸሎት ሢመተ ክህነት ብምድጋምውን ክህነት የልብስዎ። ኣብዚ ጸሎትዚ፡ እቲ ፍሉይ ዝኾነ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ ኪፍጸምን፡ ፍሉይ ንዝኾነ ክህነታዊ ተልእኾ ዝሕግዝ ውህበታት መንፈስ ቅዱስ ኪወርድን፡ ኣቡን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ይልምኑ። (1572-1574፡ 1597)

**332- ሠራዒ ምሥጢረ ክህነት መን እዩ?**

ተካእትን ተከተልትን ሓዋርያት ስለዝኾኑ፡ እቶም ብግቡእ መዓርገ ጵጵስና ዚለበሱ ኣቡናት፡ ናይቲ ሠለስተ ደረጃታት ዘጠቓልል መዓርገ ክህነት ሠራዕቲ እዮም። (1575-1576፡ 1600)

**333- ምሥጢረ ክህነት ዚለብስ መን እዩ?**

ንምሥጢረ ክህነት፡ እቲ ዝተጠመቐ እሞ ወዲ ተባዕታይ ዝኾነ ውልቀሰብ ጥራይ እዩ ብብቕዓት ኪቕበሎ ዚኽእል። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ (ንማዕርገ ክህነት ደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ስለዝሓረየ) እዚ ምርጫዚ ስለዚገበረን፡ ቤተ ክርስቲያንውን በዚ ምርጫዚ ትቕየድ። ብሰበ ስልጣን ቤተ ክርስቲያን ንመዓርገ ክህነት ብቁዕ ኮይኑ ዝተገመተ ሰብ ጥራይ እዩ ክህነት ዚለብስ። ዘይተመርጸ ተራ ሰብ ነዚ መዓርግዚ ዘይተቐበልኩ ክብል ኣይኽእልን። (1577-1578፡ 1598)

**334- ምሥጢረ ክህነት ኪቕበል ዝደሊ ሰብ ናይ ግድን ዘይተመርዓወ ድዩ ኪኸውን ዘለዎ?**

ንመዓርገ ጵጵስና ዝቀራረብ ካህን፡ ዘይተመርዓወ ብተዓቅቦ ዝነብር ሰብ ኪኸውን ኣለዎ። ኣብ ምዕራብዊት ቤተክርስቲያን ንመዓርገ ክህነት ዚቀራረቡ ሰባት፡ ካብቶም ዘይተመርዓዉ መእመን ኪኾኑ፡ "ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት" (ማቴ. 19,12) ቢሎምውን ብተዓቅቦ ኪነብሩ ዚደልዩ ሰባት ጥራይ እዮም ዚምረጹ። ኣብ ምስራቓውያን ኣብያተ ክርስትያናት ዝተመርዓዉ ዲያቆናት መዓርገ ክህነት ኪለብሱ ይኽእሉ። ድሕሪ ክህነት ግን ምምርዓው ኣይፍቀድን እዩ። ከምኡውን ንቀዋሚ መዓርገ ዲቁና ዝተመርዓው ምእመናን ኪምረጹ ይኽእሉ። (1579-1580፡ 1599)

**335- ፍረ ምሥጢረ ክህነት ከመይ ዝበለ እዩ?**

*ከከም ደረጃ መዓርገ ክህነት፣ እዚ ምሥጢርዚ ነቲ ክህነት ዚለብስ ዘሎ ምእመን ንክርስቶስ የመሳስሎ። ኣብ ናይ ክርስቶስ ክህነታዊ ነብያዊ ንጉሣዊ ተልእኾውን ከምዚጽምበር ይገብሮ። ምሥጢረ ክህነት ዘይድምሰስ መንፈሳዊ ማኅተም ይሓትመልና። ስለዚ ምሥጢረ ክህነት ሓንቲ ጊዜ ጥራይ ኢና እንቕበሎ።* (1581-1589)

**336-** ***ክህነታዊ ተልእኾ እንታይ ዓይነት ስልጣን ኣለዎ?***

*ክህነት ዚለበሱ ሰባት ኣብ ምፍጻም መንፈሳዊ ተልእኾኦም ኪሰርሑን ኪዛረቡን ከለዉ፣ ብናይ ገዛእ ርእሶም ስልጣን፣ ወይ ማኅበረ ክርስቲያን ብዝሃብዎም ስልጣን ወይ ብውክልና ዝተቐበልዎ ስልጣን ዘይኮነስ፣ ኣብ ክንዲ እቲ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ ክርስቶስን፣ ብስም ቤተ ክርስቲያንን ኢዮም ዚፍጽምዎ። በዚ ምኽንያትዚ እዚ፣ ተልእኾኣዊ ክህነት፣ ካብቲ ተራ ናይ መእመን ክህነት ብመዓርግ ጥራይ ዘይኮነ ብባህርይውን ይፍለ። ተልእኾኣዊ ክህነት ንኣገልግሎት ክህነተ መእመናን እዩ ተሠሪዑ።* (1547-1553፣ 1592)

## *ምሥጢረ ቃል ኪዳን ወይ ምሥጢረ ተኽሊል*

**337-** ***መደብ ኣምላኽ ብዛዕባ ሰብኣይን ሰበይትን እንታይ እዩ?***

*እቲ ፍቕሪ ዝኾነ ኣምላኽ፣ ንሰብ ብፍቕሪ ፈጢሩ፣ ንኪፍቕር ይጽውዖ። ኣምላኽ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ኪፈጥር ከሎ፣ ብቃል ኪዳን ዝተኣሰረ ዓሚቍ ሓድነትን ሓድሕዳዊ ፍቕርን ሕይወትን ኪፈጥሩ ጸወዖም። "ደጊም ሓደ ኣካል እዮም እምበር ክልተ ኣይኮኑን" (ማቴ. 19,6)። ንሰብኣይን ሰበይትን ኪባርኾም ከሎ ኣምላኽ "ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኽዋን" (ዘፍጥ. 1,28) በሎም።* (1601-1605)

**338-** ***ኣምላኽ ንምንታይ ዕላማ ቢሉ እዩ ምሥጢረ ቃል ኪዳን ዚሠርዐ?***

*ሰብኣይን ሰበይትን ሓደ ኣካል ዚገብር ምሥጢረ ቃል ኪዳን፣ ካብ ኣምላኽ ካብ ዝመንጨወ ሕጊ እዩ ዚሥራዕን ዚምሥረትን። ብባህርዩ እምበኣርከስ ምሥጢረ ተኽሊል ንሓድነትን ጥቕምን ተጸመድቲ፣ ውሉድ ንምውላድን፣ ውሉድ ንምዕባይን ዝዓለመ እዩ። ብጥንቲ መደብ ኣምላኽ ከምዝነበረ፣ ክርስቶስውን ደጊሙ "እምበኣር ነቲ ኣምላኽ ሓደ ዝገበሮ ሰብ ኣይፍለዮ" (ማቴ. 19,6) ከምዝበሎ፣ ኣብ ቃል ኪዳን ዘሎ ሓድነት ኣይፍታሕን እዩ።* (1659-1660)

**339-** ***ኃጢኣት ንቃል ኪዳን ከመይ ቢሉ እዩ ኣብ ሓደጋ ኬውድቖ ዚኽእል?***

*ሓድነትን ፍቅርን ሰብኣይን ሰበይትን ዚፈጥር ምሥጢረ ቃል ኪዳን፣ ብዘይምስምማዕን ምጥልላምን ኣብ ሓደጋ ኪወድቕ ይኽእል። እቲ ቀዳማይ ኃጢኣት ኣዳምን ሔዋንን፣ ነቲ ብኣምላኽ ንሰብኣይን ሰበይትን ተዋሂቡ ዝነበረ ሓድነት ከምዘፍረሶ፣ እዚ ናይ ዘይምስማዕን ምጥልላምን ኃጢኣትውን ብዙኅ ጊዜ ንቃል ኪዳን ኬፍርሶ ይኽእል። ኮይኑ ግን፣ ከምቲ ካብ ጥንቲ መደብ ኣምላኽ ዝነበረ ሓድነት ሰብኣይን ሰበይትን ምእንቲ ኪጸንዕ፣ ኣምላኽ ብዘይውዳእ ምሕረቱ፣ ንሰብኣይን ሰበይትን ጸጋኡ ይህቦም።*(1606-1608)

**340-** ***ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ ምሥጢረ መውስቦ እንታይ ይብል?***

*ኣምላኽ፣ ብትምህርቲ ሕገ ሙሴን ብትምህርቲ ነብያትን ገይሩ ንሕዝቡ መሃሮም። ቃል ኪዳን ሓደ ጊዜ ንሓዋሩ ከምዝግበርን፣ ከምዘይፍታሕን*

ኪምህሮም ቢሉ ድማ ኣብዚ ጉዳይዚ ርድኢት ሕዝበ እስራኤል በብቁሩብ ከምዝሰፍሕን ከምዝምዕብልን ገበረ። ኣምላኽ ንሕዝበ እስራኤል ቃል ኪዳን ከምዝተኸለሉ ዘርድእ ምሳሌ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዙሕ ኣሎ። እዚ ምሳሌዚ ነቲ ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ክርስቶስ ምስታ መርዓቱ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ኪተኽሎ ንዝነበሮ ሓድሽ ቃል ኪዳን ኣቐዲሙ የመልክትን፣ ንኣኡውን ይቐራርብ። (1609-1611)

**341- ክርስቶስ ኣብ ቃል ኪዳን ዘምጽኦ ሓድሽ ነገር እንታይ ኣሎ?**

ክርስቶስ ብዛዕባ ቃል ኪዳን ዘምጽኦ ሓድሽ ነገር ከምዚ ዚስዕብ እዩ። ክርስቶስ ንምሥጢረ ቃል ኪዳን፣ ኣምላኽ ናብ ዝደለዮ ናብ ናይ ቀደሙ ሥርዓት መለሶ። በቲ ሓድሽ ክብሪ ዘለዎ ምሥጢር ንኪነብሩ ድማ ነቶም ተጻመድቲ ጸጋ ይህብ። ምሥጢረ ቃል ኪዳን ምልክት ቃል ኪዳናዊ ፍቕሪ ክርስቶስን ቤተ ክርስቲያን ን ስለዝኾነ ጳውሎስ፡ "ኣንቱም ሰብኡት፣ ከምቲ ክርስቶስ ንቤተ ክርስትያኑ... ኣብ ክንድኣ ገዛእ ርእሱ በጃ ክሳብ ምሃብ ዘፍቀራ፣ ነንስትኹም ኣፍቅርወን" (ኤፌ. 5,25) ይብል። (1612-1617፣ 1661)

**342- ኵሉ ሰብ ምሥጢረ ቃል ኪዳን ኪፍጽም ይግደድ ድዩ?**

ኵሉ ሰብ ብቃል ኪዳን ኪነብር ኣይግደድን። ኣምላኽ ንገሊኦም ሰብኡትን ኣንስትን ብፍላይ፣ ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት ኢሎም፣ ንክብሪ ቃል ኪዳን ኪምንኑ፤ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መንገዲ ድንግልና (ዉፉይ ተዓቕቦ) ንኪስዕብዎ ይጽውዖም። ንሶም ብዛዕባ ናይ ጐይታን ነገራት ይግደሱ፤ ንኣኡ ጥራይ ደስ ኬብሉ ይጽዕሩ፤ ከምዚ ቢሎም ድማ ነቲ ብኽብሪ ዚፍጸም ኻልኣይ ምጻኣቱ ብሃረርታ እናተጸበዩ፤ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ፍቕሪ ክርስቶስ ፍጹም ቀዳምነት ኪወሃቦ ከምዘለዎ ይምስክሩ። (1618-1620)

**343- *ሥርዓት ኣፈጻጽማ ቃል ኪዳን ከመይ እዩ?***

*ምሥጢረ ቃል ኪዳን ነቶም መርዑት (መጻምድቲ) ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስቲያን ሓደ ፍሉጥ ዝኾነ ዓይነት ሕይወት ንኪምሥርቱ ስለዝሕግዞም፣ ኣፈጻጽማኡ ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ፣ ማለት መላእ ሕዝበ ክርስቲያን ንሥርዓተ ኣምልኾ ኣብ ዝተኣከበሉ ውቕቲ፣ ኣብ ቅድሚ ካህን ወይ ኣብ ቅድሚ ብቤተ ክርስቲያን ዝተመዘዘ ብቁዕ ወኪልን/መስካሪ፣ ኣብ ቅድሚ ካልኦት መሰኻኽርን ይፍጸም።* (1621-1624)

**344- *ሥምረትን ድላይን ምሥጢረ ቃል ኪዳን* (Matrimonial Consent) እንታይ እዩ?**

*ምሥጢረ ቃል ኪዳን፣ መጻምድቲ ብዚገልጽዎ ቃል ወይ ሥምረት ወይ ድላይ እዩ ዚቐውም። ስለዚ ሥምረት ቃል ኪዳን ኪበሃል ከሎ፣ እቶም መጻምድቲ ዝኾኑ ሰብኣይን ሰበይትን፣ ብእሙንን ፍርያምን ዝኾነ ፍቕሪ ተኣሳሲሮም ንኪነብሩ፣ ብዘለዓለማውነት ንሓድሕዶም ኪወፋፈዩ፣ ዚገልጽዎ ቃል ወይ ድላይ እዩ። ቀንድን ኣድላይን ተግባር ምሥጢረ ቃል ኪዳን እዚ ኪግለጽ ዘለዎ ሥምረት ስለዝኾነ፣ ሥምረት እንተዘየሎ ቃል ኪዳን ኣይተፈጸምን ማለት እዩ። ስለዚ ምሥጢረ ቃል ኪዳን ብቁዕ ንኺኸውን ሥምረት ቃል ኪዳን፣ ነቲ ሓቀኛ ቃል ኪዳን ዝዓለመ፣ ብምፍርራሕን ጐነጽን ዚግበር ዘይኮነስ፣ ሓደ ናጻን ብፍላጥ ዚግበርን ሰብኣዊ ተግባር ኪኸውን ኣለዎ።* (1625-1632፣ 1662-1663)

**345- ሓደ ካብቶም መጻምድቲ ካቶሊካዊ እንተዘይኮነ፣ ብኸመይ ቃል ኪዳን ኪፍጸም ይኽእል?**

ሓደ ካቶሊካውን ሓንቲ ዝተጠመቀት ክርስቲያንን ዚኣስርዎ ቃል ኪዳን ብቑዕ ንኪበሃል፣ ፍቓድ ሰበስልጣን ቤተ ክርስቲያን የድሊ። ሓደ ካቶሊካውን ሓንቲ ክርስቲያን ዘይኮነትን (ዘይተጠመቀት) ዚፍጸም ቃል ኪዳን ብቕዓት ንንኪህልዎ ፍሉይ ብያኔ ቤተ ክርስቲያን የድሊ። ኣብ ክልቲኡ ዓይነት ቃል ኪዳን ግን ክልቲኦም መጻምድቲ ሰብኣይን ሰበይትን፣ እቲ ቀንዲ ዕላማን ባህርይን ካቶሊካዊ ቃል ኪዳን ኪቕበሉ ኣለዎም። ካቶሊካዊ ዝኾነ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ሃይማኖቱ ኪዕቅብ፣ ናይ ውሉዱ ካቶሊካዊት ጥምቀትን ትምህርትን ኪወሃቦ ናይ ግድን ከምዚኾነ ኬረጋግጽ ኣለዎ። እቲ ክርስቲያን ዘይኮነ መጻምደቲ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ድማ ነዚ ነገራት ኣቐዲሙ ፈሊጡ ከምዚቕበሎ ከረጋግጽ ኣለዎ። (1633-1637)

**346- ፍረታት ምሥጢረ ቃል ኪዳን ኣየኖት እዮም?**

ምሥጢረ ቃል ኪዳን ኣብ መንጎ ዝተመርዓዉ ሰብኣይን ሰበይትን ሓደ ዘለዓለማዊ ዝኾነ ፍሉይ ሓድነት ይፈጥር። ኣምላኽ ባዕሉ ነቲ ዚተገልጸ ቃል ኪዳኖም የጽንዖ። ስለዚ እቲ ኣብ መንጎ ካቶሊካውያን ዝኾኑ ሰብኣይን ሰበይትን ዝተገልጸን ዝተፈጸመን ቃል ኪዳን ፈጺሙ ኪፍታሕ ኣይኽእልን። ምሥጢረ ቃል ኪዳን፣ መርዑት ኣብ ቃል ኪዳናዊ ሕይወት ጸኒዖም ብቕድስና ንኺነብሩ ጸጋ ይህቦም። ንዝወሃቦም ውሉድ ንኪቕበሉ፣ ብክርስትያናዊ መዕበያ ንኸዕብይዎም ድማ ይሕግዞም። (138-1642)

**347- ኣንጻር ምሥጢረ ቃል ኪዳን ዝኾኑ ኃጢኣት ኣየኖት እዮም?**

ዝሙት፣ ነቲ ሓድነትን ፍሉይነትን ፍቕሪ ቃል ኪዳን ስለዚጻረር ኃጢኣት እዩ። ኣንስቲ ምብዛሕ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ኪህሉ ዚግበኦ ማዕርነት ስለዚፍርስ ኃጢኣት እዩ። ምንጻል ጽንሲ፣ ንህያብ ውሉድ ስለዚነጽግን፤ ከምኡውን ፍትሕ ነቲ ብባህርዩ ዘይፍታሕ ቃል ኪዳን ስለዘፍርስ፤ ንቃል ኪዳን ዚጻረሩ ኃጢኣት እዮም። (1645-1648)

**348- ሰብ ቃል ኪዳን መኣስ እዮም ኪፈላለዩ ዚከኣል?**

ከቢድ ሽግርን፣ ኪስገር ዘይከኣል መዐንቀፍን ምስዚህሉ፣ ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ነንበይኖም ብኪ ኮይኖም፣ ክሳብ ዝዕረቑ ተፈላልዮም ኪነብሩ፣ ቤተ ክርስቲያን ከተፍቕድ ትኽእል። እንተኾነ እቲ ቀዳማይ ቃል ኪዳኖም መኸላእታ ከምዝነበሮን፣ ፍሩስ ከምዝኾነን ብሰበ ስልጣን ቤተ ክርስቲያን እንተዘይተረጋገጹ፣ ሓዲኦም ብሕይወቱ ክሳብ ዘሎ፣ እቲ ሓደ መጻምዲ ቃል ኪዳን ኪኣስር ኣይኽእልን። (1629-1649)

**349- ብዛዕባ እቶም ተፋቲሖም ምስ ካልእ ዝተመርዓዉ ሰባት ቤተ ክርስቲያን እንታይ ትብል?**

ቤተ ክርስቲያን ትእዛዝ ጐይታ ከተኽብር እንተኾይና፣ ናይቶም ዝተፋትሑ ግን ከኣ ብሲቪላዊ ኣገባብ ካልኣይ ቃል ኪዳን ዚኣስሩ ሰባት ከም ሕጋውያን ሰብ ኪዳን ክትቕበሎም ኣይትኽእልን። ብዛዕባዚ ቃል ኣምላኽ ንጹር እዩ፣ "እቲ ሰበይቱ ፈቲሑ ካልእ ዜእቱ፣ ኣብ ልዕሊኣ ይዝሙ። እታ ሰብኣያ ፈቲሓ ኻልእ እተእቱ ትዝሙ" (ማር. 10, 11-12)። ቤተ ክርስቲያን ብዛዕባ እቶም ተፋቲሖም ዝምርዓዉ ሰባት ጥንቁቕ ተገዳስነት ኣለዋ። ብእምነት ኪነብሩ፣ ጸሎት ኬዘውትሩ፣ ናይ ርኅራኄ ተግባራት እናፈጸሙ፣ ደቆም ብክስርትያናዊ ሥነ ሥርዓት ኪቖጽዑ ትላበዎም።

ተግባራቶም ምስ ሕጊ ኣምላኽ ስለዚጻረር ግን፡ ኵነታቶም ኪየመዓራርዩ፡ ፍትሓት ኪወሃቦም ኣይኽእልን፤ ቅዱስ ቍርባን ኪቕበሉ ኣይኽእሉን፤ ገሊኡ ናይ ቤተ ክርስቲያን ሓላፍነት ድማ ኻብይለብሱ ክልኩላት እዮም። (1650-1651፡ 1665)

350- ኣብ ቃል ኪዳኖም ጸኒዖም ዚነብሩ ሰባት፡ "ስድራቤታዊ ቤተ ክርስቲያን የቑሙ" ዚበሃል ስለምንታይ እዩ?

ስድራቤት ናይ ቤተ ክርስቲያን ባህርይ ዝኾነ ሓድነትን ስድራቤታዊ መንፈስን ስለዘለዋ፡ ኣብ እምነት ክርስትና ጸኒዓ ትነብር፤ "ስድራቤታዊ ቤተ ክርስቲያን" ከኣ ትበሃል። ነፍስወከፍ ኣባል ስድራቤት፡ ከከም ጸዋዕ ታኡ፡ እቲ ካብ ምሥጢረ ጥምቀት ዚመጽእ ክህነታዊ ተልእኾኡ ስለዚፍጽም፡ ስድራ ቤት ናይ ጸጋን ናይ ጸሎትን ማኅበር፤ ናይ ሰብኣዊ፡ ክርስትያናውን መንፈሳዊ ኃይልን ቤት ትምህርቲ እያ። ናይ ውሉድ ቀዳማይ ብሥራተ እምነት ዝእወጀላ ቦታ እያ። (1655-1658፡ 1666)

# ራብዓይ ምዕራፍ

## ካልእ ሊጡርጊያዊ ሥርዓታት

### ሓውሲ ምሥጢራት (SACRAMENTALS)

351- ሓውሲ ምሥጢር ዝበሃል እንታይ እዩ?

ብቤተ ክርስትያን ዝተሠርዐ፡ ንገሊኡ ኵነታት ሕይወት ወዲሰብ ዚቕድስ፡ መንፈሳውን ቀዳስን ምልክት እዩ። ሓውሲ ምሥጢራት፡ ትእምርተ መስቀልን ካልእ ምልክታትን ጸሎታትን የጠቓልል። ካብቲ ብዙኅ ሓውሲ ምሥጢራት፡ ቡራኬታት ምሃብ ኣብ ሕይወትን ተግባራትን ቤተ ክርስቲያን ዓብይ ተራ ኣለዎ። ንኣምላኽ እነመስግነሉ፡ ህያባቱ ንኽንቕበል ድማ እንልምነሉ ጸሎት ድማ፡ ቡራኬ ይበሃል። ሰባት ንኣገልግሎት ኣምላኽ፡ ንዋት ድማ ንመሳርሒ ሥርዓተ ኣምልኾ ከነወፊ ከሎና ናይ "ወፈያ ጸሎት" ነዕርግ፡ እዚ ወፍውያዚ እውን ሓደ ሓውሲ ምሥጢር እዩ። (1667-1672፡ 1677-1678)

352- "ምውጻእ ኣጋንንቲ" ከመይ እዩ?

ቤተ ክርስቲያን ብዝተዋህባ ስልጣንን ብስም ክርስቶስን፡ ንሓደ ሰብ ወይ ንሓደ ኣቕሓ ካብ ስልጣን ሰይጣን ንክትሕልዎ፡ ወይ ካብ ባርነት ሰይጣን ናጻ ንኽተውጽኦ ቢላ ንኣምላኽ ብጸሎት ምስ እትልምን፡ እዚ ተግባርዚ "ምውጻእ ኣጋንንቲ" ይበሃል። እዚ ተግባርዚ ወትሩ ኣብ ሥርዓተ ጥምቀት ብተራ ካህን ዚዝውተር እዩ። እቲ ዓብይን ብቀንዱን "ምውጻእ ኣጋንንቲ" ግን፡ ካብ ኣቡን ስልጣን ብዝተዋህቦ ካህን ጥራይ እዩ ዚዝውተር። (1673)

353- ነዚ ብቤተ ክርስቲያን ዝተሠርዐ ሓውሲ ምሥጢራት ዘሰኒ፡ ሕዝባዊ ስምዓ ት ዚፈጠሮ ካልእ መንፈሳዊ ተግባራት ኣሎዶ?

እወ ኣሎ። ናይ ሕዝበ ክርስቲያን መንፈሳዊ ስምዒት ዝፈጠሮ፡ ነቲ ምሥጢራዊ ሕይወት ቤተ ክርስቲያን ዘሰኒ ብዙኅ መንፈሳዊ ተግባራትን

መንፈሳዊ ሥርዓታትን ኣሎ። ካብዚኣቶም ዝጥቀሱ፡ ምኽባር ቕርያት ቅዱሳንን ዝኽሮምን፤ ንግደትን ዑደትን፤ ፍኖተ መስቀልን ስግደትን፤ መቑጸርያን ዳዊትን፤ ጾምን ምጽዋትን ወዘተ...። ቤተ ክርስቲያን ብብርሃነ እምነታ ነቲ ሓቀኛ ዝኾነ ሕዝባዊ መንፈሳውነት ተብርህን ተተባብዕን። (1674-1676፡ 1679)

## ሥርዓተ ፍትሓት ዘሙታን

354- ሞት ክርስቲያንን ምሥጢራትን ርክብ ኣለዎዶ?
ኣብ ክርስቶስ ዚመውት ክርስቲያን ምድራዊ ሕይወቱ ይዛዝም። ብምሥጢረ ጥምቀት ዝጀመረት፡ ብምሥጢረ ሜሮን ዚጸንዐት፡ ናይቲ ሰማያዊ መኣዲ ቅድመ ምሳሌ ብዝኾነ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን ዝተመገበት ምድራዊ ሕይወቱ ብሞት ተብቕዕ። ሞት ክርስቲያን፡ ብብርሃን ሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ ጥራይ እዩ ትርጉም (ብርሃን) ዚረክብ። ክርስቶስ እንኮ ተስፋና ስለዝኾነ፡ እቲ ኣብ ክርስቶስ ዚመውት ክርስቲያን፡ “ካብዚ ሰብነትዚ ግዒዙ፡ ምስ ጐይታ ይነብር” (2ቆሮ. 5,8)። (1680-1683)

355- ኣብ ሥነ ሥርዓት ቀብሪ ዚፍጸም ፍትሓት እንታይ የመልክት?
ከከም ኵነታቱን ባህሊ ሃገርን ኪቀያየር ይኽእል እዩ። ሥነ ሥርዓት ቀብርን፡ ኣብ ሥነ ሥርዓት ቀብሪ ዚፍጸም ፍትሓትን፡ ሞት ፋሲካዊ ትርጉምውን ከምዘለዎ የመልክት። ፍትሓት፡ ድሕሪ ሞት ተስፋ ትንሣኤ ከምዘሎ፡ ሕያዋንን ሙታንን ሓድነት ከምዘለዎም፡ ምእንቲ ፍትሓት (ኀድገት) ኃጢኣቱ ብእነዕርጎ ጸሎት ምስ መዋቲ ሰብ ሓድነት ከምዘሎና የመልክት። (1684-1685)

356- ናይ ጸሎተ ፍትሓት ዘሙታን ቀንዲ ክፍልታት ኣየኖት እዮም?
መበዛኅተትኡ (ምዕራባዊ) ሥነ ሥርዓት ቀብሪ ኣርባዕተ ቀንዲ ተግባራት የጠቓልል። 1- (ኣብ ገዛ ዚግበር ጸሎት) ቤተሰብ ሬሳ ኪቕበሉ ከለዉ ዝንገር ናይ መጽንናዕን ናይ ተስፋን ቃላት፤ 2- (ኣብ ቤተ ክርስቲያን) ዚግበር ሥርዓተ ቅዳሴን፡ 3- ኣኰቴተ ቍርባንን፤ 4- ነፍሲ መዋቲ፡ ናብቲ ምንጪ ዘለዓለማዊ ሕይወት ዝኾነ ኣምላኽ እናኣማሕጸንና፡ ንኺትንሥእ ናብ እትጽበየሉ መቃብር ክትውርድ ከላ እንደግሞ ናይ (ግብኣተ መሬት) መፋነዊ ጸሎት እዩ። (1686-1690)

## ሣልሳይ ክፋል

# ሕይወት ኣብ ክርስቶስ

# ቀዳማይ ወገን

## ብመንፈስ ምንባር
## ጸዋዕታ ሰብ እዩ።



**357- ሥነ ምግባራዊ ሕይወት፣ እምነት፣ ምሥጢራት ይራኸብዶ?**
ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት እንምስክሮ እምነት፣ ኣብ ምሥጢራት ንቕበሎ። ሳላ ምሥጢራት መእመናን ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ህያባት መንፈስ ቅዱስን ይቕበሉ፣ ከምዚ ቢሎም ድማ ኣብ ክርስቶስ ንዝተቐበልዎ ሓድሽ ሕይወት ደቂ እግዚኣብሔር ኪነብርዎ ይኽእሉ። (1691-1698)

"ኦ ክርስቲያን ክብረትካ ፍለጥ"
(ቅዱስ ሊዮን ዓብይ)

## ሰብ ምስሊ ኣምላኽ እዩ።

**358- ናይ ሰብኣዊ ክብሪ መሠረት እንታይ እዩ?**
ሰብ ብኣምሳልን ኣርኣያን ኣምላኽ ስለዝተፈጥረ፣ ሰብ ብተፈጥርኡ ክቡር እዩ። ሰብ፣ ሓንቲ ዘይትመውት መንፈሳዊት ነፍሲ ይውንን፣ ኣእምሮን ናጻ ዝኾነ ድላይውን ኣለዎ። ሰብ ንኣምላኽ እዩ ተፈጢሩ። ብነፍሱን ብሥጋኡን ድማ ዘለዓለማዊ ሕይወት ኪውርስ እዩ ጸዋዕታኡ። (1699-1715)

## ጸዋዕታና ሕይወት ዘለዓለማዊ ታሕጓስ (ዘለዓለማዊ ብፅዕና) ንምውራስ እዩ።

**359- ሰብ ሕይወት ዘለዓለማዊ ታሕጓስ (ብፅዕና) ከመይ ኢሉ ኪወርስ ይኽእል?**
ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ንሰብ ተሳታፊ መለኮታዊ ሕይወት ይገብሮ። ሳላ እዚ ጸጋዚ ሰብ ዘለዓለማዊ ናይ ታሕጓስ ሕይወት ኪረክብ ይኽእል። ኢየሱስ ኣብ ወንጌሉ ንሓዋርያቱ ብፅዕነታት ብምዝርዛር፣ መንገሲ ዘለዓለማዊ ናይ ታሕጓስ ሕይወት ይሕብር። ጸጋ ክርስቶስ ኣብ ነፍስወከፍ ሰብውን ስለዚሰርሕ፣ ኅሊናኡ እንተተኸቲሉ፣ ነቲ ፍጹምን ሓቀኛን ሠናይ ኪፈልጦን ኪኽተሎን፣ ንሕማቕ ድማ ኪነጽጎን ይኽእል እዩ። (1716)

**360- ኣገዳስነት "ወንጌላዊ ብፅዕነታት" ክሳብ ክንደይ እዩ?**
"ወንጌላዊ ብፅዕነታት" ቀንዲ ስብከት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ካብ ኣብርሃም ጀሚሩ ኣምላኽ ናይ ዚሃቦ ተስፋታት ዝኽርን ፍጽምናን እዩም። ወንጌላዊ ብፅዕነታት ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓቀኛ መልክዕ ወይ ገጽ ይስእሉልና። ሓቀኛ ክርስትያናዊ ሕይወት የመልክቱልና። ናይ ወዲሰብ ናይ መወዳእታ ዕላማ ንዝኾነ ዘለዓለማዊ ብፅዕነታት ድማ ይገልጹ። (1716-1717፣ 1725-1726)

**361- ዘለዓለማዊ ብፅዕናን (ታሕጓስን) ሃረርታ ታሕጓስ ወዲሰብ እንታይ ርክብ ኣለዎ?**
ኣምላኽ፣ ንሰብ ናብኡ ኣቢሉ ኪስሕቦ ቢሉ፣ ኣብ ልቡ ባህርያዊ ዝኾነ ሃረርታ ታሕጓስ ኣምቢሩሉ ኣሎ። ንሃረርታ ታሕጓስ ወዲሰብ፣ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ኬዕግቦ ዚኽእል። ስለዚ ብፅዕና (= ዘለዓለማዊ ታሕጓስ) ናይዚ ሃረርታዚ ምላሽ እዩ። (1716-1719)

**362- ዘለዓለማዊ ብፅዕና (ዘለዓለማዊ ናይ ታሕጓስ ሕይወት) እንታይ እዩ?**
ኣብ መጻኢ ዘለዓለማዊ ሕይወት፡ ንሕና ብክብሪ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ኣብ ሕይወት ቅድስቲ ሥላሴ ብምስታፍና ክንሕጐስ ኢና። ንኣምላኽ ምርኣይ፡ "ብምልኣት ተኻፈልቲ መለኮታዊ ባህርዩ" (2ጴጥ. 1,4) ክንከውን ኢና። ዘለዓለማዊ ብፅዕና ዚበሃል እዚ እዩ። ናብ ዘለዓለማዊ ብፅዕና ምብጻሕ፡ ብጸጋ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ብሰብኣዊ ዓቕምና ዘይከኣል እዩ።። ከም ጸጋ ከኣ፡ ናይ ኣምላኽ መልዕለተ ባህርያውን ናጻ ህያብን እዩ። እዚ እንትስፈዎ ዘለዓለማዊ ብፅዕና፡ ኣብ ሕይወትና ብዛዕባ ምድራዊ ሃብቲ ወሳኒ ዝኾኑ ምርጫታት ክንገብርን፡ ልዕሊ ኵሉ ድማ ንኣምላኽ ክነፍቅርን ይደፋፍኣና።

## ናጽነት ወዲሰብ

**363- ናጽነት እንታይ እዩ?**
ናጻ ብዝኾነ ምርጫ ሓደ ነገር ምሕራይ፡ እዚ ወይ እቲ ምግባር፡ ብኣምላኽ ንወዲሰብ ዝተዋህበ ናይ ምምራጽ ተግባር፡ ናጽነት ይበሃል። ናጽነት ብፍላይ ንሰብኣዊ ተግባር እዩ ዚምልከት። መጠን ጽቡቕ ዝገበርካ መጠኑ ኢኻ ናጻ እትበሃል። ነቲ ፍጹም ሠናይን ታሕጓስናን ዝኾነ ኣምላኽ ምስ እንሓሪ፡ ናጽነትና ዝለዓለ ፍጽምና ይረክብ። ናጽነት ማለት፡ ሕማቕ ወይ ጽቡቕ ምሕራይ ማለትውን እዩ። ኮይኑ ግን ንሕማቕ ነገር ምሕራይ፡ ናብ ባርነት ኃጢኣት ዘምርሕ፡ ሕማቕ ኣጠቓቕማ ናጽነት እዩ። (1730-1733፡ 1740-1743)

**364- ናጽነትን ሓላፍነትን እንታይ ርክብ ኣለዎም?**
ሰብ ናጽነት ስለዘለዎ፡ ናይ ኵሉ ተግባራቱ ሓላፍነት ይስከም። ዝተፍጸመ ተግባር ስኣን ፍላጥ፡ ወይ ብዘይምሕሳብ፡ ወይ በስገዳድ፡ ወይ ብፍርሒ፡ ወይ ክትቆጻጸሮ ብዘይትኽእል ድፍኢት፡ ወይ ብስምዒት እንተተገብረ፡ ናይ ሓደ ተግባር ሓላፍነትን መቕጻዕትን (ተሓታትነትን) ኪፈኵስ ወይ ፈጺሙውን ኪጠፍእ ይኽእል። (1734-1737፡ 1745-1746)

**365- ነፍስወከፍ ሰብ ብናጽነት ኪነብር መሰሉ እዩ ዚበሃል፡ ከመይ ኢሉ እዩ?**
ክብሪ ወዲሰብን መሰል ናጽነትን ስለዘይፈላለ፡ ነፍስወከፍ ሰብ ናጻ ኮይኑ ኪነብር መሰሉ እዩ ይበሃል። ኣብ ሥነ ምግባራውን መንፈሳውን መዳያት፡ ኵሉ ጊዜ ናጽነት ወዲሰብ ኪሕሎ ኣለዎ። ሓባራዊ ጥቕሚን፡ ቅኑዕ ማኅበራዊ ሥነ ሥርዓትን ክሳብ ዘፍቅዶ፡ ኣብ ሲቪላዊ ሕይወትውን፡ እዚ መሰልዚ ኪፍለጥን ኪዕቀብን ኣለዎ።

**366- ኣብ መደብ መለኮታዊ ድኅነት ናጽነት ደቂሰብ እንታይ ግደ (ቦታ) ኣለዎ?**
ብሰንኪ ኃጢኣት ኣዳም ናጽነትና ተዳኺሙ እዩ። ባዕልና ብእንፍጽሞ ኃጢኣትውን ኣዝዩ ተዳኺሙ ይርከብ። ኮይኑ ግን "ብሓርነት ምእንቲ ኽንነብር ክርስቶስ ሓራ ኣውጺኡና" (ገላ. 5,1)። ብናጽነት እናነበርና፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያንን ኣብ ዓለምን ናቱ ተሓባበርቲ ምእንቲ ክንከውን፡ ክርስቶስ ብጸጋኡን ብመንፈስ ቅዱስን ናብ መንፈሳዊ ሓርነት ይመርሓና።

**367- ከመይ ኢሉ ተግባራት ደቂ ሰብ ክፉእ ወይ ሠናይ ኪበሃል ዚከኣል?**
ተግባራት ደቂ ሰብ ብሥነ ምግባር ሠናይ እዩ ወይ ኣይኮነን ንኪበሃል ሠለስተ ምንጪታት ምፍታሽ የድሊ። ንሳተን ድማ፡ ዚፍጸም ተግባር፡ ምኽንያት (ሓሳብ ወይ ዕላማ)፡ ኵነታትን ሳዕቤናቱን። እቲ ዝፍጸም

***ተግባር ናይ ብሓቂ ሠናይ ምዃኑን ዘይምዃኑን ምፍላጥ፡ ወይ መሳሊ ሠናይ ድዩ ኢልካ ምሕታት። ሓሳብ ተግባሪ ወይ ምኽንያት መግበሪኡ ቅኑዕ ድዩ ኣይቅኑዕን ምፍላጥ የድሊ። ተግባር ዝተፈጸመሉ ኩነታት ከመይ ነበረ፡ ሳዕቤናቱኸ እንታይ እዩ ኢልካ ምሕታት የድሊ።***

**368- *ተግባር ሰብ ብሥነ ምግባር መኣስ እዩ ሠናይ ዚበሃል?***

***ዝፍጸም ተግባርን፡ ዕላማኡን፡ ኩነታቱን ኩሉ ሠናይ እንተኾይኑ፡ እቲ ዝተፈጸመ ተግባር ሠናይ እዩ ንብል። ምኽንያትን ሓሳብን ዕላማን ቅኑዕ (ሠናይ) ኮይኑ፡ እቲ ዚግበር ተግባር ብርእሱ ክፉእ እንተኾይኑ፡ እቲ ዝተፈጸመ ተግባር ክፉእ እዩ። ሠናይ ነገር ክትረክብ ኢልካ ክፉእ ዝኾነ ነገር (ከም መጋበሪ) ክትመርጽ ኣይትኽእልን፡ ኸመይ ንቅኑዕ ዕላማ፡ ክፉእ መጋበሪ ወይ መንገዲ ክትጥቀም ኣይፍቀድን። ሓሳብካ ወይ ዕላማኻ ክፉእ እንተኾይኑ፡ ነቲ ብርእሱ ቅኑዕ (ሠናይ) ዝኾነ ተግባር ከበላሽዎ ይኽእል እዩ። ኩነታት ንናይ ገባሪ ሓላፍነት (ተሓታትነት) ኪጽልዎ፡ ማለት ወይ ኬውሕዶ ወይ ኬብዝኖ ይኽእል። ኮይኑ ግን ኩነታት፡ ነቲ ብርእሱ ክፉእ ዝኾነ ተግባር፡ ማለት ነቲ ብሥነ ምግባር ክፉእ (ኃጢኣት) ዝኾነ ግብሪ ናብ ሠናይ (ቅኑዕ) ተግባር ኪልውጦ ግን ፈጺሙ ኣይኽእልን።*** **(1755-1756፡ 1759-1760)**

**369- *ኩሉ ጊዜ ዘይፍቐድ ተግባር ዝኾነ ኣሎዶ?***

***ፈጺሙ ቅኑዕ ወይ ፍቑድ ኪኸውን ዘይክእል ተግባራት ኣሎ። ንኣብነት፡ ቅትለት፡ ዝሙት፡ ስም ኣምላኽ ምጽራፍ። ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባራት እንተመሪጽና ምርጫና ክፉእ፡ ማለት ፈጹሙ ጌጋ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባራት ብሥነ ምግባር ክፉእ (ኃጢኣት) ይበሃል። ወላ ክትረብሓሉ እትኽእል ነገር ዘስዕበልካ እንተኾይኑ፡ ፈጺምካ ክትግበሮ ዘይብልካ ተግባር እዩ።*** **(1756-1761)**

## *ሥነ ምግባርን ፍትወት ወይ ትምኒት*(= Passion) *ወዲሰብን*

**370- *ፍትወት (ዊንታ) ዚበሃል ነገር እንታይ እዩ?***

***ናይ ስምዒትና ምንቅስቓስ ዝፈጥሮ ፍትወት ወይ ስሕበት፡ ፍቕሪ ወይ ድፍኢት እዩ። እዚ ናይ ሥነ ኣእምሮ ወዲሰብ ባህርያዊ ኣካል ዝኾነ ምንቅስቃስ፡ ቅኑዕ (ሠናይ) ወይ ክፉእ (ኃጢኣት) ኮይኑ ንዝተሰምዓካ ነገር ንኽትሓርዮ ወይ ንኽትነጽጎ ይሕግዘካ። ፍቕሪ፡ ጽልኢ፡ ሃረርታ፡ ፍርሒ፡ ታሕጓስ፡ ሓዘን፡ ቁጥዓ፡ ቀንዲ ዝንባሌታት ወዲሰብ እዩ። ስሕበት ጽቡቕ (ሠናይ) ነገር፡ ፍቕሪ ይፍጠር፤ ከመይ ነቲ መሳሊ ኮነ ወይ ሓቀኛ ሠናይ ጥራይ ኢና ከነፍቕር ንግደድ። ፍቅሪ እቲ ዝበለጸ ዝንባሌ (ፍትወት) እዩ።*** **(1762-1766፡ 1771-1772)**

**371- *ፍትወት (ዊንታ) ብሥነ ምግባር ጽቡቕ (ሠናይ) ድዩ ወይ ክፉእ (ኃጢኣት)?***

***ፍትወት፡ ናይ ስምዒት ምንቅስቓስ ስለዝኾነ ብዓንርደርእሱ ክፉእ (ኃጢኣት) ኣይኮነን፡ ወይ ጽቡቕ (ሠናይ) ኣይኮነን። ፈትወት ጽቡቕ ነገር ክንገብር እንተሓጊዙና፡ ሠናይ እዩ። ፈትወት፡ ሕማቕ ነገር ክንገብር እንተደፋፊኡና፡ ኃጢኣት እዩ። ስለዚ ፈትወት ናብ ጽቡቕ እንተደፋፊኡና መንፈሳዊ ኃይሊ እዩ ንብሎ፤ ናብ ሕማቕ እንተደፋፊኡና ድኻምነት ወይ ሕማቕ ኣመል እዩ ንብሎ።*** **(1767-1770፡ 1773-1775)**

## ሞራላዊ (ሥነ ምግባራዊ) ኅሊና (Moral Conscience)

**372- ሥነ ምግባራዊ ኅሊና እንታይ እዩ?**

ኣብ ማዕሙቕ ልቢ ወዲሰብ ዘሎ፥ ቅኑዕ ፍርዲ ኣእምሮ እዩ። ሥነ ምግባራዊ ኅሊና ንወዲሰብ ከከም ኩነታቱ፥ ነቲ ሠናይ ዝኾነ ነገር ኸኢገብር፥ ከምኡውን ነቲ ክፉእ ዝኾነ ነገር ንኪነጽግ ዚሕብሮ ኣእምሮኣዊ ፍርዲ እዩ። ሳላ እዚ ቅኑዕ ኅሊናዊ ፍርዲዚ ሰብ፥ ናይቲ ኪገብሮ ዘለዎ ተግባር ወይ ናይቲ ዝተፈጸመ ተግባር ሥነ ምግባራዊ ኩነታት ስለዚፈልጥ፥ ሓላፍነት ይወስድ። እቲ ብልሂ ዝኾነ ሰብ ንኅሊናኡ ጽን ብምባል ንዝዛረቦ ድምጺ ኣምላኽ ኪሰምዖ ይኽእል። 1776-1780፥ 1795-1797)

**373- ሰብኣዊ ክብርን ሥነ ምግባራዊ ኅሊናን (ቅኑዕ ኅሊናዊ ፍርድን) እንታይ ርክብ ኣለዎም?**

ሰብኣዊ ክብሪ ካብ ቅንዕና ሥነ ምግባራዊ ኅሊና እዩ ዚመጽእ። ሰብ ክቡር እዩ ዚበሃል፥ ኅሊናኡ ምስቲ ቅኑዕን ሠናይን ዝኾነ መለኮታዊ ሕግን ኣእምሮኣዊ ፍርድን ምስዚሰማማዕ ጥራይ እዩ። ሰብ ክቡር ስለዝኾነ፥ ኣንጻር ኅሊናኡ ኪኸይድ ወይ ኪሰርሕ ከተስገድዶ ኣይትኽእልን። ምስ ሓባራዊ ጥቕሚ ክሳብ ዚሰማማዕ፥ ሰብ ብኅሊና ኪኸይድን ኪሰርሕን ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወቱ፥ ሰብ እታ (ምስ ሰብኣዊ ኣእምሮን መለኮታዊ ሕግን እትሰማማዕ) ኅሊናኡ ዝበለቶ ኪገብር ኣለዎ። (1780-1782፥ 1798)

**374- ቅኑዕን ሓቀኛን ሥነ ምግባራዊ ኅሊና ንምጥራይ እንታይ ምግባር የድሊ?**

ሥነ ምግባራዊ ኅሊና ብቕንዕናን ብሓቅን ንክትሕነጽ፥ ትምህርትን፥ ቃል ኣምላኽ ምቕባልን፥ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ ምፍላጥን የድሊ። ሰብ ቅንዕትን ሓቀኛን ሥነ ምግባራዊት ኅሊና ኸኸጥሪ፥ ህያባት መንፈስ ቅዱስን፥ ምኽሪ ዓበይቲ ሰባትን የድልይዎ። ብፍላይ ብሥነ ምግባር ዝተቐየደት ኅሊና ንኪህልወካ፥ ሥነ ምግባር ምፍላጥ፥ ጸሎት ምዝውታር፥ ናይ ኅሊና መርመራ ምግባር የድልየካ። ((1783-1788፥ 1799-1800)

**375- ኅሊናና ኩሉ ጊዜ ኪኽተሎ ዘለዎ ሕግታት ኣየኖት እዮም?**

ሠለስተ ቀንዲ ሓፈሻዊ ሕግታት ኣሎ። 1ይ ሕጊ = ሠናይ ነገር ክትረክብ ኢልካ፥ ክፉእ (ኃጢኣት) ዝኾነ ነገር ዘይምፍጻም። 2ይ ሕጊ = (ወርቃዊ ሕጊ) "ከምቲ ሰባት ኪገብሩልኩም እትደልይዎ ኹሉ፥ ንሸኻትኩምውን ከምኡ ግበሩሎም" (ማቴ. 7,12) ዝብል ወንጌላዊ ትእዛዝ ምፍጻም። 3ይ ሕጊ = ናይ ፍቕሪ ስራሕ ማለት፥ ቅድም ኩሉ፥ ንሰብን ንኅሊናኡን ምኽባር እዩ። እዚ ምግባር፥ ነቲ ብዓንደርእሱ ክፉእ ዝኾነ ነገር ከም ሠናይ ጌርካ ምቕባል ኬስምዕ ይኽእል እዩ፥ እንተኾነ እዚ ቀዳማይ ስጉምቲ ናይ ፍቕሪ ስራሕ እዩ። (1789)

**376- ሥነ ምግባርዊ ኅሊና ኪጋገ (ጌጋ ዝኾነ ፍርዲ ኪህብ) ይኽእልዶ?**

ሰብ ኩሉ ጊዜ ነቲ ብኅሊናኡ ብሓቂ ቅኑዕ ዚብሎ ነገር ኪኽተል ኣለዎ። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ወይ ብናቱ ጉድልነትውን ኪኸውን ይኽእል፥ ዘይቅኑዕ ኅሊናዊ ፍርዲ ኪህብ ይኽእል። ማለት ኅሊናኡ ክትጋገ ትኽእል። ድንቍርና ንገዛእ ርእሱ ኃጢኣት እኳ እንተኾነ፥ ብዘይደለኻዮ ድንቍርና (ሰኣን ምፍላጥ) ገለ ክፍኣት (ኃጢኣት) እንተገበርካ፥ ተሓታቲ ክትከውን

ኣይትኽእልን። ስለዚ ብዝተኻኣለ መጠን ነታ ሥነ መግባራዊት ኀሊናኻ ሰኣን ምፍላጥ ካብ እተብሮ ዝኾነ ደኹን ጌጋታት ክትእርማ ቢልካ ምጽዓር የድሊ። (1790-1794፣ 1801-1802)

## መንፈሳውያን ኃይላት (Virtues)

**377- መንፈሳዊ ኃይሊ እንታይ እዩ?**
ኵሉ ጊዜ ጽቡቕ (ሠናይ) ንክትገብር ኢልካ እተዘውትሮ ጽኑዕን ልማዳዊ ጠባይ ወይ ዝንባሌ፣ መንፈሳዊ ኃይሊ ይበሃል። "ሕይወትካ ብመንፈሳዊ ኃይሊ ክትምራሕ ምድላይ ማለት፣ ንኣምላኽ ክትመስሎ ኢልካ ምጽዓር ማለት እዩ" (ቅዱስ ጐርጐርዮስ ዘኒሳ)። ንኣምላኽ ዝምልከትን ካብ ኣምላኽ ዝወሃበናን መንፈሳዊ ኃይሊ፣ መለኮታዊ መንፈሳዊ ኃይሊ (Theological) ይበሃል። ብተደጋጋሚ ጻዕርና እነጥርዮን፣ ንምድራዊ ሕይወትና ዚምልከት መንፈሳዊ ኃይሊ ድማ ሰብኣዊ መንፈሳዊ ኃይሊ (Human) ይበሃል። (1803-1833)

**378- ሰብኣዊ መንፈሳዊ ኃይሊ እንታይ እዩ?**
ናይ ኣእምሮናን ናይ ድላይናን ቀዋሚ ልማዳዊ ቅድስና/ፍጽምና፣ ሰብኣዊ መንፈሳዊ ኃይሊ ይበሃል። እዚ ንተግባራትና ይሠርዕ፣ ንፈትወትና የቕንዕ፣ ንጠባይና ድማ ምስ እምነትን ሓቅን ከምዚሰማማዕ ይገብር። ሰብኣዊ መንፈሳዊ ኃይሊ፣ ብሥነ ምግባር ሠናይ ብዝኾኑ ተደጋጋሚ ተግባራት ነጥርዮምን ነማዕብሎምን። ብመለኮታዊ ጸጋ ኣምላኽ ድማ ይነጽሑን ዚያዳ ይምዕብሉን። (1804፣ 1810-1811፣ 1834-1839)

**379- እቶም ቀንዲ ሰብኣዊ መንፈሳውያን ኃይላት ኣየኖት እዮም?**
እቶም መሠረታውያን (Cardinal) ተባሂሎም ዝፍለጡ፣ ንብዙኃት ካልኦት መንፈሳውያን ኃይላት ዚጥርንፉ፣ ናይ መንፈሳዊ ሕይወት መሠረት ዝኾኑ እዮም። ንሳቶም ድማ፣ ጥበብ፣ ፍትሒ/ጽድቂ፣ ጽንዓት፣ መጠን ምግባር እዮም። (1805-1834)

**380- መንፈሳዊ ኃይሊ ጥበብ እንታይ እዩ?**
ኣብ ዝኾነ ደኹን ኵነታት፣ ነቲ ሓቀኛ ሠናይ ንክንመርጽን፣ ንምትግባሩ ድማ እቲ ዝበለጸ መጋበሪ ንክንሓርን ንኣእምሮና ንኪመሚ ዚሕግዝ መንፈሳዊ ኃይሊ፣ ጥበብ ይበሃል። (1806-1835)

**381- ጽድቂ/ፍትሒ እንታይ እዩ?**
ንኹሉ ሰብ እቲ ዘዚግበኦ ንክትህብ ዚሕግዘካ ቀዋምን ጽኑዕን ድላይ፣ ጽድቂ ወይ ፍትሒ ይበሃል። ምስ ኣምላኽና እነዘውትሮ ጽድቂ ወይ ፍትሒ "መንፈሳዊ ኃይሊ ሃይማኖት/እምነት" ይበሃል። (1807-1836)

**382- ጽንዓት እንታይ እዩ?**
ኣብ ጽንኩር ጊዜ ሓቦ ምግባር፣ ጽቡቕ ጥራይ ንክትገብር ምጽዓር፣ ንጽቡቕ ጉዳይ፣ ሕይወትካ በጃ ክሳብ ምሕላፍ ኣትኪልካ ምቅላስ፣ ጽንዓት ይበሃል። (1808-1837)

**383- መጠን (መጠን ምግባር) እንታይ እዩ?**
ንስሕበት ፈትወት ሥጋና ባህርያዊ ስምዒትናን እንቆጻጸረሉ፣ ንድላይና እንቐጽዓሉ፣ ኣብ ኣጠቓቕማ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ሚዛናዊ መትከል እንሕዘሉ መንፈሳዊ ኃይሊ፣ መጠን ወይ መጠን ምግባር ይበሃል። (809-1838)

**384- መለኮታውያን መንፈሳውያ ኃይላት ከመይ ዝበሉ እዮም?**

ንኣምላኽ ዚምልከትን፡ ካብ ኣምላኽ ዚወሃበናን፡ መለኮታዊ መበቆል ዘለዎም መንፈሳውያን ኃይላት እዮም። እዚ ብቐዳሲ ጸጋ ኣባና ዚፈስስ መንፈሳዊ ኃይሊ፡ ኣብ ሕይወት ቅድስቲ ሥላሴ የሳትፈና። ንሰብኣዊ መንፈሳዊ ኃይሊ ሕይወት ብምሃብ፡ ንሥነ ምግባራዊ ተግባር ወዲሰብ ይሥርቶን የንቀሳቕሶን። መለኮታዊ መንፈሳዊ ኃይሊ ኣብ ሰብኣዊ ናይ ምስራሕ ክእለት ህላዌን ተግባርን መንፈስ ቅዱስ ከምዘሎ ዜረጋግጸልና ዕርቡን እዩ። (1812-1813፣1840-1841)

385- **መለኮታውያን መንፈሳውያን ኃይላት ኣየኖት እዮም?**
መለኮታውያን መንፈሳውያን ኃይላት ዝበሃሉ፡ እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ እዮም። (1813)

386- **እምነት እንታይ እዩ?**
ኣምላኽ ባዕሉ ሓቂ ስለዝኾነ፡ ንሕና ኣብ ኣምላኽን፡ ኣብቲ ኹሉ ንሱ ዚገለጾን፡ ቤተ ክርስቲያን ንክንኣምኖ ኣብ እትሕብረልና ሓቅታት ከም እንኣምን ዚገብረና መለኮታዊ መንፈሳዊ ኃይሊ፡ እምነት ይበሃል። ሰብ ናጽነቱ ተጠቒሙ ብእምነት ኣብ ኣምላኹ ይትስፎ። ስለዚ እቲ ዚኣምን፡ ድላይን ኣምላኽ ኪፈልጥን ኪፍጽምን ቢሉ ይጽዕር፡ ከመይ "እታ ብፍቕሪ እትሰርሕ፡ እምነት" (ገላ. 5,6) እያ። (1814-1816፡ 1842)

387- **ተስፋ እንታይ እዩ?**
ከም ናይ መወዳእታ ታሕጓስና ዘለዓለማዊ ሕይወት ንኪንወርስ፡ ካብ ኣምላኽ እንጽበየሉን ሃረር እንብለሉን መለኮታዊ መንፈሳዊ ኃይሊ፡ ተስፋ ይበሃል። ነዛ ዘለዓለማዊ ታሕጓስ እተስዕበልና ዘለዓለማዊ ሕይወት ምእንቲ ክንበቕዕ፡ ክሳብ መወዳእታ ምድራዊ ሕይወትና ድማ ኣብኣ (ብተስፋ) ክንጸንዕ፡ ኣብ ሓገዝ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ንጽጋዕ፡ ኣብ ተስፋታት ክርስቶስ ድማ ንኣምን። (1817-1821፡ 1843)

388- **ፍቕሪ እንታይ እዩ?**
ንኣምላኽ ልዕሊ ኩሉ ከም እንፈትዎ ትገብረና፡ ምእንቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ድማ ንብጻይና ከም ነፍስና እነፍቕረሉ መለኮታዊ መንፈሳዊ ኃይሊ፡ ፍቕሪ ቢልና ንጽውዖ። ክርስቶስ ንፍቕሪ "ሓድሽ ትእዛዝ"፡ "ፍጽምና ሕግታት" ቢሉ ይጽውዓ። ንሳ "ንኹለን (መንፈሳውያን ኃይላት) ኣሲራ ኣብ ፍጽምና እተብጽሕ እያ" (ቆላ. 3,14)። ንሳ መሠረት ኩለን መንፈሳውያን ኃይላት ኮይና፡ ንኹለን ተንቐሳቕስ፡ ንኹለን ትሠርዕ፡ ናይ ኩለን ዕላማ እያ። ብዘይ ፍቕሪ "ኣነ ከንቱ ምኾንኩ ነይረ... ፍቕሪ እንተዘይብለይ፡ (ካልእ) ሓንቲ እኳ ኣይጠቕመንን እዩ" (1ቆሮ. 13,1-3)። (1822-1829፡ 1844)

389- **ውህበታት መንፈስ ቅዱስ እንታይ እዮም?**
ሰብ ካብ ኣምላኽ ንዝመጾ ኣስተንፍሶታት ምእዙዝ ንኪኸውን ዚሕግዞ፡ ቀዋሚ ዝኾነ ኩነት፡ ውህበታት መንፈስ ቅዱስ ይበሃል። ውህበታት መንፈስ ቅዱስ 7 እዮም። ንሳቶም ድማ፡ ጥበብ፡ ኣእምሮ፡ ምኽሪ፡ ጽንዓ ት፡ ፍልጠት፡ መንፈሳውነት፡ ፈርሃት እግዚኣብሔር ይበሃሉ። (1830-1831፡ 1845)

390- **ፍረ መንፈስ ቅዱስ ዝበሃልከ እንታይ እዩ?**
ከም ዕርቡን ናይ መጻኢ መንግሥተ ሰማያት ኮይኑ፡ ኣባና ዘሎ ፍጽምና፡ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ይበሃል። ትውፊት ቤተ ክርስቲያን ፡ ፍረ መንፈስ ቅዱስ 12 እያቶም ይብል። እዞም ዚስዕቡ ከኣ እዮም፡ "ፍቕሪ፡ ሓጐስ

(ታሕጓስ)፡ ሰላም፡ ትዕግሥቲ፡ ልግሲ፡ ሕያውነት፡ ርኅራኄ፡ እሙን ምዃን፡ ለወሃት፡ ርእሰኻ ምግታእ፡ ተዓቅቦን ንጽሕናን” (ገላ. 5, 22-23)። (1832)

## ኃጢኣት

**391- ምሕረት ኣምላኽ ንምቕባል ካባና እንታይ ይድለ?**
ምሕረት ኣምላኽ ንምቕባል ካባና ዝድለ፡ ኃጢኣተኛ ምዃንካ ምእማን፡ ብኃጢኣትካ ምጥዓስ። ኣምላኽ ብቃሉን ብመንፈሱን ንኃጢኣትና ከምንፈልጦ ይገብር፡ ናይ ኅሊናና ሓቅነት ሂቡ፡ ኣብ ምሕረቱ ከምእንትስፎ ይገብረና። (1846-1848፡ 1870)

**392- ኃጢኣት እንታይ እዩ?**
(ቅዱስ ኣጕስጢኖስ)፡ “ኣንጻር ዘለዓለማዊ ሕጊ ዝኾነ ቃል ወይ ተግባር ወይ ሃረርታ፡ ኃጢኣት እዩ” ይብል። ንፍቅሪ ኣምላኽ ብዘይምእዛዝና፡ ንኣምላኽ ንብድሎ። ኃጢኣት ንባህርይ ሰብ የቚስል፡ ንሰብኣዊ ምትሕልላይ ድማ የዘናብል። ክርስቶስ ኣብ ሕማማቱ ኘኽብደት ኃጢኣት ኣጸቢቑ ገለጸ፡ ብምሕረቱ ድማ ኣሸነፎ። (1849-1851፡ 1871-1872)

**393- ክንደይ ዓይነት ኃጢኣት ኣሎ?**
ብዙኅ ዓይነት ኃጢኣት ኣሎ። ዓይነት ኃጢኣት ከከም ተግባራቱን፡ ከከም ዘፍርሶ ሕግታትን፡ ከከም ዝተቃወሞ መንፈሳዊ ኃይላትን ኪፈላለ ይኽእል። ኣንጻር ኣምላኽን፡ ኣንጻር ብጻይናን፡ ወይ ኣንጻር ገዛእ ርእስናን ኪኸውን ይኽእል። ብሓሳብ ወይ ብግብሪ ወይ ብተግባር ዝተፈጸሙ ኪኾኑ ይኽእሉ፡ ከማኡውን ናይ ጕድለት ኃጢኣት (ጽቡቕ ነገር ብዘይምፍጻም ዚገብር ኃጢኣት) ኪኸውን ይኽእል። (1852-1853፡ 1873)

**394- ብኽብደቱ ኪርአ ከሎ፡ ኃጢኣት ኣብ ክንደይ ኪፈላለ ይኽእል?**
ብኽብደቱ ኪርአ ከሎ፡ ኃጢኣት ዓብይ ወይ ንእሽቶ ተባሂሉ ይፈላለ። (1854)

**395- ዓብይ ኃጢኣት መኣስ ኢና እንፍጽም?**
ብፍጹም ፍልጠትን (እናፈለጥካ)፡ ብምሉእ ናጽነትን (ብምርጫኻ) ዓብይ ገበን ዝኾነ ተግባር ምስ እትፍጽም፡ ዓብይ ኃጢኣት ይበሃል። እናፈለጥካ፡ ብምርጫኻ፡ ዓብይ ሕጊ ምስእተፍርስ፡ ዓብይ ኃጢኣት ትገብር። እዚ ተግባርዚ፡ ፍቕርን ቐዳሲ ጸጋን ከምእነጥፍእ ይገብረና። እንተዘይተጣዒስና ድማ ናብ ዘለዓለማዊ መቕጻዕቲ ገሃነመ እሳት የውርደና። በቲ ልሙድ ኣገባብ እዚ ኃጢኣትዚ ብምሥጢረ ጥምቀት ወይ ምሥጢረ ንስሓ ወይ ኑዛዜ ኪድምሰሰልና ይኽእል። (1855-1861፡ 1874)

**396- ንእሽቶ ኃጢኣት እንፍጽም መኣስ ኢና?**
እንፍጽሞ በደል ቀሊል ምስዚኸውን፥ ከቢድ ኣብ ዝኾነ በደልውን ብዘይ ፍላጥን ተገዲድና ምስ እንፍጽሞን፡ ንእሽቶ ኃጢኣት ንፍጽም። ንእሽቶ ኃጢኣት ካብ ዓብይ ኃጢኣት ኣጸቢቑ ይፍለ እዩ። ንእሽቶ ኃጢኣት እቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና  ኪዳን ኣይሰብሮን፡ ነታ ፍቕሪ ግን የድክማ። ስስዐ (ዘይቅኑዕ ፍቕሪ) ምድራዊ ሃብቲ ከምዚህልወና ይገብር። ሥነ ምግባር ብዚግባእ ኘኸይንኽተልን፡ ኣብ ኣፈጻጽማ መንፈሳውያን ኃይላት ከምዘይንምዕብል ይገብረና። ንዘንጽሕ ጊዚያዊ መቕጻዕቲ ይኹንና። (1862-1864፡ 1875)

**397- ኃጢኣት ኣባና ከመይ ኢሉ እዩ ኪሰልጥን ዚኽእል?**

ኃጢኣት ናብ ካልእ ኃጢኣት እዩ ዝመርሓካ። ተደጋጋሚ ኃጢኣትን ድማ ኣመል ይፈጥር። (1865-1876)

398- ኣመል እንታይ እዩ?
ኣንጻር መንፈሳውያን ኃይላት ዝኾነ፡ ንኀሊናና ዘደንዝዝ፡ ብቀሊሉ ናብ ኃጢኣት ምፍጻም ዜብጽሓና ሕማቅ ዝንባሌ እዩ። (1866-1867)

399- ብካልኦት ኣብ ዝተፈጸመ ኃጢኣት ተሓተትቲ ክንከውን ኘኽእል ዲና?
ኣብ ሕማቕ ተግባር ምስእንትሓባበር፡ ኃጢኣት ብኻልኦይ ይፈጸም ድኣ እምበር፡ ንሕናውን ተሓተትቲ ክንከውን ኘኽእል ኢና። (1868)

400- "ማኅበራዊ ኃጢኣት" (ትሕተ ቅርጻዊ ኃጢኣት = STRUCTURAL SIN) እንታይ እዩ?
ናይ ነፍስወከፍና ኃጢኣት ነጸብራቕን ሳዕቤንን ዝኾነ፡ ንሕጊ ኣምላኽ ዚጻረር ማኅበራዊ ኩነት ወይ ንማኅበራዊ ናብራ ዘበላሸዉ ኃጢኣት እዩ። (1869)

# ካልኣይ ምዕራፍ

## ማኅበረሰብ

### ውልቀሰብን ኅብረተሰብን

401- ሰብ ማኅበራዊ ፍጡር እዩ ይበሃል፡ ብኸመይ?
ሰብ በብግሉ እዩ ንዘለዓለማዊ ታሕጓስ ዝተጸወዐ። ግን ከኣ ሰብ ብባህርዩን ብጸዋዕትኡን ማኅበራዊ ፍጡር እዩ። ኩሎም ሰባት ሓደ ዝኾነ ዕላማ ኣለዎም፡ ንሱ ድማ ኣምላኽ እዩ። ደቂ ሰባት ኣብ ምድራዊ ሕይወቶም ኣብ ሓቅነትን ፍቕርን ዝተመሥረተ ኅውነት ኪፈጥሩ ኣለዎም፡ ስለዚ ሓድነት ቅድስቲ ሥላሴን ኅውነታዊ ሕይወት ደቂ ሰባትን ኪመሳሰል ኣለዎ። በዚ ምኽንያትዚውን፡ ፍቕሪ ብጻይ ካብ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣይፈላለይን እዩ። (1877-1880፡ 1890-1891)

402- ኣብ መንጐ ውልቀሰብ ኅበረተሰብን እንታይ ርክብ ኣሎ?
ሰብ ማለት ውልቀሰብ፡ ናይ ኩሉ ማኅበራዊ ሕይወት ዕላማን መበቆልን ቀንዲ ሓሳብን (ተዋሳእን) እዩ። ከም ስድራቤትን፡ ካልእ ንእስ ዝበለ ምትእኽኻብ ሰባት ንኅብረተሰብ ኣገደስትን ኣድለይትን እዮም። ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ኮነ ኣብ ዓለምለኻዊ ደረጃ ዘለዋ ማኅበራትውን ንኅብረተሰብ ኣድላይትን ኣገደስትን እየን። ኩሉ ግን ብመርሕ ምትሕግጋዝ ክተኣሳሰር ኣለዎ። (1881-1882፡ 1894)

403- "መርሕ ምትሕግጋዝ" (principle of Subsidiarity) እንታይ እዩ?
መርሕ ምትሕግጋዝ ከምዚ ዝብል መምርሒ እዩ፡ "ኣብ ኅብረተሰብ ዘሎ ዝለዓለ ሥርዓት (ዓቢ ማኅበር ወይ ምትእኽኻ ሰብ)፡ ነቲ ኣብ ትሕቲኡ ዘሎ ሥርዓት (ንኡስ ማኅበር) ስርሑን ሓላፍነቱን ኣሕዲጉ ኪድምስሶ ወይ

ኪትክኦ ዘይኮነስ፣ ኣድላይ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ኪሕግዞን ኪድግፎን ኣለዎ”። (1883-1885፣ 1894)

**404- ብሓቂ ንሰብ ዚበቕዕ ሕይወት በዘይካዚ እንታይ ዝሓቶ ካልእ ኣሎ?**
ብሓቂ ንሰብ ዚበቕዕ ሕይወት ምእንቲ ኪፍጠር ከምዚ ዚስዕብ ኪግበር ኣለዎ። ፍትሕን፣ እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ኣኸታትላ ክብርታትን ምሕላው። ግዙፋውን (ሥጋውን) ስምዒታውን ዝኾነ ነገራት፣ ኣብ ትሕቲ ውሽጣውን መንፈሳውን ዝኾነ ነገራት ከምዚግዛእ ምግባር። ኃጢኣት ንማኅበረሰብ ኣብ ዝብክለሉ ኩነታት፣ ሰብ ናብ ልቡ ኪምለስ ምጽዓር። ንነፍስወከፍ ሰብን ንኩልንተናዊ ድኅነት ሰብን ብሓቂ ዘገልግል ማኅበራዊ ለውጢ ምእንቲ ኪመጽእ፣ ጸጋ ኣምላኽ ምልማን። እታ ብፍትሒ ክንነብርን ፍትሒ ከነዘውትርን ተኽእለና ፍቕሪ፣ እታ ዝዓብየት ማኅበራዊ ትእዛዝ ከምዝኾነት ምፍላጥ።

## ተሳትፎ (PARTECIPATION) ኣብ ማኅበራዊ ሕይወት

**405- ኣብ ኅብረተሰብ ዘሎ ስልጣን ካበይ እዩ መሠረቱ?**
ኣብ ኩሉ ዓይነት ማኅበረሰብ፣ ሥርዓት ዘኽብርን ርባራዊ ጥቕሚ ዝሕሉን ዘረጋግጽን፣ ሕጋዊ ዝኾነ ስልጣን ኪህሉ ኣድላዪ እዩ። ሕይወት ደቂሰባት ከምቲ ኣምላኽ ዚሠርዖ ምእንቲ ኪኸውን፣ መበቆልን መሠረትን ስልጣን ኣብ ሰብኣዊ ባህርይ እዩ። (1897-1902፣ 1918-1920)

**406- ሕጋዊ ኣጠቓቕማ ስልጣን መኣስን ብከመይን ይፍጸም?**
ርባራዊ ጥቕሚ ንኪሕሎ ቢሉ ዚጽዕርን፣ ናብቲ ዕላማ ንምብጻሕ፣ ብሥነ ምግባር ዝተፈቕደ መሳርሒ ዚጥቀምን ኣካል፣ ሕጋዊ ዝኾነ ኣጠቓቕማ ስልጣን የዘውትር ኣሎ ንብል። ስለዚ ኩሎም ውዱባት ፖለቲካ፣ በቲ ብናጽነት ዚግለጽ ምርጫ ዜጋታት ኪምርሑ ኣለዎም። ብመርሕ “ልዕልና ሕጊ” ኪቕየዱ፣ ልዕሊ ኩሉ ሕጊ ኪኽብሩ ኣለዎም እምበር፣ ብፋሉል ዝኾነ ድላይ ሓፋሽ ሕዝቢ ኪምርሑ ኣይግበኦምን። ዘይፍትሓዊ ሕግን፣ ንሥነ ምግባር ዚጻረር ስጉምትን ንኅሊናና ኪቕይዶ ኣይኽእልን። (1901፣ 1903-1904፣ 1921-1922)

**407- ኃባራዊ (ማኅበራዊ) ጥቕሚ እንታይ እዩ?**
ውልቀሰብን ኅብረተሰብን ፍጽምና ዚረኽቡሉ፣ ዚረብሕሉ ናይ ኅብረተሰብኣዊ ሕይወት ኩነታት ብምልኡ፣ ማኅበራዊ ወይ ኃባራዊ ጥቕሚ ይበሃል። (1905-1906፣ 1924)።

**408- ኃባራዊ ጥቕሚ እንታይ ተግባራት የጠቓልል?**
ኃባራዊ (ማኅበራዊ) ጥቕሚ ንኪሕሎ እዚ ዚስዕብ ተግባራት ምፍጻም የድሊ። ናይ ሰብ ሠመረታውያን መሰላት ምሕላውን ምዕቃብን፤ ናይ ኅብረተሰብን ውልቀሰብ መንፈሳውን ሥጋውን ጥቕምታት ምምዕባል፤ ናይ ኩሎም ዜጋታት ሰላም ውሕስነትን ምርግጋጽ። (1907-1909፣ 1925)

**409- ኃባራዊ ጥቕሚ ብዝግባእ ዝሕለወሉ ኩነታት ከመይ እዩ?**
ፖለቲከኛታት ወይ ናይ መንግሥቲ ሰበስልጣን፣ ናይ ኩሎም ዜጋታትን ንኡሳን ብሔራትን ረብሓ ምስዚሕልዉን ዚዕቅቡን፤ ናይ ዓለምለኻዊት ስድራቤት ዓለምለኻዊ ረብሓ ምሕላው ምስዘይዝንግዑ፤ ሓባራዊ ረብሓ ብዚግባእ ይሕልዉ ኣለዉ ኪበሃል ይከኣል። (1910-1912፣ 1927)

**410- ውልቀሰብ ኣብ ምሕላውን ምዕቃን ኃባራዊ ጥቕሚ ብኸመይ ይሳተፍ?**

ነፍስወከፍ ሰብ፥ ከከም ስርሑን ማኅበረሰብኣዊ ቦትኡን፥ ኣብ ምሕላውን ምዕቃብን ሓባራዊ ረብሓ እጃሙ ኬበርክት ዝኽእል እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ሕጊ ምስዚኽተልን፥ ኣብ ዝተመደቦ ቦታ ከኣ ብሓላፍነት ምስዚስራሕን እዩ። ብፍላይ ድማ ስድራኡን ስራሑን ብምክንኻን እዩ። ብተወሳኺ፥ ኵሎም ዜጋታት ኣብ ማኅበረሰብኣዊ ሕይወት ሀገር ኣድማዒ ተሳትፈኦም ኬርእዩ ይግባእ። (1913-1917፥ 1926)

## ማኅበራዊ ፍትሒ

**411- ኣብ ኅብረተሰብ ከመይ ቢሉ ማኅበራዊ ፍትሒ ይረጋገጽ?**
ክብርን መሰላትን ወዲሰብ ብምሕላው፥ ኣብ ኅብረተሰብ ማኅበራዊ ፍትሒ ኪረጋገጽ ይኽእል፥ ከመይ ዕላማ ኅብረተሰብ ንሱ እዩ። ማኅበራዊ ፍትሒ ምርግጋጽን ሓባራዊ ጥቕምን ስልጣንን ንሓድሕዱ ይራኸብ እዩ። ሰበስልጣን መንግሥቲ፥ ኣባላት ኅብረተሰብ ዝኾኑ ወልቀሰብን ማኅበራትን እቲ ብመሰል ኪውንንዎ ዚግበኦም ነገራት ዜረጋግጸሎም ኵነታት ምስዚፈጥሩሎም፥ ማኅበራዊ ፍትሒ ተረጋጊጹ ኣሎ ማለት እዩ። (1928-1933፥ 1943-1944)

**412- ማዕርነት ወዲሰብ ኣብ ምንታይ ይምሥረት?**
ኵሉ ሰብ በርኣያን ኣምሳልን እቲ ሓደ ኣምላኽ ስለዝተፈጥረ፥ ሓደ መበቆልን ባህርይን፥ ሓንቲ ለባዊት ነፍስን ስለዘለዎ፤ ከምኡውን በቲ ሓደ ዝኾነ መድኃኒ ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ኵላቶም ናብታ ሓንቲ ዝኾነት መለኮታዊት ናይ ታሕጓስ ሕይወት ስለዝተጸውዑ፥ ኵሉ ሰብ ማዕረ እዩ። (1934-1935፥ 1945)

**413- ኣብ መንጎ ደቂሰባት ዘሎ ፍልልይ (ዘይምዕሩይነት) ብከመይ ንግምግሞ?**
ንሚሊዮናት ሰባት ዚጕድእ፥ ክፉእ ዝኾነ ቁጠባዊ ማኅበራዊ ኣፈላላይ (ዘይዕሩይነት) ከምዘሎ ግሁድ እዩ። እዚ ምስ ወንጌልን፥ ፍትሕን፥ ክብሪ ወዲሰብን፥ ሰላምን ፈጺሙ ዘይሰማማዕ ኵነታት እዩ። ኣምላኽ ከምኡ ገይሩ ስለዝፈጠሮ፥ ብዝተፈላለየ ካልእ ምኽንያት ኣብ ሰባት ፍልልይ ኪህሉ ይኽእል። እቲ ዘይብሉ ሰብ፥ ካብ ዘለዎ ሰብ ኪቕበል፤ ከምኡውን እቶም ዘለዎም ሰባት፥ "ጥሪቶም" ነቶም ዘይብሎም ኪካፍሉ ከምዘለዎም መደብ ኣምላኽ እዩ። እዚ ዓይነት ፍልልይ፥ ኣብ መንጎ ሰባት ብዙኅ ጊዜ ንልግስን፥ ምምቃልን፥ ጽቡቕ ድላይን ኪደፋፍእ ይኽእል። ከምኡውን ብዙኅነትን ፍልልይን ባህልታት ኣብ ዘለዎ፥ ንሓድሕዱ ኬህብትም ወይ ኪመላላእ ይኽእል። (1936-1938፥ 1946-1947)

**414- ሓድሕዳዊ ምትሕልላይ (Solidarity) ብኸመይ ይግለጽ?**
ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ብማዕርነት ንኵሉ ብምዕዳል (ምክፋል)፤ ናይ ስራሕ ቅኑዕ ደሞዝ ብምስላዕ፤ ዚያዳ ፍትሒ ዚሰፈኖ ሰብኣዊ ሕይወት ንምምሥራት ብምጽዓር፤ ሓድሕዳዊ ምትሕላላይ ክንገልጾ ንኽእል። ሓድሕዳዊ ምትሕልላይ፥ ካብ ሰብኣውን ክርስትያናውን ዝኾነ ኅውነት እዩ ዚመጽእ። ንሰብ ምድራዊ ሃብትኻ ካብ ምክፋል፥ መንፈሳዊ ሃብቲ እምነትካ ምክፋል (ምልጋስ) ይበልጽ። እዚውን ሓደ ዓይነት መግለጺ ናይ ሓድሕዳዊ ምትሕልላይ እዩ። (1939-1942፥ 1948)

# ሣልሳይ ምዕራፍ

## ድኅነት ኣምላኽ፣
## ሕግን ጸጋን

### ሞራላዊ ሕጊ = Moral Law

**415- ሞራላዊ ሕጊ እንታይ እዩ?**

ሞራላዊ ሕጊ ተግባር መለኮታዊ ጥበብ እዩ። መንግሥተ ሰማያት ንምውራስ ሰብ ኪኽተሎ ዘለዎ መንገድታት፣ ካብ ኣምላኽ ንኽይርሕቕ ሰብ ኪለብሶ ዘለዎ ጠባይ ብንጹር ዚሕብር ሕግታት እዩ። (1950-1953፣ 1975-1978)

**416- ሞራላዊ ባህርያዊ ሕጊኸ (Natural Moral Law) እንታይ እዩ?**

ሞራላዊ ባህርያዊ ሕጊ ዝበሃል፣ ኣብ ልቢ ነፍስወከፍ ሰብ ብኣምላኽ ዝተጻሕፈ ሕጊ እዩ። በዚ ኣብ ኅሊናና ዝተጻሕፈ ሕጊ፣ ንሕና ኣብ ጥበብን ሕያውነትን ኣምላኽ ተሳተፍቲ ኾነና ኢና። ሳላ እዚ ኣብ ባህርና ዘሎ ሞራላዊ ሕጊ፣ ኣእምሮና ተጠቒምና፣ ንሕና ምስቲ መበቆላዊ ሞራላዊ ሕጊ ኣነጻጺርና፣ ክፉእን ሠናይን መሚና ንኽእል። ሞራላዊ ባህርያዊ ሕጊ ዓ ለምለኻውን ዘይቅየርን ሕጊ እዩ። ንሱ መሠረት ናይ ሰብኣዊ መሰልን ግቡእን እዩ። እዚ ሕጊዚ ናይ ዝኾነ ይኹን ማኅበረሰብኣውን ሲቪላውን ሕጊ መሠረትን መበቆልን ኪኸውን ይግባእ። (1954-1960፣ 1978-1979)

**417- እዚ ባህርያዊ ዝኾነ ሞራላዊ ሕጊዚ ኣብ ልቢ ኵሉ ሰብ ኣሎዶ?**

እወ ኣሎ፥ ግን ኃጢኣት ንባህርና ስለዘዘናበሎ፣ እዚ ሞራላዊ ሕጊ ባህርያዊ ይኹን ድኣ እምበር፣ ብኹሉ ሰብ ወይ ንኹሉ ሰብ ብማዕርነት ግሉጽን ብሩህን ኣይኮነን። (1960)

> "ሰባት እቲ ኣብ ውሽጢ ልቦም ዝነበረ
> (ባህርያዊ ሞራላዊ) ሕጊ ኬንብብዎ ስለዘይከኣሉ፣
> ኣምላኽ ኣብ ጽላተ ሙሴ ኪጽሕፎ ተገደደ።"
> (ቅዱስ ኣጐስጢኖስ)

**418- ኣብ መንጎ ባህርያዊ ሕግን ጥንታዊ ሕግን (ሕጊ ብሉይ ኪዳን) ርክብ ኣሎዶ?**

ሕጊ ብሉይ ኪዳን ናይቲ ዝተገልጸ ሕጊ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። ጥንታዊ ሕጊ (ናይ ብሉይ ኪዳን ሕጊ)፣ ብባህርያዊ መንገዲ ክንበጽሖም እንኽእል ብዙኃት ሓቕታት ይገልጸልና። እዚ ሓቅታትዚ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ድኅነት ኪዳናት ተገሊጹን ተረጋጊጹን ይርከብ። ናይ ብሉይ ኪዳን ሞራላዊ ሕግታት ኣብተን 10 ትእዛዛት ተጠቓሊለን ይርከባ። መሠረት ጸዋዕታ ሰብ ከኣ የንጽፍ። ነቲ ኣንጻር ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ብጻይን ዝኾነ ተግባራት ንኸይፍጽም ይኽልክለና፤ ነቲ ኣገዳስን ኣድላይን ዝኾነ ተግባራት ዚምልከት ትእዛዝ ድማ የመሓላልፍልና። (1961-1962፣ 1980)

**419- ኣብ መደብ ድኅነት ሕጊ ብሉይ ኪዳን እንታይ ግደ ኣለዎ?**

ሕጊ ብሉይ ኪዳን፡ ብዙኅ ብኣእምሮና እንርድኦ ሓቕታት ይዝርዝር። ክንገብሮ ዘለናን ዘይብልናን ተግባራት ይገልጽ። ከምቲ ሓደ ጥበበኛ መምህር ዚገብሮ ድማ፡ ሰብ ንኪንሳሕን ወንጌል ኸኺቕበልን ይቐራርብ። ሕጊ ብሉይ ኪዳን ቅዱስን መንፈሳውን ሠናይን እኳ እንተኾነ፡ ካብቲ ሕጊ ዚምንጩ፡ ንምትግባሩ ዚሕግዝ ኃይልን ጸጋ መንፈስ ቅዱስን ስለዘይብሉ፡ ፍጹም ሕጊ እዩ ኪበሃል ኣይከኣልን። (1963-1964፡ 1982)

**420-** ***ሓድሽ ሕጊ ወይ ወንጌላዊ ሕጊ እንታይ እዩ?***

*ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተተግበረን ዝተኣወጀን ሕጊ፡ ሓድሽ ሕጊ ወይ ወንጌላዊ ሕጊ ይበሃል። እዚ ሓድሽ ሕጊዚ ወይ ወንጌላዊ ሕጊዚ ምልኣትን ፍጻሜን ናይተን ሠለስተ ሕግታት እዩ፡ መለኮታዊ ሕጊ፡ ባህርያዊ ሕጊ፡ ዝተገልጸ ሕጊ። ወንጌላዊ ሕጊ፡ ኣብ ትእዛዝ ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ብጻይን ተጠቓሊሉ ይርከብ። ወንጌላዊ ሕጊ ማለት፡ ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቐረና ክንፋቐር ኣሎና ማለት እዩ። ከምቲ ዚግበኣና ከነፍቕር ዜኽእለና ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ። ስለዚ ወንጌላዊ ሕጊ ውሽጣዊ ኩነታት ወዲሰብ ዚትንክፍ እዩ። ብፍቕሪ ተደሪኽና ክንሰርሕ ስለዝደፋፍኣና፡ ወንጌላዊ ሕጊ "ናጽነት ዝህበ ፍጹም ሕጊ እዩ" (ያዕ. 1,25)።* (1965-1972፡ 1983-1985)

*"ሓድሽ ሕግን፡*
*ነቶም ኣብ ክርስቶስ ዚኣምኑ ሰባት*
*ዚወሃብ ጸጋ መንፈስ ቅዱስን፡ ሓደ እዩ።"*
(ቅዱስ ቶማስ በዓል ኣኩኖ)

**421-** ***እዚ ሓድሽ ሕጊዚ ኣበይ ይርከብ?***

*እዚ ሓድሽ ሕጊዚ፡ ኣብ መላእ ሕይወት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ኣብ ስብከቱን፡ ኣብ ናይ ሓዋርያት ትምህርተ ክርስትናን ሞራላዊ ትምህርትን ይርከብ። እዚ ዝበለጸ መግለጺ ሓድሽ ሕጊዚ ኣብ ጐቦ ዝተዋህበ "ኣስተምህሮ ብፅዕነታት" (ማቴ. 5, 1-9) ተገሊጹ ይርከብ።* (1971-1974፡ 1986)

## ጸጋን ጽድቕን (Justification)

**422-** ***ጽድቂ*** **(Justification)** ***እንታይ እዩ?***

*ጽድቂ፡ እቲ ኣዝዩ ዝበለጸ ተግባር መለኮታዊ ፍቕሪ እዩ። ኃጢኣትና ደምሲሱ፡ ብኵልንትናና ቅዱሳንን ጻድቃንን (ንጹሓት) ዚገብረና፡ ብኸምኡ (ብናጻ) ዝወሃበና መለኮታዊ ናይ ምሕረት ተግባር እዩ። እዚ ዚፍጸም ድማ፡ ሳላ ሕማማት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ ጊዜ ጥምቀትና ብዚወሃበና ጸጋ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እዚ፡ ንኣምላኽ ብናጽነትና ምላሽ ንክንህብ፡ ኣብ ክርስቶስ ንክንኣምን፡ ምስ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ንክንተሓባበር ምኽንያትን መበገስን ይኾነና።* (1987-1995፡ 2017-2020)

**423-** ***ዜጽድቐና ጸጋ*** **(Sanctifying Grace)** ***እንታይ እዩ?***

*ኣብ ሕይወት ቅድስቲ ሥላሴ ምእንቲ ክንሳተፍን፡ ስለ ፍቕሪ ክርስቶስ ክንሰርሕን ዜኽእለና፡ ብናጻ ዚወሃበና ህያብ ኣምላኽ፡ ጸጋ ይበሃል።፡ ዚቕድሰናን ናብ ኣምላኽ ዚልወጠና ጸጋ፡ ነባሪ ወይ ቀዋሚ* (Habitual

Grace) ወይ ናብ መለኮት ዚልውጠና ጸጋ (deifying Grace) ይበሃል። ኣወሃህባ ጸጋ፡ ብኸምኡ (ብናጻ) ዚብገስ ተግባር ኣምላኽ ስለዝኾነ፡ ከማኡውን ልዕሊ ኣእምሮን ኃይሊ ሰብን ስለዝኾነ፡ መልዕለተ ባህርያዊ (Supernatural Grace) እውን ተባሂሉ ይጽዋእ እዩ። ጸጋ ልዕሊ ተመክሮናን ክእለትና እዩ። (1996-1998፡ 2005፡ 2021)

424- ካልእ ዓይነት ጸጋታት ኣሎዶ?
እወ ኣሎ። ብዘይካ እዚ ዝጠቐስናዮ ነባሪ ጸጋ፤ ከከም ኩነታቱ ኣምላኽ ዝህበና ጸጋታት፡ ጊዚያዊ ጸጋ ወይ ወቕታዊ ጸጋ (Actual Grace) ኣሎ። ኣብ ምቕባል ምሥጢር ዝወሃበና ጸጋታት፡ ምሥጢራዊ ጸጋ (Sacramental Grace) ኣሎ። ንሓባራዊ ጥቕሚ መላእ ቤተ ክርስቲያን ዝወሃብ ፍሉይ ጸጋታት፡ ውህበታት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ናይ ኩነት ጸጋ (Grace of State) ተባሂሉ ዚፍለጥ፡ ነቶም ተልእኾታት ናይ ቤተ ክርስቲያን ዚፍጽሙ ሰባት ዚወሃብ ጸጋ እዩ። ንሓላፍነታት ሕይወት ዘሰኒ ጸጋውን ኣሎ። (1999-2000፡ 2003-2004፡ 2023-2024)

425- ጸጋን ናጽነት ወዲሰብን ብኸመይ ይራኸብ?
ጸጋ፡ ንናይ ወዲሰብ ናጻ ምላሽ ይቕድምን፡ ይቕርብን፡ የለዓዕልውን። ንብርቱዕ ሃረርታት ናጽነት ወዲሰብ ይምልእ። ንሰብ ናጽነቱ ሓልዩ፡ ንክተሓባበር ይዕድም፡ ናብ ፍጽምናውን ይመርሐ። (2001-2002)

426- ትሩፋት (Merit) እንታይ እዩ?
ጽቡቕ (ሠናይ) ነገር ምስ ፈጸምካ እትሓቶ መሰል ሽልማት፡ ትሩፋት ይበሃል። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ናይ ኩሉ ትሩፋትና ምንጪ ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ኣብ ሰብ ዘለዎ ኩሉ ሠናይ ነገር ካብ ኣምላኽ ብናጻ ስለዝተቐበሎ፡ ሰብ ካብ ኣምላኽ መሰል ሽልማት ኪሓትት ኣይግበኦን (ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ትሩፋት የብሉን)። ኮይኑ ግን ኣምላኽ፡ ተግባራትና ምስ ፍቕራዊ ተግባራት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምውህሃድ (ብምጽንባር)፡ ኣብ ቅድሚኡ ትሩፋት ከምንረክብ ይግበረና። (2006-2010፡ 202-2026)

427- ከመይ ኢልና ኢና ትሩፋት እንድልብ (እንረክብ)?
ብድፊኢት መንፈስ ቅዱስ ተላዒልና፡ ንዓና ኮነ ንኻልኦት ዚቕድስን፡ መንግሥተ ሰማያት ንኽንወርስ ዘኽእለናን ጸጋታት ክንድልብ ንኽእል ኢና። ከምኡውን፡ መደብ እግዚኣብሔር ኮይኑ፡ ኣብ ምድራዊ ሕይወትና ዘድልየና ሃብትውን እንተኾነ ንኽንረክብ ዘኽእሉና ጸጋታት ማለት ትሩፋት ክንድልብ ንኽእል ኢና። ነታ መሠረት ንስሓናን ጽድቅናን ዝኾነት ቀዳመይቲ ጸጋ (እምነት) ከም ትሩፋት ኪቕበላ ዚኽእል ሰብ ግን ፈጺሙ የልቦን። (2010-2011፡ 2027)

428- ኩልናዶ ንቅድስና ጽዉዓት ኢና?
ኩሎም መእመናን ክርስቶስ ንቅድስና ጽዉዓት እዮም። ቅድስና ማለት ምዕባሌ ሕይወት ክርስትናን፡ ፍጽምና ፍቕርን ማለት እዩ። ምስ ክርስቶስ ፍጹም ዝኾነ ምውህሃድ ብምግባርን፡ ብክርስቶስ ኣቢልካ ድማ ምስ ቅድስቲ ሥላሴ ምሉእ ሓድነት ብምፍጻም ይፍጠር። ጉዕዞ ቅድስና ክርስቲያን ብመንገዲ መስቀል ኣቢሉ፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ትንሣኤ ሕያዋን እዩ መፈጸምታ ዚረክብ። ሽዑ ኣምላኽ ኩሉን ኣብ ኩሉን ኪኸውን እዩ። (2012-2016፡ 2028-2029)

## ቤተ ክርስቲያን ኣደን መምህርን እያ

**429- ቤተ ክርስቲያን ከመይ ኢላ ንሞራላዊ ሕይወት መእመን ትምግብ?**

ክርስቲያን ዘበለ ንቃል ኣምላኽን፡ ንትምህርቲ "ሕጊ ክርስቶስን" (ገላ. 6,2) ዚቕበለሉ ማኅበር፡ ቤተ ክርስቲያን ይበሃል። ኣብዚ ቦታዚ ወይ ማኅበርዚ መእመን ጸጋ ምሥጢራት ይቕበል። መላእ ምድራዊ ሕይወቱ መንፈሳዊ ኣምላኾ ምእንቲ ኪኸውን፡ ኣብቲ ክርስቶሳዊ ዝኾነ ምሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ይሳተፍ። ኣብዚ ቦታዚ ናይ እግዚእትነ ማርያምን ናይ ካልኦት ቅዱሳንን ቅድስናን ይመሃር። (2030-2031፡ 2047)

**430- መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስትይን (Magisterium) ብዛዕባ ሥነ ምግባር ወይ ሞራል ስለምንታይ እዩ ዚግደስ?**

ኪእመንን ኪትግበርን ዘለዎ እምነት፡ ናይ ምምሃር ስልጣን ንመሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ስለዝተዋህበ፡ መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ብዛዕባ ሥነ ምግባር ይግደስ። ባህርያዊ ሕጊ ዚዝርዝሮ ሓቕታት ምኽታል ንድኅነትና ጠቓሚ ስለዝኾነ፡ ኣብዚ መዳይዚውን መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ኪግደስን ኪከታተልን ይግበኦ። (2032-2040፡ 2049-2050)

**431- ትእዛዛት ቤተ ክርስቲያን ዕላማኦም እንታይ እዩ?**

መእመናን እንተወሓደ እኹል መንፈስ ጸሎትን ምቕባል ምሥጢራትን ኪዘውትሩ፡ ኣብ ሞራላዊ ሕይወቶምን፡ ኣብ ምፍጻም ትእዛዝ ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ብጻይን ንኪምዕብሉ፡ ሓሙሽተ ዝኾና ትእዛዛት ቤተ ክርስትያን ተሠሪዐናሎም ኣለዋ። 2041፡ 2048)

**432- ትእዛዛት ቤተ ክርስቲያን ኣየኖት እዮም?**

ትእዛዛት ቤተ ክርስቲያን እዞም ዚስዕቡ እዮም። 1. ኣብ በዓላትን ሰናብትን ቅዳሴ ምስማዕ። በዓላትን ሰናብትን ምቅዳሶም ካብ ዘብኩሩና ስራሕ ምቁጣብ። 2. እንተወሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ዓመት ኃጢኣትካ ምንዛዝ፡ ምሥጢረ ንስሓ ምቕባል። 3. እንተወሓደ ኣብ ቅኒያት ፋሲካ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን ምቕባል። 4. ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዝኣዘዘቶም መዓልታት ጾም ምጻም። 5. ከከም ክእለትካ ንንዋታዊ ኣድላይነት ቤተ ክርስቲያን እጃምካ ምብርካት። (2042-2043)

**433- ወንጌል ንምብሣር ሞራላዊ ሕይወት ክርስቲያን ኣድላዪ እዩ ይበሃል። ስለምንታይ?**

ክርስቲያን ብሕይወቶም ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስዚመስሉ፡ ነሕዛብ ኣብቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ከምዝኣምኑ ይገብሩ። ንቤተ ክርስትያኖም ይሓንጹ። ዓለም ብወንጌላዊ መንፈስ ከምዝሕነጽ ይገብሩ። ምጽኣት መንግሥተ ኣምላኽውን የቀላጥፉ። (2044-2046)

# ካልኣይ ወገን

## ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር

| ዘፀኣት 20, 2-17 | ዘዳግም 5, 6-17 | ትምህርተ ክርስቶስ |
|---|---|---|
| ካብ ምድሪ ባርነት ዘውፃእኩኻ፡ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ እየ። | ካብ ምድሪ ግብጺ፡ ካ ቤት ባርነት ዘውፃእኩኻ፡ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ እየ። | 1) ኣነ እየ ናትካ ኣምላኽ፡ |
| ብዘይካይ ካልእ ኣማልኽቲ ኣይሃልውኻ። ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ፡ ምስልን ስእልን ዘበለ ንዓኻ ኣይትግበር። ኣይትስገደሎም፤ ኣይተገልግሎም። ኣነ እግዚኣብሔር ኣማልኽካ ቐናእ ኣምላኽ እየ እሞ፡ ንዝጸልኡኒ ኃጢኣት ኣቦታት ኣብ ደቂ ክሳብ ሣልሳይ ክሳብ ራብዓይ ወለዶ ዝቐጽዕ፡ ንዝፈትዉንን ትእዛዛተይ ንዝሕልዉን ግና ክሳብ ኣሽሓት ወለዶ ምሕረት ዝገብር እየ። | ብዘይካይ ካልኡት ኣማልኽቲ ኣይሃልዉኻ። ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ኻብ ዘሎ፡ ኣብ ታሕቲ ኣብ ምድሪ ካበ ዘሎ፡ ወይ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ካብ ዘሎ ምስሊ ጣዖትንዓኻ ኣይትግበር። ኣይትስገደሎም፡ ኣይተምልኮም። ከመይ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምልኽካ፡ ንዝጸልኡኒ ኃጢኣት ኣቦታት ኣብ ደቂ ክሳብ ሣልሳይን ራብዓይን ወለዶ ዝቐጽዕ፤ ቐናእ ኣምላኽ እየ። ንዝፈትዉኒ፡ ትእዛዛተይ ንዝሕልዉ ከኣ ክሳብ ሽሕ ወለዶ ምሕረት ዝገብር እየ። | ብዘይካይ ካልእ ኣምላኽ የልቦን። |
| ኣነ እግዚኣብሔር ስመይ ብኸንቱ ንዘልዓለ ከይቐጻዕኩ ኣይኃድኅን እየሞ፤ ስመይ ስም እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕ ል። | ኣነ እግዚኣብሔር ስመይ ብኸንቱ ንዜልዕል ናጻ ኣይኃድኅን እየሞ፡ ስም እግዚኣብሔር ኣማላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል። | 2) ናይ እግዚኣብሔር ስም ብኸንቱ ኣይትጸዉዕ። |
| ንመዓልቲ ሰንበት ቐድስቲ ገርካ ኽትሕልዋ ዘክር። ሹዱሽተ መዓልቲ ዕየ፡ ተግባርካ ኵሉ ግበር። ኣብታ ሳብዔይቲ መዓልቲ ግና ናተይ ናይ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ሰንበት እያ። ብኣኣ ንሸኻ፡ ወድኻ ኾነ ጓልካ፡ ግዙእካ ኾነ ግዝእትኻ፡ ማልካ ኾነ ኣብ | ንመዓልቲ ሰንበት ከምቲ ኣነ ኣግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝኣዘዝኩካ፡ ቐድስቲ ገርካ ሓልዋ። ሽዱሽተ መዓልቲ ዕየ፡ ኵሉ ተግባርካውን ግበር። ኣብታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ግና ናተይ ናይ እግዚኣብሔር | 3) ዕለት በዓላት ኣኽብር። |

| | | |
|---|---|---|
| ውሽጢ ሃገርካ ዚነብር ስደተኛ፡ ከቶ ዕዮ ኣይትዕየዩ። ኣነ እግዚዝብሔር ብሽዱሽተ መዓልቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣብኣቶም ዘሎ ኹሉን ፈጠርኩ።<br>ብሳብዐይቲ መዓልቲ ኸኣ ኣዕረፍኩ። ስለዚ ኣነ ንመዓልቲ ሰንበት ባረኽክዋን ቐደስክዋን። | ኣምላኽካ ሰንበት እያ። ብእኣ ግዙእኻን ግዝእትኻን ከማኻ ምእንቲ ኬዕርፉ፡ ንስኻን ወድኻን ጓልካን ግዙእኻን ግዝእትኻን ብዕራይካን ኣድግኻን፡ ኵሉ ማልካ፡ ኣብ ውሽጢ ደጌኻ ዘሎ ጓናን ከቶ ዕዮ ኣይትዕየዩ። ንስኻ ድማ ኣብ ሃገር ግብጺ ባርያ ኸም ዝነበርካ፡ ኣነ ኣግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኸኣ ብጽንዕቲ ኢድን ኃያል ቅልስምን ካብኣ ከምዘውፃእኩኻ ዘክር፡ ስለዚ ኣነ ኣግዚኣብሔር ኣምላኽካ፡ መዓ ልቲ ሰንበት ክትሕሉ ኣዘዝኩኻ። | |
| ኣብታ ኣነ ኣግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝህበካ ምድሪ ዕድሜኻ ምእንቲ ኪነውሕሲ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር። | ኣብታ ኣነ ኣግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝህበካ ምድሪ ዕ ድሜኻ ምእንቲ ክነውኅ ምእንቲ ኪጽብቐልካ እውን፡ ከምቲ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝኣዘዝኩኻ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር። | 4) ኣቦኻን እኖኻን ኣኽብር። |
| ኣይትቕተል።<br>ኣይትዘሙ።<br>ኣይትስረቕ። | ኣይትቕተል።<br>ኣይትዘሙ።<br>ኣይትስረቕ። | 5) ኣይትቕተል።<br>6) ኣይትመንዝር።<br>7) ኣይትስረቕ። |
| ኣብ ልዕሊ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር። | ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር። | 8) ብሓሶት ኣይትመስክር። |
| ቤት ብጻይካ ኣይትመነ።<br>ሰበይቲ ብጻይካ፡ ግዙኡ፡ ግዝእቱ፡ ብዕራዩ፡ ኣድጉ፡ ገንዘብ ብጻይካ ዘበለ ኣይትመነ። | ሰበይቲ ብጻይካ ኣይትመነ። ቤት ብጻይካ፡ ግራቱ ወይ ግዙእይ ወይ ግዝእቱ፡ ብዕራዩ ወይ ኣድጉ ወይ ናይ ብጻይካ ዘበለ ኹሉ ኣይትመነ። | 9) ዘይሰበትኻ ኣይትድለ።<br>10) ዘይኣቕሓኻ ኣይትድለ። |

**434- *“መምህር! ናይ ዘለዓለማዊ ሕይወት ክወርስሲ እንታይ ሠናይ ግብሪ ክገብር?”* (ማቴ. 19,16)**

ሓደ መንእሰይ እዚ ሕቶዚ ምስ ኣቕረበ ክርስቶስ፡ “ናብ ሕይወት ክትኣቱ እንተደሊኻ ትእዛዛት ሓሉ” ቢሉ መለሰሉ። ኣስዒቡውን “ንዓ ተኸተለኒ” (ማቴ. 19,16) በሎ። ኢየሱስ ንምኽታል፡ ትእዛዛት ምህላዉ የድሊ። ሕጊ ኣይተደምሰሰን። ሰብ፡ ነታ ሕጊ ኣብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኪረኽባ ኣለዎ፡ ከመይ ሕጊ ኣብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምልኣት ተፈጸመ። ክርስቶስ እዩ ንሕጊ ሓቀኛ ትርጉሙ ዜልብሶ። ንሱ እዩ ከኣ ቀጻልነት ሕጊ ዚገለጸ። (2052-2054፡ 2075-2076)

**435- ክርስቶስ ከመይ ቢሉ ንሕጊ ይትርጉሞ?**

ክርስቶስ ንሕጊ ኪትርጉም ከሎ፡ ብዛዕባ እታ ሓደ ክነሳ ግን ከኣ ክልተ ገጽ ዘለዋ፡ ፍጽምና ሕጊ ዝኾነት ፍቕሪ ከምዚ ይብል፡ “ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን፡ ብምሉእ ነፍስኻን፡ ብኹሉ ኣእምሮኻን ኣፍቕሮ። እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እዚኣ እያ። እታ እትመስላ ካልኤይታ ድማ “ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቕሮ” እትብል እያ። ኩሎም ኦሪትን ነብያትን ኣብዘን ክልተ ትእዛዛት እዚኣተን ተጠርኒፎም ኣለዉ” (ማቴ. 22, 37-40)። (2055)

**436- “ዓሰርቱ ቃላት” ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

“ዓሰርቱ ቃላት” ማለት፡ “ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር” (ዘጽ. 34,28) ማለት እዩ። ዓሰርቱ ቃላት፡ ብውክልና ሙሴ ኣብ ዝተፈጸመ ኪዳን፡ ኣምላኽ ንሕዝበ እስራኤል ዝሃቦም ኲለን ትእዛዛት የጠቓልል። ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ኲሉ ሕጊ፡ ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽን (እተን ቀዳሞት ሠለስተ ትእዛዛት)፡ ኣብ ፍቕሪ ብጻይን (እተን ዝተረፋ ሾብዓተ ትእዛዛት) ብምጥቕላሉ፡ ንሕዝበ እስራኤልን ንነፍስወከፍ ሰብን፡ ካብ ባርነት ኃጢኣት ናጻ ዚገብር ናይ ሕይወት ጉዕዞ የመልክት። (2056-2057)

**437- ኣብ መንገሎ ዓሰርቱ ቃላትን ብሉይ ኪዳንን ርክብ ኣሎዶ?**

ኣምላኽ ንዓና ድላዩ ብምሕባር፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን መንነቱ ይገልጽ። ዓሰርቱ ቃላት ብብርሃን ብሉይ ኪዳን ጥራይ እዩ ዚበርህ። ሕዝበ እግዚኣብሔር ዓሰርቱ ቃላት ብምሕላዉ፡ ናይ እግዚኣብሔር ሕዝቢ ከምዝኾነ ይገልጽ። ብዛዕባ ኣቲ ናይ ፍቕሪ ተበግሶኡ ድማ ንኣምላኽ ሞሳ ብምምላስ ይምልሽ። (205-2063፡ 2077)

**438- ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዓሰርቱ ቃላት እንታይ ኣገዳስነት ኣለዎ?**

መግለጺ መጽሓፍ ቅዱስን፡ ኣብነት ክርስቶስን ብምኽታል፡ ቤተ ክርስቲያን ኣገዳስነትን መሠረታዊ ትርጉምን ዓሰርቱ ቃላት ትኣምነሉ። ስለዚ ክርስቲያን ዘበለ ንኪሕልዎ ትሑዝ እዩ። (2064-2068)

**439- ዓሰርቱ ቃላት ከመይ ቢሎም እዮም ከም ሓደ ሥሙር ኣካል ኰይኖም ዚቐርቡ?**

ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ሓደ ኪፈላለየ ዘይከኣል፡ ከም ሓደ ሥሙር ኣካል እዮም፡ ከመይ ነፍስወከፍ ትእዛዝ ናብ ካልኦት ትእዛዛትን፡ ንመላእ ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔርን የመልክተልና። ስለዚ ንሓደ ትእዛዝ ምፍራስ ማለት፡ ንብምልኡ ሕጊ ምፍራስ ማለት እዩ። (2069-2079)

**440- ዓሰርቱ ቃላት ኣጽኒዕና ንክንሕሉ ትሑዛት ኢና ይበሃል፡ ከመይ ኢሉ? እንታይከ ማለት እዩ?**

ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር፣ ሰብ ንኣምላኽን ንብጻይን ኪገብሮ ዘለዎ መሠረታዊ ተግባር ስለዚገልጹ፣ ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ንክንሕሉ ግዱዳት ኢና። (2072-2073፣ 2081)

**441- ዓሰርቱ ቃላት ምፍጻሞም (ኣብ ግብሪ ምውዓሎም) ይከኣልዶ?**

እወ ይከኣል። ብዘይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወላሓንቲ እኳ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና። ንሱ፣ ናይ መንፈስ ቅዱስን ናይ ጸጋን ህያብ እንተዓዲሉና፣ ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ክንትግብሮም ንኽእል ኢና። (2074፣ 2082)

# ቀዳማይ ምዕራፍ

## *"ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን፣ ብምሉእ ነፍስኻን፣ ብኹሉ ኣእምሮኻን ኣፍቅሮ"*

### ቀዳማይ ትእዛዝ፣
### *"ኣነ ናትካ ኣምላኽ እየ፣ ብዘይካይ ካልእ ኣምላኽ ኣይሃሉኻ"*

**442- "ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ እየ" (ዘጽ. 20,2) ዝብል ቃል ኣምላኽ እንታይ እዩ ትርጉሙ?**

እዚ ቀዳማይ ትእዛዝ ኣምላኽ፣ ንሕና ክርስቲያን ዘበልና ነተን ሠለስተ መለኮታውያን መንፈሳውያን ኃይላት (እምነት ተስፋ ፍቕሪ) ክንክተለንን ክንሕልወንን ከምዘሎና፤ ኣንጻር እምነትና ንዝኾነ ኃጢኣት ድማ ክንቃለስ ከምዘሎና የተሓሳስበና። እምነት፣ ኣብ ኣምላኽ ከምእንኣምን ይገብረና። ኣንጻር እምነት ዝኾነ፣ ናይ *ምጥርጣርን ዘይምእማን* (Voluntary doubt and incredulity) ኃጢኣት ከይንፍጽም ይሕግዘና። ካብ *ውግዘትን* (*(Heresy)*፣ *መናፍቕነትን* (*Schism)*፣ *ክሕደትን* (Apostasy) የድኅነና። ተስፋ፣ ብሓገዝ ኣምላኽ መንግሥተ ሰማያት ከምንወርስ የረጋግጸልና። ስለዚውን ካብ *ተስፋ ምቍራጽን* (*Despair)*፤ ከማኡውን *ብዘይ ብቕዓትናን ልዕሊ ዓቕምናን ንድኅነት ሃረር* (*presumption)* ከይንብል ይሕልወና። ፍቕሪ፣ ልዕሊ ኵሉን ቅድሚ ኵሉን ንኣምላኽ ከምነፍቕር፣ ኣንጻር ፍቕሪ ኣምላኽ ካብ ዝኾኑ ተግባራት የድኅነና። *መንፈሳዊ ትህኪትን ዛሕልን (Lukewarmness and acedia or spiritual sloth)*፤ *ንኣምላኽ ዘይምፍቃርን* (*Indifference)*፤ *ንኣምላኽ ዘይምምስጋንን* (*Ingratitude)* ፤ ትዕቢት ዝመበቀሉ፣ *ንኣምላኽ ምጽላእን ምርሳዕን (Hatred of God)* ኣንጻር ፍቕሪ ኣምላኽ ዝኾኑ ኃጢኣት እዮም።። (2083-2094፣ 2133-2134)

**443- "ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ስገድ፤ ንእኡ በይኑ ድማ ኣምልኽ" (ማቴ.4,10) ዝብል ቃል ኣምላኽ እንታይ ይእዝዘና?**

እዚ ቃል ኣምላኽ እዚ ነዞም ዚስዕብ ነገራት ክንፍጽም ይግድደና፤ ናይ ኵሉ ፍጥረት ጐይታ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ስለዝኾነ ንእኡ ምምላኽ። ብግሊ ኾነ ብሓባር እቲ ንኣምላኽ ዚግበኦ ናይ ስግደት ኣምልኾ ምሃብ። ብናይ ምስጋናን ውዳሴን ልመናን ጸሎት ንኣኡ ምልማን። ምስቲ ፍጹም

ዝኾነ መሥዋዕቲ ክርስቶስ፣ ንኣምላኽ መሥዋዕቲ ምቕራብ፣ ብፍላይ ድማ ገዛእ ሕይወትካ ምዉፋይ። ንኣኡ ቢልና ዝገበርናዮ ቁርጺ ፍቓድን ዝኣቶናዮ መብጽዓን ምሕላው። (2095-2105፣ 2135-2136)

**444- ሰብ ከመይ ገይሩ እዩ፣ ኣብ ሓቅን ናጽነትን ተመሥሪቱ፣ ንኣምላኽ ናይ ምምላኽ መሰሉ ዚሕሉ?**

ብዛዕባ ኣምላኽን ቤተ ክርስቲያንን ንዘሎ ሓቂ ክትፈልጥ ምድላይ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ሞራላዊ መሰልን ግቡእን እዩ። ነዛ ሓቂ ምስ ፈለጣ፣ ንኣምላኽ ሓቀኛ ኣምልኾ እናበርከተ፣ ብእምነት ምቕባላን ምዕቃባን ይግበኦ። ሰብ ክቡር ስለዝኾነ፣ ብዛዕባ እምነት/ሃይማኖት ዝኾነ ይኹን ወልቀሰብ ኣንጻር ኅሊናኡ ኪሰርሕ ኪግደድ የብሉን። ከምኡውን ብግሊ ኮነ ብሓባር፣ ብቕሉዕ ኮነ ብሕቡእ ኣገባብ ሃይማኖቱ ካብ ምዝውታር ኪኽልከል ኣይግባእን። ግን ከኣ እዚ ሃይማኖታዊ ናጽነትዚ ነቲ ግቡእ ማኅበራዊ ሥርዓት ኪዘናብሎ ኣይግባእን። (210-2128፣ 2138-2140)

**445- "ብዘይካይ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይሃልዉኻ" (ዘጽኣት 20,2) ኪብል ከሎ ኣምላኽ እንታይ ይእዝዘና?**

እዚ ትእዛዝ እዚ ንፍጡርን ንገንዘብን ንስልጣንን፣ ንሰይጣን እውን ከይተረፈ ከይነምልኽ ይኽልክለና። እዚ ተግባራትዚ ኣምልኾ ጣዖትን (Idolatry) ፍጥረታትን ክንዲ ዝኾነ፣ ካብ ሓቀኛ ኣምልኾ ኣምላኽ ዘዘናብለና፣ ብዝተፈላለየ ምልክዕ ካብ ዚግለጽ ኽንቱ ኣምልኾ (Superstition): ጥንቆላ (Magic)፣ ስራይ (Divination)፣ ኣምልኾ መናፍስትን ጋኔንን (Spiritism)፣ ጠቢብን ዛርን ምእማን (Sorcery) ከምንምልጥ ይገብረና። ፀረ ሃይማኖት ካብ ዝኾኑ ተግባራት፣ ማለት ካብ ብቃልን ብግብርን ንኣምላኽ ምፍታን (Tempting God)፣ ቅዱሳት ንዝኮኑ ሰባት ወይ ኣቕሑት፣ ብፍላይ ንቕዱስ ቊርባን ካብ ምርኻስ (Sacrilege)፣ ኃጢኣት ስምኦን (Simony) ተባሂሉ ካብ ዚፍለጥ፣ ንቅዱስ ነገር ብገንዘብ ካብ ምዕዳግ ወይ ካብ ምሻጥ የድኅነና። "ሰብ ልዕሊ ኵሉን ቅድሚ ኵሉን እዩ" ኣብ ዚብል ግጉይ ሓሳብ ዚምሥረት፣ ስለዚውን እግዚኣብሔር የልቦን (Atheism) ኣብ ዝብል ኣተሐኣሳስባ ከንወድቕ ይኽልክለና። "ብዛዕባ ህላዌ ኣምላኽ ብርግጽ ዚፍለጥ ነገር የልቦን" ዝብል ፍልስፍና ሒዝና፣ ሃይማኖታዊ ዘይተገዳስነትን ሸለልትነትን (Agnosticism)፣ ከምኡውን ብግብርና ኣብ ኣምላኽ ክሳብ ዘይምእማን (Irreligion) ከይንበጽሕ ይኽልክለና። (2110-2128፣ 2138-2140)

**446- "ምስልን ስእልን ንኣኻ ኣይትግበር" (ዘጽኣት 20,3) ዝብል ትእዛዝ ኣምላኽ ኣኽብሮ ስእልታት ወይ ምስልታት ይኽልክል ድዩ?**

ኣብ ብሉይ ኪዳን እዚ ትእዛዝ እዚ ነቲ ፍጹም ልዑል ዝኾነ (ዘይረአ) ኣምላኽ ምስኣሉ (ናቱ ምስልን ስእልን ምግባር) ይኽልክል ነበረ። ካልኣይ ጉባኤ ኒቕያ (787 ዓ.ም. ፈ.) ከምዚገልጾ ግን፣ ድሕሪ ትስብእቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስእልን ምስልን ኣምላኽ ምግባር ፍቑድ እዩ። ብትስብእቲ እቲ ወዲ ኣምላኽ ሰብ ኮነ፣ እቲ ልዑል (ዘይረአ) ኣምላኽውን ዝረአ ኮነ። ስእሊ ወይ ምስሊ ኣምላኽን ቅዱሳንን ከነኽብር ከሎና፣ ነቲ ኣቕሓ ዝኾነ ስእሊ ወይ ምስሊ ኣይኮንናን ነኽብር፣ እንታይ ድኣ ነቲ ዘቕርቡልና ነገራት፣ ማለት ንኣምላኽ ወይ ንቅዱሳን ኢና ነኽብር ዘሎና። (2129-2132፣ 2141)

## ካልኣይ ትእዛዝ
## *"ስም ኣምላኽ ብከንቱ ኣይትጸውዕ"*

**447- ንቅድስና ስም ኣምላኽ ከመይ ቢልና ኢና ነኽብር?**

***ንቅዱስ ስም ኣምላኽ ነኽብሮ፣ ብምጽውዑ፣ ብምኽባሩ፣ ብምውዳሱ፣ ብምምስጋኑ እዩ። ስለዚ ገበንና ንምሽፋን ኢልና ብኸንቱ ስም ኣምላኽ ምጽዋዕ ኣይግባእን። ስም ኣምላኽ ምጽራፍ*** **(Blasphemy)፣** ***ኣዝዩ ዓብይ ኃጢኣት እዩ። ኣብ ዘየድሊ ስም ኣምላኽ ምሕሳርውን*** (Abuse of God's name) ***ኣይግባእን። ብስም ኣምላኽ ምሒልካ ምጥላም ኃጢኣት እዩ።*** **(2142-2149፣ 21602162)**

**448- ስለምታይ ብሓሶት ምምሓል (False oath) ኃጢኣት እዩ ዝበሃል?**

***እናሓሶና፣ ነቲ ብርእሳ ሓቂ ዝኾነ ኣምላኽ ከም ምስክርና ንጽውዖ ስለዘሎና፣ ብሓሶት ምምሓል ኃጢኣት ይኸውን።*** **(2150-2151፣ 2163-2164)**

> *"ኣብ ሓቅን፣ ኣድላይ ኣብ ዝኾነ ወቕትን፣*
> *እሞኸኣ ብኣኽብሮት እንተዘይኮይኑ፣*
> *ብፈጣሪ ኮነ ብፍጡር ኣይትምሓል"*
> *(ቅዱስ ኢግናጽዮስ በዓል ሎዮላ)*

**449- *ሓሳዊ መብጽዓ (ብሓሶት ምብጽዓ ምግባር)* (Perjury) *ማለት እንታይ ማለት እዩ?***

***ዝተመበጸዕካዮ ከምዘይትፍጽሞ እናፈለጥካ ክትምሕል ከሎኻ ወይ ድማ ብማሕላ ዝኣቶኻዮ መብጽዓ ከተፍርስ ከሎኻ፣ ሓሳዊ መብጽዓ ይበሃል። ኣንጻር እቲ ኩሉ ጊዜ ኣብ መብጽዓታቱ ተስፋታቱ እሙን ዝኾነ ኣምላኽ ዝፍጸም ገበን ስለዝኾነ፣ ዓብይ ኃጢኣት እዩ።*** **(2152-2155)**

## ሣልሳይ ትእዛዝ
## *"በዓላት ኣኽብር"*

**450- "ኣምላኽ ንመዓልቲ ሰንበት (ሰንበት ኣይሁድ ወይ ቀዳሚት ሰንበት) ስለምታይ እዩ ዚበረኻን ዚቐደሳን" (ዘጽኣት 20,11) ?**

***ኣምላኽ ኣብ ሻብዓይ መዓልቲ ካብ ናይ ምፍጣር ስርሑ ስለዘዕረፈ፣ ኣብ መዓልቲ ሰንበት ኣይሁድ (ቀዳሚት ሰንበት) ናይዚ ዕረፍቲ ዝኽሪ ንገብር። ሕዝበ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ናጻ ዝወጻላ ዕለት፤ ከምኡውን በዛ ዕ ለት እዚኣ ኣምላኽ ምስ ሕዝቡ ኪዳን ዝኣተወላ ዕለት ስለዝኾነት፣ መዓልቲ ሰንበት ኣይሁድ (ቀዳም) ነኽብር።*** **(216802172፣ 2189)**

**451- ብዛዕባ ኣከባብራ ቀዳሚት ሰንበት (ቀዳም) ኢየሱስ እንታይ በለ ወይ ገበረ?**

***ኢየሱስ ንቅድስና ዕለተ ቀዳሚት ሰንበት ተቐበለ። ብመለኮታዊ ስልጣኑ ድማ ነቲ ሓቀኛ ትርጉሙ ከምዚ እናበለ ገለጾ፣ "ሰንበት እያ ምእንቲ ሰብ ዝተሠርዐት እምበር። ሰብ ምእንቲ ሰንበት ኣይተፈጥረን" (ማር. 2,27)።*** **(2173)**

**452- ብምንታይ ምኽንያት እዮም ክርስቲያን ንቀዳም (ቀዳሚት ሰንበት) ናብ ሰንበት (ሰንበተ ክርስትያን) ዚቐየርዋ?**

ሰንበት (ሰንበተ ክርስቲያን) ዕለት ትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስለዝኾነት፡ ቀዳም ናብ ሰንበት ተቐየረት። ሰንበት "ቀዳመይት መዓልቲ ሰሙን" (ማር. 16,2) ስለዝኾነት ብዛዕባ እቲ ቀዳማይ ፍጥረት ተዘኻኽረና። ንቀዳም ትስዕብ ሻብዐይቲ መዓልቲ ከም ምዃና መጠን ድማ፡ ነቲ ብትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተመረቐ ካልኣይ ፍጥረት ተዘኻኽረና። ከምዚ ቢላ "መዓልቲ ጐይታ" እውን ተባሂላ ትፍለጥ። ዕለት ሰንበት፡ ንክርስቲያን ዘበሉ እታ ቀዳመይቲ ዕለት ኩሉ መዓልትታትን በዓላትን ኮነት። ክርስቶስ ብፋሲካኡ ንሰንበት ዕብራውያን ዝለዓለ መንፈሳዊ ሓቂ ኣልበሶ። ናይ ሰብ ዘለዓለማዊ ዕረፍቲ ኣብ ኣምላኹ ከምዝኾነ ከኣ ኣበሠረ። (2174-2176፡ 2190-2191)

**453- ከመይ ቢላ ዕለተ ሰንበት (ሰንበተ ክርስቲያን) ትቕደስ?**

ክርስቲያን ዘበሉ ንሰንበትን ካልእ በዓላትን ዚቕድሱ፡ ኣብ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ብምስታፍ፡ ከምኡውን ሥርዓተ ኣምልኾኦም ንኪፍጽሙ ካብ ዝኽልክልዎም ተግባራት ብምርሓቅ እዩ። ናይ መዓልቲ ጐይታ ሓጐስ ካብ ዚዘርጉን፡ ናይ ሓንጐልን ሰብነትን ዕረፍቲ ካብ ዘስእኑ ተግባራት ምቑጣብ የድሊ። ኣብ ዕለተ ሰንበት ስድራቤታዊ ተግባራት ምፍጻም ይከኣል እዩ። ኣብ ማኅበራዊ ኣገልግሎታት ዚሰርሑ ሰባት፡ ኪሰርሑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዝተፈቕደ ስራሕ ግን ነቲ ኣቐዲሙ ዝተባህለ ምቕዳስ ሰንበት ናብ ዘይምፍጻም ኣመል ኬዘንብሎም የብሉን። (2177-2185፡ 2192-2193)

**454- "ዕለተ ሰንበት መንግሥታዊ በዓል ክትከውን ኣለዋ" ዝብል ሓሳብ ስለምንታይ ኣገዳሲ ይኸውን?**

ኩሉ ክርስቲያን ዘበለ ዝኣክል ናይ ዕረፍቲ ጊዜ፤ መንፈሳዊ፡ ስድራቤታዊ፡ ባህላውን ማኅበራውን ሕይወቱ ዘመሓይሸሉ ናጻ ጊዜ፤ ንኣስተንትኖን ምርምርን፡ ንስቕታን መጽናዕትን ዝከውን ጊዜ፤ ንሕሙማትን ሽማግለታትን ብምብጻሕን ምሕጋዝን፡ ናይ ርኅራኄ ተግባራት ንምፍጻም ዘድልዮ ጊዜ ምእንቲ ኪረክብ፡ ዕለተ ሰንበት መንግሥታዊ በዓል እውን ክትበሃል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። (2186-2188፡ 2194-2195)

# ካልኣይ ምዕራፍ

## "ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ፍቶ"

### *ራብዓይ ትእዛዝ*
### *"ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር"*

**455- *ራብዓይ ትእዛዝ እንታይ ይእዝዘና?***

*ንወለድናን፡ ነቶም ኣምላኽ ንጥቕምና ቢሉ ኣብ ልዕሌና ስልጣን ንዘለዎም ሰባት ከነኽብርን ክንእዘዞምን ይእዝዘና።* (2196-2200፡ 2247-2248)

**456- ከም መደብ ኣምላኽ ዝተፈጥረት ስድራቤት እንታይ እዩ ባህርያ?**

ብቃል ኪዳን ዚነብሩ ሰብኣይን ሰበይትን ምስ ደቆም ሓንቲ ስድራቤት የቘሙ። ንስድራቤት ኣምላኽ እዩ ኣቝምዋን፡ ናይ ገዛኣ ርእሳ መሠረታዊ ሕግታትውን ሠርዓላ። ናይ ቃልኪዳንን ስድራቤትን ዕላማ፡ ጥቕሚ ገዛእ ርእሶም ምሕላውን፡ ውላድ ምላድን፡ ንደቆም ብሥነ ሥርዓት ምዕባይን እዩ። ኣባላት ሓንቲ ስድራቤት ሰብኣዊ ዝምድናን መሠረታዊ ሓላፍነትን ኣለዎም። ስድራቤት ብክርስቶስ፡ ማኅበር እምነትን ተስፋን ፍቕርን ስለዝኾነት፡ "ቤተ ክርስቲያን ዘቤት" ተባሂላውን ትፍለጥ። (2201-2205፡ 2249)

**457- ስድራቤት ኣብ ኅብረተሰብ እንታይ ቦታ ኣለዋ?**

ስድራቤት ናይ ኅብረተሰብ ምንጪ ስለዝኾነት፡ ሰበስልጣን መንግሥቲ ቅድሚ ኲሉ ንህላዌ ስድራቤት ኪኣምንሉን ኪሠርዕዎን ይግባእ። ስድራቤት ናይ ገዛእ ርእሳ መትከልን ክብርን ኣለዋ። እዚ ከኣ ናይ ኅብረትሰባኣዊ ሕይወት መሠረት ኪኸውን ኣለዎ። ሕይወት ስድራቤት፡ መጀመሪ ማኅበራዊ ሕይወት እዩ። (2207-2208)

**458- ኅብረተሰብ ንስድራቤት እንታይ ኪገብረሉ ይግባእ?**

መርሕ ምትሕግጋዝ ስለዝጠልቦ፡ ኅብረተሰብ ንቃልኪዳንን ንስድራቤትን ኪሕብሕብን ኪድግፍን ይግባእ። መንግሥታዊ ሰበስልጣን፡ ነቲ ሓቀኛ ባህርይ ቃልኪዳንን ስድራቤትን፡ ማኅበራዊ ሥነ ምግባርን መሰል ወለድን ኪሕሉን፡ ከምዝሕሎን ኪገብርን ኣለዎ። ስድራቤታዊ ሕይወት ንኪምዕ ብልውን መንግሥቲ ኪሕግዝ ይግባእ። (2209-2213፡ 220)

**459- ደቂ ንወለዶም እንታይ ኪገብሩሎም ይግባእ?**

ደቂ ንወለዶም ኪኽብርዎም፡ ሞሳ ኪመልሱሎም፡ ኪእዘዝዎን ይግባእ። ኣብ ንሓድሕዶም ስምምዕ ዘለዎ ጽቡቕ ርክብ ብምፍጣር፡ ንዕብየት ስምምዕን ቅድስናን ስድራቤታዊ ሕይወት እጃሞም ኬበርክቱ ይግባእ። ወለዲ ኣብ ስእነትን ተነጽሎን፡ ወይ ኣብ ሕማምን እርጋንን ምስ ዚርከቡ፡ ዘድልዮም ሞራላውን ንዋታውን ሓገዝ ኬበርክቱሎም ናይቶም ዝዓበዩ ደቂ ሓላፍነትን ግቡእን እዩ። 2214-2220፡ 2251)

**460- ወለዲ ንደቆምኸ እንታይ ኪገብሩሎም ይግባእ?**

ወለዲ ኣብ መለኮታዊ ኣባትነት ተሳተፍቲ ስለዝኾኑ፡ ደቆም ብሥነ ሥርዓ ትን እምነትን ኪዓብዩ ቀዳሞት ተሓተቲ ንሶም እዮም። ወለዲ ንደቆም ከም ሰብን ደቂ ኣምላኽን ኬፍቅርዎምን ኪቕበልዎምን ኣለዎም። ብቁዕ ቤት ትምህርቲ ብምምራጽ፡ ኣብ ሞያን መጻኢ ዓይነት ሕይወትን ኪኾንዎ ዘለዎም ብምምካር፡ ንደቆም ኣብ ምምላእ መንፈሳውን ሥጋውን ኣድላይነቶም ብምኽሪ ኪሕግዝዎም ይግባእ። ብፍላይ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ደቆም፡ ወለዲ ቀዳሞት ልኡኻት ስለዝኾኑ፡ ብዛዕባ ክርስትያናዊ እምነቶም ኪምህርዎም ትሑዛት እዮም። (2221-2231)

**461- ወለዲ ንደቆም ከመይ ገይሮም እዮም ክርስትያናዊ እምነቶም ዚምህርዎም?**

ቅድም ቀዳድም ብኣብነቶም። ቀጺሉ ድማ ብጸሎቶም፡ ባዕሎም ትምህርተ ክርስቶስ ብምምሃር፡ ከምኡውን ናብ ቤተ ክርስቲያን ከምዚመላለሱ ብምግባር (ሕይወት ቁምስና ብምስታፍ)። (2252-2253)

**462- ስድራቤታዊ ፍቕርን ርክብን ቅድሚ ኲሉ ድዩ ዚሥራዕ?**

ስድራቤታዊ ፍቕርን ዝምድናን ኣዝዩ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ፡ ቅድሚ ኲሉ ኣይሥራዕን፡ ከመይ ቀዳማይ ጸዋዕታ ክርስቲያን ንክርስቶስ ምስዓብን ንኣኡ ምፍቃርን እዩ፡ "እቲ ነብኡ ወይ ነዲኡ ካባይ ኣብሊጹ ዜፍቅር ንዓ

ይ ኣይበቕዕን እዩ” (ማቴ. 10,37)። ዝኾነ ይኹን ዓይነት ሕይወት ብምምራጽ፡ ብፍላይ ድማ ዉፉይ ወይ ክህነታዊ ሕይወት እንተመረጹ፡ ወለዲ ደቆም ንክርስቶስ ምእንቲ ኪስዕቡ ብታሕጓስ ኬተባብዕዎም ይግባእ። (2232-2233)

**463- ኣብ ዝተፈላለየ ሲቪላዊ ጽፍሕታት፡ ስልጣን ብኸመይ ክንጥቀመሉ ይግባእ?**

*መሠረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ቅኑዕ ቅድምና ክብርታትን፡ ሕግን ማኅበራዊ ፍትሕን፡ መርሕ ምትሕጋጋዝን እናሓሎና፤ ስልጣን ከም ኣገልግሎት እናገመትና ክንጥቀመሉ ይግባእ። ኵሉ ዜጋ ኣብ ዝተዋህቦ ሓላፍነት፡ ቅድሚ ግላዊ ጥቕሙ፡ ጥቕሚ ኅብረተሰብ ኬቐድም ኣለዎ። ኣብ ኣገማምታኡን ውሳኔታቱን፡ ብዛዕባ ኣምላኽን ሰብን ዓለም ብዘሎ (መለኮታውን ዓለማውን ሰብኣውን) ሓቅታት ኪምራሕ ይግባእ።* (2234-2237፡ 2254)

**464- ኣብ ኅብረተሰብ (ኣብ ቅድሚ ሲቪላዊ ስልጣን) ዜጋታት ኪፍጽምዎ ዘለዎም ግቡእ እንታይ እዩ?**

*ዜጋታት፡ ኣብ ልዕሊኦም ስልጣን ወይ ሓላፍነት ንዘለዎም ሲቪላውያን ሰባት፡ ከም ኣሕሉቆምን፡ ከም ወከትልቲ ኣምላኽን ገይሮም ኪቕበልዎም ይግባእ። ማኅበራውን ሕዝባውን ሕይወት ብጽቡቕ ምእንቲ ኪካየድ ድማ ሓቀኛ ምትሕብባሮም ኬበርክቱ ኣለዎም። ኣዚ ማለት ከኣ፡ ዜጋታት ንሃገሮም ኬፍቅሩን ኬገልግሉን፤ ናይ ዝተመባጽዕዎ ማሕላ ኪሕልዉ መሰልን ግቡእን ከምዘለዎም ኪፈልጡን፤ ግቡእ መንግሥታዊ ቀረጽ ኪኸፍሉን፤ ንሃገሮም ኪከላኸሉን ይግባእ። ከማኡውን ሓናጺ ዝኾነ ነቐፈታኦም ብናጽነት ኪገልጹ መሰሎምን ግቡኦምን እዩ።* (2238-2241፡ 2255)

**465- ሓደ ዜጋ ኣብ ከመይ ዝበለ ኵነታት እዩ ንሰበስልጣን ኪእዘዝ ትሑዝ ዘይኸውን?**

*ናይ ሰበስልጣን ትእዛዝ ኣንጻር ሥነ ምግባር ምስዚኸውን፡ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ኪእዘዝ ትሑዝ ኣይኮነን፡ ከመይ “ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ እዩ ዚግባእ” (ግ.ሓ. 5,29)።* (2242-2243፡ 2256)

## *ሓሙሻይ ትእዛዝ*
## *“ኣይትቕተል”*

**466- ስለምታይ እዩ “ሕይወት ሰብ ክቡር እዩ” ዝበሃል?**

*ሕይወት ሰብ ቅዱስ (መለኮታዊ ተግባር) ስለዝኾነ፡ ሕይወት ሰብ ክቡር እዩ። መበቆልን መበገስን ሕይወት ሰብ፡ ዚፈጥር ተግባር ኣምላኽ ስለዝኾነ፡ ኵሉ ጊዜ ሕይወት ሰብ ምስ ፈጣሪኡን ኣምላኹን ዝተተሓሓዘ እዩ። እንኮን ናይ መወዳእታ ዕላማን ሕይወት ሰብ ድማ ኣምላኽ እዩ። ብቕጥታ ንሓደ ንጹሕ ዝኾነ ሰብ ክንቅትል ኣይፍቀደልናን፡ ከመይ እዚ ተግባርዚ ኣንጻር ክብሪ ወዲሰብን ኣንጻር ቅድስና ኣምላኽን ዚፍጸም ዓብይ ገበን እዩ፡ “ንንጹሕ ወይ ንቅኑዕ ሰብ ኣይትቕተል” (ዘጽኣት 23,7)።* (2258-2262፡ 2318-2320)

**467- ከመይ ቢሉ እዩ እቲ “ንሕይወትካ ክትከላኸል ግቡእ እዩ” ዝብል ሕጊ፡ ነቲ “ኣይትቕተል” ዝብል ትእዛዝ ኪጻረሮ ዘይኽእል?**

“ንሕይወትካ ክትከላኸል መሰልካ እዩ” ዝብል ሕጊ፡ ሕይወትካን ሕይወት ካልኦትን ንክትከላከልን ኻኽትዕቅብን ስለዘኽእለካ፤ መሰል ሕይወት ክቡር ከምዝኾነ ስለዘረጋግጽ፤ ምርጫካ ድማ ንሕይወት ምኽልኻል ድኣ እምበር፡ ሕይወት ንምጥፋእ ስለዘይኮነ፤ እዚ ተግባርዚ ነቲ “ኣይትቕተል” ዝብል ሕጊ ኣየፍርሶን። ኣብ ሕይወት ካልኦት ሓላፍነት ንዘለዎ ሰብ፡ እቲ “ንሕይወት ክትከላከል ግቡእ እዩ” ዝብል ሕጊ፡ ናይ ግድን ኪፍጸም ዘለዎ፡ ዓብይ ሓላፍነት ዜሰክሞ ኪኸውን ይኽእል። “ንሕይወት ክትከላከል ግቡእ እዩ” ዝብል ሕጊ ምፍጻም ግን፡ ካብቲ ዝድለ ንላዕሊ፡ ዘይመጣጠን ኃይሊ ኻኽትጥቀም መሰል ኣይህበካን (ኣየውህበካን) እዩ። (2263-2265)

**468- መቕጻዕቲ ንምንታይ ይጠቅም?**

ሕጋዊ ዝኾነ በዓል ስልጣን ዚውስኖ (ዚብይኖ) መቕጻዕቲ፡ ብገበን ንዝኣተወ (ዝተፈጥረ) ሕንፍሽፍሽ የህድእ (ይሠርዕ)። ማኅበራዊ ሥርዓትን ውሕስነትን ከምዝሕሎ ይገብር። ንመአረምታ ገበነኛውን ይጠቕም። (2266)

**469- እንታይ ዓይነት መቕጻዕቲ እዩ ኪውሰን (ኪብየን) ዚከኣል?**

ዚውሰን ወይ ዚብየን መቕጻዕቲ፡ ምስቲ ዝተፈጸመ ገበን ዚመጣጠን ኪኸውን ኣለዎ። መንግሥታት ዓለም ሎሚ፡ ገበነኛ ንሞት ከይፈረዱ፡ ንገበን እናተቆጻጸሩ፡ ንገበነኛ ድማ ንኅብረተሰብ ከምዘይሃሲ ይገብሩ ኣለዉ። ስለዚውን እቲ “ንሞት ምፍራድ” ፍጹም ኣድላይነት ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ወይ ኣገማምታ ይጠፍእ ኣሎ። መልእኽቲ ር.ሊ. ጳጳሳት “ንሞት ምፍራድ እናወሓደ ስለዝመጸ፡ ዳርጋ ተገዲፉ ይመስል” ይብል። ብዘይ ደም ምፍሳስ (ንሞት ብዘይምፍራድ) ገበን ኪውሕድ፡ ገበነኛ ኪእረም ዚከኣል እንተኾይኑ፡ ሰበስልጣን እዚ ዓይነት መቕጻዕቲ ኪመርጹ ኣለዎም። ከመይ እዚ ዓይነት መቕጻዕቲ ምስ ሓባራዊ ጥቕሚ ይሰማማዕ፡ ንሰብኣዊ ክብሪ ኣይብድልን፡ ንገበነኛ ድማ ንኪጠዓስ ጊዜን ዕድልን ይህብ። (2267)

**470- ሓሙሻይ ትእዛዝ ካብምንታይ ይኽልክለና?**

ሓሙሻይ ትእዛዝ ነዚ ዝስዕብ ኣንጻር ሞራላዊ ሕጊ ካብ ዝኾኑ ዓበይቲ ገበናት ይኽልክለና። 1) ቀጥታውን ብድላይካን ዚፍጸም ቕትለትን፡ ንምቕታል ሰብ ምትሕብባርን። 2) ሕይወት ሰብ ካብ ዚጽነስ ጀሚሩ ክሳብ ሞት ክቡር ስለዝኾነ፡ ብኵልንትናኡ ኪሕሎን ኪዕቀብን ኣለዎ። ስለዚ ቐጥታዊ ኮነ ዘይቐጥተዊ ምንጻል ወይምስዳድ ጽንሲ (Abortion) ፡ ወይ ንኪፍጸም ምትሕብባር፡ ውግዝት ዜስዕብ ገበን እዩ። 3) ንዝሓመሙ ወይ ንዝሸምገሉ ወይ ንዚሰንከሉ ሰባት፡ ናብ ሞት ከምዘምርሑ ምግባር፡ ወይ ኪሞቱ እናረኣኻ ሕይወቶም ንምዕቃብ ገለ ነገር ዘይምግባር (Euthanasia)። 4) ነፈሰቕትለት (Suicide) ምፍጻም፡ ወይ ኣብዚ ተግባርዚ ምትሕብባር፡ ነቲ ቅኑዕ ፍቕሪ ኣምላኽን ብጻይን ገዛእ ነፍሽኻን ስለዚጻረር፡ ዓብይ ገበን እዩ። ነፍሰቕትለት ብዜስዕቦ ዕንቅፋት ገበኑ ኪዛይድ ይኽእል። ከምኡውን ጠንቁ ምዝንባል ኣእምሮ ወይ ፍርሒ ምስዚኸውን ናይ ነፍሰቕትለት ገበን ኪንኪ ይኽእል። (2268-2283፡ 2321-2326)

**471- ናብ ሞት ብቑልጡፍ ንዘምርሕ ዘሎ ሕሙም እንታይ ዓይነት ሕክምና ኪግበረሉ ይግባእ?**

ኣዝዩ ውጹዕ ንዝኾነ ሕሙም ሞት ኣይተርፎን እዩ ኢልካ ሕክምና ከተቋርጸሉ (ቐልጢፉ ከምዝመውት ምግባር) ኣይግባእን። ናብ ሞት ዘየብጽሕ ፈውሲ ቃንዛ ኪወሃብ ይከኣል። በንጻሩ ድማ እወንታዊ ውጽኢት

ዘይብሉ፥ ዘይተኣደነ ክንክን መድኃኒትን፥ ልክዑ ዝሓለፈ ሕክምናን ኪግበረሉ ከኣ ኣይግባእን። (2278-2279)

**472- ቤተ ክርስቲያን "ኅብረተሰብ ንጽንሲ ምስዳድ ከም ቅትለት ኪኽልክሎ ኣለዎ" እትብል፥ ስለምንታይ?**

ሰብ ካብ ዚጽነስ ጀሚሩ ክሳብ ባህርያዊ ሞቱ፥ ዘይገሃስ መሰል ናይ ሕይወት ስለዘለዎ፥ እቲ ኣብ ማሕጸን ኣዲኡ ዘሎ ቆልዓውን ኣባል ኅብረተሰብ ስለዝኾነ፥ ኅብረተሰብ ብሕጊ መሰል ሕይወቱ ኪሕልወሉ ይግባእ። መንግሥቲ መሰል ኵሉ ዜጋ ንምሕላው ብምሉእ ኃይሉ እንተዘይሰሪሑ፤ መሰል እቶም ድኹማት፥ ብፍላይ ድማ መሰል እቶም ኣብ ማሕጸን ኣደታቶም ዝተጠንሱ ግንእንከ ገና ዘይተወልዱ ሕጻናት እንተዘይዓ ቂቡ፥ መሠረታዊ ሓላፍነቱ ስለዚዝንግዕ፥ መንግሥቲውን ኪበሃል ከጽግም እዩ። (2273-2274)

**473- ዕንቅፋት ካብ ምሃብ ከመይ ኢልና ንቘጠብ?**

ካልኦት ኃጢኣት ኘኪገብሩ ምኽንያት ምዃን ወይ ሕማቕ ኣብነት ምሃብ፥ ዕንቅፋት ይበሃል። ካብዚ ኘኽንቈጠብ ድማ ናይ ብጻይና ነፍስን ሰብነትን ከነኽብር ኣሎና። ካልኦት ሰባት ዓብይ ኃጢኣት ኘኪፍጽሙ፥ ንሕና ዕ ንቅፋት ንህብ እንተኾይንና፥ ዓብይ ኃጢኣት ንፍጽም። (2284-2287)

**474- ንሰብነትና (ሥጋና) እንታይ ነገር ክንገብረሉ ይግባእ?**

ኣካላት ወይ ሥጋና ምምላኽን ካልእ ዘይተደልየ ነገራትን ከይገበርና፥ ናትና ይኹን ናይ ብጾትና ግቡእ ኣካላዊ ጥዕና ኘኽንሕሉ መጠነኛ ክንክን ሰብነት ክነዝውትር ይግበኣና። ንጥዕናናን ንሰብኣዊ ሕይወትን ኣዝዩ ሓደገኛ ካብ ዝኾነ ናይ ሓሽሽን ካልእ ወልፍን ክንቈጠብ፥ መጠን ካብ ዘይብሉ ብልዕን መስተን፥ ሽጋራን መድኃኒትን ምውሳድ እውን ክንቈጠብ ይግበኣና። (2288-2291)

**475- ኣብ ልዕሊ ውልቃውያን ሰባትን ዓሌትን ዚግበር ናይ ሥነ ኣእምሮን ናይ ሕክምናን ሳይንሳዊ ፈተነ፥ ብሥነ ምግባር ፍቑድ ዝኾነንሉ ኵነት ኣሎዶ?**

እቲ ዚግበር ሳይንሳዊ ፈተነ ንኵልንትናዊ ጥቕሚ ወልቀሰብን ማኅበረሰብን እንተኾይኑ ፍቑድ እዩ። እዚ ግን ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ኪበዝሕ፥ ንሕይወትን ኵልንትናዊ ጥዕና ነፍስን ሥጋን እቶም ፈተነ ዝተገብረሎም ሰባት ኣብ ሓደጋ ዜእቱ ኪኸውን የብሉን። እዞም ሰባት እዚኣቶም ድማ ኣቐዲሞም ኣብ ልዕሌኦም ዚግበር ዘሎ ሳይንሳዊ ፈተነ ኪፈልጡን፥ ፈሊጦም ድማ ሕራይ ኪብሉን ኣለዎም። (2292-2295)

**476- ቅድሚ ሞት ኮነ ድሕሪ ሞት ሰብ ኣካላት ሰብነቱ (ሕዋሳቱ) ንካልእ ኪህብ ይፍቐደሉዶ?**

ንወሃባይ ኣብ ሓደጋ ዜውድቕ ኣይኹን ድኣ እምበር፥ ሰብ ብድልየቱ ኣካላት ሰብነቱ ኪህብ ይፍቐደሉ እዩ። ድሕሪ ሞት ዚግበር ዉህበት ኣካላት ሰብነት፥ ናይ ጅግንነት ተግባር እዩ። እዚ ንኪግበር ግን፥ ኣቐዲሙ ናይቲ ሰብ ሞት ብሕክምና ኪረጋገጽ ኣለዎ። ((2296)

**477- ኣንጻር ኵልንትናዊ ጥዕና ሰብ ዝኾኑ ተግባራት ኣየኖት እዮም?**

ኣንጻር ኵልንትናዊ ጥዕና ሥጋ ሰብ ዚፍጸሙ ተግባራት እዞም ዚስዕቡ እዮም፤ 1)ሰብ ምጭዋይን ብኃይሊ ምውሳድን፥ 2) ግብረ ሽበራ፥ 3) ሰብ ምስቓይ፥ 4) ሰብ ምዕማጽ፥ 5) ቀጥታዊ ምምካን ሰብ። ኵልንትናዊ ጥዕና ሰብ ንምሕላው ተባሂሉ ዚግበር ናይ ኢደ እግሪ ምቝራይን፥ ኣካላት ሰብ ምቝራጽን ብሥነ ምግባር ፍቑድ እዩ። (2297-2298)

**478- ነቶም ኣብ ጻዕረ ሞት (ኣፈሞት) ዚርከቡ ሰባት እንታይ ዓይነት ክንክን ኪግበረሎም ይግባእ?**

እቶም ኣብ ጻዕረሞት ዚርከቡ ሰባት፡ ነተን ናይ መወዳእታ መዓልትታት ምድራዊ ሕይወቶም ብጽቡቕ ኬሕልፍወን መሰሎም እዩ። ስለዚ ኣብ ርእሲ ግቡእ ክንክንን ሕክምናን፡ ብፍላይ ነቲ ሕያው ኣምላኽም ንምርካብን ምቕባልን ዚሕግዞም፡ ናይ ጸሎትን ምሥጢራትን ደገፍ የድልዮም። (2299)

**479- ንሬሳ (ኣስከሬን) ሰብ እንታይ ዓይነት ክንክን የድልዮ?**

ናይ ዝሞተ ሰብ ኣስከሬን ብፍቕሪ ዚመልእ ኣኽብሮት ከነልዕሎ ይግበኣና። ክንዲ እቲ ግቡእ ሓመድ ኣዳም ምልባስ፡ ሬሳኦም ኪነድድ ንዚመርጹ ሰባት፡ ፍቑድ ስለዝኾነ፡ ለበዋኦም ኪፍጸመሎም ይከኣል እዩ፡ ኮይኑ ግን ኣብ ትንሣኤ ሙታን ዚኣምኑ ኪኾኑ ኣለዎም። (2300-2301)

**480- ኣምላኽ ካብ ነፍስወከፍ ሰብ ብዛዕባ ሰላም ዚጽበዮ ነገር እንታይ ኣሎ?**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ገበርቲ ሰላም ብጹዓን እዮም" (ማቴ. 5,9) ብምባል፡ ካብ ነፍስወከፍና ልባዊ ሰላም ይደሊ። ነቲ ኢሞራላዊ ተግባር ዝኾነ ቁጥዓ (ሕርቃን) ይኹንን፡ ከመይ ሕርቃን ወይ ቁጥዓ ስለዝተበደልካ ሕነ ክትፈዲ ምድላይ ማለት እዩ። ከማኡውን ንጽልኢ ይኹንን፡ ከመይ ጽልኢ ማለት ንብጻይካ ክፉእ ነገር ምምናይ ማለት እዩ። እናፈለጥካ ብድላየትካ፡ ኣብ ኣገዳሲ ዝኾነ ጉዳይ እንተተቐጢዕካን ሰብ እንተጸሊእካን፡ ኣንጻር ፍቕሪ፡ ዓብይ ኃጢኣት ትፍጽም። (2302-2303)

**481- "ሰላም ኣብ ዓለም" ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ሰብኣዊ ሕይወት ምእንቲ ኪዕቀብን ኪምዕብልን ኣብ ዓለምና ሰላም ኪሰፍን ኣለዎ። ኣብ ዓለምና ሰላም ኣሎ ንኪበሃል፡ ውግእ ዘይምህላው፡ ወይ ድማ ናይ ዚጻረሩ ሰባት (ማኅበረሰባት) ዝመዛዘን ኃይሊ ምዚህሉ ምግባር ጥራይ ኣይኮነን። ሰላም ማለት "ኣብ ሥርዓት ዘሎ ቅሳነት እዩ" (ቅዱስ ኣጐስጢኖስ)። ሰላም "ፍረ ጽድቂ/ፍትሒ እያ" (ኢሳ. 32,17)፡ ፍረ ፍቕሪ ድማ እያ። ኣብ ዓለምና ዘሎ ሰላም ምልክትን ፍረን ክርስቶሳዊ ሰላም እዩ። (2304-2305)

**482- ሰላም ዓለምና ንኪረጋገጽ እንታይ ምግባር የድሊ?**

ኣብ ዓለምና ሰላም ኪነግሥ ምዕሩይ ምምቃል ባህርያዊ ሃብቲ፡ ምዕቃብ ሰብኣዊ ጸጋታት፡ ኣብ መንጎ ደቂ ሰብ ናጻ ዝኾነ ርክብ ከምዝፍጠር ምግባር፡ ናይ ገለሰብን ኣሕዛብን ክብሪ ምሕላው፡ ጽድቂ/ፍትሕን ኀውነትን ኣጸቢቕካ ምዝውታር የድሊ። (204፡ 2307-2308)

**483- ኣብየናይ ኩነታት ምስ እንርከብ ኢና ወታደራዊ ኃይሊ ክንጥቀም ብሥነ ምግባር ዝፍቀደልና?**

እዚ ዝተዘርዘረ ኩነታት ብሓንሳኣ ምስዚህሉ ወታደራዊ ኃይሊ ክንጥቀም ብሥነ ምግባር ይፍቀደልና። 1) ቀጻልን ዓብይን ዕንወት ከምዘይተርፍ ምስረጋገጽና። 2) ካልእ ሰላማዊ ፍታሕ ከምዘለዎ ምስፈለጥና። 3) ብወታደራዊ ኃይሊ ሰላም ከምዝመጽእ ርጉጻት ምስ እኾንውን። 4) ሎሚ ዘሎ ናይ ውግእ መሳርሒ ዓብይ ናይ ዕንወት መጋበሪ ከምዝኾነ ፈሊጥና፡ ዝውሰድ ስጉምቲ ዝገደደ ኩነታት ከምዘይፈጥር ምስ ኣረጋገጽና። (2307-2310)

**484- ኣስጋኢ ናይ ውግእ ኩነታት ብሓቂ ምህላዉን ዘይምህላውን ዘረጋግጽ ኣካል መን እዩ?**

ኣብዚ ኲነታትዚ ድሕሪ ጥንቁቕ መመያ፡ ለባም ፍርዱ ኪህብ ዘለዎ መንግሥቲ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኲነታት መንግሥቲ ንዜጋታቱ ሃገር ንምክልኻል፡ ብረት ኪልዕሉ ኪስገድዶም ይኽእል እዩ። ገሊኦም ሰባት ብረት ኣልዒሎም ኪዋጋኡ ብኅሊናኦም እንተዘይመረጹ ግን፡ መንግሥቲ ካልእ ዓይነት ሰብኣዊ ወይ ማኅበራዊ ኣገልግሎት ኪምድበሎም ትሑዝ እዩ። (2309)

485- **ኣብ ጊዜ ውግእ ሞራላዊ ሕጊ እንታይ ይሓተና?**
ኣብ ጊዜ ውግእ እውን እንተኾነ ሞራላዊ ሕጊ ኪሕሎ ይግባእ። ኣብ ጊዜ ውግእ እምበኣርከስ፡ ንወታደራት ኮነ ንውጉኣት ከምኡውን ንምሩኻት ብሰብኣዊ ርኅራኄ ክንከናኸኖም ኣሎና። ወላ ብወታደራዊ ትእዛዝ ይኹን ኣንጻር መሰል ሰባት ንዝኾኑ ተግባራት ተዓሚትካ እንተፈጺምካዮ፡ ንሸኻ ተሓታቲ ኢኻ። ጃምላዊ ኅልቂት፡ ምጽናት ዓሌት፡ ኣመና ዓብይ ኃጢኣት ስለዝኾነ፡ ንዝእዝዘካ ኣካልውን እንተኾነ እምቢ ክትብል ሞራላዊ ሕጊ የገድደካ። ነዚ ዝተጠቐሰ ገበናት፡ ውታደራዊ ትእዛዝ እዩ ኢልካ ምስእትፍጽሞ ምኽኑይ ኣይከውንን። (2312-2314፡ 2328)

486- **ወግእ ኻኺጠፍእ እንታይ ምግባር የድሊ?**
ውግእ ብዘይካ ሕሰምን ዕንወትን ዓመጽን ካልእ ዜስዕቦ ነገር ስለዘለዎ፡ ውግእ ኽሽይፍጠር (ኣብ ውግእ ኽሽይብጻሕ) ኲሉ እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ፍታሕ ክነናዲ ይግበኣና። ውግእ ከነወግድ፡ ካብቲ ዚምልከቶ ኣካል ዘይተፈቕደን ምቁጽጻር ዘይተገብረሉ ሸቐጥን ምኹማር ኣጽዋርን ምጥፋእ የድሊ። ቁጠባውን ማኅበራውን ፍትሒ ከምዝነግሥ ምግባር፤ ዓሌታውን ሃይማኖታውን ተነጽሎታት ምውጋድ፤ ቅንኢ ዘይምትእምማን ትዕቢትን ሕነ ምፍዳይን ምቁጽጻር የድሊ። እዝን ከምኡ ዝኣመሰሉ ተግባራት ንምጥፋእ ምስእንጽዕር፡ ውግእ ይውገድ፡ ሰላምውን ንሕነጽ። (2315-2317፡ 2327-2330)

### ሻዱሻይ ትእዛዝ
### *"ኣይትዘሙ"*

487- **ተፈጥሮኣዊ ጾታና ከመይ ቢልና ክንጥቀመሉ ይግባእ?**
ኣምላኽ ንሰብ ተባዕታይን ኣንስታይን ገይሩ ፈጠሮም፡ ማዕረ ዝኾነ ሰብኣዊ ክብረውን ሃቦም። ኣብ ልቦም ድማ ናይ ሓድነትን ፍቕርን ጸዋዕታ ኣሕደረሎም። ነፍስወከፍ ሰብ ብኣምላኽ ዝተዓደሎ ጾታ ኪቕበል ኣለዎ፡ ንሰብኣዊ መንነቱ ድማ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኪርዳእ ይግባእ። ሰብኣይን ሰበይትን ብጾታ እኳ ፍሉያት እንተኾኑ ዚመላልኡ ኣካላት እዮም። (2331-2336፡ 2392-2393)

488- **ንጽሕና እንታይ እዩ?**
ንጽሕና ማለት ንጾታዊ ስምዒትካ ብኣወንታውን ብሱልን ዝኾነ ኣገባብ ምቁጽጻር፤ ምስ ሰብኣዊ ክብርኻ ከምዚሰማማዕ ገርካ፡ ብቕንዕና ምንባር ማለት እዩ። ጾታዊ ስምዒትካ ብሓቂ ሠናይ ዚኸውን፡ ኣብ ሰብኣዊ ርክብካ ብግቡእ ኣገባብ እንተተቆጻጸርካዮ ጥራይ እዩ። ንጽሕና፡ ሞራላዊ መንፈሳዊ ኃይሊ፡ ህያብ ኣምላኽ፡ ጸጋ፡ ፍረ መንፈስ ቅዱስ እዩ። (2337-2338)

489- **መንፈሳዊ ኃይሊ ንጽሕና እንታይ ክንገብር ይግድደና?**

ምቁጽጻር ነፍስና፣ ገዛእ ወፈያና እንገልጸሉ መሳርሒ ስለዝኾነ፣ ንጽሕና እዚ ንምግባር ይሕግዘና። ኣብዚ ኸኽንበጽሕ ኵልንትናውን ቀጻልን ትምህርቲ የድልየና። እዚ ከኣ ብብደረጃ ዚፍጸም ምዕባሌ እዩ። (2339-2341)

490- ብንጽሕና ኸኽንነብር ዘኽእሉና መጋበሪታት ኣየኖት እዮም?

ብዙኃት መጋበሪታት ኣሎና። ጸጋ እግዚኣብሔርን ሓገዝ ምሥጢራትን ጸሎትን፤ ገዛእ ርእሰኻ ምፍላጥ፤ ንዝተፈላለየ ኵነታት ዚሰማማዕ ተጋድሎ ምፍጻም፤ ሞራላውያን መንፈሳዊ ኃይሊ ምዝውታር፤ ብፍላይ ድማ ንሥጋዊ ፍትወትና ብኣእምሮና ክንቆጻጸር ዜኽእለና ገዛእ ርእሰኻ ናይ ምዕ ጋት መንፈሳዊ ኃይሊ ምዝውታር የድሊ። (2340-2347)

491- ብከመይ ኢና ኵልና ብንጽሕና ክንነብር ጽዉዓት እኻኸውን?

ኵልና ከከም ኵነታት ሕይወትና ነቲ ንጹሕ ክርስቶስ ክንመስል ስለዘሎና፣ ብንጽሕና ክንነብር ኣሎና። ገሊኣቶም ብድንግልና ወይ ሕይወት ዉፉይ ተዓቕቦ እናተናበሩ ንጽሕናኦም ይሕልዉ (Virginity or consecrated celibacy)። ብዘይተመቓቐለ ልቢ ንኣምላኽ ኸኽትውፈ እዚ እቲ ዝበለጸ መንገዲ እዩ። ገሊኦም ድማ ሓዳር ብምግባር ቃል ኪዳናዊ ንጽሕናኦም ይሕልዉ (Coniugal Chastity)። ገሊኦም ዘይተመርዓዉ ድማ ብተዓቕቦ ንጽሕናኦም ይነብሩ (Chastity in continence)። (2348-2350፣ 2394)

492- ኣንጻር ንጽሕና ዝኾኑ ቀንዲ ኃጢኣት ኣየኖት እዮም?

ኣንጻር ንጽሕና ዝኾኑ ዓበይቲ ኃጢኣት እዞም ዚስዕቡ እዮም፥ ዝሙት ወይ ወሲባዊ ስምዒት (Lust)፣ ግብረ-ጎቡእ ምፍጻም (Masturbation)፣ ካብ ቃል ኪዳን ወጻኢ ጾታዊ ርክብ ምግባር (Fornication)፣ ንጾታዊ ስምዒት ዘለዓዕል ነገራት ምፍጻም ወይ ምዕዛብ፣ ምዕዳግ ወይ ምሻጥ (Pornography)፣ ምንዝርና (Prostitution)፣ ንጾታዊ ርክብ ኢልካ ንሰብ ምዕማጽ (ምግሳስ) (Rape)፣ ግብረ ሰዶም ምፍጻም (Homosexuality)። እዚ ኵሉ ዝተዘርዘረ ጽዩፍ ተግባራት ጠንቂ ፍትወት ሥጋ እዩ። እዚ ጽይፍ ተግባራት እዚ ምስ ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ቆልዑ ምስዚፍጸም፣ ክብደቱ ይዛየድ፣ ከመይ ኣንጻር ሥጋውን መንፈሳውን ክብረቶም ስለዝኾነ። (2351-2359፣ 2396)

493- ሳዱሻይ ትእዛዝ "ኣይትዘሙ" ክብል ከሎ ከመይ ኢሉ እዩ ኣንጻር ንጽሕና ከይንእብስ (ከይንኃጥእ) ዚኽልክለና?

ኣብ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ሻዱሻይ ትእዛዝ "ኣይትዘሙ" (ዘጽኣ. 20,14) ዝብል እኳ ኣንተኾነ፣ ትውፊት ቤተ ክርስቲያን ብሓፈሻ ናይ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ሞራላዊ ትምህርቲ ስለዝኸተል፣ ኻኵሉ እቲ ኣንጻር ንጽሕና ዝኾነ ኃጢኣት፣ ኣንጻር ሻዱሻይ ትእዛዝ ከምዝኾነ ገይሩ እያ እትግምቶ። (2336)

494- ኵሉ ዜጋ ብንጽሕና ኪነብር፣ መንግሥቲ ኪገብሮ ዘለዎ ዕማም እንታይ እዩ?

መንግሥቲ፣ ክብሪ ወዲሰብን ክብሪ ኵሉ ዜጋታቱን ኪሕሉ ሓላፍነት ስለዘለዎ፣ ሰብ ብንጽሕና ንኪነብር ዘኽእሎ ሃዋህው ኪፈጥርሉ ኣለዎም። ስለዚውን ኣብ ኅበረተሰብ ዝተፈላለየ ዓይነት ኃጢኣት ኣንጻር ንጽሕና ንከየስፋሕፍሕ ሕግታት ኪሠርዕ ኣለዎ። ብፍላይ ንትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ቆልዑ ካብዚ ኃጢኣት እዚ ኪሕልዎም ይግባእ። (2354)

**495- ጾታዊ ርክብ ንቃልኪዳናዊ ፍቕሪ ጥራይ እዩ ተሠሪዑ፡ ቃልኪዳናዊ ፍቅሪኸ እንታይ ጥቕሚ ወይ ረብሓ ኣለዎ?**

ቃልኪዳናዊ ፍቕሪ ጥሙቓት፡ ብምሥጢረ ቃል ኪዳን ተቐዲሱ እዩ። ጥቕሚ ወይ ረብሓ ቃልኪዳናዊ ፍቕሪ ድማ፡ ሓድነት፡ እምነት፡ ዘለዓ ለማውነት፡ ፍሬያምነት እዩ። (2360-2361፡ 2397-2398)

**496- ቃልኪዳናዊ ተግባር (ጾታዊ ርክብ ሰብ ቃል ኪዳን) እንታይ እዩ ትርጉሙ ወይ ዕላማኡ?**

ቃልኪዳዊ ተግባር ወይ ሥሩዕ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ድርብ ትርጉም ኣለዎ። ሰብ ቃል ኪዳን ብጾታዊ ርክብ ሓድነቶም ይገልጹ፡ ከምኡውን ውሉድ ንምውላድ (ንምቕባል) ድልዋት ይኾኑ። ኣብዚ ድርብ ዕላማ (ጾታዊ ርክብን ፍርያምነትን) ዘሎ ሓድነት ኣምላኽ ስለዝሠርዖ ኪፈላለ ኣይኽእልን። ወላሓደ ድማ እቲ ቀዳማይ ትርጉሙ ካብቲ ካልኣይ ትርጉሙ ኪፈላልዮ ዚኽእል ኣካል የልቦን። (2362-2367)

**497- መጢንካ ምውላድ (ኣረሓሒቕካ ምውላድ) ብሥነ ምግባር ቅቡል ዝኾነሉ ኵነት ኣሎዶ?**

ናይ ኣባትነትን እናትነትን ሓላፍነት ዚስመየም ሰብ ሓዳር፡ ሓላፍነታዊ ናይ ምውላድ ተግባር ዝኾነ መጢንካ ምውላድ ኪፍጽሙ ይኽእሉ። እዚ ከኣ ብሥነ ምግባር ቅቡል ዝኾነሉ ኵነት ከምዚ ዚስዕብ ምስዚኾውን ጥራይ እዩ፤ ወለዲ ብዘይ ግዳማዊ ጸቕጢ፡ ሰሲያም ዘይኮነስ ብቁዕ ምኽንያት ምስዚህልዎም፡ ሥነ ምግባር ብዘፍቅዶ ኣገባብ ተጠቒሞም፡ መጢኖም (ኣረሓሒቆም) ኪወልዱ ይኽእሉ። እዚ ከኣ ሓንሳእ ካብ ጾታዊ ርክብ እናተቖጠቡን፡ ጓለንስተይቲ ክትጸንሰሉ ኣብ ዘይትኽእል ጊዜ ድማ ጾታዊ ርክብ እናካየዱ ዚፍጽምዎ ተግባር እዩ። (2368-2369፡ 2399)

**498- መጢንካ ንምውላድ ቢልና ክንጥቀመሉ ዘይንኽእል ኢሞራላዊ ተግባራት ኣየኖት እዮም?**

ቀጥታዊ ሰብ ምምካንን፡ ጸረ ጽንሲ መድኃኒት ምውሳድን፡ ብሥነ ምግባር ቅቡል ዘይኮኑ ተግባራት እዮም። ቅድሚ ጾታዊ ርክብ፡ ወይ ኣብ ጊዜ ጾታዊ ርክብ፡ ወይ ድማ ድሕሪ ጾታዊ ርክብ ንዚስዕብ ባህርያዊ ጽንሲ ንምኽላእ፡ ጸረ ምውላድ ተባሂሉ ወይ ከም መጋበሪ ወይ ከም ዕላማ ዚፍጸም ተግባር ኵሉ (Contraception) ኢሞራላዊ ተግባር እዩ። (2370-2372)

**499- ባህርያዊ ብዘይኮነ ኣገባብ ዘርኢ ሰብኣይን ሰበይትን ምድቓል ወይ ምጽፋይ፡ ኣብ ቤተ ምርምር ዚግበር ጽንሲ ወዲሰብን፡ ብሥነ ምግባር ቅቡል ኣይኮነን ይበሃል። ስለምንታይ?**

ምውላድን፡ ናይ ሓድሕዳዊ ፍቅሪ ምልክትን መጋበርን ዝኾነ ጾታዊ ርክብን ስለዝፈላሊ፡ ዘይባህርያዊ ምድቓል/ምጽፋይ (Artificial Insemination) ሰብኣዊ ዘርእን ጽንስን ብሥነ ምግባር ቕቡል ኣይከውንን። እዚ ኣገባብ እዚ ኣብ መበቆልን መጻኢ ዕድል ሕይወት ወዲሰብን ሰብ ዘይኮነስ፡ ተክኖሎጂ ላዕ ለዋይ ኢድ ከምዚህልዎ ይገብር። ሰብኣይን ሰበይትን ካብ ዘይኮኑ ሰባት ዘርኦም ወሲድካ ዚግበር ምድቓል/ምጽፋይን ዚስዕቦ ጽንስን፡ ናይቲ ኪውለድ ዘለዎ ቆልዓ መሰል ይግህስ። ከመይ ቆልዓ ምስ ተወልደ ካብቶም ንሱ ከም ኣቦን ኣደን ዚፈልጦም ሰብ ቃል ኪዳን ከምዝተወልደ ኪፈልጥ መሰሉ እዩ። ሰብኣይን ሰበይትን ብቃል ኪዳን ንሓድሕዶም እሱራት

ስለዝኾኑ፣ እቲ ሓደ በቲ ሓደን ሳላ እቲ ሓደን ጥራይ እዮም ውሉድ ኪወልዱ ዘኽእሎም። (2373-2377)

**500- ውላድ ከመይ ገይርና ክንቕበሎ ይግበኣና?**

*ውላድ፣ ህያብ ኣምላኽ እዩ። ውላድ፣ እቲ ዝዓበየ ቃል ኪዳን ኪህቦ ዝኽእል ህያብ እዩ። ወለዲ "ናይ ግድን ክንወልድ ኣሎና" ቢሎም እምብዛ ኪጭነቑ ኣይግባእን፣ ከመይ "ውሉድ" ካብ ኣምላኽ ዝወሃብ ህያብ እምበር መሰል ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ግን ውሉድ፣ ብቃል ኪዳን ናይ ዝተወፋፈዩ ሰብ ሓዳር ናይ ጾታዊ ርክቦም ፍረ ኮይኑ ኪውለድ መሰል ኣለዎ። ውላድ፣ ካብ ዚጽነስ ጊዜ ጀሚሩ ድማ ከም ሰብ ኪግመትን ኪኽብርን መሰሉ ኪሕሎን ይግባእ።* (2378)

**501- ውላድ ዚሰኣኑ ሰብ ሓዳር እንታይ ኪገብሩ ይኽእሉ?**

*ካብ ኣምላኽ ናይ ውላድ ህያብ ዘይረኸቡ ሰብ ሓዳር፣ እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ናይ ሕክምና ፈተነታት ድሕሪ ምፍጻሞም፣ ናይ ወለዲ* (ወለድቲ) *ልግሶም ንኪገልጹ፣ ናይ ጡብ ውሉድ* (ዘይደቆም) *ኬዕብዩ፣ ወይ ድማ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ርኅራኄ ተግባራት ኪጽመዱ ይኽእሉ። ከምዚ ብምግባር ሥጋዊ ፍርያምነት ዘይኮነስ፣ መንፈሳዊ ፍርያምነቶም ይገልጹ።* (2379)

**502- ንክብሪ ቃል ኪዳን ዝብድሉ ተግባራት ኣየኖት እዮም?**

*ንኽብርን ቅድስናን ቃል ኪዳን ዝብድሉ ተግባራት እዞም ዚስዕቡ እዮም፤* ***ዝሙት*** (Adultery)፣ ***ፍትሕ*** (Divorce)፣ ***ኣንስቲ ምብዛኅ*** (Polygamy)፣ ***ምስ ኣባላት ቤተሰብካ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም (ኣውስቦ ዘመድ)*** (Incest)፣ ***ብዘይ ቃል ኪዳን ሓዳር (ዝምድና ወይ ናጻ ርክብ) ምግባር*** (Free Union)፣ ***ቅድሚ ቃል ኪዳን ጾታዊ ርክብ ምፍጻም፣ ካብ ቃል ኪዳን ወጻኢ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም።*** (2380-2391፣ 2400)

## ሻብዓይ ትእዛዝ
## *"ኣይትስረቕ"*

**503- ሻብዓይ ትእዛዝ ብዛዕባ እንታይ እዩ ዚዛረብ?**

*ሻብዓይ ትእዛዝ ብዛዕባ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ብማዕርነት ንኹሉ ከምዝተመደበን፤ ኪማቓራሕ ከምዘለዎን፤ ውልቃዊ ምውናን ሃብትን፣ ሰብኣዊ ክብርን፣ ከባብውያዊ ሃብቲ ተፈጥሮን ብዘይ ምብልሻው ኪዕቀብ ከምዘለዎን ይዛረብ። ኅብረተሰብኣዊ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ኣብዚ ሻብዓይ ትእዛዝ መሠረትን ምኽንያትን ይረክብ። ማኅበረሰብኣዊ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ድማ፣ ኣብ ቁጠባውን ማኅበራውን ፖለቲካውን ሕይወት ኪህሉ ብዛዕባ ዘለዎ ቅኑዕ ተግባራት ይዛረብ። ከምኡውን ብዛዕባ ምሰልን ግቡእን ሰብኣዊ ዕዮ፤ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ሃገራት ዓለም ኪህሉ ዚግባእ ፍትሕን ምትሕግጋዝን፤ ብዛዕባ ፍቅሪ ድኻታትን ይዛረብ።* (2401-2402)

**504- ግላዊ ዋንነት ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት እዩ ኪረጋገጽ ዘለዎ?**

*ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ንኹሉ ስለዝተመደበ፣ መሠረታዊ ኣድላይነት* (ጠለባት) *ኵሎም ሰባት ዜማልእ ኪኸውን ኣለዎ። እዚ ምስተረጋገጸ፣ ብቕንዕና ዘጥረዮን ዝተቐበሎን ወይ ዚወረሶን ጥራይ ይኹን ድኣ እምበር፣ ሰብ ግላዊ ዋንነት ኪህልዎ መሰሉ እዩ።* (2403)

**505- ዕላማ መሰል ግላዊ ዋንነት እንታይ እዩ?**

መሰል ግላዊ ዋንነት፣ ናይ ውልቀሰባት ናጽነትን ክብርን ንምሕላው ዝዓ ለመ እዩ። ግላዊ ዋንነት፣ ናይቶም ሓላፍነት ዘለና ሰባት መሠረታዊ ኣድላይነቶም ንከነማልእ ኪሕግዘና ኣለዎ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብ ስእነት ናይ ዚርከቡ ኵሎም ሕዝቢ ዓለም ሽግር ንክንፈትሕ ኪሕግዘና ኣለዎ። (2404-2406)

**506- ሻብዓይ ትእዛዝ እንታይ ንክንገብር ይእዝዘና?**

ፍትሕን ፍቕርን፣ ገዛእ ርእሸኻ ምዕጋትን ምትሕብባርን እናዘውተርና፣ ናይ ካልእ ሰብ ሃብትን ጥሪትን ክንሕሉን ከነኽብርን፣ ንክይንሰርቕን ይእዝዘና። ሻብዓይ ትእዛዝ ብፍላይ፣ ንዝተመባጻዕናዮ ነገር ክንፍጽም፤ ንዝኣቶናዮ ውዕል ከነኽብር፤ እንተዓመጽና ክንክሕስ፤ እንተሰረቕና ክንመልስ፤ ኣብ ዓለምና ዘሎ ሥሩዕ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ንከይነዘናብል፤ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ማዕድንን ኣታኽልትን እንስሳታትን ብሓላፍነታውን ጥንቁቕን ምጡን ኣገባብ ንክንጥቀምን፤ ኣብ ምጽናት ንዝርከቡ እንስሳታት ዘገዳም ፍሉይ ክንክን ክንገብረሎምን ይእዝዘና። (2407፣ 2450-2451)

**507- ሰብ ብኸመይ ኣገባብ እዩ እንስሳ ዚከናኸን?**

እንስሳ ፍጥረት ኣምላኽ ስለዝኾነ፣ ሰብ ብፍቕሪ እዩ ኪከናኸኖም ዚግባእ። ፍጥረት ኣምላኽ ስለዝኾኑ ምስኦም ሕሉፍ ፍቕሪ ኪህልዎ ኣይግባእን፤ በንጻሩ ድማ ከም ድላዩ ኣብ ጥቕሙ ኬውዕሎም ኣይግባእን። ብፍላይ ኣብ ሳይንሳዊ ፈተነታት ብመጠኑ እንስሳታት ክንጥቀም ንኽእል፣ ኮይኑ ግን ኣብ እምብዛ ኪበጻሕ የብሉን፣ ብዘይ ምኽንያት ከኣ እንስሳታት ኪሳቐዩ የብሎምን። (2416-2418፣ 2457)

**508- ሻብዓይ ትእዛዝ ካብ ምንታይ ተግባራት ይኽልክለና?**

ሻብዓይ ትእዛዝ፣ ኣንጻር ድላይ በዓል ንብረት ዝኾነ ስርቅን ዘረፋን ካብ ምፍጻም ይኽልክለና። ንሰራሕተኛ ቅኑዕ ደሞዙ ዘይምሃብ፤ ንበዓል ንብረት እናወጻዕካ ብንብረቱ ምኽሳብ፤ ናይ ሓሶት ቅብሊት ምስናዕ፤ ኣብ ንግዳዊ ስራሕ ቐረጽ ዘይምኽፋል፤ ግላዊ ወይ ሕዝባዊ ንብረት ፈሊጥካ ምብልሻው፤ ገንዘብ ብሓረጣ ምውፋር፤ ጉቦ ምቕባል ወይ ምሃብ፤ ናይ ሓፋሽ ሕዝቢ ንብረት ኣብ ጥቕምኻ ምውዓል፤ ኣብ ስራሕ ንብረት ምብልሻው፤ ብዘይ ኣገባብ ገንዘብ ምሕኻሽን ንብረት ምብኻንን፤ እዚ ኹሉ ሕማቕ ተግባራት ንኸይንፍጽም ሻብዓይ ትእዛዝ ይኽልክለና። (2408-2413፣ 2453-2455)

**509- ትሕዝቶ ኅብረተሰብኣዊ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን እንታይ እዩ?**

ትሕዝቶ ኅብረተሰብኣዊ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ፣ ካብ ወንጌላዊ ሓቂ ዚማዕበለ፣ ተጸሚቑ ኣብ ሓደ ዝተጠርነፈ፣ ብዛዕባ ሰብኣዊ ክብርን ማኅበራዊ ሕይወቱን ዚገልጽ ትምህርቲ እዩ። ኅብረተሰብኣዊ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ፣ ንኣስተንትኖ ዚጠቅም ነጥብታት፣ ንመፍረዲ ዚሕግዝ መርሕ (መትከላት)፣ ንተግባር ዝዓለመ ሕግታትን መምርሒታትን ይሕንጽጽ። (2419-2423)

**510- ብኸመይ እያ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ማኅበራዊ ጉዳይ ኢዳ እተእቱ?**

ብዛዕባ መሠረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን፣ ሓባራዊ ጥቕምን፣ ድኅነት ነፍሳትን ዚምልከት ገለ ነገር ዘድሊ እንተሎ፣ ቤተ ክርስቲያን ሞራላዊ ፍርዲ ብምሃብ፣ ኣብ ቁጠባውን ማኅበራውን ጉዳያት ኢዳ ተእቱ። (2420፣ 2458)

**511- ማኅበራውን ቁጠባውን ሕይወት ከመይ ኺከውን ኣለዎ?**

ማኅበራውን ቁጠባውን ሕይወት ኅብረተሰብ ከከም ኣገባቡ፣ ብሞራላዊ ሕጊ ኪሥራዕ ኣለዎ። ማኅበራውን ቁጠባውን ሕይወት ሓንቲ ሃገር እቲ ማኅበራዊ ፍትሒ ኬኽብር፤ ኣብ ኣገልግሎት ማኅበረሰብን ኵልንትናዊ ድኅነት ወልቀሰብን ኪውዕል ኣለዎ። ኣብ ቁጠባውን ማኅበራውን ሕይወት ሃገር፣ ወልቀሰብ ከም ቀንዲ ተዋስኣይን ማእከልን ዕላማን ኮይኑ ኪቐውም ይግባእ። (2459)

**512- ኣንጻር ኅብረተሰብኣዊ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ዝኸይድ ሥርዓት ኣሎዶ?**

መሠረታዊ መሰል ወዲሰብ ዚጻረሩ ናይ ቁጠባውን ማኅበራውን ሥርዓታት፤ መኽሰብ ጥራይ ዝዕላማኦም ዝሕጎምን ቁጠባውን ማኅበራውን ሥርዓታት፣ ኣንጻር ኅብረተሰብኣዊ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ይኾኑ። ስለዚ ቤተ ክርስቲያን ኣብዚ ዘመንና ንዝተኸሥተ "ኮሚኒዝም" ወይ እቲ "እግዚኣብሔር የልቦን" ዝብል ኣተሓሳስባ፣ ሃገር ዘምልኽ ናይ "ሶሻሊዝም" (ዴሳዊ) ኣተሓሳስባ ኣይትቕበልን። ውልቃውነት ንዘማዕብልን፣ ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ ዕዮ ድማ ንናጻ ዕዳጋ ፍጹም ቀዳምነት ንዝህብን ናይ "ካፒታሊዝም" (ርእሰማላዊ) ኣተሓሳስባ እውን ቤተ ክርስቲያን ትነጽጎ። (2424-2425)

**513- ስራሕ ንሰብ እንታይ ትርጉም ኣለዎ?**

ሰብ፣ ብስራሕ ምስቲ ፈጣሪ ዝኾነ ኣምላኹ ስለዝተሓባበር፣ ስራሕ ንሰብ ግቡእን መሰልን እዩ። ሰብ ብተወፋይነትን ብብቕዓትን ኪሰርሕ ከሎ፣ ነቲ ኣብ ባህርዩ ዘሎ ክእለት ይገልጽ፤ ናይ ፈጣሪኡ ህያባት ዝኾነ ተውህበታቱን የድንቕ፤ ገዛእ ርእሱን ስድራኡን ይቕልብ፤ ንኅብረተሰብ የገልግል። ብዘይካ ስራሕ መሳርሒ ቅድስናን፤ ምስ ክርስቶስ ብምትሕብባር ድማ ምኽንያት ድኅነት ሕዝቢ ዓለም ኪኸውን ይኽእል። (2426-2428፣ 2460-2461)

**514- ሰብ ነየናይ ዓይነት ስራሕ እዩ ኪሰርሕ ዚግበኦ?**

ዉሑስን ቅኑዕን ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ንኹሉ ሰብ ብዘይ ኣድልዎ ወይ ተነጽሎ ክፉት ኪኸውን ይግባእ። እዚ ድማ ኣብ ናጻ ዝኾነ ቁጠባዊ ተበግሶ፣ ምዕሩይ ኣብ ዝኾነ ኣወሃህባ ደሞዝን ኪምሥረት ኣለዎ። (2429፣ 2433-2434)

**515- ኣብ ሰብኣዊ ዕዮ መንግሥቲ እንታይ ግደ ኣለዎ?**

ኣብ ሰብኣዊ ዕዮ ገደ መንግሥቲ ከምዚ ዚስዕብ ኪኸውን ኣለዎ። ናጽነት ግለሰባትን ናጽነት ዋንነትን ዘውሕስ መተኣማመኒ ምቕራብ፤ ቀዋምነት ዘለዎ ባጤራን ኣድማዒ ዝኾነ ሕዝባዊ ኣገልግሎት ከምዚህሉ ምግባር፤ ኣብ ቁጠባዊ ጽላት ሰብኣዊ መሰላት ይሕሎ ከምዘሎ ምክትታልን ምርግጋጽን። ከከም ኵነታቱ ኵሉ ዜጋ ስራሕ ኽኢረክብ ኅብረተሰብን መንግሥትን ኪሕግዝ ኣለዎ። (2431)

**516- ሓለፍቲ ትካላት እንታይ ኪገብሩ ኣለዎም?**

ሓለፍቲ ትካላት ናይ ትካላቶም መስርሕን፣ ትካላቶም ንከባቢ ከየበላሹን ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት ኣለዎም። መኽሰብ ምድላብ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ቅድም ቀዳድም ጥቕሚ ሰብን ሰራሕተኛታትን ኪሕልዉ ይግባእ። መኽሰብ ንህላዌ ትካላትን፣ ናይ ስራሕ ዕድል ንምፍጣርን፣ ወፍሪ ንምስሳንን ንጽቡቕ ኣከይዳ ቁጠብዊ ሕይወት ሓንቲ ሃገር፣ ኣድላይ እኳ እንተኾነ፣ ቅድሚ ኵሉ ኪሥራዕ ኣይግባእን።(2432)

**517- ሰራሕተኛታት እንታይ እዩ ግብኦም?**

*ሰራሕተኛታት ብኀሊና ኪሰርሑ፣ ናይ ስራሕ ብቕዓትን ተወፋይነትን ኬርእዩ ይግብኦም። ኣብ መንግሎ ውሃብቲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን ዘይምርድዳእ ምስዚፍጠር ብዘተ ሽግሮም ኪፈትሑ ድልዋት ኪኾኑ ይግብኦም። ኮይኑ ግን ሓባርዊ ጥቕሚ ዘይብደለን፣ ተመጣጣኒ ረብሓውን ዘምጽእ፣ እሞ ከኣ ብሓቂ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ሰራሕተኛታት ብሰላማዊ ኣገባብ ስራሕ ደው ናይ ምባል መሰል ኣለዎም። እዚ ዓይነት ኣድማ ብሥነ ምግባር ቅቡል እዩ።* **(2435)**

**518- ኣብ መንግሎ ሃገራት ዓለም ፍትሕን ምትሕግጋዝን ከመይ ኢሉ ኪሰፍን ይኽእል?**

*ብዓለምለኻዊ ደረጃ ኵለን ሃገራትን ትካላትን ድኽነት ንምንካይ ዝዓለመ፣ ብመርሕ ምትሕግጋዝን ምትሕልላልይን ኪሰርሓ ኣለወን። ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን ሽግር ዓለም እኳ እንተዘይየጥፍኤ የጒድሎ፤ ኣብ መንግሎ ሃገራት ዘሎ ዘይምዕሩይ ኣተዓዳድላ ቁጠባዊ ሃብትን መሳርሕን የመሓይሽ፤ ማኅበራውን ቁጠባውን ዘይፍትሓውነትን የወግድ፤ ምዝመዛ ደቂ ሰባት የኸትም፤ ብዝኒ ዕዳ ድኻታት ሃገራት ይንኪ፤ ናይተን ዘይሰልጠና ሃገራት ምዕባሌ ዝዕንቅፍ ብልሽው መስርሕታት የጥፍእ።* **(2437-2441)**

**519- ክርስቲያን ከመይ ኢሎም ኣብ ማኅበራውን ፖለቲካውን ሕይወት ኅብረተሰብ ይሳተፉ?**

*ኣብ ፖለቲካውን ማኅበራውን ሕይወት ኅብረተሰብ ብቐጥታ ብምውሳእ ዓ ለማውያን መእመን፣ ንምድራዊ ሕይወትን ኵነታትን ብክርስትያናዊ መንፈስ የሐድሱ (የነቓቕሑ)። ሓቀኛታት ምሸኻኽር ወንጌልን፣ ገበርቲ ሰላምን ፍትሕን ኮይኖም ድማ ምስ ኵሎም ደቂ ሳባት ብምትሕብባር ኣብ ማኅበራውያን ፖለቲካውን ሕይወት ኅብረተሰቦም ይሳተፉ።* **(2442)**

**520- ፍቕሪ ድኻታት መበገሲኡ እንታይ እዩ?**

*ፍቕሪ ድኻታት መበገሲኡ ኣብ ወንጌል ዘሎ ብፅዕነታትን፣ ኵሉ ጊዜ ንድኻታት ዝሓልየሎም ዝነበረ ኣብነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን እዩ። ክርስቶስ "እቲ ንሓደ ካብዞም ዝነኣሱ ኣኅዋተይ ዝገበርክምዎ፣ ንዓይ ከምዝገበርክምዎ እዩ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ" (ማቴ. 25,40) በለ። ፍቕሪ ድኻታት ዚግለጽ፣ ኣንጻር ንዋታዊ ድኽነት ብምቅላስ ጥራይ ስለዘይኮነ ኣንጻር ዝተፈላለየ ዓይነት ድኽነት፣ ማለት ኣንጻር ባህላዊ፣ ሞራላዊ፣ መንፈሳዊ ድኽነትውን ክንቃለስ ይግበኣና። ኣብ ታሪኽ ዓለም ብዝነበራን ዘለዋን ዝተፈላለያ ናይ ረዲኤት ትካላት፣ ሥጋዊ ኮነ መንፈሳዊ ናይ ርኅራኄ ተግባራት ይፍጸሙ ኣለዉ። ተኸተልቲ ክርስቶስ ዝኾኑ ሰባት ፍቕራዊ ኣድልዎ ንድኻታት የዘውትሩ። እዚ ድማ ጭቡጥ ምስክርነት ፍቕሪ ድኻታት እዩ።* **(2443-2449፣ 2462-2463)**

## ሻሙናይ ትእዛዝ
## *"ብሓሶት ኣይትመስክር"*

**521- ሰብ ብዛዕባ ሓቂ እንታይ ኪገብር ይግበኦ?**

*ኵሉ ሰብ ኣብ ኣዘራርብኡ ኮነ ኣብ ተግባራቱ ብሓነትን ቅንዕና ኪካየድ ጽዉዕ እዩ። ኵሉ ሰብ ንሓቂ ኪድልያን ኪለብሳን ኣለዎ። መላእ ሕይወቱውን ብሓቂ ኪቕየድ ኣለዎ። ክርስቶስ ባዕሉ እታ ሓቂ ስለዝኾነ፣*

ሓቂ ኣምላኽ ኣብ ክርስቶስ ብምልኣት ተገሊጻ እያ። ንክርስቶስ ዚስዕብ ዘበለ ኣብ መንፈስ ሓቂ ይነብር፡ ንኣምሰሉነትን ፈሪሳውነትን ድርብ ጠባይን ድማ ይነጽግ። (2464-2470፡ 2504)

**522- ከመይ ገይርና ኢና ንሓቂ እንምስክር?**

መሥዋዕትነት እውን እንተሓተተ ብዝየገድስ፡ ክርስቲያን ዘበለ ኣብ ቅድሚ ሰብ ኮነ ንብሕቱ፡ ኣብ ኵሉ ኵነታት ሕይወቱ ነታ ወንጌላዊት ሓቂ ኪምስክራ ኣለዎ። ሰማዕትነት እቲ ዝለዓለ ምስክርነት ሃይማኖታዊ ሓቂ እዩ። (2471-2474፡ 2505-2506)

**523- ሻሙናይ ትእዛዝ እንታይ ይኽልክለና?**

ሻሙናይ ትእዛዝ ካብ ሓሶትን፡ ብሓሶት ካብ ምምስካርን ካብ ምምሓልን ይኽልክለና። ክብደት ሓሶት፡ ካብታ ዝተሓብአት፡ ዝተሸፈነት ሓቅን፤ ካብ ሓሳብ እቲ ዚሕሱ ኣካል፤ ወይ ኣብ ልዕሊ ግዳይ ሓሶት ዝኾነ ወልቀሰብ ካብ ወረደ ሽግር፤ ከከም ኵነታቱ ክንኪ ወይ ኪውሰኽ ይኽእል። ኵሉ ሰብ ስሙ ብጽቡቕ ኪለዓልን፡ ክብረቱ ኪሕሎን መሰል ኣለዎ። ንሰብ ምፍራድ፡ ንሰብ መርጋምን፡ ስም ሰብ ምጽላምን ሕሜታን፡ ኣንጻር ሻሙናይ ትእዛዝ ዝኾኑ ተግባራት እዮም። እዚኣቶም ንሰብኣዊ መሰል ይግሕሱ ወይ የጕድሉ። ሰብኣዊ ክብሪ መሰል ናይ ኵሉ ሰብ እዩ። ዘይፍቑድ ረብሓታት፡ ወይ ኃጢኣት ዘኸትል ውዳሴ ከንቱን፡ ሓቅነት ዘይብሉ ናእዳን፡ ብሓሶት ክትፍቶ ምድላይን፡ ንሻሙናይ ትእዛዝ ዜፍርሱ በደላት እዮም። ሓሶት ብምዝራብና ንኻልኦት ሰባት እንተበዲልና፡ ክንክሕስ ይግበኣና። (2475-2487፡ 2507-2509)

**524- ሻሙናይ ትእዛዝ እንታይ ክንፍጽም ይእዝዘና?**

ሻሙናይ ትእዛዝ፡ ፍቕሪ ብዝተሓወሰ ኣገባብ ንሓቂ ከኽብር ይእዝዘና። ኣብ ኣጠቓቕማ መራኸቢ ብዙኃንን ኣብ ኣወሃህባ ሓበሬታን፡ ግላውን ሓባራውን ጥቕሚ ኪሕሎ ይግባእ። ኣብ ርክብን ሓበሬታን ሓቂ ምቕላሕ፡ ዕንቅፋት ዘይፈጥርን፡ ውልቃዊ ሕይወት ሰብ ዘይትንክፍን ኪኸውን ኣለዎ። ኣብ ፍሉይ ኵነታትን፡ ብዘይ መጠን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነ እዋንን እንተዘይኮይኑ፡ ሞያዊ (ናይ ስራሕ) ምሥጢር ኵሉ ጊዜ ኪዕቀብ ኣለዎ። ከም ምሥጢር ንኽትዕቅቦ ዝተነግረካ ሓቂ እንተሎ ክትዕቅቦ ትሑዝ ኢኻ። 2488-2492፡ 2510-2511)

**525- ኣጠቓቕማ መራከቢ ብዙኃን ከመይ ኪኸውን ይግባእ?**

ብመራኸቢ ብዙኃን ዚወሃብ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣገልግሎት ሓባራዊ ጥቕሚ ኪውዕል ኣለዎ። ትሕዝትኡ ኵሉ ጊዜ ሓቂ ኪኸውን ይግባእ፤ ፍትሕን ፍቕርን እናሓለወ ድማ ኵሉ ጊዜ ቅንዕና ዚመልእ ኪኸውን ኣለዎ። ንሞራላዊ ሕግን፡ ብፍቑድን ግቡእን፡ ሰብኣዊ ክብርን ብጥንቓቐን ኪሕሉ፡ ብቅንዕናን በገባብን ኪግለጽ ኣለዎ። (2493-2499፡ 2512)

**526- ኣብ መንጎ ሓቅን ሠናይ/ጽባቐን መንፈሳዊ ሥነጥበብን እንታይ ርክብ ኣሎ?**

ሓቂ ንርእሳ ጽብቕቲ/ሠናይ ኢያ። ሓቂ ነጸብራቕ መንፈሳዊ ጽባቐ እያ። ሓቂ ብዘረባ ጥራይ ዘይኮነስ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክትግለጽ ትኽእል፡ ብፍላይ ድማ ብሥነ ጥበብ። ሥነጥበብ፡ ካብ ኣምላኽ ናይ ዝተዋህበካ ውህበትን፡ ሰብ ብጻዕሩ ናይ ዘጥርዮ ክእለት ፍሪ እዩ። ኣምላኽ ናይ ሓቅን ፍቕርን ፍጹም ጽባቐ እዩ። መንፈሳዊ ሥነ ጥበብ፡ ሓቕን ጽቡቕን/ሠናይን ንኪኸውን፡ ነቲ ኣብ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ

*ዝተገልጸ መለኮታዊ ምሥጢር ኪሰምን ኪውድስን፤ ናብ ኣምልኾን ፍቕርን ናይቲ ፈጣርን መድኃንን ዝኾነ ኣምላኽ ድማ ኬብጽሓና ኣለዎ።* **(2500-2503፣ 2513)**

### *ታሽዓይ ትእዛዝ*
### *"ዘይሰበይትኻ ኣይትድለ"*

**527-** ***ታሽዓይ ትእዛዝ እንታይ ክንገብር ይግድደና?***
*ኣብ ሓሳብና ኮነ ኣብ ሃረርታና ናይ ፍትወት ሥጋ ፈተናታት ክንቃወም ይእዝዘና። ናይ መጠን መንፈሳዊ ኃይሊ ብምዝውታር፣ ከማኡውን ልብና ብምንጻሕ ጥራይ ኢና ንሕና ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ፍትወት ሥጋ ዕዉታት እንኸውን።* **(2514-2516፣ 2528-2530)**

**528-** ***ታሽዓይ ትእዛዝ እንታይ ከይንገብር ይኽልክለና?***
*ኣብ ሻዱሻይ ትእዛዝ ንዝተከልከሉ ተግባራት ብሓሳብና ኮነ ብሃረርታና ኻብ ይንፍጽሞም ታሽዓይ ትእዛዝ ይኽልክለና።* **(2517-2519፣ 2531-2532)**

**529-** ***ብኸመይ ኣገባብ ኢና ንጽሕና ልቢ* (Purity) *እነጥሪ?***
*ዝተጠመቐ ክርስቲያን ብጸጋ ኣምላኽን፣ ኣንጻር ጽዩፍን ብዕሉግን ሓሳባት እናተቓለሰ እዩ ንጽሕና ልቢ ዘጥሪ። ንጽሕና ልቢ ኽነጥሪ ዝሕግዙና ካልእ ተግባራት እዞም ዚስዕቡ እዮም። መንፈሳዊ ኃይልን ህያብን ዝኾነ ንጽሕና ምዝውታር፣ ቅኑዕ ሓሳብ ምጥራይ፣ ብዓይኒ ልቦናና ኮነ ብዓይኒ ሥጋና እንጥምቶ ንጽሕና ብዝመልአ ኣገባብ ምፍጻም፣ ስምዒትናን ሓሳባትናን ምቍጽጻር፣ ጸሎት ምዝውታር።* **(2520)**

**530-** ***ንጽሕና ልቢ ኽነጥሪ ካልእ ክንፍጽሞ ዘሎና ነገር ኣሎዶ?***
*ንጽሕና ልቢ ኽነጥሪ ክንፍጽሞ ዚግበኣና ተወሳኺ ነገር፣* ***ቅኑዕ ዝኾነ ሕፍረት ምዝውታርን ኣንጻር ብዕሉግ ባህሊ ምቅላስን እዩ።*** *ዘረባ ሕንክት ብዘይምዝራብና ውሽጣዊ ስምዒት ሰብ ንሕሉ። ንስብኣዊ ክብርን ርክብን ሓጋዚ ዝኾነ፣ ንፍተወት ሥጋ ካብ ዝዕድም ጠመተን ተግባራትን ንቁጠብ። ሕፍረት፣ ካብቲ ኣብ ዓለም ዝውቱር ዝኾነ ናይ ጾታዊ ርክብ ብዕሉግ ዘረባን፣ ካብ ዘየድሊ ሰንካም ውጥምና ከምንርሕቕ ይገብረና።። ንጽሕና ልቢ ክነጥሪ፣ ኣብ ዘይቅኑዕ ኣገማምታ ናጽነት ወዲሰብ ዝተመሥረተ፣ ፋሉልን ንጾታዊ ርክብ ዝዕድምን ኣለባብሳን ኣተሓሳስባን ኣኪያይዳን ዘመንና ብምቅላስ፣* ***ማኅበራዊ ኣተሓሳስባ ምቕያር*** *የድልየና።* **(2521-2527፣ 2533)**

### *ዓስራይ ትእዛዝ*
### *"ዘይኣቕሓኻ ኣይትድለ"*

**531-** ***ዓስራይ ትእዛዝ እንታይ ይእዝዝ፣ እንታይከ ይኽልክል?***
*ዓስራይ ትእዛዝ መመላእታ ታሽዓይ ትእዛዝ እዩ። ብውሽጢ ልብና (ብሓሳብና) ናይ ሰብ ንበረትን ጥሪትን ክንውንን ሃረር ከይበልና፣ ናይ ሰብ ንብረት ክንሕሉን ክንዕቅብን ከምዘሎና ይእዝዝ። ካብ* ***ስስዐን፣ ገደብ ዘይብሉ ናይ ምውናን ሃረርታን፣*** *ካብ* ***ቅንእን*** *ክንቑጠብ ድማ የዘኻኽረና። ኣብ ብጾትካ ብእትረኦ ሠናይን ሃብትን ምሕዛን፣ ንክትውንኖ ኢልካ ብዘይ መጠን ሃረር ምባልን፣ ቅንኢ ይበሃል።* **(2534-2540፣ 2551-2554)**

**532- ክርስቶስ "እቶም ብመንፈስ ድኻታት ዝኾኑ ብፁዓን እዮም" ክብል ከሎ ካባና እንታይ ይሓትት?**

**ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ካብ ኵሉን ካብ ኵሎም ሰባትን ንኣኡ ኪመርጹ ይሓትት። ካብ ሃብቲ ምርሓቕ፡ ወንጌላዊ ብዝኾነ መንፈስ ድኽነት ኪትርጐም እንተድኣ ኮይኑ፡ ንጽባሕ ኢልና ካብ ምጭናቕ ዘድኀነና፡ ኣብ ሓልዮት እግዚኣብሔር ምእማን ማለት እዩ። ወንጌላዊ ድኽነት፡ ናብታ ክርስቶስ "ብመንፈስ ድኻታት ዝኾኑ መንግሥተ ሰማያት ናቶም እያሞ፡ ብፁዓን እዮም" (ማቴ. 5,3) ቢሉ ዘተስፈዎ ብፅዕና ተቀራርበና። (2544-2547፡ 2556)**

**533- ዝዓበየ ሃረርታ ወዲሰብ እንታይ ኪኸውን ኣለዎ?**

**እቲ ዝዓበየ ሃረርታ ወዲሰብ ንኣምላኽ ምርኣይ ኪኸወን ይግባእ። "ንኣምላኽ ክርኢ እደሊ እየ!" ንዚብል ጭርሖ፡ ሰብ ብኵልንትናኡ ኬዋዕ ውዖ ይግባእ። ሓቀኛን ምሉእን ታሕጓስ ዝርከብ ንኣምላኽ ኣብ ምርኣይን፡ ብኣኡ ኣብ ምሕጓስን ጥራይ እዩ፤ ከመይ ኣምላኽ ንሰብ ንፍቕሪ እዩ ፈጢርዎ፡ ዘለዓለማዊ ብዝኾነ ፍቕሪ ድማ ናብ ገዛእ ርእሱ ወትሩ ይስሕቦ። (2548-2550፡ 2557)**

"ንኣምላኽ ዝረኣየ፡
ኵሉቲ ኪሕሰብ ዚከኣል ሠናይ ነገር ረኺበ"
(ቅዱስ ጎርጎርዎስ በዓል ኒሳ)



## ራብዓይ ክፍል

# ጸሎተ ክርስትና

# ቀዳማይ ወገን

## ጸሎት ኣብ ክርስትያናዊ ሕይወት



**534- ጸሎት እንታይ እዩ?**

*ጎሊናና ናብ ኣምላኽ ምዕራግ፡ ወይ ድማ ምስ ፍቓዱ ዚሰማማዕ ኣድላይነትና ንኣምላኽ ልመናና ብምቕራብ እንፍጽሞ ቀጥራዊ ርክብ፡ ጸሎት ይበሃል። ጸሎት፡ ካብ ኣምላኽ ከም ህያብ ንሰብ ይወሃብ። ጸሎት ክርስትና ናይ ደቂ እግዚኣብሔር ምስቲ ኣዝዩ ሕያዋይ ዝኾነ ኣቦኦም እግዚኣብሔር ኣቦን፡ ምስ ወዱ ዝኾነ ክርስቶስን፡ ምስቲ ኣብ ልባቶም ዚሓደረ መንፈስ ቅዱስን ቅውጥታውን ሕይወት ዘለዎ ርክብ እዩ።* **(2558-2565፡ 2590)**

# *ቀዳማይ ምዕራፍ*

## *ግልጸት ጸሎት*

**535- ስለምታይ እዩ ኵሉ ሰብ ንኪጽሊ ዚጽዋዕ (ዚዕደም)?**

*ኣምላኽ፡ ንኹሉ ፍጥረት ዓለም ባዕሉ ኣቐዲሙ ካብ ወላሓንቲ ፈጠሮ። ድሕሪ ውድቐት ኣዳም እውን እንተኾነ፡ ሰብ ኣብቲ ናብ ህላዌ ዚጸወዮ ኣምላኽ ሃረርታን ድላይን ስለዝነበሮ፡ ንኣምላኽ ከም ፈጣሪኡ ምፍላጥ ኣየቋረጸን። ኵለን ሃይማኖታት፡ ብፍላይ ድማ መላእ ታሪኽ ድኅነት ክርስትና፡ ሰብ ሃረርታ ኣምላኽ ከምዘለዎ ይምስክሩ። ኮይኑ ግን ኣምላኽ እዩ ብቐዳምነት ንነፍስወከፍ ሰብ ብጸሎት ናብቲ ምሥጢራዊ ዝኾነ ርክብ ብቀጻልነት ዚዕድም።* **(2566-2567)**

### *ገልጸት ጸሎት ኣብ ብሉይ ኪዳን*

**536- ኣብርሃን ኣብነት ጸሎት ዝኾነና ብኸመይ እዩ?**

*ኣብርሃም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብእምነት ስለዝተጓዕዘን፡ ንኣምላኽ ስለዚሰምዐን ስለዝተኣዘዘን፡ ንሱ ኣርኣያን ኣብነትን ጸሎት እዩ። ጸሎት ኣብርሃም፡ ንምእማን ዝተገብረ ቃልሲ እዩ። ከመይ ኣብ ጊዜ ፈተናውን እንተኾነ፡ ኣምላኽ ኣብ ቃሉ እሙን ከምዝኾነ ኣብርሃም ኣመነ። ብዘይካዚ ኣብርሃም ኣብ ድንኳኑ ከሎ ኣምላኽ ከም ጋሻ ተመሲሉ በጽሖ፡ መደቡ ምስ ገለጸሉ ድማ ምእንቲ ኃጢኣተኛታት ብዘገርም ተስፋ ጸሎት ገበረ።*
**(2570-2573፡ 2592)**

**537- ሙሴ ከመይ ገይሩ ይጽሊ ነበረ?**

*ጸሎት ሙሴ፡ ኣርኣያን ኣብነትን ተመስጠኣዊ ጸሎት እዩ። ኣምላኽ ንሙሴ ካብቲ ዝነድድ ግን ከኣ ዘይህሞኽ ዝነበረ ቍጥቋጥ ምስ ተደሃዮ፡ ሙሴ ምስ ኣምላኽ ንነዊሕ ጊዜን ብቀጻልነትን "ሰብ ምስ ፈታዊኡ ከምዝዛረብ፤ ...ገጽ ንገጽ ይዛረብ ነበረ"* **(ዘጽኣ. 33,11)**። *ካብዚ ምስ ኣምላኽ ዚገብሮ ዝነበረ ጉጅምታ፡ ሙሴ ብትብዓት ምእንቲ ሕዝቡ ከማልድ ኃይሊ ረኸበ። ጸሎተ ሙሴ፡ ናይቲ እንኮ መንጐኛ ዝኾነ*

ኣማልድነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅድመ-ግልጸት እዩ። (2574-2577፤ 2593)

538- ርክብ ቤተ ምቕደስን ጸሎትን ንጉሥን ኣብ ብሉይ ኪዳን ከመይ ነበረ?
ኣብ ትሕቲ ጽላል ማኅደር ኣምላኽ ዝነበረ ድንኳን ሕግን ቤተ መቕደስን፡ ብመሪሕነት ጓሰቱ ዝነበሩ ነገሥታት፡ ጸሎት ሕዝበ እስራኤል ጀመረን ማዕበለን። ካብዞም ነገሥታ ሓደ ዳዊት ነበረ። እዚ "ከም ሃረርታ ልቢ ኣምላኽ" ይካየድ ዝነበረ ንጉሥ ዳዊት፡ ምእንቲ ሕዝቡ ዝጽሊ ጓሳ ነበረ። ጸሎት ዳዊት፡ ኣብቲ ንበይኑ ንጉሥን ጐይታና ዝነበረ ኣምላኽ ብፍቕሪ ተሰፋ ምግባር፤ ኣብ ተስፋታት ኣምላኽ እምነት ምሕዳር፡ ተስፋታት ኣምላኽ ምቕባልን ነበረ። (2578-2580፡ 2594)

539- ኣብ ተልእኾ ነብያት ጸሎት እንታይ ግደ ነበሮ?
ሰብ ብልቡ ኪንሳሕን ኪኣምንን ንኪመኽሩ፡ ነብያት ካብ ጸሎት እዮም ኃይልን ብርሃንን ዚረኽቡ ዝነበሩ። ምስ ኣምላኾም ጉጅም ድሕሪ ምባል፡ ምእንቲ ኣኅዋቶም የማልዱ፤ ምስ ኣምላኽ ኣብ ዚገበርዎ ጉጅምታ ዚረኣይዎም ዚሰምዕዎም ድማ ይሰብኩሎም (የመሓላልፉሎም) ነበሩ። ኤልያስ ኣቦ እቶም ገጽ ኣምላኽ ዘናድዩ ዝነበሩ ነብያት እዩ። ንሱ ኣብ ደብሪ ቀርመሌዎስ "ምላሽ ሃበኒ፤ ኦ ኣምላኽ ምላሽ ሃበኒ!" (1ነገ. 18,37) ቢሉ ስለዝለመነ፡ ሳላ ተግባር ኣምላኽ ንሕዝቡ ከምብሓድሽ ናብ እምነት ኣምላኽ ከምዝምለሱ ገበረ። (2581-2584)

540- ኣገዳስነት "መዝሙረ ዳዊት" ኣብ ጸሎት ክሳብ ክንደይ እዩ?
መዝሙረ ዳዊት ኣብ ብሉይ ኪዳን እቲ ዝለዓለ ፍጽምና ዘለዎ ጸሎት እዩ። ኣብ መዝሙረ ዳዊት፡ ቃል ኣምላኽ ጸሎት ወዳሴን ይኸውን። እዚ፡ ኣብ ሥነ ፍጥረትን ኣብ ታሪኽ ድኅነትናን ዝተፈጸመ ድንቅታት ኣምላኽ ዚገልጽ ጸሎትዚ፡ ብኣስተንፍሶ መንፈስ ቅዱስ ተደርሰ። ብሕታውን ማኅበራውን ጸሎትውን ኪኸውን ይኽእል። ክርስቶስ መዝሙረ ዳዊት እናጠቐሰ ጸለየ፡ ፍጽምና ድማ ኣልበሶ። ስለዚ ሎሚ ጸሎት መዝሙረ ዳዊት ቀንድን ነባርን ጸሎት ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታትን ጊዜን ንዚርከቡ ሰባት ዚሰማማዕ ጸሎት ኮነ። (2579፡ 2585-2589፡ 2596-2597)

## ጸሎት፡ ብክርስቶስ ብምልኣት ተገልጸን ተነብረን

541-ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ መን እዩ ጸሎት ተማሂሩ?
ክርስቶስ ከም ሰብ መጠን፡ ካብ ኣድኡ እኖና እግዝእትነ ማርያምን ካብ ትውፊት ዕብራውያንን ጸሎት ተማህረ። እንተኾነ ግን ንሱ ዘለዓለማዊ ወዲ ኣምላኽ ስለዝኾነ፡ ምንጪ ጸሎቱ ኣዝዩ ምሥጢራዊ ኮኑ፡ ብቅድስቲ ትሕትና ተደረኹ፡ እቲ ፍጹም ዝኾነ ዉሉዳዊ ጸሎቱ ናብ ኣብኡ ኣዕረገ። (25599-2620)

542- ክርስቶስ መኣስ እዩ ዚጽሊ ዝነበረ?
ክርስቶስ ብዙኅ ጊዜ ይጽሊ ከምዝነበረ ወንጌል ይገልጸልና። ብለይቲውን ከይተረፈ ንበይኑ ኮይኑ ኪጽሊ ይመርጽ ነበረ። ናቱ ኮነ ናይ ሓዋርያቱ ወሳንን ኣገዳስን ተግባራት ኣብ ዝፍጽመሉ ውቕቲ ጸለየ። ንሱ ብዘየቋርጽ ፍቕሪ ብቀጻልነት ምስ ኣባኡ ርክብ ስለዝነበሮ፡ መላእ ሕይወቱ ዘየቋርጽ ጸሎት እዩ ዝነበረ። (2600-2604፡ 2620)

**543- ኣብ ሕማማቱ ክርስቶስ ከመይ ኢሉ ጸለየ?**

*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ጌተሰማኒ ጻዕሪ ሞት ኣብ ዝሓዞ ጊዜ ዚጸለዮን፤ ኣብ መስቀል ተሸንኪሮ ከሎ ዝተዛረቦን ዝጸለዮን፡ ውሉዳዊ ጸሎቱ ክሳብ ክንደይ ዓሚቕ ከምዝነበረ ኪገልጸልና ይኽእል። ክርስቶስ ንመደብ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ መፈጸምታኡ ኣብጽሖ። ኵሉ ጸር ወዲሰብ፡ ኵሉ ልመናታትን ኣማልዶን ታሪኽ ድኅነትና ኣብ ዝባኑ ተሸኪሞ። እዚ ናብ ኣብኡ የቕርቦ፡ እግዚኣብሔር ኣቦ ድማ፡ ተስፋ ኣብ ዘይነበረሉ ኵነታት ንወዱ ካብ ሞት ብምትንሣኡ፡ ኘኵሉ ይቕበሎን ይሠምሮን።* (2605-2606፣ 2620)

**544- ክርስቶስ ከመይ ኢልና ክንጽሊ መሃረና?**

*ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር" እናበልና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብግብሩውን ኣገባብ ጸሎት መሃረና። ከምዚ ኢሉ እምበእርከስ ክርስቶስ ትሕዝቶ ጸሎት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብሓቂ ኘክንጽሊ እንታይ ከምዘድልየና ገለጸልና። ንጸሎት ዚሕግዙና እዞም ዚስዕቡ ተግባራት እዮም። እቲ መንግሥቲ ኣምላኽ ጥራይ ዝደሊ፡ ንጸላኣትና ከምእንምሕር ዚገብረና፡ ንጽሕና ልቢ ምጥራይ ክኴው እቲ ዚስመዓናን ዚርድኣናን ከምንጥምት ዚገብረና፡ ተባዕ ውሉዳዊ እምነት ምሕዳር። ንዓና ተከተልቲ ክርስቶስ ንዝኾንና ካብ ፈተናታት ዜድኅነና፡ ንቕሓት ምዝውታር።* (2608-2614፣ 2621)

**545- ጸሎትና ከመይ ኢሉ ኣድማዒ ይኸውን?**

*እነዕርጎ ጸሎት ምስ ጸሎት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብእምነት ስለዚጽንበር፡ ኣድማዒ ይኸውን። ሳላ ክርስቶስ ጸሎት ክርስትና ምስ ኣቦ ፍቕራዊ ሓድነት ይፈጥር። ብኸምዚ መንገዲ ልመናታትና ንኣምላኽ ነቕርብ፡ ኣምላኽ ድማ የሥምረልና። "ሓጐስኩም ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን ለምኑ፥ ክትረኽቡ ድማ ኢኹም" (ዮሓ። 16,242)።* (2615-2616)

**546- ማርያም ከመይ ቢላ ትጽሊ ነበረት?**

*ጸሎት ማርያም፡ ብእምነትን፡ ብኵልንትናዊ ወፈያ ገዛእ ርእሳ ዝተሰነየ ነበረ። እታ ኣደ ክርስቶስ ዝኾነት ማርያም "ሓዳስ ሄዋን" እያ። ንሳ "ኣደ ሕያዋን" ስለዝኾነት፡ ምእንቲ ሽግርን ኣድላይነትን ኵሉ ሰብ ንወዳ ትጽልን ተማልድን።* (2617-2618፣ 2622-2674፣ 2679)

**547- ኣብነት ጸሎት ማርያም ኣብ ወንጌል ኣሎዶ?**

*ወንጌል፡ ብዘይካ ኣብ መርዓ ቃና ዘገሊላ ዚገበረቶ ምምላድ (ንወዳ ምልማን)፡ ሓንቲ ጸሎት እግዝእትነ ማርያም የቕርበልና* (ሉቃ. 1, 46-55)። *"ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ" ዝብል ጸሎት እግዝእትነ ማርያም፡ መዝሙር ማርያምን፡ መዝሙር ቤተ ክርስቲያንን እዩ። እዚ ጸሎትዚ፡ ተስፋታት ኣምላኽ ብምፍጻሙ፡ ትጽቢት ድኻታት ክዉን ስለዝኾነን፡ ካብ ልቢ ድኻታት ዚዓረግ፡ ታሕጓስ ዝተሓወሶ ናይ ምስጋና ጸሎት እዩ።* (2619)

## ጸሎት ኣብ ዘመነ ክርስትና (ቤተ ክርስቲያን)

**548- እቶም ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበሩ ቐዳሞት ክርስቲያን ከመይ ኢሎም ይጽልዩ ነበሩ?**

ኣብ መጀመርያ ምዕራፋት መጽሓፍ ግብረ ሓዋርያት ከም እንረኽቦ፡ እቶም ብመንፈስ ቅዱስ ጸሎት ዝተመሃሩ ቀዳሞት ክርስቲያን ኢየሩሳሌምን እቶም ኣመንትን "ብትምህርቲ ሓዋርያትን ኃቢሮም ብምንባርን ብምቑራስ እንጌራን ብጸሎትን ጸኒዖም ይነብሩ ነበሩ" (ግ.ሓ. 2,42)። (2623-2624)

549- ግደ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጸሎት ቤተ ክርስቲያን እንታይ እዩ?
እቲ ውሽጣዊ መምህር ጸሎት ክርስትና ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ፡ ንቤተ ክርስቲያን ኣብ ሕይወት ጸሎት የዕብያ። ብተመስጦን ሓድነትን ናብቲ ዘይብጻሕ ዓሚቚ ምሥጢረ ክርስቶስ፡ ብቐጻልነት ከምትጥሕል ይገብራ። ስለዚ ኣብ ዝርዝር ቅዱስ መጽሓፍን ኣብ ሓዋርያዊ ድርሳናትን ተጻሒፉ ዘሎ ዓይነት ጸሎታት፡ ሕጋውን ወግዓውን ጸሎታት ክርስቲያን ኮይኑ ይተርፍ። (2623፡ 2625)

550- ቀንዲ ዓይነት ጸሎት ክርስቲያን ኣየናይ እዩ?
ቀንዲ ዓይነት ጸሎታት ክርስትና እዚ ዝስዕብ እዩ፤ ቡራኬ፡ ስግደት፡ ናይ ልመናን ኣማልዶን ጸሎት፡ ናይ ምስጋና ጸሎት፡ ጸሎተ ውዳሴ። ኩሉ ዓ ይነት ጸሎት ጠርኒፉ ዚርከብ፡ ጸሎት መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን ማለት ጸሎተ ቅዳሴ እዩ። (2643-2644)

551- ጸሎተ ቡራኬ እንታይ እዩ?
ሰብ ካብ ኣምላኽ ህያባት ምስተቐበለ፡ ዚህቦ ምላሽ፡ ቡራኬ ይበሃል። ኣምላኽ ኣቐዲሙ ስለዝባረኸናን፡ ሕጅውን ስለዝባርኸናን፤ ብዝተፈላለየ ህያባቱ ስለዚመልኣናን፡ ሕጂውን ስለዚመልኣናን፡ ንሕና ንኣምላኽ ንባርኾ። (2626-2627፡ 2645)

552- ስግደት እንታይ ዓይነት ጸሎት እዩ?
ሰብ ኣብ ቅድሚ እቲ ሥሉስ ቅዱስ ዝኾነ ኣምላኹ ክንብርከኽን ኪሰግድን ከሎ ተገዛእነቱ ይገልጽ፡ ፍጡር ምዃኑ ይእመን። እዚ ከኣ ናይ ስግደት ጸሎት ይበሃል። (2628)

553- ክንደይ ዓይነት ጸሎት ልመና ኪህሉ ይኽእል?
ብቀዳምነት ክንልምን ዘሎና ምጽኣት መንግሥቲ ኣምላኽ እዩ። ከምኡውን ምሕረት ኣምላኽ ክንልምን ንኽእል፤ ብእምነትን ትሕትና ድማ ዘድልየና መንፈሳዊ ይኹን ሥጋዊ ሃረርታና ኪፍጽመልና ንኣምላኽና ክንልምን ንኽእል። (2629-2633፡ 2646)

554- ኣማልድነት እንታይ እዩ?
ንዓና ዘይኮነ ንኻልኦት ቢልና፡ ካብ ሣልሳይ ኣካል ገለ ነገር ምልማን፡ ኣማልድነት ይበሃል። ከምቲ ኢየሱስ ምእንቲ ኩሉ ሕዝቢ ዓለም፡ ብፍላይ ድማ ምእንቲ ኃጢኣተኛታት ኣብ ቅድሚ ኣብኡ ዘማለደ፡ ከማኡውን ንሕና ጸሎት ኣማልዶ ምስእንገብር ንኣኡ ንመስል፡ ምሳኡ ድማ ንሓብር። ጸሎት ኣማልድነትና ግን ንጸላእትናውን ዚሓቊፍ ኪኸውን ይግባእ። (2634-2636፡ 2647)

555- ናብ ኣምላኽ ጸሎተ ምስጋና ብኸመይ ኢና ነዕርግ?
ኩሉ ፍጻሜታት ንክርስቲያን ምኽንያት ምስጋና ኪኸውን ይግባእ። ቤተ ክርስቲያን ብዘይምቁራጽ ንኣምላኽ እተመስግኖ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ብምዕ ራግ እዩ። ብመሥዋዕቲ ቅዳሴ፡ ክርስቶስ ንቤተ ክርስትያኑ ኣብቲ ንሱ ነብኡ ዜቕርቦ ናይ ምስጋና ጸሎት ከምትሓብር ይገብራ። (2637-2638፡ 2648)

**556- ጸሎተ ውዳሴ እንታይ እዩ?**

**እግዚኣብሔር ብሓቂ ኣምላኽ ምዃኑ ብቐጥታ እንእመነሉ መንገዲ ብጸሎተ ውዳሴ እዩ። ኣብ ጸሎተ ውዳሴ ብዛዕባ ካልእ ኣይንግደስን፡ ገዛእ ርእስና ረሲዕናውን ንኣምላኽ ጥራይ ንውድስ፡ ንዝምር፡ ንኣኡ ጥራይ ነምልኽ፡ ስለህላዌኡ ነመስግኖ። 2639-2643፡ 2649)**

# ካልኣይ ምዕራፍ

## ትውፊት ጸሎት

**557- ኣብ ጸሎት፡ ትውፊት እንታይ ኣገዳስነት ኣለዎ?**

**ኣብ ቤተ ክርስቲያን ፡ መንፈስ ቅዱስ በቲ ሕያው ዝኾነ ትውፊት እዩ ነቶም ደቂ ኣምላኽ ዝኾኑ ክርስቲያን ጸሎት ዚምህሮም። ጸሎት ውሽጥዊ ስምዒትካ ናይ ዚፈጠሮ ሃንደበታዊ ክሥተት ጥራይ ኣይኮነን። ጸሎት ናይ እትምክሮ መንፈሳዊ ኩነታት መጽናዕትን ርድኢትን ይሓትት። ንኣኡውን ብተመስጦ ክትዕዘብ የድሊ። (265-2651)**

### ምንጪ ጸሎት

**558- ምንጭታት ጸሎት ኣየኖት እዮም?**

**ምንጪ ጸሎት፡ ቃል ኣምላኽን ሊጡርጊያ ቤተ ክርስቲያን ን መንፈሳዊ ኃይላትን፡ መዓልታዊ ኩነታት ሕይወትናን እዮም። እቲ "መዘና ዘይብሉ ፍልጠት" (ፊሊ. 3,8) ክርስቶስ ዘስንቐና፡ ቃል ኣምላኽ ይበሃል። ንምሥጢረ ድኅነት ዚህብን፡ ክዉን ዚገብርን፡ ዜበሥርን፡ ሊጡርጊያ ቤተ ክርስቲያን እዩ። ንኣምላኽ ክንረኽበሉ እኽእል ኣገባብ ከኣ ኣብ መንፈሳውያን ኃይላትን መዓልታዊ ኩነታትን እዩ። (2652-2662)**

"ኦ ጐይታይ እፈትወካ እየ።
ሓንቲ ጸጋ ጥራይ ድማ እልምነካ፡
ንዘለዓለም ከምዘፍቕረካ ግበረኒ።
ኣብ ነፍስወከፍ ካልኢት መልሓሰይ
"አፍቕረካ እየ!" ክትብል እንተዘይከኣለት፡
ክንድቲ ዘተንፍሰሉ ጊዜ ክንድኡ ልበይ
"እፈትወካ እየ!" ቢሉ ክደግመልካ እደሊ"
(ቅዱስ ዮሓንስ ማርያ ቪያነይ)

### ኣገባብ (መንገዲ) ጸሎት

**559- ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዝተፈላለየ መንገዲ ወይ ኣገባብራ ጸሎት ኣሎዶ?**

**ዝተፈላለየ ታሪኻውን ማኅበራውን ባህላውን ኩነታት ስለዘሎ፡ ዝተፈላለየ መንገዲ ጸሎትውን ኪህሉ ናይ ግድን እዩ። እዚ ዝተፈላለየ መንገዲ ጸሎትዚ ግን ምስቲ ሓዋርያዊ ዝኾነ እምነት ዚሰማማዕን ዘይሰማማዕን**

ምፍራድ (መመያ ምግባር) ናይ መሃሪ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ሓላፍነት እዩ። ጓሶት ነፍሳትን መማህራን ትምህርተ ክርስትያናን፡ ዝተፈላለየ መንገዲ ጸሎትን ትርጉም ጸሎትን ንሕዝቦም ኬምህሩ ይግበኦም። እዚ ኩሉ ናብ ንክርስቶስ ዜእምትን ዘምልክትን ኪኸውን ኣለዎ፡ (2663)

**560- መንገዲ ጸሎትና መን እዩ?**

እነዕርጎ ጸሎት ንእግዚኣብሔር ኣቦ እዩ፡ ጸሎትና ናብ ኣምላኽ ዚበጽሕ ግን፡ ወላ እንተዘይሰመናዮ፡ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስእንጸሊ ጥራይ እዩ። ስለዚ መንገዲ ጸሎትና ክርስቶስ ባዕሉ እዩ። ክርስቶስ ሳላ ሥጋ ዝለበሰ እዩ መንፈስ ቅዱስ "ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር" እናበልና ክንጸሊ ዝመሃረና። ብዚ ምኽንያትዚ እዩ ኩሉ ሊጡርጊያዊ ጸሎታት "ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ" እናበልና ንድምድሞ። (2664፡ 2680-2681)

**561- ግደ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጸሎት እንታይ እዩ?**

መንፈስ ቅዱስ ውሽጣዊ መምህር ጸሎት ክርስትና እዩ፡ ከመይ ንሕና "ከመይ ክንጸሊ ከም ዚግበኣና ኣይንፈልጥን ኢና" (ሮሜ 8,26)። ስለዚ "ንዓ መንፈስ ቅዱስ!" እናበልና ኩሉ ጊዜ ክንልምኖን ክንጽውዖን ቤተ ክርስቲያን ትላበወና።

**562- ብኸመይ ኢና ጸሎት ክርስትና ማርያማዊ ጸሎት እውን እዩ ንብል?**

ማርያም ብፍልይ ዝበለ መንገዲ ምስ ተግባር መንፈስ ቅዱስ ስለዝተሓባበረት፡ ቤተ ክርስቲያን ንኣኣ ምስኣን ትጸሊ። ቤተ ክርስቲያን፡ ምስዛ ፍጽምቲ ጸሎተኛ ዝኾነት ማርያም ንጐይታ ከተኽብሮን ክትጽውዖን ትደሊ። ንሳ መንገዲ ኣምላኽን፡ መንገዲ እቲ እንኮ መንጐኛን ዝኾነ ወዳ እትግልጸልና ማርያም እያ። (2673-2679፡ 2682)

**563- ቤተ ክርስቲያን ከመይ ኢላ ንማርያም ትጸሊ?**

"ሰላም ንኣኺ ኦ ማርያም" እናበለት ቤተ ክርስቲያን ናብ ማርያም ትጸሊ። በዛ ጸሎት እዚኣ እያ ቤተ ክርስቲያን ኣማልድነት ማርያም ትልምን። (ኣብ ሥርዓት ላቲን) ጸሎተ መቍጸርያ፡ (ኣብ ምስራቓዊት ቤተ ክርስቲያን ) "ኣክቲስቶስ" "ፓራክለሲስ" ዘርእስቱ ውሩይ ጸሎታት ማርያም ኣሎና። (መልክዓትን) ውዳሴታትን ማርያም ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ክርስትያናት እውን ኣሎ። (2676-2678፡ 2682)

## ኣብነትን ኣርኣያን ጸሎት

**564- ቅዱሳን ከመይ ኢሎም ኢዮም ኣብነትን ኣርኣያን ጸሎት ዚኾኑና?**

ቅዱሳን ንዓና ኣብነትን ኣርኣያን ጸሎት ይኾኑና። ምእንታናን ምእንቲ መላእ ሕዝቢ ዓለምን፡ ኣብ ቅድሚ ቅድስቲ ሥላሴ ኮይኖም ኬማልዱልና ንልምኖም። ቅዱሳን ብኣማልድነቶም፡ ኣብ ፍቕራዊ መደብ ኣምላኽ እቲ ዝበለጸ ኣገልግሎት የወፍዩ። ኣብ ሱታፌ ቅዱሳን ስለንኣምን፡ ኣብቲ ነዊሕ ዝኾነ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን፡ ብጸሎት ክንነብርን ጸሎት ክንገብርን ዜስተምህረና፡ ዝተፈላለየ ዓይነት "መንፈሳውነት" ዓንቢቡ ኣሎ። (2683-2684፡ 2692-2693)

**565- ከመይ ኢልና ኣብ ጸሎት ንዓቢ (ምጽላይ ንመሃር)?**

ክርስቲያን ስድራቤት እታ ቀዳመይቲ ቤት ትምህርቲ ጸሎት እያ። ክርስቲያን ኣብ ዝኾና ስድራቤት መዓልቲ መዓልቲ ጸሎት ኪዝውተር፡

ቤተ ክርስቲያን  ኣጥቢቓ ትላቦ፡ ከመይ ኣብ ስድራቤት እዩ እቲ ቀዳማይ ምስክርነት ሕይወት ጸሎት ክርስቲያን ዚወሃብ። ትምህርተ ክርስቶስ ምዝውታር፡ ኣብ ጉጅለ ጸሎታት ወይ ኣብ ማሕበራት ምጽንባር፡ ኣባት ነፍሲ ምሓዝ፡ ኣብ ሕይወት ጸሎት ሓገዝቲ እዮም፤ ኣብ ጸሎት ከምንዓቢ ድማ ይገብሩና። (2685-2690፡ 2694-2595)

**566- ንጸሎት ዚሕግዙን ዝዕድሙን ቦታታት ኣየኖት እዮም?**
ኣብ ኵሉ ቦታ ክንጽሊ ኻኽእል፤ ንጸሎት ቦታ ምምራጽ ግን ዝሓሸ እዩ። ንሊጡርጊያዊ ጸሎትን ስግደት ቅዱስ ቍርባንን ቤተ ክርስቲያንን እቲ ዝበለጸ ቦታ እዩ። ኣብ ሕይወት ጸሎትና ኻኽንምዕብል ዝሕግዙና መካናት ኣዞም ዚስዕቡ ኪኾኑ ይኽእሉ፤ ኣብ ገዛና ንጸሎት ኢልና እንሓዝኦ ፍሉይ ቦታ፡ ቤት ጸሎት፡ ገዳማትን ደብርታትን። (2691፡ 2696)

# ሣልሳይ ምዕራፍ

## ሕይወት ጸሎት

**567- መኣስ ኢና ክንጽሊ ዚግበኣና?**
ኵሉ ጊዜ ክንጽሊ ይግበኣና፡ ቤተ ክርስቲያን  ግን መእመናና ከየቋረጹ ምእንቲ ኪጽልዩ ውሱን ጊዜ መዲባትሎም ኣላ። ንሱ ከኣ፤ ንግሆን ምሸትን፡ ቅድሚ ብልዕን ድሕሪ ብልዕን፡ ከምኡውን ሰንበትን ዓበይቲ በዓ ላትን ኣብ መሥዋዕቲ ቅዳሴ ኪሳተፉ፤ መቍጸርያን፡ ጸሎተ ሰዓታትን ኬዘውትሩ ትዕድም። (2697-2698፡ 2720)

“ካብቲ እነስተንፍሶ ጊዜ፡
ብዚያዳ ንኣምላኽ ክንዝክር ኣድላዪ እዩ”
(ቅዱስ ጎርጎርዮስ)

**568- ክንደይ ዓይነት ኣፈጻጽማ ኣገላልጻ ጸሎት ኣሎና?**
ሕይወት ጸሎትና እንገልጸሉ ሠለስተ ዓይነት ኣገባብ ከምዘሎ ትውፊት ቤተ ክርስቲያን  ይሕብር፤ ቃላዊ ወይ ኣፋኣዊ ጸሎትን፡ ኣስተንትኖ ወይ ጸሎተ ኀሊናን፡ ጸሎተ ተመስጦን። መሠረት ናይዚ ሠለስተ ዓይነት ኣፈጻጽማ ጸሎት ህድኣትን እርናበ ልብን እዩ። (2697-2699)

### ኣገላልጻ ወይ ኣፈጻጽማ ጸሎት

**569- ናይ ቃል ጸሎት ወይ ኣፍኣዊ ጸሎት እንታይ እዩ ፍልዩነቱ?**
ብቃላዊ ወይ ኣፍኣዊ ጸሎት ሥጋና ኣብ ናይ ውሽጣዊ ጸሎት ልቦናና ይሳተፍ። እቲ ዝለዓለ ውሽጣዊ ጸሎትውን እንተኾነ ብዘይ ቃላት ወይ ዘረባ ኪግለጽ ኣይከኣልን እዩ። እዚ ኮነ እቲ ብዘየገድስ ጸሎት ዘበለ ልባዊ ኪኸውን ኣለዎ። ክርስቶስ ብጸሎት “ኣቡነ ዘበሰማያት” ቃላዊ ወይ ኣፋኣዊ ጸሎት ክነብጽሕ ከምዘሎና ምሂሩና ኣሎ። (2700-2704፡ 2722)

**570- ኣስተንትኖ ወይ ናይ ኀሊና ጸሎት እንታይ እዩ?**

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዘሎ ቃል ኣምላኽ ተበጊስና፡ ጸሎት ዝተሓወሶ ናይ ሓንጐል ኣስተንትኖ፡ ጸሎተ ኅሊና ይበሃል። ሓንጐልናን ሓሳብናን ስምዒትናን ኣንቀሳቒሱ፡ እምነትና ከነዐሙቕ፡ ንልባዊ ንስሓ ዚሕግዘና፡ ኣብ ምስዓብ ክርስቶስ ድላይና ዘበርትዓልና፡ ጸሎትን ኣስተንትኖን እዩ። እዚ ዓይነት ጸሎት፡ ምስ ክርስቶስ ፍቕራዊ ብዝኾነ ሓድነት ዜኅብረና፡ ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞና እንረኽቦ ቀዳማይ ምዕራፍ። (2705-2708፡ 2723)

**571- ጸሎተ ተመስጦ ወይ ተመስጦ ወይ ጸሎተ ኣንክሮ እንታይ እዩ?**

ብፍቕሪ ንኣምላኽ ትም/ስቕ ኢልካ ብገርህነት ምዕዛብ፡ ጸሎት ተመስጦ ወይ ኣንክሮ ይበሃል። ኣዚ ህያብ ኣምላኽ እዩ። ኣብዚ እዋንዚ እቲ ጸላያይ ንክርስቶስ ጥራይ ይደሊ፡ ነፍሱ ድማ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መንፈስ ቅዱስ ተማሪኻ፡ ነቲ ፍቕራዊ ዝኾነ ድላይ ኣምላኽ ጥራይ ትጥምት። ኣብዚ ወቕቲዚ እምነት ጥራይ እያ ትንቀሳቐስ። ቅድስቲ ተረዛ በዓልቲ ኣቪላ ንጸሎት ተመስጦ፡ "ንበይንኻ ኮንካ ምስ ዚፈትወካ ኣምላኽ ገጽ ንገጽ ትዛረበሉ ወቕቲ እዩ"፤ ዓሚቝ ዝኾነ ጉጅምታ ኣዕሩኽ እዩ ትብል። (2709-2719፡ 2724፡ 2739-2741)

## ቃልሲ ኣብ ጸሎት

**572- ንምጽላይ ቃልሲ ዘድሊ ስለምንታይ እዩ?**

ጸሎት ካብ ጸጋ ዚመጽእ ህያብ እኳ እንተኾነ፡ ንሕና ብወገንና ርጉጽ ዝኾነ ምላሽ ክንህበሉ የድልየና። በዚ ምኽንያትዚ እቲ ዚጽሊ ምስ ገዛእ ርእሱ፡ ምስ ከባቢኡ፡ ብፍላይ ድማ ፈታኒ ምስዝኾነ፡ ካብ ጸሎት ከዘናብሎ ዝከኣሎ ምስ ዚገብር ሰይጣን ኪቃለስ ኣለዎ። ኣብ ምዕባሌ መንፈሳዊ ጉዕዞና ኣብ ጸሎት እንገብሮ ቃልሲ ኣየቋርጽን እዩ፤ ከመይ ሰብ ከምዚነብሮ እዩ ዚጽሊ፡ ከምዝጽልዮ ኸኣ እዩ ዚነብር። (2725)

**573- ኣንጻር ጸሎት ዝለዓል ርእይቶታት ኣለዉዶ?**

እወ ኣለዉ። ንኣብነት፡ ብዙኃት ንጸሎት ጊዜ የብልናን ይብሉ። ጸሎት ድማ መጥፍኢ ጊዜ እዩ ይብሉ። ግጉይ ኣገማምታ ጸሎትውን ኣሎ። እቶም ዚጽልዩ ዕንቅፋት ምሰጋጠሞም፡ ወይ ዝተሳዕሩ ምስ መሰሎም፡ ተስፋ ኪቆርጹ ይኽእሉ። ነዚ ኩሉ መሰናኽል ኻብንሰግር፡ ትሕትና፡ ተስፋ፡ ጽንዓት የድልየና። (2726-2728፡ 2752-2753)

**574- ኣብ ጸሎት ዘጋጥመና ዕንቅፋት ኣሎዶ?**

ኣብ ጸሎትና ብተደጋጋሚ ዘጋጥመና ዕንቅፋት፡ ኣብ ካልእ ምሕሳብ (ምዝንጋዕ) እዩ። እዚ ዕንቅፋትዚ ቀልብና ናብ ኣምላኽ ኻብየተኮር ይኽልክለና፤ ልብና/ቀልብና ኣበይ ከምዘሎውን ስለዝሕብርውን፡ ጸጺሑና ልብናን ቀልብናን ብትሕትና ናብ ኣምላኽ ከምዝምለስ ክንገብሮ ኣሎና። መንፈሳዊ ድርቀትውን ንጸሎትና ብኣሉታ ኪጽልዎ ይኽእል እዩ። ወላኳ እንምከሮ ምጽንናዕ ወይ ዕግበት ኣይሃልወና እምበር፡ ነዚ ዕንቅፋትዚ እንሰግሮ፡ ብእምነት ናብ ኣምላኽ ምስእንጽጋዕ ጥራይ እዩ። ንቕሓትና ምስዚዝሕል፡ ንህዋሳትናውን ምእርናብ ምስ እንስእን፡ መንፈሳዊ ትህኪት የጥቅዓና። እዚውን ሓደ ናይ ጸሎት ዕንቅፋት እዩ። (2729-2733፡ 2754-2755)

**575- ኣብ ኣምላኽ ንዘሎና ውሉዳዊ ተስፋ ከመይ ገቢርና ክነበርትዮ ኻኽእል?**

ኣምላኽ ጸሎትና ኣይተቐበልናን ኢልና ምስእንሓስብ፡ ውሉዳዊ ተስፋና ኣብ ሓደጋ ይወድቕ። ካብዚ ፈተናዚ ንኽንላቐቕ፡ "ድላይ እቲ ኣቦና ኢልና እንጽውዖ ኣምላኽ ንክንፍጽም ዲና እንጽሊ? ወይስ ጸሎት፡ ናይቲ ንሕና እንደልዮ ነገር ንኪፍጸም እንጥቀመሉ መጋበሪ እዩ?" ኢልና ንነፍስና ክንሓትት ይግበኣና። ጸሎትና ምስ ጸሎት ክርስቶስ እንተተጸምቢሩ፡ ካብቲ ንሕና ሃረር እንብሎ ህያባት ዝያዳ ከምዝህበና ንፈልጥ ኢና። እዚ ህያብዚ ድማ ንልብና ዚቕይሮ መንፈስ ቅዱስ እዩ። (2734-2741፡ 2756)

**576- ኣብ ዝኾነ እዋን ምጽላይ ይከኣልዶ?**

ዘለናዮ ዘመን ናይቲ ዝተንሥአ ክርስቶስ ዘመን ስለዝኾነ፡ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ድማ "ክሳብ መወዳእታ ዓለም፡ ኲሉ መዓልቲ ምሳኹም እየ" (ማቴ. 28,30) ስለዝበለና፡ እወ! ኣብ ዝኮነ እዋን ክንጽሊ ንኽእል ኢና፤ ከመይ ጸሎትን ክርስትያናዊ ሕይወትን ኣይፈላለን እዩ። (2742-2745፡ 2757)

*"ኣብ ዕዳጋ ኮነ ኣብ ብሕታዊ ዙረት፡*
*ተደጋጋምን ፍቕራውን ጸሎት ምዕራግ ኲሉ ጊዜ ይከኣል እዩ።*
*ከምኡውን ኣብ ድኳን እናዓደግኩም ኮነ እናሸጥኩም፤*
*ኣብ እንዳ መኅኀ እንጌራ እንዳሰንከትክን፡*
*ኵልኻትኩም ክትጽልዩ ትኽእሉ ኢኹም"*
*(ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ)*

**577- "ጸሎት ሰዓት ኢየሱስ" ዝበሃል እንታይ እዩ?**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መወዳኣታ ድራር (ጸሎት ሓሙስ) ዘዕረጎ ክህነታዊ ጸሎት፡ "ጸሎት ሰዓት ኢየሱስ" ተባሂሉውን ይፍለጥ። እቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ሊቀ ካህናት ዝኾነ ክርስቶስ፡ ካብዚ ዓለምዚ ናብ ኣብኡ ዚሰጋገረሉ ሰዓት፡ ማለት ሰዓት መሥዋዕነቱ ምስ ቀረበ፡ ናብ ኣብኡ ዘዕ ረጎ ጸሎት እዩ። (2604፡ 2746-2751፡ 2758)



## ካልኣይ ወገን

# ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሃረና ጸሎት

| | |
|---|---|
| ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር፣<br>ስምካ ይመስገን፣<br>መንግሥትኻ ትምጻእ።<br>ፍቓድኻ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነ ኣብ ምድሪውን ይኹን። | አቡነ ዘበሰማያት<br>ይትቀደስ ስምከ፣<br>ትምጻእ መንግሥትከ፣<br>ወይኩን ፈቃድከ፣ ብከመ በሰማይ፣ ከማሁ ብምድር። |
| መግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና።<br>ንዝበደልናካ ይቕረ በለልና፣ ንሕናውን ንዝበደሉና ይቕረ ከም እንብል።<br>ናብ ፈተና ኣይተእትወና።<br>እንካብ ክፉእ ድኣ ኣድኅነና።<br>ኣሜን | ሲሳየነ ዘለለዕለትነ ሀበነ ዮም።<br>ኅድግ ለነ ኣበሳነ ወጌጋየነ፣ ከመ ንሕነኒ ንኅድግ ለዘኣበሰ ለነ።<br>ኢታብአነ እግዝኦ ውስተ መንሱት፣ አላ አድኅነነ ወባልሐነ እም ኵሉ እኩይ።<br>እመ ዚአከ ይእቲ መንግሥት፣<br>ኀይል ወስብሐት ለዓለመ ዓለም።<br>ኣሜን። |



**578- ጸሎት "ኣቡነ ዘበሰማያት" ካበይ መጸ?**

*ክርስቶስ ኪጽሊ ምስ ረኣዮ ሓደ ካብቶም ተኸተልቱ ንክርስቶስ "ጸሎት እንዶ መሃረና" (ሉቃ. 11,1) በሎ። ክርስቶስ ድማ እዚ መተካእታ ዘይርከቦ ክርስትያናዊ ጸሎት "ኣቡነ ዘበሰማያት" መሃረ። ሊጡርጊያዊ ትውፊት ቤተ ክርስቲያን፡ ኵሉ ጊዜ እቲ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ* 6, 9-13 *ዘሎ ጥቕሲ እያ ትወስድ።*

**ጸሎት "ኣቡነ ዘበሰማያት" ጽማቝ ምሉእ ወንጌል እዩ**

**579- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ጸሎት "ኣቡነ ዘበሰማያት" እንታይ ኣገዳስነት ኣለዎ?**

*ጸሎት "ኣቡነ ዘበሰማያት" "ጽማቝ ምሉእ ወንጌል እዩ" (ጥርጥልያኖስ)። "ምሉእ ፍጽምና ዘለዎ ጸሎት እዩ" (ቅዱስ ቶማስ ዘኣኵኖ)። ምስቲ ኣብ ጎቦ ዝተነግረ "ብፅዕነታት" ኣዝዩ ዚመሳሰል ኮይኑ፡ ብጸሎት መልክዕ ምሉእ ትሕዝቶ ወንጌል ዘጠቓልል እዩ።* (2761-2764፡ 2774)

**580- ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት "ጸሎት ጐይታ" ተብሂሉውን ይጽዋዕ። ስለምታይ?**

*ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት፡ "ጸሎተ ሰንበት" ወይ "ጸሎት ጐይታ" ተባሂሉ ዚጽዋዕ፡ ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስለዝመሃረና እዩ።* (2765-2766፡ 2775)

**581- ኣብ ጸሎታት ቤተ ክርስቲያን ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት እንታይ ቦታ ኣለዎ?**

*ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት እቲ ዝበለጸ ጸሎት ቤተ ክርስቲያን እዩ። ኣብ መለኮታዊ ሕይወት ደቂ እግዚኣብሔር ከምብሓድሽ ከምዝተወለድና ንምምልካት፡ እዚ ጸሎት እዚ ኣብ ሥርዓት ጥምቀትና "ይወሃበና"። ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያትን ቅዱስ ቍርባንን ይመሳሰል እዩ፤ ከመይ ኣብ ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት እነቕርቦ ልመናታት፡ ኣብቲ ድሮ ፍጻሜ ዝረኸበ ታሪኽ ድኅነትና እዩ ዚምሥረት፤ ኮይኑ ግን ፍጽምና ዚለብስ ብምጽኣት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ። ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት ኣገዳሲ ኣካል ጸሎተ ሰዓታት ኪኸውን ኣለዎ።* (2767-2778፡ 2776)

***"ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር"***

**582- ከመይ ገርና ኢና ብምሉእ ተኣማንነት ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ ክንቀርብ ንደፍር?**

*መድኃኒና ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ቅድሚ ገጽ ኣብኡ ስለዘእትወና፡ መንፈሱ ድማ ደቂ ኣምላኽ ከምንኸውን ስለዝገብረና፡ ናብ ኣቦ ክንቀርብ ንደፍር። ከምዚ ቢልና ብገርህይናን ዉሉዳዊ ብዝኾነ ተኣማንነት፡ ፍስሓ ብዘለዎ ርጉጽነትን፡ ትሑት ብዝኾነ ትብዓትን፡ እግዚኣብሔር ኣቦ ከምዘፍቅረናን ከምዚሰምዓናን ተኣማሚንና ናብ ኣቦ ንጽሊ።* (2777-2778፡ 2797)

**483- ስለምንታይ ኢና ንኣምላኽ "ኣቦ" እንብሎ?**

*እቲ ሰብ ዝኾነ ወዲ ኣምላኽ ነቦ ስለዚገለጸልና፡ መንፈሱ ድማ ነቦ ስለዘፍለጠና፡ ንሕና ንኣምላኽ ኣቦ ኢልና ንጽውዖ። ንሕና ንኣምላኽ ኣቦ*

ኢልና ክንጽውዖ ከሎና፥ ኵሉ ጊዜ ብዝተሓደሰ ኣድናቖት ናብ ምሥጢሩ ንኣቱ። ኣባናውን ከም ደቁ ንክንነብር ድላይና የለዓዕለልና። ሳላ ጸሎት ጐይታ እምበኣርከስ፥ ብወዱ ደቂ እግዚኣብሔር ኣቦ ከምዝኾንና ንፈልጥ። (2778-2785፥ 2789)

**584- ስለንምታይ ኢና "ኣቦና" እንብል?**

"ኣቦና" ብዝብል ቃል፥ ምስ ኣምላኽ ፍጹም ሓድሽ ዝኾነ ርክብ ከምዝፈጠርና ይገልጸልና። ነቦ ክንጽሊ ከሎና ምስ ወዱን ምስ መንፈስ ቅዱስን ነምልኾን ነኽብሮን። ንሕና ምስ ክርስቶስ "ናቱ ሕዝቢ" ኢና። ንሱ ድማ ሕጅን ንዘለዓለምን "ኣምላኽና" እዩ። ቤተ ክርስቲያን "ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን/መንፈስን" (ግ.ሓ. 4,32) ናይ ዘለዎም ብዙኃት ኣኀዋት ሱታፌ/ሓድነት ስለዝኾነት፥ ኵልና ብሓባር "ኣቦና" ኢልና ንጽሊ። (2786-2793፥ 2801)

**585- "ኣብ ሰማይ እትነብር" ዝብል መግለጺ ትርጉሙ እንታይ እዩ?**

እዚ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተወስደ ቃል፥ ቦታ ዘይኮነስ፥ ኵነታት ህልውና እዩ ዚገልጽ። ኣምላኽ ኪኄውን ልዕሊ ኵሉን እዩ። እዚ ቃልዚ፥ ክብርን ቅድስና ኣምላኽ ይገልጽ፥ ከምኡውን ህላዌ ኣምላኽ ኣብ ልቢ ቅኑዓት ሰባት ከምዘሎ የመልክት። መንግሥተ ሰማያት ወይ ገዛ ኣቦ፥ ንሕና ገና ኣብ ምድሪ ከሎና ብተስፋ ሃረር እናበልና ኽንዶ ዘሎና ሃገርና እዩ። ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ከሎና "ሕይወትና ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ" (ቆላ. 3,3) ስለዘላ፥ ንሕና ድሮ ኣብኡ ንነብር ኣሎና። (2794-2796፥ 2802)

## ሾብዓት ልመናታት

**587- "ጸሎት ጐይታ" እንታይ የጠቓልል?**

ጸሎት ጐይታ ንእግዚኣብሔር ኣቦ ዚቐርብ ሾብዓተ ልመናታት ዝሓዘ ጸሎት እዩ። እተን ሠለስተ ቀዳሞት ልመናታት ብዛዕባ ክብሪ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ስለዝኾና መለኮታውያን እየን። ቅድሚ ኵሉ ነቲ ዜፍቅረና ምሕሳብ ብሓቂ ናይ ፍቕሪ ተግባር እዩ። እዘን ሠለስተ ቀዳሞት ልመናታት፥ ንኣምላኽ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ እንታይ ክንሓቶ ከምዘሎና ይገልጻ፤ ንሱ ድማ፥ ስሙ ኪቕደስ፥ መንግሥቱ ክትመጽእ፥ ፍቓዱ ኪፍጸም እዩ። እተን ዚስዕባ ኣርባዕተ ልመናታት ብዛዕባ ሽግርናን ኣድላይነትናን እየን ዚገልጻ። ነቲ ኣቦ ምሕረት ዝኾነ ኣምላኽ፥ ንኪምግበና፥ ኪምሕረና፥ ኣብ ፈተና ንኪድግፈና፥ ካብ ክፉእ ድማ ንኪድኅነና ንልምኖ። (2803-2812፥ 2858)

**588- "ስምካ ይመስገን/ይቐደስ" ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ስም ኣምላኽ ምምስጋን ማለት ቅድሚ ኹሉ፥ ኣምላኽ ቅዱስ ከምዝኾነ ምእማን ማለት እዩ። ኣምላኽ ስሙ ንሙሴ ገለጸሉ፤ ሕዝበ እስራኤል ድማ፥ እግዚኣብሔር ኣብ መንጎኡ ዚነብር ከም ቅዱስ ሕዝቢ ንኣኡ ኪውፈ ነገሮ። (2807-2812፥ 2858)

**589-ስም ኣምላኽ ብኣናን ብዓለምን ዚምስገን/ዚቕደስ ከመይ ኢሉ እዩ?**

ነቲ "ንቅድስና ዚጽውዓና" (1 ተሰ. 4,7) ኣምላኽን፥ ንስሙን ምቕዳስ ማለት፥ ናይ ጥምቐት ወፈያና ንመላእ ሕይወትና ከምዘነቓቕሖ ምግባር

ማለት እዩ። "ስምካ ይቀደስ" ክንብል ከሎና፣ ብሕይወትና ብጸሎትናን ስም ኣምላኽ ብዅሉ ሰብ ኪፍለጥን ኪቕደስን ንልምን። (2813-2815)

**590- ቤተ ክርስቲያን "መንግሥትኻ ትምጻእ" ክትብል ከላ እንታይ ማለታ እዩ?**

ቤተ ክርስቲያን "መንግሥትኻ ትምጻእ" እንክትብል፣ ብኽብሪ ዚፍጸም ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ፣ መንግሥቲ ኣምላኽ ንኺመጽእ ትልምን። ከምኡውን ኣብዚ ዓለምና መንግሥቲ ኣምላኽ ኪዓቢ ትልምን። መንግሥቲ ኣምላኽ ኣብ ዓለምና ዝዓቢ (ዜስፋሕፍሕ)፣ ሰባት ብመንፈስ ቅዱስ ምስዚቕደሱ፣ ወንጌላዊ ብፅዕነታት ከምዚሓቶ፣ ኣብ ኣገልግሎት ፍትሕን ሰላምን ተወፋይንቶም ምስዜዕዝዙ ጥራይ እዩ። እዚ ልመናዚ፣ ናይታ መርዓት ዝኾነት ቤተ ክርስቲያንን መንፈስን "ንዓ! ኢየሱስ ጐይታ" (ራእይ 22,20) ዝብል ጭርሖ እዩ። (2816-2821፣ 2859)

**591- ስለምንታይ ኢና "ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነ ከማኡውን ኣብ ምድሪ ይኹን" ኢልና እንጽሊ?**

"ኵሉ ሰብ ኪድኅን" (1ጢሞ. 2,3) ክርስቶስ ንኣኡ ቢሉ መጸ፣ ድላይ ኣቦውን እዩ። ክርስቶስ ነቲ መድኃኒ ዝኾነ ድላይ እግዚኣብሔር ኣቦ ብምልኣት ንኺፍጽም ቢሉ መጸ። ቅድስቲ ማርያምን ቅዱሳንን ኣብነት ከምዝሃቡና፣ ንሕናውን በዘን ቃላት እዚኣተን ገርና፣ ድላይናን ድላይ ክርስቶስን ሓደ ንኺኸውን ንእግዚኣብሔር ኣቦ ንልምን። እቲ ሠናይ ዝኾነ መደብ ኣምላኽ ኣብ ሰማይ ከምዘሎ፣ ከምኡውን ኣብ ምድሪ ንኺህሉ ንልምን። ብጸሎት ጥራይ ኢና "እቲ ሠናይን ባህ ዜብልን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ" (ሮሜ 12,2) እንታይ ምዃኑ መርሚርና እንፈልጥ፤ "ፍቃድ ኣምላኽ ንምፍጻም ድማ ጽንዓት" (ዕብ. 10,36) የድልየና። (2822-2827፣ 2860)

**592- "ምግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና" ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ብውሉዳዊ ተኣማንነት ኣብ እግዚኣብሔር ተጸጊዕና፣ ንመነባበሪ ኵልና ዚኸውን ዕለታዊ እንጌራና ካብ ኣምላኽ ኪወሃበና ክንልምን ከሎና፣ ሕያውነት እግዚኣብሔር ኣቦና ልዕሊ ሕያውነት ሰብ ምዃኑ ንገልጽ። ከም መጠን ኣኅዋት ንጸገም ብጾትና ክንፈትሕ፤ ሽግራቶም ከነቃልል፤ ኣብ ፍቕርን ፍትሕን ዝተመሥረተ ናይ ርኅራኄ ተግባራት ንክንጽመድ፣ በዘን ቃላት እዚኣተን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና ንልምን። (2828-2837፣ 2861)

**593- ቀንዲ ክርስትያናዊ ትርጉም "ምግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና" እንታይ እዩ?**

"ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወጽእ ኵሉ ቃል እምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ" (ማቴ. 4,4) ስለዝተባህለ እዚ ራብዓይ ልመና ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት፣ ንቃል ኣምላኽን፣ እቲ ኣብ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን እንቕበሎ ንሥጋ ክርስቶስን፣ ከምኡውን ንጸጋ መንፈስ ቅዱስን እውን የመልክት እዩ። ስለዚ ቃል ኣምላኽን ቅዱስ ቍርባንን መንፈስ ቅዱስን ክንልምን ከሎና ብምሉእ ተስፋ ክንገብሮ ይግበኣና። ሎሚ ክንብል ከሎና፣ ናይ ኣምላኽ "ሎሚ" ማለትና እዩ። ናይ ኣምላኽ "ሎሚ" ድማ መንግሥተ ሰማያት ማለት እዩ። መንግሥተ ሰማያት ድማ ኣብ ምቕባል ቅዱስ ቍርባን ኣቐዲምና ነስተማቕሮ ኣሎና። (2835-2837፣ 2861)

**594- ንምንታይ ኢና "በደላትና ይቕረ በለልና፣ ንሕናውን ንዝበደሉና ይቕረ ከምንብል" እንብል?**

ንኣምላኽ "ብደላትና ይቕረ በለልና" ብምባልና፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኃጢኣተኛታት ምዃንና ንእመን፤ ከማኡውን ብፍቑር ውዱን ብምሥጢራትን ዝወሃበና "ድኅነት፡ ማለት ኅድገት ኃጢኣት" (ቆላ.1,14) ከምዘሎውን ንምስክር። እዚ ሕቶዚ እወንታዊ ምላሽ ዚረክብ፡ ንሕና ብጊዴና ኣቐዲምና ንዝበደሉና ይቕረ ምስ እንብለሎም ጥራይ እዩ። (2838-2839፡ 2862)

**595- ይቕረ ምባል ይከኣልዶ?**

ምሕረት ኣምላኽ ኣብ ልብና ኪሰርጽ ዚኽእል፡ ንሕና ነቶም ጸላእትናውን እንተኾነ ይቕረ ምባል እንተኺኢልና ጥራይ እዩ። ከምሰብ መጠን እዚ ንምግባር ይብርትዓና ይኸውን፡ ልቡ ንመንፈስ ቅዱስ ንዘወፈየ ሰብ ግን ይከኣሎ እዩ። ከምቲ ክርስቶስ ዚገበሮ ምግባር፡ ማለት ክሳብ መወዳኣታ ምፍቃር፡ ንቑስሊ ብርኅራኄ ምሽፉን፡ ንበደል ብኣማልድነት ምድምሳስ የድልየና። ይቕረ ምባል ኣብ ምሕረት ኣምላኽ የሳትፈካ፤ እቲ ዝለዓለ ጸሎት ክርስትና ድማ እዩ። (2840-2845፡ 2862)

**596- "ናብ ፈተና ኣይተእትወና" ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

በዛ ልመና እዚኣ፡ እግዚኣብሔር ኣቦና ኣብ ፈተና ምስ እንርከብ ንበይንና ኸይገድፈና ንልምኖ። ብመንፈስ ኽንነብርትዕ ዝወሃበና ፈተናን፡ ናብ ኃጢኣት ዘምርሓና ፈተናን ከምዘሎ ምፍላጥ የድሊ፤ ስለዚ ናብ ፈተና ምእታውን፡ ብፈተና ተሳዒርካ ምትራፍን ፈላሊና ምእንቲ ክንክእል ንመንፈስ ቅዱስ ንልምን። እዛ ልመና እዚኣ ምስቲ ብጸሎቱ ንፈተና ዚሰዓረ ክርስቶስ ትጽምብረና፤ ናይ ንቕሓትን ጽንዓትን ጸጋ ድማ ተውህበና። (2846-2849፡ 2863)

**597- ስለምንታይ ኢና "ካብ ክፉእ ድኣ ኣድኅነና" ኢልና ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት ንድምድም?**

"ክፉእ" ዝብል ቃል ነቲ "ንብዘላ ዓለም ዘስሒታ" (ራእይ 12,9) ሰይጣን እዩ ዘመልክት። ድሮ ክርስቶስ ንሰይጣን ሲዒርዎ እዩ። ንሕና ግን፡ መላእ ሕዝቢ ዓለም ካብ ሰይጣንን ካብ ክፉእ ተግባራቱ ክንድኅን ንጽሊ። ክቡር ህያብ ዝኾነ ሰላም ንሓትት። ክሳብ እቲ ንሓዋሩ ካብ ሰይጣን ዘድኅነና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዚመጽእ እውን ናይ ጽንዓት ጸጋ ኪወሃበና ንልምን። (2350-2854፡ 2864)

**598- ኣብ መወዳእታ ጸሎት እንብሎ "ኣሜን" እንታይ ትርጉም ኣለዎ?**

*"ንሰኻ ኣብ መወዳእታ ጸሎት "ኣሜን" ትብል፤ ትርጉሙ ድማ "ከምኡ ይኹን" ማለት እዩ። ንሰኻ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበና፡ ኣብ ጸሎት ዘሎ ኵሉ ትሕዝቶ "ኣሜን" ብምባልካ ትቕበሎ ማለት ትፍርመሉ ኣሎኻ።" (ቅዱስ ቄርሎስ በዓል ኢየሩሳሌም)* (2855-2856፡ 2865)

# ብርእሸኻ ዚተሓዝ ናይ ትምህርተ ክርስቶስ
# ሓጸርቲ ሓረጋት

**ክልተ ናይ ፍቕሪ ትእዛዛት**

1- ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ፡ ብምሉእ ልብኻ፡ ብምሉእ ነፍስኻ፡ ብምሉእ ኀሊናኻ ኣፍቕር።
2- ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቕር።

**ወርቃዊ ሕጊ (ማቴ. 7,12)**

"ከምቲ ሰባት ኪገብሩልኩም እትደልይዎ ኵሉ፡
ንሰኻትኩምውን ከምኡ ግበሩሎም"

**ትምህርቲ ብፅዕነት (ማቴ. 5, 3-12)**

-"*ብመንፈስ ድኻታት ዝኾኑ፡ መንግሥተ ሰማያት ናታቶም እያ እሞ፡ ብፁዓን እዮም።*
--*ዚኃዝኑ፡ ምጽንናዕ ኪረኽቡ እዮም እሞ፡ ብፁዓን እዮም።*
-*ለዋሃት፡ ንምድሪ ኪወርስዋ ኢዮም እሞ፡ ብፁዓን እዮም።*
-*ንጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን፡ ኪጸግቡ እዮም እሞ፡ ብፁዓን እዮም።*
-*መሓርቲ፡ ምሕረት ኪረኽቡ እዮም እሞ፡ ብፁዓን እዮም።*
-*ንጹሓት ልቢ፡ ንኣምላኽ ኪርእይዎ ኢዮም እሞ፡ ብፁዓን እዮም።*
-*ገበርቲ ሰላም፡ ውሉድ ኣምላኽ ኪበሃሉ እዮም እሞ፡ ብፁዓን እዮም።*
-*ምእንቲ ጽድቂ ዚስደዱ፡ መንግሥተ ሰማያት ናታቶም እያ እሞ፡ ብፁዓን እዮም።*
-*ምእንታይ እንተጸረፉኹምን፡ እንተ ሰጐጒኹምን፡ ኵሉ ኽፉእ ዘበለ ድማ ብሓሶት እንተተዛረቡልኩምን፡ ብፁዓን ኢኻትኩም። ከምኡ ኸኣ ነቶም ቅድሜኹም ዚነበሩ ነቢያት ኣሳዲዶምዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ሰማያት ዓስብኹም ብዙኅ ስለዝኾነ፡ ተሓጐሱ ባህውን ይበልኩም*"

***ሠለስተ መለኮታውያን መንፈሳዊ ኃይላት***

1- እምነት
2- ተስፋ
3- ፍቕሪ

***ኣርባዕተ መሠረታውያን መንፈሳዊ ኃይላት***

1- ጥንቓቐ
2- ፍትሒ/ጽድቂ
3- ጽንዓት

4- መጠን ምግባር

**<u>ሾብዓተ ህያባት/ውህበታት መንፈስ ቅዱስ</u>**

1- ጥበብ
2- ኣእምሮ
3- ምኽሪ
4- ጽንዓት
5- ፍልጠት
6- መንፈሳውነት
7- ፍርሓት እግዚኣብሔር

**<u>ዓሰርተ ክልተ ፍረ መንፈስ ቅዱስ</u>**

1- ፍቕሪ፣
2- ሓጐስ፣
3- ሰላም፣
4- ትዕግሥቲ፣
5- ልግሲ
6- ሕያውነት፣ (ኂሩት)
7- ርኅራኄ
8- እሙን ምዃን (ተኣማንነት)
9- ለወሃት፣
10- ርእሰኻ ምግታእ፣
11- ተዓቅቦ (መጠን ምግባር)
12- ንጽሕና።

**<u>ሓሙሽተ ትእዛዛት ቤተ ክርስቲያን</u>**

1- ብሰንበት መዓልቲ፣ ብበዓል መዓልቲ ቅዳሴ ስማዕ። ሰናብትን በዓላትን ካብ ምቕዳስ ዘብኵረካ ስራሕ ወይ ተግባራት ተቖጠብ።
2- ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ብግዲ ተናዘዝ።
3- እንተወሓደ ብወርሓት ፋሲካ ቍረብ።
4- ቤተ ክርስቲያን ዝኣዘዞቶ ጾም ጹም። ብዘይግባእ መዓልቲ መርዓ ኣይትግበር።
5- እንካብ ዓሰርተ፣ ሓደ ንቤተ ክርስቲያን ሃብ። ከከም ክእለትካ ንኣድላይነት ቤተ ክርስቲያን መልእ።

**<u>ሾብዓተ ሰብኣዊ (ሥጋዊ) ናይ ርኅራኄ ተግባራት</u>**

1- ንዚጠመየ ምብላዕ
2- ንዚጸምአ ምስታይ
3- ንዚዓረቐ ምኽዳን
4- ንጋሻ ኣብ ቤትካ ምቕባል
5- ንዚሓመመ ምብጻሕ

6- ንዝተኣሰረ ምብጻሕ
7- ንዚሞተ ምቕባር

<u>ሾብዓተ መንፈሳዊ ናይ ርኅራኄ ተግባራት</u>

1- ንዝተጠራጠረ ምምንካር
2- ንዚደንቆረ ምምሃር
3- ንዚኃጥአ ምምዓድ
4- ንዚሓዘነ ምጽንናዕ
5- ንዚበደለካ ይቕረ ምባል
6- ንዚህውኸካ ሰብ ምጻር
7- ምእንቲ ሕያዋንን ሙታንን ምጽላይ

<u>ሾብዓተ ኣርእስተ ኃጢኣት</u>

1- ትዕቢት
2- ንፍገት
3- ምቾት
4- ቁጥዓ
5- ስስዐ
6- ቅንኢ
7- ትህኪት

<u>ኣርባዕተ ናይ ሰብ መፈጸምታታት</u>

1- ሞት
2- ፍርዲ
3- ገሃነመ እሳት
4- መንግሥተ ሰማያት



# ሓባሪ ኣርእስትታት


## ሀ

ሃገረ ስብከት፡ ሰበኻ = 167
ሃይማኖታዊ ሽለልትነትን ዘይደተገዳስነትን = 445
ሂዋን = 7፡ 75
ህያብ፡ ህያባት = 194፡ 268፡ 323፡ 357፡ 374፡ 389፡ 441
ህላዌ ክርስቶስ ኣብ ቅዱስ ቍርባን = 274፡ 282፡ 285

## ለ

ሊጡርጊያ = 218-220፡ 221-223፡ 233፡ 234፡ 425
ሊጡርጊያዊ ዓመት = 242
ልቢ ኢየሱስ = 93

## ሐ

ሓድሽ ኪዳን = 8፡ 162፡ 234፡ 244፡ 340
ሓድሽ ሕይወት = 135፡ 136፡ 146፡ 251፡ 263፡ 297፡ 354፡ 357፡ 359።
ሓቂ = 4፡ 18፡ 41፡ 47፡ 444፡ 521-526
ሓዊ = 139፡ 237
ሓባራዊ ጥቕሚ (ማኅበራዊ ሠናይ) = 365፡ 373፡ 407-410
ሓድነት ቤተ ክርስቲያን ፡ ክርስቲያን = 161-163፡ 164
ሕድገት ኃጢኣት፡ ምሕረት = 50፡ 201፡ 230፡ 296፡ 304፡ 310፡ 319፡ 594-595
ሕማማት ክርስቶስ = 112-124፡ 314፡ 319፡ 392፡ 543
ሕዝበ እግዚኣብሔር = 148፡ 153፡ 154፡ 155፡ 177-179፡ 184፡ 244፡ 274 323
ሕጊ = 8፡ 496 410
ሕያውነት ኣምላኽ = 212፡ 416፡ 592
ሕጊ ሓድሽ ኪዳን፡ ሕጊ ወንጌል = 420፡ 421፡ 434
ሕጊ ብሉይ ኪዳን፡ ሕጊ እስራኤላውያን = 8፡ 79፡ 113-114፡ 340፡ 418-419፡ 435፡ 436
ሕማም፡ ስቓይ = 313፡ 316፡
ሕይወት ሰብ = 466-467።

## መ

መደብ ኣምላኽ = 1፡ 6፡ 97፡ 118፡ 276፡ 324፡ 337፡ 338፡ 456
መዕበያ፡ ትምህርቲ = 338፡ 346፡ 349፡ 374፡ 460-461፡ 565
መሥዋዕቲ፡ ወፈያ ክርስቶስ = 119፡ 120፡ 122፡ 130፡ 273፡ 280፡ 429
መንግሥቲ ኣምላኽ = 107-109፡ 111፡ 134፡ 258፡ 314፡ 590

መሥዋዕቲ (ምሥጢረ) ቅዱስ ቍርባን = 120፣ 186፣ 188፣ 194፣ 211፣ 220፣ 222፣ 224፣ 243፣ 245፣ 250፣ 251፣ 254፣ 271-294፣ 320፣ 328፣ 354፣ 432፣ 453፣ 567
መሰል = 365፣ 444፣ 504፣ 512
መለኮታውያን መንፈሳውያን ኃይላት = 263፣ 384፣ 385፣ 558
መስቀል = 108፣ 110፣ 122፣ 126፣ 254፣ 428
መሥዋእቲ ቅዱስ ቍርባን = 271፣ 275፣ 280፣ 281፣ 356
መሥዋእቲ መስቀል = 122፣ 271፣ 280፣ 324
መቍጸርያ = 198፣ 353፣ 567
መወዳእታ ድራር (ጸሎተ ሓሙስ) = 120፣ 275፣ 491
መንፈሳውያን ኃይላት = 159፣ 371፣ 377
መንፈስ ቅዱስ = 1፣ 6፣ 12፣ 15፣ 18-19፣ 42፣ 45፣ 47፣ 85፣ 91፣ 94፣ 130፣ 132፣ 136-146 155፣ 156፣ 159፣ 169-161፣ 164፣ 192፣ 221-223፣ 230-231፣ 235፣ 252፣ 254፣ 256፣ 260፣ 163፣ 165፣ 167-268፣ 283፣ 298፣ 357፣ 366፣ 384፣ 387፣ 389፣ 390፣ 442፣ 427፣ 549፣ 557፣ 561
መለኮታዊ ቃል = 9፣ 46፣ 86፣ 89፣ 137፣ 202
መሥዋዕቲ፣ ወፈያ መእመናን = 189፣ 235፣ 429
መላእኽቲ = 59፣ 60፣ 61፣ 74፣ 97፣ 209
መቕጻዕትን = 263፣ 310፣ 312፣ 468-469
(መለኮታዊ) ምሥጢረ ቅ. ሥላሴ = 4፣ 5 40፣ 27፣ 32፣ 34፣ 44-49፣ 52፣ 82፣ 83፣ 110፣ 130፣ 136፣ 137፣ 144፣ 153፣ 161፣ 165፣ 195፣ 198፣ 209፣ 385፣ 428፣ 534
መለኮታዊ ጽድቅን ፍትሕን = 75፣ 307
መሲሕ = 8፣ 78፣ 111
መንፈሳዊ ምስሊ ወይ ስእሊ = 92፣ 240
መለኮታዊ ባህርይ = 48፣ 88፣ 89
መባእ፣ ምጽዋት = 211፣ 301
መንበረ ታቦት = 246፣ 288
መብጽዓ ወንጌላውያን ምኽርታት = 178፣ 192
መሠረታውያን መንፈሳውያን ኃይላት = 378፣ 379
መንፈሳዊ ስልጣን = 179፣ 180
መዝገበ እምነት = 14-16
መዝሙር = 238
መንፈሳዊ ሙዚቃ = 239
መንፈሳዊ ሕንጻ = 245
መንበረ ጳጳስ = 246
መኣዲ ፋሲካ = 271፣ 287
መርዑት (መጻምድቲ) = 337፣ 343-346
መለኮታዊ ሕጊ = 373
መጠን ዘይብሉ ክንክን ጥዕና= 471
መጥንካ ምውላድ = 496-498
ሙሴ = 8፣ 38፣ 114፣ 537
ሙታን = 312፣ 479
ማይ = 139፣ 237፣ 253፣ 254፣ 255፣ 260

ማኅተም ምሥጢራት = 227፣ 263፣ 268፣ 328፣ 335
ማኅበረ ሓዋርያት = 109፣ 162
ማየ ጥምቀት = 246
ማኅበራዊ ፍትሒ = 404፣ 411-414፣ 509-519
ማኅበራዊ ሕይወት ሰብ = 401-414
ማሕላ = 448-449
ምሥጢረ ኑዛዜ = 246፣ 296፣ 303፣ 304፣ 305፣ 306፣ 311፣ 316፣ 432
ምቕዳስ፣ ቅድስና = 75፣ 165፣ 188፣ 190፣ 231፣ 264፣ 274፣ 346፣ 428፣ 453
ምእመን፣ ምእመናን = 177፣ 188-191፣ 227፣ 231፣ 281፣ 289፣ 315፣ 357
ምሥጢረ ጥምቐት = 34፣ 44፣ 147፣ 163፣ 177፣ 200፣ 224፣ 227፣ 250፣ 251፣ 252-264፣ 292፣ 297፣ 352፣ 354፣ 422
ምንጻሕ = 165፣ 195፣ 208፣ 209፣ 210፣ 211፣ 314፣ 355
ምልክት፣ ሓውሲ ምሥጢራት = 108፣ 127፣ 224፣ 236፣ 237፣ 254፣ 314፣
ምሥጢረ ሜሮን = 224፣ 227፣ 250፣ 251፣ 265-270፣ 292፣ 354
ምሥጢር፣ ምሥጢራት = 146፣ 159፣ 168፣ 186፣ 194፣ 220፣ 222፣ 224-232፣ 248፣ 249፣ 250-350፣ 354፣ 357
ምሥጢረ ንስሓ፣ ዕርቂ = 200፣ 224፣ 250፣ 291፣ 296-312፣ 432
ምሥጢረ ክህነት = 176፣ 179፣ 181፣ 224፣ 227፣ 235፣ 321-336
ምስክርነት = 190፣ 193፣ 268፣ 522
ምቕባእ = 139፣ 266፣ 267፣ 318
ምሥጢረ ቁሲካ = 122-125፣ 126፣ 218፣ 222፣ 223፣ 233-249
ምሥጢረ ቃል ኪዳን = 502፣ 234፣ 337-340፣ 321፣ 341-350፣ 345
ምምስጋን = 221፣ 555
ምቕራስ እንጌራ = 273፣ 275፣ 284
ምድራዊ ሃብቲ = 194፣ 362
ምትሕልላይ = 414፣ 518
ምሥጢረ ቀንዲል (ምቕባእ ሕሙማት) = 224፣ 250፣ 313-319
ምትሕግጋዝ = 402፣ 403
ምምስሳል ሓቅነታት እምነት = 19
ምሕላው፣ ምዕቃብ ሥነ ፍጥረት = 54
ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን = 187
ምስራቓውያን ኣብያተ ክርስቲያን (ኣባላት) = 293
ምውጻእ ኣጋንንቲ = 352
ምድቓል ዘርኢ ሰብኣይን ሰበይትን = 499
ምቕታል = 466-467
ሞት = 72፣ 77፣ 78፣ 125፣ 131፣ 205-206፣ 208፣ 213፣ 308፣ 311፣ 314፣ 316፣ 320፣ 354፣ 355፣ 471፣ 476
ሞት ኢየሱስ = 112፣ 115፣ 117፣ 118፣ 119፣ 124፣ 125፣ 149፣ 252፣ 271፣ 314፣ 354
ምቕባል ኣጋይሽ = 25፣ 111፣ 190
ሞራላዊ ሕይወት ክርስቲያን = 429፣ 433።
ምንጻል ጽንሲ = 470
ሞራላዊ ሕጊ = 415-418

## ሠ


ሠናይ = 58፣ 359፣ 363፣ 375፣ 416
ሠራዒ (ምሥጢራት) = 225፣ 260፣ 270፣ 278፣ 293፣ 307
ሥሬተ ኃጢኣት = 312
ሥጋ ሰብ = 69፣ 110፣ 203-205፣ 356፣ 358፣ 474
ሥጋ = 202፣ 432
ሥርዓት ቅዱስ ቍርባን = 275፣ 277-278
ሥርዓት (ምሥራዕ) = 233-249
ሥርዓት ዲቍና፣ ክህነት፣ ጵጵስና = 330፣ 328፣ 326


## ረ


ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት = 16፣ 162፣ 174፣ 180፣ 182-185፣ 187፣ 326
ርግቢት = 139
ርጎሩጎ መለኮታዊ ፍቅሪ = 300
ርጎራጌ (ምድንጋጽ) = 314


## ሰ


ሰበይቲ = 71፣ 337-339፣ 342፣ 344፣ 347፣ 527-530
ሰብኣዊ ተግባር = 76፣ 344፣ 363፣ 368-369
ሰብኣዊ ሥጋ ክርስቶስ = 90፣ 92፣ 124፣ 129፣ 130
ሰብ = 1-6፣ 11፣ 25፣ 59፣ 62-63፣ 66-72፣ 202-203፣ 205-206፣ 212፣ 213፣ 337-339፣ 342፣ 344፣ 347፣ 358፣ 365፣ 401-420
ሰይጣን = 74፣ 75፣ 108፣ 125
ሰብኣውን መለኮታውን ድላይ ክርስቶስ = 91፣ 121
ሰማዕታት = 234፣ 262
ሰብኣዊ ባህርይ = 88፣ 89
ሰማይ = 209
ሰማያዊ ሊጡርጊያ = 234
ሰብኣዊ ጽንሲ = 472
ሰንበት (ቀዳሚት ሰንበት) = 450-452
ሰላም = 480-486
ሱታፌ ቅዱስ ቍርባን = 277፣ 290-293፣ 305፣ 349
ሱታፌ (ሓድነት) ቤተ ክርስቲያን = 250፣ 321
ሱታፌ ክርስቲያን = 263
ስድራ ቤት = 189፣ 350፣ 402፣ 453፣ 456-462፣ 565
ስም ኣምላኽ = 38፣ 40፣ 254፣ 256፣ 447፣ 588-589
ስራሕ = 186፣ 281፣ 432፣ 513-517
ስም ኢየሱስ = 81፣ 560
ስብከተ ወንጌል = 80፣ 172፣ 190
ስደት ናብ ግብጽን ምምላስን = 103
ስም ክርስቲያን = 264
ስም ቅዱስ ቍርባን = 275


## ቀ


ቃል ኪዳን ዘይፍታሕ ከምዝኾነ = 338፣ 346፣ 347፣ 495

ቃል ኣምላኽ = 9፣ 13፣ 14፣ 16-24፣ 28፣ 32፣ 62፣ 74 159፣ 186፣ 190፣ 217፣ 239፣ 240፣ 277፣ 374፣ 429፣ 558
ቃል ኪዳናዊ ፍቅሪ = 344፣ 347፣ 495-496
ቃል ኪዳን (ሥምረት) = 344፣ 346
ቅዱስ፣ ቅዱሳን = 165፣ 209፣ 240፣ 242፣ 264፣ 294፣ 312፣ 429፣ 564
ቅድስቲ ማርያም = 26፣ 85፣ 88፣ 94-100፣ 104፣ 142፣ 196-199፣ 234፣ 240፣ 429፣ 546-547፣ 562-563
ቅዱስ ጴጥሮስ ሓዋርያ = 81፣ 109፣ 127፣ 162፣ 187
ቅኔ ማኅሌት (ቃል ኣምላኽ ዝንበበሉ ቦታ) = 246
ቅዱስ ዮሴፍ = 104

## በ

በዓል = 289፣ 432፣ 450-454፣ 567
ቡራኬ = 221፣ 351፣ 551
ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም = 113-115፣ 538
ቤተ መንፈድ ቅዱስ = 147፣ 159
ቤተ መቕደስ ሓድሽ ኪዳን = 244
ባህርያዊ ሕጊ = 416፣ 430
ቤተ ክርስቲያን = 1፣ 9፣ 14፣ 15 24፣ 30፣ 32፣ 48፣ 61፣ 109፣ 133፣ 137፣ 143፣ 144፣ 145፣ 147-152፣ 153-160፣ 161-193፣ 195፣ 196-197፣ 200-201 209፣ 217፣ 218-220፣ 223፣ 224፣ 226፣ 230፣ 231፣ 233፣ 235፣ 242-243 244፣ 248-249፣ 255፣ 259፣ 260 262፣ 265፣ 268፣ 271፣ 274፣ 276፣ 278፣ 281፣ 286፣ 289፣ 290፣ 291፣ 293-295፣ 299፣ 306፣ 310-312፣ 315፣ 319፣ 321-322፣ 315፣ 319፣ 321-322፣ 325-327፣ 329-330፣ 333፣ 336፣ 340-341፣ 343፣ 348-353፣ 366፣ 529-433፣ 438፣ 444፣ 548-549
ብሉይ ኪዳን = 8፣ 51፣ 102፣ 114፣ 169፣ 234፣ 236፣ 237፣ 253፣ 265፣ 276፣ 324፣ 418፣ 436፣ 437፣ 450
ብፅዕና (ዘለዓለማዊ ታሕጓስ) = 1፣ 208፣ 210፣ 214፣ 358፣ 359፣ 360፣ 361፣ 363፣ 415
ብሥራት ቅ. ገብርኤል መልኣኽ = 172፣ 184
ብሥራት ወንጌል = 80
ብዘይበቍዐ እንጌራ = 276
ብዓጀብ ምእታው = 111

## ተ

ተልእኾ = (ክህነታዊ) 155፣ 177፣ 188፣ 218፣ 326፣ 335። (ንቢያዊ) 155፣ 177፣ 190፣ 326፣ 335። (ንጉሳዊ) 155፣ 177፣ 191፣ 326፣ 335
ተስፋ = 132፣ 161፣ 300፣ 385፣ 387፣ 442
ተልእኾ ቤተ ክርስቲያን = 144፣ 150፣ 173፣ 193፣ 201፣ 250
ተልእኾ ሓዋርያት = 175፣ 176፣ 322
ተኣምኖታት (ምስክርነት እምነት) = 33-35፣ 357
ተኣዝዞ = 178፣ 459፣ 464-465
ተልእኾ መንፈስ ቅዱስ = 5፣ 9፣ 144
ተልእኾ ዉሉደ ክህነት = 181፣ 321
ተልእኾ ኢየሱስ = 9፣ 144

ተልእኾ መርዑት = 152
ተልእኾ ር.ሊ. ጳጳሳት = 182
ተሳትፎ ኣብ ማኅበራዊ ሕይወት = 405-411፣ 463-464
ታሕጓስ = 361
ትንሣኤ ሙታን = 131፣ 202-206፣ 214፣ 320፣ 355
ትንሣኤ ክርስቶስ = 50፣ 57፣ 58፣ 109-110፣ 112፣ 126-131፣ 149፣ 204፣ 252፣ 271
ትስብእቲ = 45፣ 50፣ 85-95፣ 101፣ 131፣ 242
ትምህርተ ክርስቶስ = 80፣ 190
ትውፊት = 11-14፣ 17፣ 19-20፣ 32፣ 557-566
ትእዛዝ ፍቕሪ = 420
ትሩፋት = 426-427

## ኀ

ኃጢኣት = 1፣ 57፣ 73-76፣ 97፣ 108፣ 116-118፣ 121-122፣ 131፣ 191፣ 200-201፣ 206፣ 213 263፣ 281፣ 291፣ 292፣ 295፣ 297፣ 298፣ 300፣ 303-306፣ 308፣ 309፣ 314-314፣ 338፣ 347፣ 363፣ 366 391-397፣ 492
ኃጢኣት ኣዳም = 75፣ 76-78፣ 96፣ 258፣ 263
ኃጢኣትካ ምንዛዝ = 303
ኅብስቲ ሥርናይ = 237፣ 273፣ 277፣ 279፣ 283፣ 284፣ 592-593
ኅብረት ኣቡናት (ሲኖዶስ) = 180፣ 182፣ 183፣ 185፣ 326
ኅብረተሰብ = 191፣ 402-403፣ 405-414፣ 457-458፣ 463-465
ኅሊና = 359፣ 372-377
ኅብረተሰብኣዊ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን = 503፣ 509-520

## ነ

ነፍሲ ሰብ = 69፣ 70፣ 203፣ 205፣ 208፣ 356፣ 358፣ 473
ነፍሲ ክርስቶስ = 90፣ 125፣ 130፣ 282
ናይ ኣምልኾ ስግደት = 61፣ 198፣ 221፣ 245፣ 286፣ 443፣ 552
ናይ ኅሊና መርመራ = 303፣ 304፣ 374
ናጽነት ወዲሰብ = 56፣ 363-366፣ 425
ናይ ንስሓ ተግባራት = 302፣ 303
ናይ እምነት ተኣዝዞ = 25፣ 26
ናይ ክርስቶስ ናይ ሞት ፍርዲ = 113
ናይ ቅዱሳን ሱታፌ = 194-195፣ 211
ናይ ኃጢኣተኛታት ኰነኔ = 214
ናይ ምፍዋስ ምሥጢራት = 250፣ 295-320
ናይ ቤተ ክርስቲያን ማኅበር = 293
ናይ መባእታ ክርስትና ምሥጢራት = 250፣ 251-295
ናይ ሕሙማት ሞት ምቕልጣፍ = 470
ናይ ልመና ጸሎት = 553
ንስሓ፣ ተመልሶ = 107፣ 116፣ 165፣ 296፣ 297፣ 299፣ 427
ንኣምላኽ ምጽራፍ = 116፣ 447
ንጽሕና (ተዓቅቦ) = 178፣ 488-494
ንኡሰ ክርስቲያን = 262

## አ


አብርሃም = 8፡ 26፡ 79፡ 360፡ 536
አዳም = 7፡ 75፡ 76፡ 106
አኰቴተ ቍርባን = 277
ኢየሱስ ክርስቶስ = 9፡ 19፡ 22፡ 45፡ 46፡ 57፡ 79፡ 80፡ 81-84፡ 85-95፡ 98-100፡ 101-111፡ 112-124፡ 125-135፡ 143፡ 144 146፡ 148፡ 149፡ 150፡ 154-158፡ 171-173፡ 175፡ 179፡ 189-191፡ 204፡ 206 224፡ 225፡ 262፡ 263፡ 265፡ 338፡ 340፡ 341፡ 342፡ 352፡ 360፡ 434-435፡ 450፡ 541-544፡ 578፡ 580፡ 582
አምልኾ = 198፡ 218፡ 227፡ 244፡ 274፡ 277፡ 328፡ 351፡ 443፡ 444፡ 446
ኣከታትላ ስልጣን ሓዋርያት = 12፡ 161፡ 167፡ 176፡ 222፡ 248፡ 326፡ 332
ኣማልድነት = 132፡ 195፡ 197፡ 264፡ 315፡ 554
ኣቡን፡ ጳጳሳት = 12፡ 16፡ 162፡ 167፡ 174፡ 176፡ 179፡ 180፡ 183-187፡ 235፡ 246፡ 270፡ 278፡ 307፡ 308፡ 317፡ 318፡ 326፡ 329፡ 330-332፡ 352
ኣመል = 117፡ 371፡ 398
ኣንብሮ ኢድ = 139፡ 237፡ 265፡ 267
ኣሜን = 217፡ 598
ኣስተንፍሶ = 18፡ 140
ኣምልኾ ጣዖት = 445፡ 446
ኣስተርእዮ (ዘመን) = 103
ኣርድእቲ ክርስቶስ = 127-129
ኣልቦ እግዚኣብሔር = 445
ኣምላኽ = 1-3፡ 6፡ 18፡ 25-30፡ 37-42፡ 46-48፡ 50-54፡ 57፡ 59፡ 66-67፡ 70-72፡ 74፡ 78፡ 97፡ 112፡ 119፡ 137፡ 147፡ 200፡ 213፡ 358፡ 360፡ 401፡ 405፡ 412፡ 415፡ 435-436፡ 437፡ 442-446፡ 534-535፡ 586
ኣስተንትኖ ወይ ጸሎተ ኅሊና = 454፡ 568፡ 570
ኤልያስ = 110፡ 539፡
ኤጳርቅና = 180
እግዚኣብሔር ኣቦ = 1፡ 46፡ 48፡ 83፡ 88፡ 90፡ 91፡ 94፡ 95፡ 98፡ 101፡ 102፡ 105-107፡ 110፡ 115፡ 118፡ 119፡ 121፡ 130፡ 132፡ 136-137፡ 154፡ 206፡ 221፡ 280፡ 582-585
እምነት = 25፡ 27-36፡ 43፡ 48፡ 86፡ 112፡ 126፡ 184-185፡ 194፡ 208፡ 240፡ 259፡ 349፡ 385፡ 386፡ 442
እንስሳ = 507


## ከ


ኪዳን = 7፡ 51፡ 340
ካህን (ሠራዒ)፡ ዉሉደ ክህነት = 179፡ 235፡ 246፡ 260፡ 270፡ 278፡ 307፡ 308፡ 317፡ 325፡ 327-329፡ 331፡ 334፡ 352
ካህን፡ ክህነት = 263፡ 278፡ 302-303፡ 308፡ 317፡ 324፡ 343
ካቶሊኽ ዘይኮነ ክርስቲያን = 292፡ 345
ካቶሊካውነት ቤተ ክርስቲያን = 166-168
ክፍኣት፡ ክፉእ = 57-58፡ 108፡ 359፡ 363፡ 372፡ 375፡ 376፡ 416፡ 597

ክብሪ = 2፡ 358፡ 365፡ 373፡ 444፡ 487
ክርስቶስ = 1፡ 6፡ 12፡ 38፡ 45-46፡ 53፡ 57፡ 58 82፡ 97-101፡ 131፡ 142፡ 149፡ 156-158፡ 181፡ 189፡ 206-207፡ 218-225፡ 227፡ 229-230፡ 231-233፡ 235-237፡ 240፡ 242-244፡ 246፡ 262፡ 267፡ 271-274፡ 276፡ 2280-285፡ 287፡ 292፡ 295፡ 297-299፡ 302፡ 306፡ 307፡ 312፡ 315፡ 319፡ 320፡ 322-324፡ 327-328፡330፡ 335-336፡ 357፡ 459፡ 362፡ 366፡ 420-422፡ 426፡ 428፡ 456፡ 491፡ 560
ክርስቲያን = 82፡ 163፡ 168
ክህነታዊ ተልእኮ ክርስቶስ = 335
ኰነኔ = 135፡ 208፡ 212፡ 214

## ወ

ወዲ ኣምላኽ = 1፡ 42፡ 83፡ 85፡ 90፡ 137
ወለድቲ = 259፡ 455፡ 459፡ 460፡ 461
ወንጌላዊ ብፅዕነታት = 359፡ 360፡ 361
ወዲሰብ = 68፡ 76፡ 152
ወቕታዊ ጸጋ = 424
ዉፉይ ተዓቕቦ = 334፡ 342
ዉሱን (ነባሪ) ዝርዝር መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ = 20
ዉፉይ ሕይወት = 192፡ 193።
ውሉድነት = 50፡ 131፡ 230
ውሉድ፡ ደቂ = 338፡ 345፡ 346፡ 456፡ 459፡ 461፡ 500-501
ውሉድ ኣምላኽ = 1፡ 147፡ 154፡ 258፡ 268፡ 357
ውህበታት (መንፈስ ቅዱስ) = 159፡ 160፡ 194፡ 424
ውግእ = 483-486
ውድቀት (ኃጢኣት) ኣዳም = 73-78

## ዐ

ዓለም = 3፡ 50፡ 52፡ 54፡ 54፡ 62፡ 134፡ 481-482
ዓሰርተ ትእዛዛት = 418፡ 442-446፡ 447-449፡ 450-454፡ 455-465፡ 466-486፡ 487-502፡ 503-520፡ 521-525፡ 527-530፡ 531-533
ዓበይቲ = 259
ዕለተ ሰንበት = 241፡ 276፡ 289፡ 432፡ 452-454፡ 567
ዕብራውያን = 169፡ 276
ዕርገት = 132

## ዘ

ዘለዓለማዊ ሕይወት = 207፡ 232፡ 271፡ 294፡ 320
ዘይቲ = 237፡ 246፡ 318
(ዘመነ) መጽኣት = 102
ዝሙት = 347፡ 487፡ 492

## የ

ዮሓንስ መጥምቕ = 102፡ 105፡ 141፡ 254

## ደ

ደረጃ ንኡሰ ክርስቲያን = 259

ዲቍና፣ ዲያቆን = 170፣ 260፣ 325፣ 327፣ 330፣ 334
ዳዊት = 8
ድኅነት = 67፣ 119፣ 171፣ 230፣ 237፣ 261-262፣ 314፣ 321፣ 366
ድንግል ማርያም = 88፣ 94፣ 95፣ 98-99 294
ድንግልና = 342፣ 491
ድንቍርና = 364፣ 376
ድኻምነት = 202
ድላይ ሰብ = 358
ድላይ ኣምላኽ = 591

## ገ

ገሃነመ እሳት = 74፣ 125፣ 212፣ 213
ጉባኤ = 88፣ 185፣ 446
ጊዜ = 131፣ 137፣ 149፣ 243፣ 322
ግቡእ = 289፣ 290፣ 305፣ 342፣ 439፣ 440
ወልቀሰብ = 66፣ 257፣ 358፣ 372፣ 401-404፣ 487-488
ግብሪ፣ ምግባር = 238፣ 363፣ 364
ግልጸት (መለኮታዊ፣ ግላዊ) = 4፣ 6-9፣ 10፣ 11፣ 15 16፣ 22፣ 40-42፣ 73፣ 535-547
ግዝረት = 103
ግብረ ገብነት (ሥነ ምግባር) = 367-369፣ 370-371፣ 372
ግላዌ ዋኒን ወይ ዋንነት = 504-506
ጕስነታዊ ተግባር = 327-328

## ጠ

ጣዕሳ = 300፣ 303
ጥምቐት ክርስቶስ = 105፣ 254
ጥምቐት ዮሓንስ መጥመቕ = 105
ጥዑም ቃል ብሥራት = 79፣ 80

## ጰ

ጴንጠቆስጠ = 142፣ 144፣ 149፣ 255፣ 265፣ 267
ጵጵስና = 325፣ 334

## ጸ

ጸሎት = 56፣ 146፣ 186፣ 243፣ 245፣ 281፣ 291፣ 301፣ 318፣ 349፣ 351፣ 355፣ 374፣ 443፣ 534-598
ጸሎተ ፍትሓት ዘሙታን = 354-356
ጸዋዕታ = 188፣ 535
ጸሎተ ሰዓታት = 243፣ 567
"ጸሎተ ረስዮ" = 277፣ 283
ጸሎት "ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር" = 544፣ 569፣ 578-598
ጸጋ ሓቂ = 16
ጸጋ = 72፣ 73፣ 131፣ 186፣ 195፣ 206፣ 222፣ 229፣ 259፣ 262-263፣ 266-267፣ 269፣ 271፣ 292፣ 297፣ 300፣ 341፣ 357፣ 359፣ 362 366፣ 378፣ 404፣ 419፣ 420፣ 422-425፣ 429
ጽድቂ (Justification) = 131፣ 263፣ 422

**ጽንሰት ኢየሱስ = 94፣ 98**
**ጽንሰት ማርያም = 96**
**ጽዋዕ = 273**
**ጾም = 291፣ 301፣ 432**

## ፈ

**ፈጣሪ = 46፣ 50፣ 54፣ 66-72፣ 202፣ 416**
**ፋሲካ = 273፣ 241፣ 290፣ 298፣ 432**
**ፍቕሪ = 161፣ 192፣ 194፣ 271፣ 375 385፣ 388፣ 404፣ 420፣ 426፣ 428፣ 442**
**ፍቅሪ ብጻይ = 292፣ 337፣ 401፣ 418፣ 420፣ 435፣ 436፣ 455-433**
**ፍትወት (ትምኒት) ሥጋ = 2፣ 77፣ 297፣ 361፣ 370፣ 527**
**ፍቅሪ ኣምላኽ = 401፣ 418፣ 420፣ 435፣ 436፣ 442-446**
**ፍትሓት (ሥሬተ ኃጢኣት) = 302፣ 308፣ 311፣ 349**
**ፍርዲ ኣምላኽ፣ ፍርዲ ክርስቶስ = 205፣ 207፣ 208፣ 214-216**
**ፍጥረት = 55፣ 64፣ 67**
**ፍልሰተ ማርያም = 166፣ 197**
**ፍርዲ = 134፣ 135**
**ፍልጠት ኣብ ሰብ = 3-4**
**ፍልጠት ኣብ ኢየሱስ = 90**
**ፍትወት፣ ወኒ፣ ዝንባሌ = 370-371፣ 378**
**ፍርዲ ኅሊና = 376**
**ፍረ መንፈስ ቅዱስ = 390**
**ፍትሕ = 347፣ 349**



# መውጽኢ ገጽ


መእተዊ ገጽ 7

**ቀዳማይ ክፋል**

ጸሎት ሃይማኖት ገጽ 8

ምስክርነት እምነት ክርስትና ገጽ 17

**ካልኣይ ክፋል**

ሥርዓት ወይ ኣከባብራ ምሥጢረ ክርስትና ገጽ 53

ሾብዓተ ምሥጢራት ቤተ ክርስትያን ገጽ 62

**ሣልሳይ ክፋል**

ሕይወት ኣብ ክርስቶስ ገጽ 83

ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ገጽ 99

**ራብዓይ ክፋል**

ጸሎተ ክርስትና ገጽ 121

ክርስቶስ ዚመሃረና ጸሎት “ኣቡነ ዘበሰማያት” ገጽ 132

ሓጸርቲ መንፈሳዊ ሓረጋት ገጽ 137

ሓባሪ ኣርእስትታት ገጽ 140